www.abyssinialaw.com

# ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## ኣብ 2002 ዓ.ም

## ዝወፁ ሕጊታት

## ጥራዝ ሓሙሽተ

www.abyssinialaw.com

# መእተዊ፡

ሕጊታት /ኣዋጃትን ደንብታትን/ ክልልና ሓደ ግዘ ብነጋሪት ጋዜጣ ምስ ተሓተሙ ዳግም ዝሕተምሉ ዕድል ፀቢብ ብምኻኑ እዞም ሕጊታት ይትረፍዶ ንጠቕላላ ህዝቢ ክልልና ብቐሊሉ ተበፃሒ ክኾኑ ምስ ባህርይ ስራሕቶም ተተሓሒዙ ዝለዓለ ተደላይነት ንዘለዎም ንኣካላት ፍትሒ ብፍላይ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ  እውን ሕፅረታት እንተጋጥም ይርአ፡፡ ኣብያተ ፍርዲ ንዝህብዎም ዝተፈላለዩ ትእዛዛት፣ ብይናትን ፍርድታትን መሰረት ዝኾንዎም ብነጋሪት ጋዜጣታት ዝተሓተሙ ሕጊታት እምበር ነቶም ሕጊታት/ነጋሪት ጋዜጣታት ኣጣቒሶም ዝተዳለዉ ኻልኦት ፅሑፋት ወይ መፃሕፍቲ ክኾኑ ስለዘይኽእሉ እዞም ነጋሪት ጋዜጣታት ብቐረባ ክረኽብዎም ግድን እዩ፡፡

ቅድም ክብል ካብ 1985 ዓ.ም ጀሚሮም ካብ ዝወፁ ሕጊታት ገሊኦም ዝተስዓሩ እኳ እንተኾነ እቶም ዝተስዓሩ ሕጊታት መሰረት ገይሮም ዝተረኽቡ መሰላትን ግቡኣትን ዝምልከት ክትዕ እንተጋጥም ዳይነት ዝርአ ነቶም ዝተስዓሩ ሕጊታት መሰረት ብምግባር ብምኻኑ ድሕሪ ምስዓሮም እውን ኣድለይቲ ከምዝኾኑን ብተወሳኺ እዞም ሕጊታት ኣካል ታሪኽ ክልልናን ሃገርናን ብምኻኖም ብዝግባእ ተወዲቦምን ተሰኒዶምን ክዕቀቡን ንቕድሚት ንዝግበር ኩለመዳይ ዓውደ መፅናዕትታትን ስራሕቲ ምርምርን ዝህልዎም ኣበርክቶ ኣዚዩ ልዑል ብምኻኑ ፡-

ሕጊ ዘይምፍላጥ ይቕረታ ኣየውህብን ዝብል ኣባሃህላ ሓቂ እኳ እንተኾነ ህዝቢ ኣብ ሕጊታት ኣፍልጦ ንክህልዎ ናይ ምግባር ሓላፍነት ናይ መንግስቲ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ክልልና ንዝወፁ ሕጊታት እናተኸታተለ ዳግም ክሕተሙ ብምግባር ንተገልገልቲ ዘቕርብ ሓላፍነት ወሲዱ ብቐፃልነት ዝሰርሕ ኣካል ብዘይምህላዉ፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዱ ክልል ትግራይ ካብ 1985 ዓ.ም ክሳብ 1999 ዓ.ም ዝወፁ ሕጊታት ዘጠረዞ ዝነኣድ ተበግሶ ኮይኑ ንኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ብዝምቹ ብዘይምንባሩ፣ ድሕሪኡ እውን ዝቐፀለ ተመሳሳሊ ስራሕ ብዘይምህላዉ ኣግኣዚ ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ ኣካላት ፍትሒ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዘሎ ክፍተትን ኣድላይነት እዚ ስራሕን ብውነ ብምርዳእ ካብ 1985 ዓ.ም - 2007 ዓ.ም ኣብ ውሽጢ 23 ዓመታት ኣብ ክልልና ዝወፁ ሕጊታት ብምትእኽኻብ ንተገልገልቲን ተጠቀምትን ንኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ብዝምቹ ተኸፋፊሉ ከምብሓድሽ ክሕተምን ክጥረዝን ገይሩ ኣሎ፡፡

ቤት ፅሕፈት ቤት ምክሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዚ ስራሕ ኣብዚ ብርኪ  ንክበፅሕ ዝነበሮ ድልየት ፣ ፃዕርን  ሕግታት ኣብ ምትእኽኻብ ዝገበሮ ምትሕብባርን ኣዚዩ ዝነኣድ ኾይኑ ንዕውትነት እዚ ስራሕ ግደ ቤት ምኽሪ ዝለዓለ ብምኻኑ ካብ ልቢ ነመስግን ።

ኪኢላታትን ሰራሕተኛታትን ትካልና ንዘርኣይዎ ፅቡቕ ተበግሶን ውፍይነትን እዚ ስራሕ ኣብ መወዲእታ ብምብፅሑ እንኳዕ ደስ በለኩም እናበልና ኣብ ብጣዕሚ ዝሓፀረ እዋን ሕቶና ተቐቢሎም ደረጃ ዕሬቱ ብዝሓለወ ኣገባብ ኣብዝደለናዮ ግዘ ተሓቲሙን ተጠሪዙን ክበፅሓልና ንዝገበሩ ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ትካል ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

ኣባዲ ወ/ሩፋኤል

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣግኣዚ ማእኸል መሰልጠኒ ሰብ ሞያ

ኣካላት ፍትሒ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ግንቦት 2008 ዓ.ም

| ተ.ቁ | ኣዋጅ ደንብን ቑፅሪ | ሽም ኣዋጅን ደንብን | ገፅ |
|---|---|---|---|
| 1. | ኣዋጅ ቀፅሪ 168/2002 | ፈፀምቲ ኣካላት ብ/ክ/መ/ትግራይ ዳግም ንምውዳብ ስልጠናን ተግባርን ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ | 1-60 |
| 2. | ኣዋጅ ቁፅሪ 169/2002 | ንዕላማታት 2ይ ብርኪ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት (ዩንየንስ)ን መረታዊ ሕብረት ማሕበራትን መፈፀሚ ዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ | 61-63 |
| 3. | ኣዋጅ ቀፅሪ 170/2002 | ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ብ/ክ/መ/ትግራይ ዳግም ንምውዳብ ፣ ስልጣንንና ተግባርን ንምውሳን ተመሓትሹ ዝወፀ | 64-77 |
| 4. | ኣዋጅ ቀፅሪ 171/2002 | ን2002 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ | 78-81 |
| 5. | ኣዋጅ ቀፅሪ 172/2002 | ኢንስቲትዩት ኣመራርሓ ስራሕ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምጥያሽን ስልጣንን ተግባርን ንምውሳንን ዝወፀ ኣዋጅ | 82-91 |
| 6. | ኣዋጅ ቀፅሪ 173/2002 | ኣመሓዳድራ መንግስታዊ ፋይናንስ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ | 92-128 |
| 7. | ኣዋጅ ቀፅሪ 174/2002 | ስርዓት ዕደጋ ንምም/ር ንብረትን ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምውሳን ተመሓትሹ ዝወፀ ኣዋጅ | 129-184 |
| 8. | ኣዋጅ ቀፅሪ 175/2002 | ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ ኣወሃህባ ግልጋሎት ፣ ምምሕዳርን ኣመራርሓን ጥዕና ኣዋጅ ቁፅሪ 103/1998 ንምምሕታሽ ዝወፀ ኣዋጅ | 185-186 |
| 9. | ኣዋጅ ቀፅሪ 176/2002 | ኣዋጅ ውዕኢት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ | 187-188 |
| 10. | ኣዋጅ ቀፅሪ 177/2002 | ኣወዳድባ ፣ ኣሰራርሓ ፣ ስነ ምግባርን ኣባላትን ስነ ስርዓት ኣኼባን ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 113/1998 ንምስዓር ዝወፀ ኣዋጅ | 189-191 |
| 11. | ኣዋጅ ቀፅሪ 178/2002 | ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ ን2002 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ | 192-193 |
| 12. | ኣዋጅ ቁፅሪ 179/2002 | ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርከርቲ ንምሕጋግ ዝወፀ ኣዋጅ | 194-210 |
| 13. | ኣዋጅ ቁፅሪ 180/2002 | መመሓየሺ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ | 211-225 |
| 14. | ኣዋጅ ቀፅሪ 181/2002 | መመሓየሺ ኣከፋፈላ ቴምብር ቁፅሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ | 226-229 |
| 15. | ኣዋጅ ቀፅሪ 182/2002 | መመሓየሺ ኣዋጅ ተርን ኦቨር ታክስ ብ/ክ/መ/ትግራይ | 230-232 |
| 16. | ኣዋጅ ቀፅሪ 183/2002 | መመሓየሺ ኣዋጅ ኣክስይዝ ታክስ ብ/ክ/መ/ትግራይ | 233-235 |
| 17. | ኣዋጅ ቁፅሪ 184/2002 | ኣብ ብ/ክ/መ/ትግራይ ን2002 በጀት ዓመት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ | 236-247 |
| 18. | ደንቢ ቁፅሪ 57/2002 | ኢንተርፕራዝ ስራሕቲ ፅንዓት ፣ ዲዛይንን ቁፅፅርን ማይ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ | 248-256 |
| 19. | ደንቢ ቁፅሪ 58/2002 | ኣሰራርሓን ስነ ምግባርን ኣባላት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ | 257-331 |
| 20. | ደንቢ ቁፅሪ 59/2002 | ብውልቀ ንክስርሑ ዝተፈቐሰሎም ኣዲተራትን ኪኢታታት ሒሳብን ንምምሕዳር ዝወፀ ደንቢ | 332-343 |
| 21. | ደንቢ ቁፅሪ 60/2002 | ኣመራርሓ ፣ ምምሕዳርን ኣወሃህባ ግልጋሎት ጥዕና ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ | 344-348 |
| 22. | ደንቢ ቁፅሪ 61/2002 | ፈንድ ስልጠና ንምምሕዳር ዝወፀ ደንቢ | 349-354 |
| 23. | ደንቢ ቁፅሪ 62/2002 | ኣብ ብክ/መ/ትግራይ ቦታ ከተማ ብሊዝ ንምሓዝ ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ | 355-408 |
| 24. | ደንቢ ቁፅሪ 63/2002 | ኢንተርፕራይዝ ስራሕቲ መንገዲ ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ | 409-421 |

www.abyssinialaw.com

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቐ.11 መቐለ
መቐለ 3 ሕዳር 2002 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ. 11
መቐለ ህዳር 3/2002 ዓ/ም

## ኣዋጅ ቁፅሪ 168/2002

## ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውዳብ፣ ስልጣንን ተግባርን ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ

ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዝተኻየደ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ብዝተማልአን ብቅዓት ብዘለዎን ተግባራዊ ንምግባር ብዝኽእል ኣገባብ ዳግም ምውዳብ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ብሕጊ ምውሳን ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ብመሰረት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ተፀኒዖም ዝተወደቡ ኣውራ ከይዲ ስራሕቲ ንፖሊስን ስትራተጅን መንግስቲ ኣብ ምዕዋት ብዘለዎም ብቕዓትን ውፅኢታውነትን፣ ወሳንነትን ተሳትፎን ህዝቢ ብምርግጋፅ ኣብዚ ክልል ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ምስፋን፣ ዲሞክራሲ ኣብ ምጉልባትን ልምዓት ኣብ ምቅልጣፍን ብዘለዎ ልኡኽን ዕላማን መሰረት ብምግባር ዝተወደበ ኣመራርሓ ዝረኽብሉ ኩነታት ምፍጣር ኣድላይ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3//ሀ/ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ፡፡

## አዋጅ ቁጥር 168//2002

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የአስፈፃሚ አካላት ዳግም ለማደራጀት፣ ስልጣንና ተግባር ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ

በተካሄደው መሰረታዊ የአሰራር ሂደት ለውጥ በተሟላና ብቃት ባለው አገባብ ተግባራዊ ለማድረግ በሚያስችል መልኩ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ አካላት ዳግም ማደራጀት፣ ስልጣንና ተግባር በሕግ መወሰን አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

በመሰረታዊ የአሰራር ሂደት ለውጥ ጥናት መሰረት ተጠንተው የተደራጁ ዋና የስራ ሂደቶች የመንግስትን ፖሊሲና ስትራተጂ ከማሳካት ኣኳያ ባላቸው ብቃትና ውጤታማነት፣ የህዝቡ ወሳኝነት እና ተሳትፎ በማረጋገጥ በክልሉ መልካም አስተዳደር በማስፈን፣ ዲሞክራሲ በማጎልበትና ልማት በማቀላጠፍ ረገድ ባላቸው ተልእኮና ዓላማ መሰረት በማድረግ የተደራጀ አመራር የሚያገኙነት ሁኔታ መፍጠር አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክርቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ህገ-መንግስት አንቀፅ 49/3//ሀ/ የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል፡፡

ናይ ሓደ ዋጋ
ያንዱ ዋጋ
ብር 16.31

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፖ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ
291

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

### 1. ሓጺር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ፈፀምቲ ኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ንምውዳብ፣ ስልጣንን ተግባርን ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 168/2002" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል፡፡

### 2. ትርጉም

1. "ቤት ምኽሪ" ማለት ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 46 (1) ዝተጣየሸ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
2. "ክልል'" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
3. "ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ" ማለት ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 55/1 ዝተጣየሸ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
4. "ቢሮ" ማለት ከም ኣገዳስነቱ ሓደን ካብኡ ንላዕሊ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሒዙ በዚ ኣዋጅ ዝተጣየሸን ኣባል ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚን እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝኾነ እዩ፣
5. "ኤጀንሲ" ማለት ከምኣገዳስነቱ ሓደን ካብኡ ንላዕሊን ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሒዙ ዝተወደበን ተፀዋዕነቱ ከከምኩነታቱ ንርእሰ ምምሕዳር ወይ ንቢሮ ዝኾነ ኣካል ፈፃሚ ቤት ዕዮ እዩ፣
6. "መራሒ ስራሕ ቢሮ" ማለት በዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተጣየሸ ቢሮ ንክመርሕ ብመቕረባይነት ርእሰ ምምሕዳር ብቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝሽየም ተፈጥሮኣዊ ሰብ እዩ፣



## ክፍል አንድ

## ጠቅላላ

### 1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ አካላት እንደገና ለማደራጀት፣ ስልጣንና ተግባር ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ ቁጥር 168/2002" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል፡፡

### 2. ትርጓሜ

1. "ምክር ቤት" ማለት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 46 መሰረት የተቋቋመ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ነው፣
2. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣
3. "የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት" ማለት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ህገ-መንግስት አንቀፅ 55/1 የተቋቋመ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ነው፣
4. "ቢሮ" ማለት እንደየአስፈላጊነቱ አንድና ከዚያ በላይ ዋና የስራ ሂደት ይዞ በዚህ አዋጅ የተቋቋመና የብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት አባል የሆነ ቢሮ ነው፣
5. "ኤጀንሲ" ማለት እንደአስፈላጊነቱ አንድና ከዚያ በላይ ዋና የስራ ሂደት ይዞ የተደራጀና ተጠሪነቱ እንደየሁኔታው ለርእሰ መስተዳድሩ ወይም ለቢሮ የሆነ የስራ አስፈፃሚ አካል መስሪያቤት ነው፣
6. "የቢሮ ስራ መሪ" ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት የተቋቋመ ቢሮ እንዲመራ በርእሰ መስተዳደሩ አቅራቢነት በትግራይ ክልል ምክር ቤት የሚሾም ተፈጥሮኣዊ ሰው ነው፣

7. "መራሒ ስራሕ ኤጀንሲ" ማለት በዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተጣየሸ ኤጀንሲ ንክመርሕ ርእሰ ምምሕዳር ዝሽየም ተፈጥሮኣዊ ሰብ እዩ፣
8. "ከይዲ ስራሕ" ሓደ ዓይነት ሽቶ ዘለዎም ዝተተሓሓዙ ስራሕቲ ኣብ ሓደ ክፍሊ ተጀሚሮም ኣብኡ ዝፍፀሙ ተመሳሳልቲ ተግባራት ኣብ ሓደ ጠሚሩ ዝሓዘ ከይዲ ስራሕ እዩ፣
9. "ወናኒ ኣውራ ከይዲ ስራሕ" ማለት ንሓደ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ብሓላፍነት ክመርሕን ከተሓባብርን ብመራሒ ስራሕ መቕረባይነት ብርእሰ ምምሕዳር ዝሽየም ተፈጥሮኣዊ ሰብ እዩ፡፡

7. "የኤጀንሲ ስራ መሪ" ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት የተቋቋመ ኤጀንሲ እንዲመራ <u>በርእሰ</u> መስተዳደሩ የሚሾም ተፈጥሮኣዊ ሰው ነው፣
8. "የስራ ሂደት" ማለት አንድ ዓይነት ግብ ያላቸው የተያያዙ ስራዎች በአንድ ክፍል ጀምረው እዛው የሚፈፀሙ ተመሳሳይ ተግባራት በአንድ አጣምሮ የያዘ የስራ ሂደት ነው፣
9. "ዋና የስራ ሂደት ባለቤት" ማለት ለአንድ ዋና የስራ ሂደት በሓላፊነት ሊመራና ሊያስተባብር በስራ መሪ አቅራብነት በርእሰ መስተዳደሩ የሚሾም የተፈጥሮ ሰው ነው፡፡

## 3. <u>ኣገላልፃ ፆታ</u>

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተደንገገ ንኣንስተይቲ ፆታ'ውን ዝሓውስ እዩ፡፡

## 3. <u>የፆታ አገላለፅ</u>

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተደነገገው የሴት ፆታም ያካትታል፡፡

## 4. <u>ዕላማ</u>

እዚ ኣዋጅ ዝስዕብ ዕላማታት ይህልውዎ፡-

1. ፈፃሚ ኣካል ፖሊስን ስትራተጂን መንግስቲ ብብቕዓት ንምዕዋት ብዘኽእል ኣገባብ ንምውዳብ፣
2. ብመሰረት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝተወደቡ ከይዲ ስራሕቲ ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ብዝኾኑሉ ኣገባብ ብምውዳብ ትካላዊ ለውጢ ዝመፀሉ ኩነታት ምፍጣር፣
3. ውፅኢታዊን ስሉጥን ግልጋሎት ብምሃብ ወሳንነትን ተሳትፎን ህዝቢ ብምርግጋፅ ኣብዚ ክልል ሰናይ ምምሕዳር ዝሰፍነሉ ዲሞክራሲ ዝዕምብበሉን ልምዓት ዝቃላጠፈሉን ጥጡሕ ባይታ ንኽህልው ምግባር፡፡

## 4. <u>ዓላማ</u>

ይህ አዋጅ የሚከተሉት ዓላማዎች ይኖሩታል፡-

1. ፈፃሚው አካል የመንግስትን ፖሊሲና ስትራተጂ በብቃት ለማሳካት በሚያስችለው አግባብ ለማደራጀት፣
2. መሰረታዊ የአሰራር ሂደት ለውጥ ጥናት መሰረት የተደራጁ የስራ ሂደቶች በበለጠ ውጤታማ በሚሆንበት አገባብ በማደራጀት ተቋማዊ ለውጥ የሚመጣበት ሁኔታ ለመፍጠር፣
3. ውጤታማና ፈጣን አገልግሎት በመስጠት የህዝብ ወሳኝነትና ተሳትፎ በማረጋገጥ በክልሉ መልካም አስተዳደር የሚሰፍንበት፣ ዲሞክራሲ የሚጎለብትበትና ልማትን የሚቀላጠፍበት የተመቻቸ ሁኔታ እንዲኖር ማድረግ፡፡

www.abyssinialaw.com



## 5. ዋና ቤት ፅሕፈት

ዋና ቤት ፅሕፈት ስራሕ ፈፀምቲ ኣካላት እዚ ክልል ኣብ መቐለ ኮይኑ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ዞባ፣ ወረዳን ጣብያን ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ክህልዎም ይኽእል፡፡

## ክፍሊ ክልተ

## ኣወዳድባ ፈፀምቲ ኣካላት እዚ ክልል

## 6. ምውዳብ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ

ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልውዎ፡-

1. ርእሰ ምምሕዳር፣
2. ምክትል ርእሰ ምምሕዳር፣
3. ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 8 ዝተጠቐሱ ቢሮታት ዝመርሑ መራሕቲ ስራሕ፣
4. ርእሰ ምምሕዳር ብኣባልነት ንኽሳተፉ ዝመርፅዎም ካልኦት መራሕቲ ስራሕ፣
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተገለፀ እንተሃለወ'ውን ቁፅሪ እቶም ዝውሰኹ ኣባላት ካብ ሰለስተ ክበልፅ የብሉን፣
6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ ዝኾነ መራሒ ስራሕ ኣብ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ተተካኢ መራሒ ስራሕ ብኣባልነት ኣብቲ ኣኼባ ይሳተፍ፡፡

## 7. ኣወዳድባ ቢሮታትን ኤጀንስን

ሕድ ሕድ ቢሮን ኤጀንሲን ዝስዕብ ኣወዳድባ ይህልዎ፡-

1. መራሒ ስራሕ፣
2. ተተካኢ መራሒ ስራሕ፣
3. ወናኒ ኣውራ ከይዲ ስራሕ፣
4. ንስርሖ ዘድሊ ኣወዳድባን ፈፀምቲ ከይዲ



## 5. ዋና ፅሕፈት ቤት

የዚህ ክልል የስራ አስፈፃሚ አካላት ዋና ፅሕፈት ቤት በመቐለ ሆኖ እንደየአስፈላጊነቱ በዞን፣ ወረዳና ቀበሌ ቅርንጫፍ ፅሕፈት ቤት ሊኖራቸው ይችላል፡፡

## ክፍል ሁለት

## የክልሉ አስፈፃሚ አካላት አደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር

## 6. የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ማደራጀት

የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል፡-

1. ርዕሰ መስተዳድር፣
2. ምክትል ርዕሰ መስተዳድር
3. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 8 የተጠቀሱ ቢሮዎች የሚመሩ የስራ መሪዎች፣
4. ርዕሰ መስተዳድሩ በአባልነት እንዲሳተፉ የሚመርጧቸው ሌሎች የስራ መሪዎች፣
5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 4 የተገለፀ ቢኖርም የሚጨመሩት የአባላት ቁጥር ሰዎስት መብለጥ የለበትም፣
6. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 የተገለፀ ማንኛውም የስራ መሪ በስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ስብሰባ በማይገኝበት ጊዜ የስራ መሪ ተተኪ በስብሰባው በአባልነት ይሳተፋል፡፡

## 7. የቢሮና ኤጀንሲ አደረጃጀት

እያንዳንዱ ቢሮና ኤጀንሲ የሚከተለው አደረጃጀት ይኖረዋል፡-

1. የስራ መሪ፣
2. ተተኪ የስራ መሪ፣
3. ዋና የስራ ሂደት ባለቤት፣
4. ለስራው የሚያስፈልግ አደረጃጀትና የስራ

www.abyssinialaw.com



ስራሕ ሰራሕተኛታትን፣

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ እንተሃለወ'ውን ሓደ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሒዙ ዝተወደበ ቢሮ ወይ ኤጀንሲ ኣብ ልዕሊ መራሒ ስራሕ ወናኒ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምምዳብ ኣይከኣልን፣

6. ሕድሕድ ቢሮ ወይ ኤጀንሲ ብመሰረት ዝተፀንዐ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝተወደቡ ከይዲ ስራሕቲ ይህልዎ፡፡

7. ኣብዚ ዓንቐፅን ንኡስ ዓንቐፅ 6 ዝተገለፀ እንተሃለወ' ውን ሕድ ሕድ ቢሮ ወይ ኤጀንሲ ከከም ኩነታቱ እናፅነዐ ንቢሮ ህንፀት ዓቕምን ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስትን እናፍቐደ ከይዲ ስራሕ ክውስኽ ወይ ክንኪ ይኽእል

## 8. ምጥያሽ ቢሮታት

እዞም ዝስዕቡ ቢሮታት ዓርሶም ዝኽእሉ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ኮይኖም በዚ ኣዋጅ ተጣይሾም ኣለዉ፡-

1 ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን
2 ቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዱስትርን
3 ቢሮ ትምህርቲ
4 ቢሮ ሓለዋ ጥዕና
5 ቢሮ ትልምን ፋይናንስን
6 ቢሮ ህንፀት ዓቕምን ምምሕዳር ሰራሕኛታት መንግስትን
7 ቢሮ ኮንስትራክሽን፣ መንገድን ትራንስፖርትን
8 ቢሮ ፖሊስን ፀጥታን
9 ቢሮ ፍትሒ
10 ቢሮ ልምዓት ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን
11 ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን

ሂደት ፈፃሚ ሰራተኛ፣

5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 የተገለፀ ቢኖርም አንድ የዋና ስራ ሂደት ይዞ የተደራጀ ቢሮ ወይም ኤጀንሲ በስራ መሪው ላይ የስራ ሂደት ባለቤት መመደብ አይቻልም፣

6. እያንዳንዱ ቢሮ ወይም ኤጀንሲ በመሰረታዊ የሰራ ሂደት ለወጥ ጥናት መሰረት የተደራጁ የስራ ሂደቶች ይኖሩታል

7. እያንዳንዱ ቢሮ ወይም ኤጀንሲ እንደሁኔታው እያጠና ለአቅም ግንባታና የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር ቢሮ በማስፈቀድ የስራ ሂደት ሊጨምር ወይም ሊቀንስ ይችላል፡፡

## 8. የቢሮዎች ማቋቋም

የሚከተሉት ቢሮዎች ራሳቸው የቻሉ መንግስታዊ መስሪያቤት ሆነው በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል፡-

1 የግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ
2. የከተማ ልማት፣ ንግድና ኢንድስትሪ ቢሮ
3 የትምህርት ቢሮ
4 ጤና ጥበቃ ቢሮ
5 የፕላንና ፋይናንስ ቢሮ
6 የዓቅም ግንባታና የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር ቢሮ
7 የኮንስትራክሽን፣ መንገድና ትራንስፖርት ቢሮ
8 የፖሊስና ፀጥታ ቢሮ
9 ፍትህ ቢሮ
10 የውሃ ሃብት ልማት፣ ማአድንና ኢነርጂ ቢሮ
11 የቴክኒክ፣ ሙያ ትምህርትና ስልጠና ቢሮ

12 ቢሮ መናእሰይ፣ ስፖርትን ማሕበራዊ ጉዳይን
13 ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን
14 ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

9. **ምጥያሽ ካልኦት ፈፀምቲ ኣካላትን ተፀዋዕነትን**

1 **ኤጀንሲ ልምዓት እቶት**

ተፀዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቢሮ ትልምን ፋይናንስን ኮይኑ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ፡፡

2. **ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ኣጠቓቕማን ምምሕዳርን ገፀር መሬት**

ተፀዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ኮይኑ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ፡፡

3. **ኤጀንሲ ምስፍሕፋሕ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ልምዓት ዕዳጋን**

ተፀዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ኮይኑ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ፡፡

4. **ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝም**

እዚ ኤጀንሲ ተፀዋዕነቱ ንርእሰ ምምሕዳር ኮይኑ ዓርሱ ኪኢሉ ተጣይሹ ኣሎ፡፡

## ክፍሊ ሰለስተ

## ስልጣንን ተግባርን ፈፀምቲ ኣካላት

10. **ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን**

1. ናይቲ ሃገር ፖሊሲ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ኣብ ክልሉ የፈፅም፣ ነዚ መሰረት ጌሩ ፖሊሲ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን እዚ ክልል ይቐርፅ፣ እንትፀድቀሉ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
2. ፖሊሲ ሓሳባት ሕርሻ፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ዕዳጋ እታወታትን ፍርያትን ሕርሻ፣ ምርምር ሕርሻ፣ ቀረብ እታወታት ሕርሻ እዚ ክልል የዳሉ፣ ቅደም ሰዓብ ኣፈፃፅማ ስትራተጂ

12. የወጣቶች፣ ስፖርትና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ
13 የመንግስትና የህዝብ ግንኙነት ቢሮ
14 የሴቶች ጉዳይ ቢሮ

9. **የሌሎች አስፈፃሚ አካላት ማቋቋምና ተጠሪነት**

1 **የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ**

የኤጀንሲው ተጠሪነት ለፕላንና ፋይናንስ ቢሮ ሆኖ ችሎ ተቋቁመዋል፡፡

2. **የስነ - ከባቢ ጥበቃ ፣ የገጠር መሬት አጠቃቀምና አስተዳደር ኤጀንሲ**

የኤጀንሲው ተጠሪነት ለግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ ሆኖ ራሱን ችሎ ተቋቁመዋል፡፡

3. **የሕብረት ስራ ማሕበራት ማስፋፊያና የገበያ ልማት ኤጀንሲ**

የኤጀንሲው ተጠሪነት ለግብርና ገጠር ልማት ቢሮ ሆኖ ራሱን ችሎ ተቋቁመዋል፡፡

4. **ባህልና ቱሪዝም ኤጀንሲ**

የኤጀንሲው ተጠሪነት ለርእሰ መስተዳድሩ ሆኖ ራሱን ችሎ ተቋቁመዋል፡፡

## ክፍል ሰዎስት

## የስራ አስፈፃሚ አካላት ስልጣንና ተግባር

10. **የግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ**

1. የሃገሪቱን የግብርናና ገጠር ልማት ፖሊሲ በክልሉ ያስፈፅማል፡ ይህን መሰረት በማድረግ የክልሉ የግብርናና ገጠር ልማት ፖሊሲ ይቀርፃል፣ ሲፀድቅለት ስራ ላይ ያውላል፣
2. የክልሉን የግብርና፣ የተፈጥሮ ሃብት፣ የግብርና ግብኣትና ግብይት፣ የግብርና ምርምር፣ የግብርና ግብኣት አቅርቦትን በሚመለከት የፖሊሲ ሃሳቦች ያዘጋጃል፣ የአፈፃፀም ቅደም

www.abyssinialaw.com



የውፅኢ፣ ምስ ፀደቐ የተግብር፣

3. ኣብ ትሕቲኡ ዘለዋ ከይዲ ስራሕትን ኤጀንሲታትን ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ናይ ስራሕ ትልሞምን በጀቶምን መርሚሩ ናብ ክልል መንግስቲ ኣቕሪቡ የውስን፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣

4. ቅልጡፍ፣ ቀፃልነት ዘለዎን ቆጣባይን ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ንኽስፋሕፋሕ ይገብር፣

5. ፕሮግራማት ውሕስነት ምግቢ ይመርሕ፣ የተሓባብር፣

6. ንሓረስቶት ዝወሃቡ ግልጋሎታት ምርምርን ኤክስቴንሽንን ሕርሻ ንክስፍሕፋሕ ይመርሕ፣ የበረታትዕ፣

7. ዝምልከቶም ብምትሕብባር ግልጋሎት መሰረተ ልምዓት ገፀርን ሕርሻን ንክስፍሕፋሕ ኩነታት የመቻቹ፣

8. ኣግባብ ምስ ዘለዎም ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ሓረስቶት ግልጋሎት ልቓሕ ዝረኽብሉ ኩነታት የመቻቹ፣

9. ኣብ ኢንቨስትመንት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ንዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ድጋፍ ይህብ፣

10. ኣብ ልምዓት ሕርሻ ፅዕንቶ ክሕድሩ ዝኽእሉ ወድዓዊ ኩነታት ይከታተል፣ ስርዓት ቅድመ መጠንቀቕታን ቅድመ ምድላውን ይዝርግሕ፣

11. ኣብቲ ክልል ተላበድትን ተዛመትን ሕማም እንስሳን ዝራእትን ከምኡ'ውን ወራር ባልዕ ንምክልኻልን ንምቁፃፃርን ኣድላዪ ስጉምቲ ይወስድ፣

12. ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ንኽጋፋሕ ስልቲታት ኣፈፃፅማ የዳሉ፣ የፈፅም፣

ተከተል ስትራተጂ ያወጣል፣ ሲፀድቅ ተግባራዊ ያደርጋል፣

3. በቢሮው ስር ያሉ የስራ ሂዶቶች፣ ኤጀንሲዎች በበላይነት ይመራል፣ ያስተባብራል፣ የስራ እቅዳቸውና በጀታቸው በመመርመር ለክልሉ መንግስት አቅርቦ ያስወስናል፣ ሲፈቀድ በተግባር ያውላል፣

4. ቀልጣፋ፣ ቀጣይነት ያላቸውና ቆጣቢ የሆኑ የግብርና ገጠር ልማት ተግባራት እንዲስፋፉ ያደርጋል፣

5. የምግብ ዋስትና ፕሮግራሞች ይመራል፣ ያስተባብራል፣

6. ለአርሶ አደሩ የሚሰጡ የግብርና ምርምርና ኤክስቴንሽን አገልግሎቶች እንዲስፋፉ ይመራል፣ ያበረታታል፣

7. የሚመለከታቸውን አካላት በማስተባበር ግብርናና የገጠር መሰረተ ልማት እንዲስፋፋ ሆኔታዎች ያመቻቻል፣

8. አግባብነት ካላቸው የሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር አርሶ አደሩ የብድር አገልግሎት የሚያገኝበትን ሁኔታ ያመቻቻል፣

9. በግብርናና የተፈጥሮ ሃብት ኢንቨስትመንት ለሚሰማሩ ባለ ሃብቶች ድጋፍ ይሰጣል፣

10. በግብርና ልማት ጫና ሊያሳድሩ የሚችሉ ሁኔታዎችን ይከታተላል፣ የቅድሚያ ማስጠንቀቅያና ቅድመ ዝግጁነት ስርዓት ይዘረጋል፣

11. በክልሉ የወረረሽኝና ተዛማች የእንስሳትና አዝርእት በሽታዎችና ፀረ ሰብል ጥቃቶች ለመከላከልና ለመቆጣጠር አስፈላጊ እርምጃ ይወስዳል፣

12. የመስኖ ልማት ስራ እንዲስፋፋ የአፈፃፀም ስልቶች ያዘጋጃል፣ ያስፈፅማል፣

www.abyssinialaw.com



13. ልምዓት ሕርሻ ንምቅልጣፍን ናይ ገጠር ቴክኖሎጂ ንምምሕያሽን ዝሕግዙ መሰልጠኒ ትካላትን ማእኸላትን የጣይሽ፣ ይመርሕ፣

14. ብምርምር ዝተረኸቡ ሓደሽቲ ናይ ሕርሻ ቴክኖሎጂታት የቕርብ፣ የላምድ፣ ፕሮቶታይፕ የፍሪ፣ ነቲ ቴክኖሎጂ ብስፍሓት ንዘፍርዩ ይዝርግሕ፣

15. ፕሮግራም ሰፊራ ንምፍፃም ዘኽእሉ ስትራተጂታትን ስልቲታትን የዳሉ፣ የተግብር፣

16. ኣብ ትሕቲ እቲ ቢሮ ንዝተወደባ ኤጀንሲታትን ከይዲ ስራሕትን ኩለን ዕላመአን ንምዕዋት ዘኽእል ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ምዕባይ ፕሮግራማት የተኣታቱ፣ ተግባራውነቱ ይከታተል፣

17. ኣብቲ ክልል ንዝተኣታተው ፓኬጃት መተግበሪ ዘድልዩ እታወታት ሕርሻን ልቓሓትን ብዝድለ ዕሬት፣ ዓቐንን ሰለጤንን ናብ ሓረስታይ የቕርብ፣ ፍርያት ሕርሻ ናይ ውሽጥን ወፃእን ዓዲ ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ዝኽእለሉ ኩነታት የመቻቹ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

18. ናይቲ ክልል ሃፍቲ ተፈጥሮ ብግቡእ ንኽዕቀብ፣ ክለምዕን ኣጠቓቕምኡ ክመሓይሽን ዝሕግዝ ፖሊሲን ስትራተጅን የዳሉ፣ ምስ ፀደቐ ኣብ ተግባር ክውዕል ይገብር፣ ተግባራውነቶም ይከታተል፡ ይቆፃፀር፣

19. ፍትሓዊ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማ መሬት ክህሉ ዘኽእሉ ፖሊሲን ስትራተጂን የዳሉ፡፡ ምስ ፀደቐ ኣብ ተግባር ክውዕሉ ይገብር፣ ተግባራውነቶም ይከታተልን ይቆፃፀርን፣

20. ሕብረተሰብ ዘይተበከለን ዘይተመረዘን ከባቢ ንኽህልዎን ካብዚ ተጠቃሚ ንኽኾውንን ዘኽእሎ ፖሊሲን ስትራተጂን የዳሉ፡፡ ምስፀደቐ ኣብ ተግባር ክውዕሉ ይገብር፣



13. የግብርና ልማትን ለማቀላጠፍና የገጠር ቴክኖሎጂ ለማሻሻል የሚረዱ የማስልጠኛ ተቋማትና ማእከላት ያቋቁማል ይመራል፣

14. በምርምር የተገኙ አዳዲስ የግብርና ቴክኖሎጂዎች ያቀርባል፣ ያላምዳል፣ ፕሮቶ ታይፕ ያፈራል፣ ቴክኖሎጂውን በስፋት ለሚያፈሩ ይዘረጋል፣

15. የሰፈራ ፕሮግራምን ማስፈፀም የሚያስችሉ ስትራተጂዎችና ሰልቶች ይነድፋል፣ ይተገብራል፣

16. በቢሮው ስር ለተደራጁ ኤጀንሲዎችና የስራ ሂደቶች አለማቸውን ለማሳካት የሚያስችል የማስፈፀም አቅም ግንባታ ፕሮግራም ይቀርፃል፣ ተግባራዊነታቸውን ይከታተላል፣

17. በክልሉ ለሚተገበሩ ፓኬጆች መተግበርያ የሚያስፈልጉ የግብርና ግብኣቶችና ብድሮች በጥራት፣ በሚፈለገው መጠንና ጊዜ ለአርሶ አደሩ ያቀርባል፣ የግብርና ምርት የውስጥና ውጪ አገር ገበያ መሰረት ያደረገ እንዲሆን የሚሆንበት ሁኔታ ያመቻቻል፣ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

18. የክልሉ የተፈጥሮ ሃብት እንዲለማ፣ እንዲታቀብና አጠቃቀሙ እንዲሻሻል የሚያግዝ ፖሊሲና ስትራተጂ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅ በተግባር ያውላል፣ ተግባራዊነቱ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

19. ፍትሃዊ የመሬት አጠቃቀምና አስተዳደር እንዲኖር የሚያስችል ፖሊሲና ስትራተጂ ያዘጋጃል፡፡ ሲፀድቅ በተግባር ያውላል፣ ተግባራዊነቱ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

20. ህብረተሰብ ያልተበከለና ያልተበረዘ አከባቢ እንዲኖረውና ከዚህ ተጠቃሚ እንዲሆን የሚያስችል ፖሊሲና ስትራተጂ ያዘጋጃል፡፡ ሲፀድቅ በተግባር እንዲውል ያደርጋል፣

www.abyssinialaw.com



ተግባራውነቶም ይከታተልን ይቆፃፀርን፣

21. ንደቂ ኣንስትዮን መናእሰይ መሰረት ዝገበረ ናይ ሕርሻ ፓኬጃት ብፖሊሲ ደረጃ ይቐርፅ ንተግባራውነቱ ይከታተል፣

22. ናብ ዕዳጋ ዝቐርቡ እታወታት ከም ማዳበሪያ ፍሪያት ሕርሻ ብቕዓት የረጋግፅ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

## 11. ቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዱስትርን

1. ሃገራዊ ፖሊስን ስትራተጂን ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዱስትርን ኣብ ክልሉ የፍፅም፣ ነዚ መሰረት ጌሩ ኣብ ክልሉ ፖሊስን ስትራተጅን ይቐርፅ፣ እንትፀድቀሉ የተግብር፣
2. ስራሕ ልምዓት ከተማ ብተሳትፎ ህዝቢ ክካየድ ይገብር፣
3. ኩለመዳዊ ዕብየትን ልምዓትን ከተማ ንምቅልጣፍ መፅናዕትን ምርምርን የካይድ፣
4. ንምዕባለን ንግልጋሎት ምዋንኻርን ከተማ ዝሕግዝ መደብ ስልጠና ኣዳልዩ ክስልጥኑ ይገብር፣
5. ብፌደራል፣ ብክልል መንግስትን ገባሪ ሰናይ ትካላትን ደገፍ ንዝካየድ ፕሮጀክት መፅናዕቲ የካይድ፣ ተግባራውነቱ ይከታተል፣
6. ከተማታት ተኣሳሲረንን ተደጋጊፈንን ቅልጡፍ ምዕባለ ንከረጋግፃ የተባብዕ፣ ምችው ባይታ ይፈጥር፣
7. ብመፅናዕቲ ተደጊፉ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ትካላት ኣብ ከተማታትን ዕሽል ከተማታትን የጣይሽ፣ ነተን ዝፀንሓን ሓደሽቲ ዝተጣየሻን ኩለ-መዳያዊ ደገፍ ይህብ፣ የጠናኽር፣
8. ኣጠቓቕማን ኣማሓድራን መሬት ከተማ፣ ስራሕ ንግድን ኢንቨስትመንትን ከምኡ'ውን ከተማታት ዝህብዎም ግልጋሎታት ዘሳልጡ ስርዓት ኣታሓሕዛ መረዳእታ ንክህሉ አሰራርሓ

ለተግባራዊነቱ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

21. ሴቶችና ወጣቶችን መሰረት ያደረጉ ፓኬጆች በፖሊሲ ደረጃ ይቀርፃል፣ ሲፀድቁ ለተግባራዊነቱ ይከታተላል፣

22. ወደ ገበያ የሚቀርቡ ግብኣቶች እንደ ማዳበሪያና የእርሻ ውጤቶች ብቃት ያረጋግጣል፣ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

## 11. የከተማ ልማት፣ ንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ

1. የሃገሪቱን የከተማ፣ ንግድና ኢንዱስትሪ ልማት ፖሊሲና ስትራተጂ ያስፈፅማል፣ ይህን መሰረት በማድረግ በክልሉ ፖሊስና ስትራተጂ ይቀርፃል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል፣
2. የከተማ ልማት ስራ በህዝብ ተሳትፎ እንዲካሄድ ያደርጋል፣
3. ሁሉም አቀፍ የከተማ ዕድገትና ልማት ለማፋጠን ጥናትና ምርምር ያካሂዳል፣
4. የከተማች ዕድገት የአገልግሎት ጥንካሬ የሚያግዝ ስልጠና ፕሮግራም አዘጋጅቶ እንዲሰለጥኑ ያደርጋል፣
5. በፌደራል፣ በክልል መንግስትና በጎ አድራጊ ተቋም ድጋፍ ለሚካሄድ ፕሮጀክት ጥናት ያካሂዳል፣ ተግባራዊነቱ ይከታተላል፣
6. ከተሞች ተሳስረውና ተደጋግፈው ፈጣን እድገት እንዲያረጋግጡ ያበረታታል፣ ምቹ ሁኔታ ይፈጥራል፣
7. በጥናት የተደገፈ አነስተኛና ጥቃቅን ተቋማት በከተሞችና ታዳጊ ከተሞች ያቋቁማል፣ ለቆዩትና አዲስ ለተቋቋሙት ሁለ-ገብ ድጋፍ ይሰጣል፣ ያጠናክራል፣
8. የከተማ መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የንግድ ኢንቨስትመንትና እንዲሁም በከተማ የሚሰጡዋቸው አገልግሎቶች የሚያፋጥን የመረጃ አያያዝ ስርዓት እንዲኖር አሰራር

www.abyssinialaw.com



የተኣታቱ፣ ኣፈፃፀምኡ ይከታተል፣

9. ልምዓት መሬት ከተማ ንምርግጋፅ ዘኽእል ኣሰራርሓ የውፅእ፣ የፈፅም፣ ክፍፀም ይገብር፣

10. ዓቕሚ ከተማ ንምዕባይ ናይ ኣመራርሓን ኣወዳድባን ስርዓት የነፅር፣ ብቴክኒክን ኣዋሃህባ ግልጋሎትን ይከታተል፣ ንተግባራውነቱ ይሰርሕ፣

11. ብመሰረት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ዘውፅኦ መምርሒ ንኢንቨስትመንት፣ ንመንበርን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ዝውዕል መሬት ክዳሎ ክለምዕ ክዕደል፣ ይገብርን ይከታተልን

12. ዕድልን ሃፍተኻትን ኢንቨስትመንት እዚ ክልል ኣመልኪቱ መፅናዕቲ የካይድ፣ ክካየድ ይገብር፣ ይትንትን፣ የፋልጥ፣ ልምዓታዊ ብዓል ሃፍቲ ብምትብባዕ ኢንቨስትመንት ይድግፍ፣

13. ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ይህብ፣ ይከታተል፣ ይመርሕ፣ የተባብዕ፣ የተሓባብር፣ ንምስፍሕፍሑ ምችው ባይታ ይፈጥር፣

14. ብመሰረት ሕጊ ኢንቨስትመንት ዘይሰርሕ ትካልን ብዓል ሃብትን ሕጋዊ ስጉምቲ ይወስድ፣ ክውሰድ ይገብር፣

15. ኣብዚ ክልል ፍትሓውን ሕጋውን ስርዓት ንግዲ ክረጋገፅ ይገብር፣

16. መዝገብ ንግዲ የዳሉ፣ የማሓድር፣

17. ስልጣኑ መሰረት ጌሩ ምዝገባ ንግዲ ውልቀ ነጋዳይን ማሕበርን የካየድ፣ ብቕዓት ትካላዊ ንግዲ የረጋግፅ፣ ፍቓድ ይህብ፣ የሕድስ፣ ይስርዝ፣ ሕጋዊ ስጉምቲ ይውሰድ፣ ይዕሽግ፣ ናብ ሕጊ የቕርብ፣

18. ንኣብያተ ምኽሪ ማሕበራት ንግዲ፣ ዘርፌ ንግድን ንካልኦት ዘርፌ ማሕበራትን ደገፍ



ይዘረጋል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣

9. የከተማ መሬት ልማት ለማረጋገጥ የሚያስችል አሰራር ያወጣል፣ ያስፈፅማል፣ እንዲፈፀም ያደርጋል፣

10. የከተሞች አቅም ለማሳደግ የአመራር፣ የአደረጃጀት ስርዓት ይቀይሳል፣ በቴክኒክ በአገልግሎት አሰጣጥ ይከታተላል፣ ለተግባራዊነቱ ይሰራል፣

11. በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚወጣው መመርያ መሰረት ለኢንቨስትመንት ለመኖርያና ለማህበራዊ አገልግሎት የሚውል መሬት እንዲዘጋጅ፣ እንዲለማ፣ እንዲታደል ያደርጋል ይከታተላል

12. የክልሉ እምቅ የኢንቨስትመንት ሃብትና ዕድል አስመልክቶ ጥናት ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣ ይተነትናል፣ ያስተዋውቃል፣ ልማታዊ ባለሃብት በማበረታታት ኢንቨስትመንት ይደግፋል፣

13. ለኢንቨስትመንት ስራዎች ፍቃድ ይሰጣል፣ ይከታተላል፣ ይመራል፣ ያበረታታል፣ እንዲስተባበርና እንዲስፋፋ አመቺ ሁኔታ ይፈጥራል፣

14. በኢንቨስትመንት ሕግ መሰረት የማይሰራ ባለሃብት ሕጋዊ እርምጃ ይወሰዳል፣ እንዲወሰድ ያደርጋል፣

15. በዚሁ ክልል ፍትሓዊና ሕጋዊ የንግድ ስርዓት እንዲረጋገጥ ያደርጋል፣

16. የንግድ መዝገብ ያዘጋጃል፣ ያስተዳድራል፣

17. ስልጣኑ መሰረት በማድረግ የግል ነጋዴና ማሕበር ምዝገባ ያካሂዳል፣ የንግድ ተቋም ብቃት ያረጋግጣል፣ ፍቃድ ይሰጣል፣ ያድሳል፣ ይሰርዛል፣ ሕጋዊ እርምጃ ይወስዳል፣ ያሽጋል፣ ወደ ሕግ ያቀርባል፣

18. ለንግድ ማሕበራት እና የንግድ ዘርፍ ምክርቤቶችና ለሌሎች ማሕበራት ድጋፍ

www.abyssinialaw.com



ይህብ፣ የጠናኽር፣

19. ንግዲ ዝምልከት ኣሰራርሓን ኣፈፃፅማን ኣፅኒዑ የውፅእ፣ የተግብር፣

20. ማሽነሪታት ፋብሪካ ብመትሓጃ ውሕስና ይምዝግብ፣ ክራይ ውዕል መሳርሕታት ህንፃ ኣረጋጊፁ ይምዝግብ፣ ንዝህቦ ግልጋሎት ግቡእ ክፍሊት ይእክብ፣

21. ሕጋዊ ኣፍልጦን ብርኪ ዕብየትን ከተማታት ይምርምር፣

22. ከተማታት ቤት ማዘጋጃ ከጣይሻ ኣፍልጦ ይህብ፣ ማእኸላት ገዐር የንፅር፣

23. ብመሰረት ዝወፀ ስርዓት ፖሊስን ፕላንን ከተማታት ይዓብያ ምህላወን የረጋገፅ፣

24. ስራሕቲ ቅየሳ የካይድ፣ መሰረታዊ ካርታን ፕላንን ከተማ የዳሉ፣ ክዳሎ ይገብር፣ ግልጋሎት ምህንድስና ይህብ፣ ክውሃብ ይገብር፣

25. ንፕላን ከተማ ዘዳሉ ብዓል ሞያ ፍቓድ ይህብ፣

26. ብከተማታት ይኹን ብውልቀ ኣማኸርቲ ዝዳሎ ፕላን ከተማ ሕጋውነቱ ይምርምር፣ የረጋግፅ፣

27. ከተማታት ትግራይ ምስ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ወፃኢ ዘለዋ ከተማታት ምሕዝነት ዝፈጥራሉ ኩነታት የማቻቼ፣ ተግባራውነቱ ይከታተል፣

28. ፅሬትን ፅባቐን ከተማ ንምሕላው ዘኽእል ኣሰራርሓ፣ መምርሒ፣ ማንዋልን መዐቀንን የውፅእ፣ ንተግባራውነቱ ይከታተል፣

29. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩለመዳያዊ ስራሕቲ ልምዓት ከተማ ተጠቐምቲ ዝኾናሉ ስርዓት ይዝርግሕ ይከታተል

## 12. ቢሮ ትምህርቲ

1. ብመሰረት ሃገራዊን ክልላዊን ፖሊሲ



ይሰጣል፣ ያጠናክራል፣

19. የከተማ ንግድ የሚመለከት አሰራርና አፈፃፀም አዋንቶ ያወጣል፣ ይተግብራል፣

20. የፋብሪካ ማሽነሪዎች በዋስትና መያዣ ይመዘግባል፣የህንፃ መሳሪያዎች የክራይ ውል አረጋግጦ ይመዘግባል፣ ለሚሰጠው አገልግሎት ተገቢው ክፍያ ይሰበስባል፣

21. የከተሞች ህጋዊ እውቅናና የደረጃ እድገት ይመረምራል፣ ይወስናል፣

22. ከተሞች ማዘጋጃቤት እንዲያቋቁሙ እውቅና ይሰጣል፣ የገጠር ማእከላት ይለያል፣

23. ከተሞች በወጣው ፖሊስና የከተማ ፕላን እያደጉ መሆናቸውን ያረጋግጣል፣

24. የቅየሳ ስራዎች ያካሂዳል፣ መሰረታዊ የከተማ ፕላንና ካርታ ያዘጋጃል፣ እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ የምህንድስና አገልግሎት ይሰጣል፣ እንዲሰጥ ያደርጋል፣

25. የከተማ ፕላን ለሚያዘጋጅ ባለሞያ ፍቃድ ይሰጣል፣

26. በከተሞች ሆነ በግል አማካሪዎች የሚዘጋጁ የከተሞች ፕላን ህጋዊነቱ ይመረምራል፣ ያረጋግጣል፣

27. የትግራይ ከተሞች በአገር ውስጥ እና በውጭ ያሉ ከተሞች ጓደኝነት የሚመሰሩትበት ሁኔታ ያመቻቻል፣ ተግባራዊነቱ ይከታተላል፣

28. የከተሞች ፅዳትና ውበት ለመጠበቅ የሚያስችል አሰራር፣ መመሪያ፣ ማንዋልና መመዘኛ ያወጣል፣ ለተግባራዊነቱ ይከታተላል፣

29. ሴቶች በጠቃላይ የከተማ ልማት ስራዎች ተጠቃሚ የሚሆኑበት ስርአት ይዘረጋል፣ ይከታተላል

## 12. የትምህርት ቢሮ

1. ሃገራዊና ክልላዊ የትምህርትና ስልጠና

www.abyssinialaw.com



ትምህርትን ስልጠናን ናይዚ ክልል ትልምን ፕሮግራምን ትምህርትን ስልጠናን የዳሉ፣ ምስፀደቐ ይትግብር፣ የተግብር፣

2. ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ እዚ ክልል በጀቱን ንብረቱን የመሓድር፣

3. ዕድሚኡ ንትምህርቲ ዝበፅሖ ኩሉ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኽብሉ ሜላ ይሕንፅፅ፣ ግልጋሎት ትምህርቲ ፍትሓዊ ብዝኾነ መልክዑ ምብፅሑ የረጋግፅ፣

4. ብመሰረት ሃገራዊ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ደረጃ ዕሬት መሰረት ብምግባር ምድላውን ምትግባርን፣ ኣፀደ ህፃናትን ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ፍሉይ ትምህርቲ ንኣባፅሕን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክሳተፉ ብምግባር የዳሉ፣ ይግምግም፣ የፅንዕ፣ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይከታተል፣

5. ንኣፈፃፅማ ዘይስሩዕ ትምህርትን ተግባራዊ ትምህርትን ንወረዳታት ይከታተል፣ ዕርየቱ ዝተሓለወ ትምህርቲ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ፍትሓዊነቱ ሓልዩ ናብ ኩሉም ምዝርግሑ የረጋግፅ፣

6. ዝዳለዉን ዝትግበርን ትምህርቲ ሰለጤኑን ዕሬየቱን ዝሓለወ ምዃኑ ይከታተል፣ ይግምግም፣ ይቆፃፀርን የረጋግፅን፣

7. እቲ ዝዋሃብ ትምህርቲ ዕርየቱ ዝሓለወ ምዃኑ ዘረጋግፅ ኣሰራርሓ የውፅእ፡፡ ዝርዝሩ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፣

8. ኣብዚ ክልል ብሰብ ውልቀ ሃብቲ ንዝጣየሹ ኣፀደ ህፃናት፣ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ መመዘኒ ብቕዓት የነፅር፣ ብቕዓት መረጋገፂ ምስክር ወረቐት ይህብ፣ ዕሬት ይቆፃፀር፣ ኣድላይ ድጋፍ ይህብ፣

9. ኣብ ምድላውን ትግበራን ትምህርቲ ኣድላይ ዝኾነ ቀረብ እታዎት ትምህርትን ብእኹልን



ፖሊሲ መሰረት በማድረግ የክልሉ ትምህርትና ስልጠና ዕቅድና ፕሮግራም ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል እንዲተገበር ያደርጋል፣

2. በክልሉ የፋይናንስ ሕግ መሰረት በጀቱንና ንብረቱን ያስተዳድራል፣

3. ዕድሜው ለትምህርት የደረሰ ሁሉ የትምህርት ዕድል የሚያገኝበት ዘዴ ይቀይሳል፣ የትምህርት አገልግሎት ፍትሃዊ በሆነ መንገድ መዳረሱን ያረጋግጣል፣

4. የአገሪቱ የትምህርትን ስልጠና ፖሊሲና የጥራት ደረጃ መሰረት በማድረግ አፀደ ህፃናት፣ የአንደኛ ደረጃ እና የጎልማሶች ትምህርት ዝግጅት እና ትግበራ በተለያየ አገባብ ተገልጋዮች እንዲሳተፉ በማድረግ ያዘጋጀል፣ ጥናት ያካሂዳል፣ ይገመግማል ስራ ላይ መዋሉ ይከታተላል፣

5. ለአፈፃፀም መደበኛ ያልሆነ ትምህርትና ተግባራዊ ትምህርት ለትልቆች ለወረዳዎች ድጋፍ ይሰጣል፣ ጥራቱ የጠበቀ የአንደኛና ሁለተኛ ደረጃ ትምህርት ለሁሉም ፍትሃዊ በሆነ መንገድ መዘርጋቱን ያረጋግጣል፣

6. የሚዘጋጀውና የሚተገበረው ትምህርት ቀልጣፋነቱን ጥራቱ የጠበቀ መሆኑ ይከታተላል፣ ይገመግማል፣ ይቆጣጠራል፣ ያረጋግጣል፡፡

7. የሚሰጠው ትምህርት ጥራቱ የጠበቀ መሆኑ የሚያረጋግጥ አሰራር ያወጣል፡፡ ዝርዝሩ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

8. በክልሉ የግል ባለሃብቶች የሚቋቋሙት የአፀደ ህፃናት፣ አንደኛና ሁለተኛ ደረጃ ትምህርት ቤቶች የብቃት መመዘኛ መስፈርት ያወጣል፣ የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ይሰጣል፣ ጥራት ይቆጣጠራል፣ አስፈላጊ ድጋፍ ይሰጣል፣

9. ለትምህርት ዝግጅትና ትግበራ አስፈላጊ የሆነ የትምህርት አቅርቦትና ግብኣት በበቂና

www.abyssinialaw.com

ብዝድለ መጠንን ምብፅሑ ይከታተል፣ ይግምግም፣ ይቆፃፀር፣ የረጋግፅ፣

10. መምህራንን ሰብ ሞያ ትምህርትን የሰልጥን፣ ክስልጥኑ ይገብር፣ ሞይኦም ብተኸታታሊ ስልጠና ዘዕብየሉ መንገዲ ይሕንፅፅ፣ ይትግብር፣

11. ፅሬት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ቴክኖሎጂ የስፋሕፍሕ፣ የማዕብል፣

12. ብሃገር ለኸ ዝዳለዉ ፈተና ተኸታቲሉ ኣብዚ ክልል የፍፅም፣ ብብርኪ ክልል ዝውሃብ ፈተና የዳሉ፣ መረጋገፂ ብቕዓት ምስክር ወረቐት ይህብ፣

13. ብብርኪ ትምህርቲ ዝዋሃብ ፈተና በቲ ዝተቐመጠ ስታንዳርድ ምኻኑ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣ ይግምግም፣

14. ብብርኪ ክልል ዝውሃብ ፈተና ሃገራዊ ስታንዳርድ ዘማልእ ምኻኑ የረጋግፅ፣

15. ኣብ ሕድ ሕድ ብርኪ ትምህርቲ ዘሎ ቅበላ ትምህርቲ ይከታተል፣ የረጋግፅ፣ ይቆፃፀር፣

16. ንደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃናት፣ ኣካል ጉድኣትን ብሄረሰባትን ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ክግበር ዝግብኦ ፍሉይ ሓገዝ ኣመልኪቱ ፕሮግራም የዳሉ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣ ዝርዝር ኣሰራርሕኡ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፣

17. ፅሬት ትምህርቲ ኣብ ምርግጋፅን ኣብ ምምሕዳር ኣብያተ ትምህርትን ህዝቢ ንጡፍ ተሳትፎ ንክሕልዎ ይገብር፡፡

18. መንግስታዊ ኮሌጃት መሰልጠኒ መምህራን የማሓድር፣ ይመርሕ፣ ይከታተል

## 13. ቢሮ ሓለዋ ጥዕና

1. ሃገራዊ ፖሊስን ስትራተጅን ጥዕና መሰረት ብምግባር ምስ ክልላዊ ኩነታት ብምዝማድ ተግባራዊ ይገብር፣

በተፈላገው መጠን መድረሱ ይከታተላል፣ ይገመግማል፣ ይቆጣጠራል፣ ያረጋግጣል፣

10. መምህራንና የትምህርት ባለሙያዎች ያሰለጥናል፣ እንዲሰለጥኑ ያደርጋል፣ ሙያቸውን በተከታታይ ስልጠና የሚያሳድጉበት መንገድ ይቀይሳል፣ ይተገብራል፣

11. የትምህርት ጥራት ለማሻሻል የሚያግዝ ቴክኖሎጂ ያስፋፋል፣ ያሳድጋል፣

12. በአገር አቀፍ ደረጃ የሚዘጋጅ ፈተና ተከታትሎ ያስፈፅማል፣ በክልል ደረጃ የሚሰጥ ፈተና ያዘጋጃል፣ የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ይሰጣል፣

13. በየትምህርቱ ደረጃ የሚሰጥ ፈተና በተቀመጠው ስታንዳርድ መሆኑን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ ይገመግማል፣

14. በክልል ደረጃ የሚሰጥ ፈተና ሃገራዊ ስታንዳርድ የሚያሟላ መሆኑን ያረጋግጣል፣

15. በያንዳንዱ የትምህርት እርከን ያለው የትምህርት ቅበላ ይከታተላል፣ ያረጋግጣል፣ ይቆጣጠራል፣

16. ለሴቶች፣ ህፃናት፣ አካል ጉዳተኞች እና ብሄረሰቦች በትምህርትና ስልጠና ሊደረግ የሚገባው ልዩ ድጋፍ በተመለከተ ፕሮግራም ያዘጋጃል፣ አፈፃፀሙን ይከታተላል፣ ዝርዝር አሰራሩ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

17. የትምህርት ጥራት በማረጋገጥና ትምህርት ቤቶች በማስተዳደር ህዝቡ ንቁ ተሳትፎ እንዲኖረው ያደርጋል፡፡

18. መንግስታዊ የመምህራን ማሰልጠኛ ኮሌጆች ያስተዳድራል፣ ይመራል፣ ይከታተላል

## 13. የጤና ጥበቃ ቢሮ

1. ሃገራው የጤና ፖሊሲና ስትራተጂ መሰረት በማድረግ በክልሉ ነባራዊ ሁኔታ በማዛመድ ተግባራዊ ያደርጋል፣

www.abyssinialaw.com





2. ጥዕና ዝምልከቱ ፖሊሲ ሓሳባትን ሕግታትን የመንጭው፣ ምስፀደቑ ኣብ ስራሕ የውዕል፣ ክውዕሉ ይገብር፣
3. ጥዕና ብዝምልከት ዝወፁ ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሒታተን ኣብ ተግባር የውዕል፣ ክውዕሉ ይገብር፣ ውፅኢታዊ ኣፈፃፅማ ንክህልዎም ንሰራሕተኛታትን ሰብ ብፅሒትን የሰልጥን፣ ተግባራዊ ዝኾነሉ መስርሓትን ውዳበታትን ይፈጥር፣ ዓቕሚ ይሃንፅ
4. ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ዝተጣየሹን ዝጣየሹን መንግስታዊ ትካላት ጥዕና የመሓድር፣ ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ትካል ምርምር ጥዕና የጣይሽ፣ ይመርሕ፣
5. ብርኪ ኣዋሃህባ ግልጋሎት ጥዕና የውፅእ፣ ብሰብ ሙያ ጥዕና ይትግበር ምህላው ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣
6. ብሰብ ሃፍቲ ወይ ሰብ ሞያ ንዝጣየሹ ውልቀ ትካል ጥዕና ንብርኩም ዝምጥን ፍቓድ ይህብ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ይእግድ፣ ይስርዝ፣
7. መስርሕ ምትብባዕን ተሓታትነትን ብምዝርጋሕ ይሸልም፣ ይቐፅዕ፣
8. ፈዋስነቶም ዝተረጋገፀ ባህላዊ መድሓኒታትን ሜላታት ሕክምናን ኣብ ግልጋሎት ህዝቢ ንክውዕሉ መፅናዕቲ የካየድ፣ ንተግባራዊነቱ ይንቀሳቐስ፣
9. ተላበድትን ተመሓላለፍትን ሕማማት ንምጥፋእ፣ ምትሕልላፍ ንምቁፅፃርን ዝርገሐኦም ኣፅርዩ ንምንካይን ብዝተወደበ ምንቅስቓስ ህዝብን ኩለመዳያዊ ኢድ ኣእታውነትን ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብምጥቃም ጥዕና ሕብረተሰብ የረጋግፅ፣
10. ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዋኒን ጥዕንኡ ወናንን ወሳንን ንክኸውን ኣብ ኣመጋግባ፣ ከባብያዊ ፅሬት፣ ምጣነ ስድራ፣ ክንክን ኣዴታትን

2. ጤናን በተመለከተ የፖሊሲ ሓሳቦችና ህጎች ያመነጫል፣ ሲፀድቅለት ስራ ላይ ያውላል፣ እንዲውል ያደርጋል፣
3. ጤናን በተመለከተ የወጡ ህጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች ተግባር ላይ ያውላል እንዲውሉ ያደርጋል፣ ውጤታማ አፈፃፀም እንዲኖራቸው ለሰራተኞችና ባለድርሻዎች ያሰለጥናል፣ ተግባራዊ የሚሆኑበት አደረጃጀትና ስርዓት ይፈጥራል፣ አቅም ይገነባል
4. በክልሉ ውስጥ ለተቋቋሙና ለሚቋቋሙ የመንግስት የጤና ተቋማት ያስተዳድራል፣ ይመራል፣ ያስተባብራል፣ የጤና የምርምር ተቋም ያቋቁማል፣
5. የጤና አገልግሎት ስታንዳርድ ያወጣል፣ በጤና ባለሞያዎች እየተተገበረ መሆኑን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣
6. በባለሃብቶች ወይም ባለሞያዎች ለሚቋቋሙ የግል የጤና ተቋማት ለደረጃቸው የሚመጥን ፍቃድ ይሰጣል፣ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ያግዳል፣ ይሰርዛል፣
7. የተጠያቂነትና የማነቃቅያ ስርዓት በመዘርጋት ይሸልማል፣ ይቀጣል፣
8. ፈዋሽነታቸው የተረጋገጠ ባህላዊ መድሓኒቶችና የህክምና ዘዴዎች ለህዝብ አገልግሎት እንዲውሉ ጥናት ያካሂዳል፣ ለተግባራዊነቱ ይንቀሳቀሳል፣
9. ተላላፊና ተዛማች በሽታዎች ለማጥፋት፣ መተላለፍን ለማቋረጥና ስርጭታቸው በበለጠ ለመቀነስ በተደራጀ የህዝብ እንቅስቃሴና ሁለ ገብ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ጣልቃ ገብነት በመጠቀም የህብረተሰቡ ጤና ያረጋግጣል፣
10. የትግራይ ህዝብ የጤናው ጉዳይ ባለቤትና ወሳኝ እንዲሆን በአመጋገብ፣ ከባቢያዊ ፅዳት፣ የወሊድ ምጣኔ ፣ የእናቶችና ህፃናት እንክብካቤ

www.abyssinialaw.com



ህፃውንትን ዝለዓለ ትኹረት ሂቡ ይንቀሳቐስ፣ ባህሪያዊ ለውጢ ዘረጋግፅ ብቁዕ ኣስተምህሮ ሓለዋ ጥዕና ይህብ፣

11. ጥዕና ሕብረተሰብ ንምጉልባት ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ውዳበታት፣ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ተሓጋጊዙ ይሰርሕ፣
12. መደባት ግልጋሎት ጥዕና ንምስላጥ ውሽጣዊን ግዳማውን ሃፍቲ የተኣኻኽብ፣ ብመሰረት ሕጊ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
13. ህዝቢ ኣብ ኤች ኣይቪ ኤድስ ባህርያዊ ለውጢ ንኽምፅእ ዘኽእል ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኮይኑ ይሰርሕ
14. ኣብ ሆስፒታላትን ጣብያታት ጥዕናን ን24 ሰዓት ግልጋሎት ጥዕና ዝውሃበሉ ስርዓት ይዝርግሕ፣ ንኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣ ኣድላይ ስጉምቲ ይወስድ፡፡
15. መንግስታዊ ሆስፒታላት ይሰርሕ፣ ንኽሰርሑ ይውስን፣ ብናውትን ሓይሊ ሰብ ንክማልኡ ይገብር፣
16. ህዝቢ ንትካላት ጥዕና ወናኒ ዝኾነሉ ስርዓት የተኣታትው

## 14. ቢሮ ትልምን ፋይናንስን

1. ኣብ ሃገራዊ ማዕቀፍ ስትራተጂን ዝተመስረተ በዚ ክልል መንግስቲ ዝፍፀም ትልሚ ልምዓት ነዊሕ፣ ማእኸላይን ሓፂርን እዋን የዳሉ፣ ንኣፈፃፅምኡ ዝሕግዝ ናይ ፖሊሲ ሓሳብ የቕርብ፣ ምስ ፀደቐ የተግብር፣
2. ስርዓት ክትትልን ገምጋምን ይዝርግሕ፣ የተኣታቱ፣ ይድግፍ፣
3. ብኣካላት መንግስቲ እዚ ክልል ተዳልዮም ዝቐርቡ ዓመታዊ ትልምታት ልምዓት ዘድሊ ሕቶ በጀት መርሚሩ ምስ ጠቕላላ ዓመታዊ በጀት እዚ ክልል ኣወሃሂዱ ንቤት ምኽሪ ኣቕሪቡ የዕድቕ፣



ከፍተኛ ትኩረት ሰጥቶ ይንቀሳቀሳል፣ ባህሪያዊ ለውጥ የሚያረጋግጥ ብቁ የጤና አጠባበቅ ትምህርት ይሰጣል፣

11. የሕብረተሰቡ ጤና ለማጎልበት ከመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች፣ ተቋማትና ግለሰቦች ተጋግዞ ይሰራል፣
12. የጤና አገልግሎት ፕሮግራሞች ለማቀላጠፍ ከውስጥና ከውጭ ሃብት ይሰበስባል፣ በህግ መሰረት በስራ ላይ ያውላል፣
13. ህዝብ በኤች አይቪ ኤድስ ባህርያዊ ለውጥ ለማምጣት የሚያስችል ስራ ከባለ ድርሻ አካላት ጋር ሆኖ ይሰራል
14. በሆስፒታሎችና ጤና ጣብያዎች የ24 ሰዓት የጤና አገልግሎት የሚሰጥበት ስርዓት ይዘረጋል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣ አስፈላጊውን እርምጃ ይወስዳል፡፡
15. መንግስታዊ ሆስፒታሎች ይሰራል፣ እንዲሰሩ ይወስናል፣ በንብረትና በሰው ሃይል እንዲሟሉ ያደርጋል፣
16. ህዝብ የጤና ማእከላት በሌለበት የሚሆንበት ስርአት ይዘረጋል

## 14. የፕላንና ፋይናንስ ቢሮ

1. በሃገራዊ የልማት ስትራተጂ ማዕቀፍ የተመሰረተ በክልሉ መንግስት የሚፈፀም የረጅም፣ መካከለኛ እና የአጭር ጊዜ የልማት እቅድ ያዘጋጃል፣ ለአፈፃፀሙ የሚረዳ የፖሊሲ ሓሳብ ያቀርባል፣ ሲፀድቅም ይተገብራል፣
2. የክትትል እና ግምገማ ሰርዓት ይዘረጋል፣ ያስፋፋል፣ ይደግፋል፣
3. በክልሉ የመንግስት አካሎች ተዘጋጅተው የሚቀርቡ አመታዊ የልማት እቅዶች የሚያስፈልጋቸው የበጀት ጥያቄ መርምሮ ከክልሉ አመታዊ ጠቅላላ በጀት አቀናጅቶ ለምክር ቤት አቅርቦ ያስፀድቃል፣

www.abyssinialaw.com



4. ምስ ዝምልከቶ ኣካላት መንግስቲ እዚ ክልል ብምትሕብባር ኣብ ነዊሕ፣ ማእኸላይን ሓጺርን እዋን ዝትግበሩ ዝተዋደዱ ፕሮግራማትን ፕሮጀክትታትን ክዳለዉ ይገብር፣ ድሕሪ ምፍቃዶም ተግባራውነቶም ይከታተል፣

5. ንትልሚ እዚ ክልል ዘድልዩ ስራሕቲ መፅናዕቲ ስነ-መሬታዊን እስታትስቲካዊ ስርዓት መፅናዕታዊ ሓበሬታ ይዝርገሕ፣ ተዛመድቲ መረዳእታታት ክተሓዙ ይገብር፣

6. ካብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዝመፅእ ሓገዝን ልቓሕን ብምትሕብባር ምስ በጀት ትልሚ ልምዓት እዚ ክልል ተዋሃሂዱ ኣብ ስራሕ ንክውዕል የመቻቹ፣ የዋድድን ይከታተልን፣

7. ኣብዚ ክልል ዝራኣዩ ቁጠባውን ማሕበራውን ፀገማት ንምቅላል ብመሰረት ስምምዕነት ዝወፅእ ሓገዛት ብኣግባቡ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይድግፍ፣ የተሓባብር፣ የመሓድር ተወሳኺ ሓገዝ ንክመፅእ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ብምቅራፅን ክቐረፅ ብምግባርን ሓገዝ ክህቡ ንዝኽእሉ ትካላት የቕርብ፣

8. ኣካላት መንግስቲ እዚ ክልል ብመሰረት ፖሊሲታትን ሕግታት ፋይናንስን መንግስቲ እዚ ክልል ምስርሖም ይቆፃፀር፣

9. ኣፈፃፅማ ፊስካልን ፋይናንስን ስራሕ መንግስቲ እዚ ክልል ዘርኢ ዝርዝር መግለፂ ንርእሰ ምምሕዳር፣ ንቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ እዚ ክልል ብሕጊ ስልጣን ንዝተውሃቦም ኣካላትን ብእዋኑ የቕርብ፣

10. ኤጀንሲ ልምዓት እቶት እዚ ክልል ብመሰረት ሕጊ ዝተቐመጠሉ ስልጣንን ተግባርን ስራሕቱ ምፍፃሙ ይከታተል፣ ይግምግም፣ ኣንፈታት የቕምጥ፣

11. ስርዓት ኣተሓሕዛ ሒሳብ መንግስቲ እዚ ክልል ይሕንፅፅ፣ ንተግባራውነቱ ይድግፍ፣ ስርዓት

4. ከሚመለከታቸው የክልሉ መንግስት አካሎች በመተባበር በረጅም፣ በመካከለኛ እና በአጭር ጊዜ የሚሰሩ የተቀናጁ ፕሮጀክቶችና ፕሮግራሞች እንዲዘጋጁ ያደርጋል፣ ከተፈቀዱ በኋላም ተግባራዊ መሆናቸው ይከታተላል፣

5. ለክልሉ ዕቅድ ስራዎች የሚያስፈልጉ የስነ-መሬትና እስታትስቲካዊ የጥናት መረጃ ስርዓት ይዘረጋል፣ ተዛማጅ መረጃዎች እንዲያዙ ያደርጋል፣

6. ከመንግስታዊና መንግስታዊ ካልሆኑ ድርጅቶች የሚገኝ እርዳታና ብድር በማስተባበር በክልሉ የልማት በጀት እቅድ ተጣጥሞ በስራ እንዲውል ያመቻቻል፣ ያቀናጃል፣ ይከታተላል፣

7. በክልሉ የሚታዩ ማህበራዊና ኢኮኖሚያዊ ችግሮች ለማቃለል በስምምነት መሰረት ለሚመጡ እርዳታዎች በስራ ላይ እንዲውሉ ድጋፍ ይሰጣል፣ ያስተባብራል፣ ያስተዳድራል፣ ተጨማሪ እርዳታዎች እንዲመጡ የተለያዩ ፕሮጀክቶች በመቅረፅና እንዲቀረፅ በማድረግ እርዳታ ለሚሰጡ ድርጅቶች ያቀርባል፣

8. የክልሉ የመንግስት አካሎች የክልሉ መንግስት የፋይናንስ ፖሊሲዎች እና ሕጎች መሰረት በማድረግ መስራታቸው ይቆጣጠራል፣

9. የክልሉ መንግስት የፊስካል እና የፋይናንስ የስራ አፈፃፀም የሚያሳይ ዝርዝር መግለጫ ለርእሰ መስተዳድሩ፣ ለክልሉ የስራ አስፈፃሚ ምክርቤትና በሕግ ስልጣን ለተሰጣቸው አካላት በወቅቱ ያቀርባል፣

10. የክልሉ የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ በህግ የተቀመጡለት ስልጣንና ተግባር መሰረት በማድረግ ስራዎቹ መፈፀሙን ይከታተላል፣ ይገመግማል፣ አቅጣጫ ያስቀምጣል፣

11. የክልሉ መንግስት የሂሳብ አያያዝ ስርዓት ይነድፋል፣ ተግባራዊ እንዲሆን ይደግፋል

www.abyssinialaw.com



ውሽጢ ቁፅፅር ይዝርግሕ፣

12. መንግስቲ እዚ ክልል ካብ ውሽጢ ሃገር ዝረኽቦም ፍልፍላት ልቓሕ ብሽም መንግስቲ እዚ ክልል ውዕሊ ይፍርም፣ እቲ ልቓሕ የመሓድር፣

13. ኣክስዮናት፣ ዝመሓላለፉን ዘይመሓላለፉን ሰነዳት፣ ገንዘብን ካልኦት ተመሳሰልቲ ሰነዳት ገንዘብ መንግስቲ እዚ ክልል ይሕዝ፣ ይሕሉ፣

14. ምምሕዳር ንብረትን ዕደጋን መንግስቲ እዚ ክልል ዝምልከት ስርዓት ይዝርግሕ፣ ኣፈፃፅምኡ ይድግፍ ይቆፃፀር፣ ሕጋዊ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ይወስድ፣ ክውሰድ ይገብር፣

15. ኣብዚ ክልል ፖሊሲታት ስነ-ህዝቢ ኣብ ተግባር ንክውዕሉ ይሰርሕ፣ ኣብ ፖሊሲታት ስነ-ህዝቢ ዝግበሩ ምርምራት፣ ዓውደ መፅናዕቲታት፣ የተሓባብር፣ የበራትዕ፣

16. ኣብዚ ክልል ፖሊሲታት ስነ-ህዝቢ ንምትግባር ንኣፈፃፅምኡ ዝሕግዙ መምርሒታትን ማንዋላትን የውፅእ፣

17. ዓመታዊ ትልምን በጀትን ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ተዳልዩ እንትቐርበሉ መርሚሩ ንዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ኣቕሪቡ ክፀድቕ ይገብር፣

18. ግብሪ ከፋሊ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ከቢድ ፀገም ሓደጋ ወይ ጥፍኣት በፂሑዎ እንትርከብ ብመሰረት ሕጊ ቢሮ ክምሕሮ ወይ ክሰርዞ ዝኽእል ዕዳ እቲ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ብዘቕረቦ መበገሲ መሰረት ውሳነ ይህብ፣

19. ምስ እቶት ምውሳኽን ምቕናስን ዝተተሓሓዘ ብኤጀንሲ ልምዓት እቶት ዝቐረበሉ ረቂቕ መምርሒ መርሚሩ የፅድቕ፣

20. ንወረዳን ዝምልከቶም ኣካላትን ዓቕሚ ምዕባይ ስልጠና ይህብ፡፡



የውስጥ ቁጥጥር ስርዓት ይዘረጋል፣

12. የክልሉ መንግስት ከአገር ውስጥ የሚያገኛቸውን የብድር ምንጮች በክልሉ መንግስት ስም ውል ይፈርማል፣ ብድሩን ያስተዳድራል፣

13. የክልሉ መንግስት አክስዮኖች፣ የሚተላለፍና የማይተላለፍ የገንዘብ ሰነዶችና ሌሎች ተመሳሳይ የገንዘብ ሰነዶች ይይዛል፣ ይጠብቃል፣

14. የክልሉ መንግስት የንብረት አስተዳደር እና የግዢ ስርዓት ይዘረጋል፣ አፈፃፀሙ ይቆጣጠራል፣ ይደግፋል ህጋዊ ማስተካከያ እርምጃ ይወስዳል፣ እንዲወሰዱም ያደርጋል፣

15. በክልሉ የስነ-ህዝብ ፖሊሲዎች ተግባር ላይ እንዲውል ይሰራል፣ በስነ-ህዝብ የሚደረጉ ምርምሮች፣ አውደ-ጥናቶች ያስተባብራል፣ ያበረታታል፣

16. በክልሉ የስነ-ህዝብ ፖሊሲ ለመተግበር ለአፈፃፀሙ የሚረዱ መመሪያዎች እና ማንዋሎች ያወጣል፣

17. የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ ዓመታዊ እቅድና በጀት ተዘጋጅቶ ሲቀርብለት መርምሮ ለሚመለከተው የመንግስት አካል አቅርቦ እንዲፀድቅ ያደርጋል፣

18. ግብር ከፋይ ከአቅም በላይ በሆነ ከባድ ችግር ምክንያት አደጋ፣ ወይም ጥፋት ደርሶበት ሲገኝ፣ በሕግ መሰረት ቢሮ ምህረት ወይም ሊሰርዘው የሚችል እዳ የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ በሚያቀርበው መነሻ መሰረት ውሳኔ ይሰጣል፣

19. ከገቢ መጨመር እና መቀነስ የተያያዘ የገቢዎች ልማት ኤጀንሲ በሚቀርብለት ረቂቅ መመሪያ መርምሮ ያፀድቃል፣

20. ለወረዳ እና ለሚመለከታቸው አካላት የአቅም ግንባታ ስልጠና ይሰጣል፡፡

www.abyssinialaw.com





## 15. ቢሮ ህንፀት ዓቕምን ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስትን

1. ሓይልታት ልምዓት ብዝተኣሳሰረን ብዝተዋደደን ዓቕሞም ዝህነፅሉ ኣሰራርሓን ኣወዳድባን እንዳፅነዐ ኣማረፂ ሓሳባት የቕርብ፣ የተግብር፣
2. መደብ ህንፀት ዓቕሚ ኣመልኪቱ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ የተሓባብርን ኣፈፃፅምኡ ይከታተልን፣
3. ኣብ ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓን ሓይሊ ሰብን ዘሎ ክፍተት ዓቕሚ እንዳፅነዐ ቀፃላይ ዝኾነ ለውጢ ንምምፃእ ዘኽእል ስትራቴጂ ይትልም፣ የፅድቕ፣ የፈፅም፣ ይከታተል፣
4. ስርዓት ዘይምእኹል ምምሕዳር ንምጥንኻር ካብ ክልል ክሳብ ጣቢያ ዘሎ መሓውር ዓቕሚ መንግስቲ የጠናኽር፣
5. መንቀሊ ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር በቢእዋኑ እንዳፅነዐ መፍትሒ ሓሳብ የቕርብ፣ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ክልልና ክሰፍንን ዘላቕነት ክህልዎን ኩነታት የመቻቹ፣ ንተግባራውነቱ ይከታተል፣
6. መደብ ህንፀት ዓቕሚ ንምፍፃም ዘድልዩ መምርሒታት ኣሰራርሓታት የዳሉ፣ የፈፅም ይከታተል፣
7. ፖሊሲን ስትራቴጅን ህንፀት ዓቕሚ ሃገርና ኣብ ክልልና ይትግበር ምህላው ይከታተል፣ ይፍፅም፣ ይመርሕ፣ የተሓባብር፣
8. ቀፃልነት ዘለዎ ፖሊሲ ልምዓት ሃብቲ ሰብ ቤት ፅዮ መንግስቲ እንዳነፀረ የቕርብ፣ ኣብ ክልልና ንዝካየዱ ስራሕቲ ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ብላዕላዋይነት ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ንመንግስቲ የማኽር፣ ንተፈፃሚነቱ ይከታተል፣

## 15. የአቅም ግንባታና የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር ቢሮ

1. የልማት ሃይሎች በተሳሰረና በተቀናጀ አቅማቸውን የሚገነቡበት አሰራርና አደረጃጀት እያጠና አማራጭ ሓሳቦችን ያቀርባል፣ ይተገብራል፣
2. የአቅም ግንባታ ፕሮግራም በሚመለከት በበላይነት ይመራል፣ ያስተባብራል፣ አፈፃፀሙን ይከታተላል፣
3. በአደረጃጀት፣ በአሰራርና በሰው ሃይል አቅም ያለው ክፍተት እያጠና ቀጣይነት ያለውን ለውጥ ለማምጣት የሚያስችል ስትራተጂ ይነድፋል፣ ያፀድቃል፣ ይፈፅማል፣ ይከታተላል፣
4. ያልተማከለ የአስተዳደር ስርዓት ለማጠናከር ከክልል እስከ ቀበሌ ያለውን የመንግስት መዋቅር አቅማቸው ያጠናክራል፣
5. የመልካም አስተዳደር ችግሮች መንሲኤ በየጊዜው እያጠና መፍትሄ ሃሳብ ያቀርባል፣ በክልላችን መልካም አስተዳደር በዘላቂነት እንዲሰፍን ሁኔታዎችን ያመቻቻል፣ ለተግባራዊነቱ ይከታተላል፣
6. የአቅም ግንባታ ፕሮግራም ለማስፈፀም የሚያስፈልጉ መመሪያዎችና አሰራሮች ያዘጋጃል፣ ያስፈፅማል፣ ይከታተላል፣
7. የአገራችን የአቅም ግንባታ ፖሊስና ስትራተጂ በክልላችን ተግባራዊ መሆኑን ይከታተላል፣ ይፈፅማል፣ ይመራል፣ ያስተባብራል፣
8. ቀጣይነት ያለው የመንግስት መስሪያ ቤት የሰው ሃይል ልማት ፖሊሲ በመንደፍ ያቀርባል፣ በክልላችን ለሚካሄደው የሰው ሃይል ልማት ሥራዎች በበላይነት ይመራል፣ ያስተባብራል፣ መንግስት ያማክራል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣

9. ብመሰረት ሃገራዊ ፖሊሲን ስትራተጅን ምዕባለ ሓበሬታን ርክብን ፖሊሲን ስትራተጅን ክልልና ሕግታት፣ መምርሕታት ምዕባለ ሓበሬታን ርክብን ብምሕንፃፅ ኣብ መፅናዕቲ ዝተደረኸ ሓሳብ የቕርብ፣ እንትፀድቕ ኣብ ስራሕ ምምውዓሉ ይከታተል፣

10. ሓበሬታ ስሉጥ ብዝኾነ መንገድን ብዝተመጣጠነ ወፃኢን ክርከበሉ ዝኽእል መፅናዕቲ የካይድ፣ ውሳነ ሓሳብ የቕርብ፣ እንትፀድቕ ንተግባራዊነቱ ምስ ሰብ እጃም ብሓባር ይሰርሕን ይከተታተልን፣

11. ኣብ ክልልና ዘመናዊ መሰረተ ልምዓት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ምዝርግሑ ይከታታል ዘድልይ ድጋፍ ይህብ፣ ንተግባራዊነቱ'ውን ይከታተል፣

12. ኣብ ስራሕ ዘለዉን ንቅድሚት ኣብ ስራሕ ዝውዕሉን መሰረተ-ልምዓት መርበብን ኣጠቓቕምኡን ብመንፅር ቴክኒክ ተዋዲዶምን ተኣሳሲሮም ዝኽዱ ዘለዉ ምዃኖም የረጋግፅ፣

13. ኣብ መንነ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዝተዋደደን ድሕንነቱ ዝተሓለወን ፍስት ሓበሬታን ልውውጥን ንክህሉ የማኸር፣ ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ይከታተል፣ በብግዚኡ ምስ ዕብየት ቴክኖሎጂ መመሓየሺ ሓሳብ የቕርብ፣

14. ቴክኖሎጂ ርክብ ሓበሬታ ናብ ሕብረተሰብ ንክበፅሑ ኣብዝግበር ስራሕቲ ምርምርን ልምዓትን የተሓባብር፣ ድጋፍ ይህብ፣

15. ሰራሕተኛ መንግስቲ እዚ ክልል ብኽእለት ምንኣስ ምክንያት ካብ ስራሕ ንምስንባት ኣብ ዝምልከት ከምኡ'ውን ካብ ናይ ጡረታ ዕድመ ክልል ንላዕሊ ግልጋሎት ንክናዋሕ ኣብ ዝቐርብ ሕቶ ብመሰረት ሕጊ ናይ መወዳእታ

9. የአገራችንን የኢንፎርሜሽንና የመገናኛ ቴክኖሎጂ ፖሊስና ስትራተጂ መሰረት አድርጎ የክልላችን የቴክኖሎጂ ኢንፎርሜሽን መገናኛ ፖሊስና ስትራተጂ ህጎች፣ መመሪያዎች በሚመለከት በጥናት ላይ የተመረኮዘ ሃሳብ ያቀርባል፣ ሲፀድቅ በስራ ላይ መዋሉን ይከታተላል፣

10. ኢንፎርሜሽን ቀልጣፋ በሆነ መንገድና በተመጣጠነ ወጪ ሊገኝ የሚችልበትን ሁኔታ ጥናት ያካሂዳል፣ ውሳኔ ሃሳብ ያቀርባል፣ ሲፀድቅ ለተግባራዊነቱ ከሚመለከታቸው ባለድርሻዎች ጋር ይሰራል፣ ይከታተላል፣

11. በክልላችን ዘመናዊ የኢንፎርሜሽንና መገናኛ ቴክኖሎጂ መሰረተ ልማት መዘርጋቱ ይከታተላል፣ አስፈላጊውን ድጋፍ ይሰጣል፣ ለተግባራዊነቱን ይከታተላል፣

12. በክልላችን ሥራ ላይ ያሉና ለወደፊቱ በሥራ ላይ ለሚውሉ የኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ መሰረተ ልማት አጠቃቀሙን በቴክኒካዊ ሁኔታው ተቀናጅቶ ተግባር ላይ የሚውሉ መሆናቸውን ያረጋግጣል፣

13. በመንግስት መስሪያ ቤት ውስጥ የተቀናጀና ደህንነቱ የተጠበቀ የመረጃ ልውውጥ እንዲኖር ያማክራል፣ በሚገባ ጥቅም ላይ መዋሉን ይከታተላል፣ በየጊዜው ከሚመጣው የቴክኖሎጂ ዕድገት የማሻሻያ ሃሳብ ያቀርባል፣

14. የኢንፎርሜሽንና መገናኛ ቴክኖሎጂ ለማህበረሰቡ ለማዳረስ የሚደረግ የልማትና የምርምር ሥራ ያስተባብራል፣ ድጋፍ ይሰጣል፣

15. የክልሉ የመንግስት ሠራተኛ በችሎታ ማነስ ምክንያት ከሥራ ለማሰናበት የሚመለከትና ከጡረታ ዕድሜ ክልል በላይ አገልግሎት እንዲራዘም ለሚቀርቡ ጥያቄዎች በህግ መሰረት የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጣል፣ ዝርዝሩ

ውሳነ ይህብ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

16. ናይዚ ክልል ሰራሕተኛን ሹመኛን መንግስቲ ጥቅማጥቕምን ካልእ ተዛማዲ ክፍሊትን ምስ ሃገራዊ መመዘንታትን እናገናዘበ ኣፅኒዑ ንክልል ቤት ምኽሪ ፈፃሚት ስራሕ የቕርብ፣ ብመንግስቲ እንትውሰን ንተግባራዊነቱ ይሰርሕ፣

17. ብሹመት ክትሓዝ ዝግብኦ ስራሕ መደብ የቕርብ፣ ብመንግስቲ እንትውሰን ንተግባራዊነቱ ይሰርሕ፣

18. መረዳእታ ሰራሕተኛ መንግስቲ ክልልና ይሕዝ፣ ይትንትን፣ ኣድላይ ኣብዝኾነሉ ናብ ዝምልከቶ ኣካል የቕርብ ፣

19. ኣብ ቤት ፅዮ መንግስቲ እዚ ክልል ዝካየድ ቁፃር፣ ዕቤት፣ ኣወዳድባ፣ ዝውውርን ስልጠናን ኣመልኪቱ ብሕጊ መሰረት ክፍፀም ይገብር፣ ይከታተል፣ ግድፈት ኣሰራርሓ እንትፍፀም ይእርም፣

20. ኣብ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ዝካየድ ስራሕቲ ምምሕዳር ሓይሊሰብን ግድፈት ዲስፕሊንን ኣመልኪቱ ዝለዓሉ ቅሬታን ጥርዓንን ናይ መወዳእታ ውሳነ ይህብ፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ቀረበሉ፣ ብውሕድ ወፃኢን ኣብ ዝሓፀረ እዋንን ፍታሕ ዝረኽበሉ ስርዓት የተኣታትው፣

## 16. ቢሮ ኮንስትራክሽን፣ መንገድን ትራንስፖርትን

1. ብመሰረት ፖሊስን ስትራተጂን መንግስቲ ፌደራል ፖሊስን ስትራተጂን ኮንስትራክሽን ክልል ሓንፂፁ ናብ መንግስቲ የቕርብ ምስ ፀደቐ የተግብር፣
2. ኣብዚ ክልል ዝስራሕ ህንፃ፣ መንገድን ካሊእ ሲቪል ሰራሕን ዲዛይኑን ህንፀቱን ደረጅኡ

በደንቡ ይወሰናል፣

16. የዚህ ክልል የመንግስት ሠራተኛና ሹመኛ ጥቅማጥቅምና ሌላ ተዛማጅ ክፍያ ከሃገራዊ መመዘኛ ጋር እያገናዘበ አጥንቶ ለክልሉ የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ያቀርባል፣ በመንግስት ሲወሰን ለተግባራዊነቱ ይሰራል፣

17. በሹመት መያዝ ያለበት የስራ መደብ ያቀርባል፣ በመንግስት ሲወሰን ለተግባራዊነቱ ይሰራል፣

18. የክልሉ የመንግስት መስሪያቤትና የሰው ሃይል መረጃ ይይዛል፣ ይተነትናል፣ አስፈላጊ ሲሆን ለሚመለከተው አካል ያቀርባል፣

19. በክልላችን መስሪያቤት የሚካሄድ ቅጥር፣ አደራጃጀት፣ የደረጃ ዕድገት ዝውውርና ስልጠና አስመልክቶ በህግና በደንቡ መሰረት እንዲፈፀም ያደርጋል፣ ይከታተላል፣ የአሰራር ስህተት ከተፈፀመ የእርምት እርምጃ ይወሰዳል፣

20. በመንግስት መስሪያቤት ውስጥ በሚካሄድ የሰው ሃይል አስተዳደር ሥራና የዲስፐሊን ግድፈት መሰረት አድርጎ ለሚነሱ ቅሬታና አቤቱታ የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጣል፣ የመንግስት ሠራተኞ በቅርብና በአነስተኛ ወጪ፣ በአጭር ጊዜ መፍትሄ የሚያገኙበትን ስርዓት ይዘረጋል፣

## 16. የኮንስትራክሽን፣ መንገድና ትራንስፖርት ቢሮ

1. በፌደራል መንግሰት ፖሊሲና ስትራተጂ መሰረት የክልሉ ኮንስታራክሽን ፖሊስና ስትራተጂ በመንደፍ ለመንግስት ያቀርባል ሲፀድቅ ይተግብራል፣
2. በክልሉ የሚስራ ህንፃ፣ መንገድ ሌላ የሲቪል ስራ ዲዛይን ግንባታ ደረጃውን የጠበቀ መሆኑን

www.abyssinialaw.com



ዝሓለወ ምኳኑ የረጋግፅ፣

3. ኣብዚ ክልል ዝስራሕ ኩሉ ስራሕ ኮንስትራክሽን ይቆፃፀር፣ ሓዱሽ ቴክኖሎጂ፣ ናውቲ ህንፃን መሳርሕን ንምትእትታው መፅናዕትን ምርምርን የካይድን ክካየድ ይገብርን፣

4. ዲዛይን ኮንስትራክሽን ብዝምልከት ብፌደራልን ክልልን ዝወፀ ብርኪ መዐቀኒ መምርሒ ኣብዚ ክልል ምትግባሩ የረጋግፅ፣

5. ንክልል ዘገልግል ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ዝምልከት መምርሕን ደንብን የዳሉ፣ ክዳሎ ይገብርን እንትፀድቕ የተግብር፣

6. ንሰብ ሞያ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን መዐቀኒ የውፅእ፣ ብቕዓት መረጋገፂ ፍቓድ ስራሕን ፍቓድ ሞያን ይህብ፣ ስጉምቲ መኣረምታ ይወሰድ፣

7. ስራሕ ዲዛይን ህንፃ፣ ህንፀት፣ ፅገናን ቁፅፅርን ይሰርሕ፣ ብተኻናታሪ ስራሕን ኣማኻርን ዝውሃበሉ ዕድል የመቻቹ፣ ክውሃብ ይገብር፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

8. ብተሳትፎ ሕብረተሰብ ዝስራሕ መንገዲ ይትልም፣ ሓገዝ ቴክኒክ ይህብ፣ ነቲ ስራሕ የተሓባብር፣

9. መንገዲ፣ ትራፊክን ድሕንነት መንገድን ዘኽብር ደንቢ የዳሉ፣ ምስፀደቐሉ የተግብር፣ መምርሕን ኣሰራርሓን የውፅእ፣ ክወፅእ ይገብር፣ ንተግባራውነቱ ይከታተል፣

10. ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዝተውሃቦ ትካል ንፍሉይ ወይ ንሓባር ዕላማ ግልጋሎት ዝሰርሑ፣ ዘፀግዋን ዘመሓድሮን መንገዲ ፍቓድ ስራሕ ይህብ፣ ይምዝግብ፣

11. ንዘዋሪ ሞተር ፍቓድ መዘወሪ፣ ምዝዋር ንዘምህር፣ ቴክኒክ ምርመራን ድሕንነት ተሽከርካሪ ንዘረጋግፅ፣ ኣብ ስራሕ ንግዲ



ያረጋግጣል፣

3. በክልሉ የሚሰራ የኮንስትራክሽን ስራ ሁሉ ይቆጣጠራል አዲስ ቴክኖሎጂ የህንፃ ቁሳቁስና መስሪያ ለማስገባት ጥናትና ምርምር ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣

4. በፌደራልና በክልል ደረጃ ዲዛይንና ኮንስትራክሽን በሚመለከት የሚወጣ የደረጃ መመዘኛ መመሪያ በዚሁ ክልል መተግበሩ ያረጋግጣል፣

5. ለክልሉ የሚያገለግሉ ዲዛይንና ኮንስትራክሽን የሚመለከት ደንብና መመሪያ ያዘጋጃል፣ እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል፣

6. ለዲዛይንና ኮንስትራክሽን ባለሙያ የደረጃ መመዘኛ ያወጣል፣ የሞያ ብቃት ማረጋገጫ ስራ ፈቃድና የሞያ ፍቃድ ይሰጣል፣ የእርምት እርምጃ ይወስዳል፣

7. የህንፃ ዲዛይን፣ ግንባታ፣ ጥገና እና የቁጥጥር ስራ ይሰራል፣ ለስራ ተቋራጭና ለአማካሪ የሚሰጥበት እድል ያመቻቻል፣ እንዲሰጥ ያደርጋል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣

8. በህብረተሰቡ ተሳትፎ የሚሰራ መንገድ ያቅዳል፣ የቴክኒክ ድጋፍ ያደርጋል፣ ስራውን ያስተባብራል፣

9. የመንገድ፣ የትራፊክ እና መንገድ ድህንነት የሚያስከብር ደንብ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅለት ተግባር ላይ ያውላል፣ መመሪያና አሰራር ያወጣል፣ እንዲወጣ ያደርጋል፣ ይተገብራል፣

10. የተፈጥሮ ሰው ወይም ህጋዊ ሰውነት የተሰጠው ድርጅት ለልዩ ወይም ለጋራ ዓላማ አገልግሎት ያሰራው የሚጠግነውና የሚያስተዳድረው መንገድ የስራ ፍቃድ ይሰጣል፣ ይመዘግባል፣

11. ለሞተር አሽከርካሪ መንጃ ፍቃድ፣ መንዳት ለሚያስተምር የተሽከርካሪ ደህንነትና የቴክኒክ ምርመራ ለሚያካሂድ በማጓጓዝ ንግድ ስራ

www.abyssinialaw.com



ምጉዕዓዝ ንዝዋፈር፣ ዘማኸርን ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዝተውሃበ ትካል ብቕዓት መረጋገፂ ሞያ ይህብ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

12. ብቕዓት ቴክኒክ ጋራዥ መፀገንን መሓደሲን ተሽከርካሪ የረጋግፅ፣ ደረጃ ይውስን፣ ንኣፈፃፅምኡ መምርሒ የውፅእ፣
13. ግልጋሎት መጓዓዝያ ድሌትን ማቓን ተገልገልቲ መሰረት ዝገበረ ምኻኑ ይከታተል፣ ፀገም መጓዓዝያ ወይ ህፁፅ ኩነታት ጠለብ ግልጋሎት ትራንስፖርት እንተጋጥም ኣብ ግልጋሎት ንግዲ ትራንስፖርት ዝተዋፈረ ተሽከርካሪ ውልቀ ወይ ማሕበር ወይ ኣክሲዮን የዋፍር፣
14. ድሕንነት ዓመታዊ ቴክኒክ ምርመራ ንዘካየደ ተሽከርካሪ መረጋገፂ ተለጣፊ ቦሎ ይህብ፣
15. ኣብ ሰብን ንብረትን ሓደጋ ከስዕብ ዝኽእል ተሽከርካሪ ኣብ ግልጋሎት ከይውዕል ተኸታቲሉ ይእግድ፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣
16. ግልጋሎት ታሪፍ ትራንስፖርት ይውሰን፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣
17. ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ተሽከርካሪ መንግስቲ ስርዓት ዝተኸተለ ክኸውን ይገብር፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣
18. ሓደጋ ንምንካይን ድሕንነት ትራፊክ መንገዲ ንምሕላውን ስራሕቲ ክትትልን ቁፅፅርን የካይድ፣ ስጉምቲ ይወስድ፣ ብሓጋዚ ኣካል ዝካየድ ምንቅስቓስ ድሕንነት ትራፊክ መንገዲ የተሓባብር፣ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ ንሕብረተሰብ አስተምህሮ ይህብ፣
19. ብዝኾነ ኣካል ንዝስራሕ መዕርፊ ንግዲ ተሽከርካሪ መዐቀኒ ደረጃ የውፅእ፣ የማሓድር፣

የተሰማራና የሚያማክር የተፈጥሮ ሰው ወይም ህጋዊ ሰውነት የተሰጠው ድርጅት የሙያ ብቃት ማረጋገጫ ፍቃድ ይሰጣል፣ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

12. የተሽከርካሪ መጠገኛና ማደሻ ጋራዥ የቴክኒክ ብቃት ማረጋገጫ ይሰጣል፣ ደረጃ ይወሰናል፣ ለአፈፃፀሙ መመሪያ ያወጣል፣
13. የትራንስፖርት አገልግሎት የተገልጋይ ፍላጎት እና ምቾት መሰረት ያደረገ መሆኑ ይከታተላል፣ የትራንስፖርት ችግር ወይም አስቸኳይ የትራንስፖርት ግልጋሎት ጥያቄ ሲያጋጥም በትራንስፖርት ንግድ የተሰማራ የግል ወይም የማሕበር ወይም የሽርክና ተሽከርካሪ ያሰማራል፣
14. ዓመታዊ የቴክኒክ ምርመራ ላካሄደ ተሽከርካሪ የብቃት ማረጋገጫ ተለጣፊ ቦሎ ይሰጣል፣
15. በሰውና በንብረት አደጋ ሊያደርስ የሚችል ተሽከርካሪ አገልግሎት እንዳይሰጥ ተከታትሎ ያግዳል፡፡ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣
16. የትራንስፖርት አገልግሎት ታሪፍ ይወሰናል፣ አፈፃፀሙን ይከታተላል፣
17. የመንግስት ተሽካርካሪ አያያዝና አጠቃቀም ስርዓት የተከተለ እንዲሆን ያደርጋል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣
18. አደጋ ለመቀነስ የመንገድ ትራፊክ ደህንነት ለመጠበቅ የክትትልና የቁጥጥር ስራ ያካሂዳል፣ እርምጃ ይወስዳል፣ በደጋፊ አካል የሚካሄድ የትራፊክ መንገድ ድህነነት እንቅስቃሴ ያስተባብራል፣ በበላይነት ይምራል፣ ለህብረተሰቡ ትምህርት ይሰጣል፣
19. በማንኛውም አካል የሚሰራ የንግድ ተሽከርካሪ መናሃሪያ ደረጃ መለኪያ ያወጣል፣ ያስተዳድራል፣

www.abyssinialaw.com



20. ብዝምልከቶም ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ዝቐርብ ሕቶ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ተቐቢሉ ጨረታ የውፅእ፣ ይወዓዓል፣ ይከታተል፣ የስርሕ፡፡

## 17. ቢሮ ፖሊስን ፀጥታን

1. ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ይሕልው፣ ይከታተል፣ የረጋግፅ፣ ህዝቢ የሳትፍ፣
2. ገበን ይከላኸል፣ መበገሲ ገበን የፅንዕ፣ ሜላ ምክልኻል ይሕንፅፅ፣ ንህዝቢ ብምውዳብ ኣብ ምክልኻል ገበን ወሳኒ ተርኡ ክፃወት ይገብር፣ ትምህርቲ ምክልኻል ገበን ይህብ፣
3. ህዝባዊን መንግስታዊን ትካላት ከምኡ'ውን ንላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስቲ ክልልን ከከም ኣድላይነቱ ንካልኦት ኣካላትን ድሕንነቶም ክሕሎ ይገብር፣
4. ኣብ ሓለዋን ምክልኻል ገበን፣ ሰላም፣ ድሕንነትን ፀጥታን ህዝቢ ምስዝሰርሑ ኣግባብነት ምስዘለዎም ኣካላት መንግስቲ ፌደራል፣ ክልላትን ወረዳታትን ርክብ ይምስርት፣ ልውውጥ መረዳእታ ይገብር፣
5. ምስ ጎረባብቲ ክልላት ዝለዓሉ ዘይምርድዳእን ጎንፅታትን ብሰላማዊ መንገዲ ይፈትሕ፣ ምስ ዝምልከቶም ክልላትን ፌደራልን ተሓባቢሩ ይሰርሕ፣
6. ኣብዚ ክልል ዝለዓሉ ዘይምርድዳእን ጎንፅታትን ብሰላማዊ መንገዲ ክፍትሑ ምስ ዝምልከቶ ኣካላት ተዋዲዱ ይሰርሕ፣
7. ሓይሊ ሚሊሻ እዚ ክልል ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ንስርሑ ዘድሊ ዕጥቅን ኣድላይ ንዋትን ክማላእን ክጠናኸርን ይገብር፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣
8. ኣብ እዋን ሓደጋ ሓገዝ ይህብ፣ ምስ ዝምልከቶም ይተሓባበር፣



20. በሚመለከተው የመንግስት መስሪያቤት የኮንስትራክሽን ስራ ጥያቄ ሲቀርብለት ተቀብሎ ያጫርታል፣ ውል ይፈፅማል፣ ይከታተላል፣ ያሰራል፡፡

## 17. የፖሊስና ፀጥታ ቢሮ

1. የህዝብ ሰላምና ደህንነት ይጠብቃል፣ ይከታተላል፣ ያረጋግጣል፣ ህዝብ ያሳትፋል፣
2. ወንጀል ይከላከላል፣ የወንጀል መነሻ በማጥናት የመከላከል ዘዴዎች ያጠናል፣ ለህብረተሰቡ በማደራጀት በወንጀል በመከላከል ወሳኝ ተራውን እንዲጫወት ያደርጋል፣ የወንጀል መከላከል ትምህርት ይሰጣል፣
3. ህዝባዊና መንግስታዊ ድርጅቶች እንዲሁም የክልሉ መንግስት ከፍተኛ ባለስልጣናት እንደ አስፈላጊነቱ ለሌሎች አካላት ደህንነታቸውን እንዲጠበቅ ያደርጋል፣
4. በፌደራል መንግስት፣ ክልሎችና ወረዳዎች የህዝብ ሰላም፣ ደህንነት፣ ፀጥታ ጥበቃና ወንጀል መከላከል ከሚሰሩ አግባብነት ያላቸው አካላት ግንኙነት ይመስርታል፣ የማስረጃ ልውውጥ ያደርጋል፣
5. ከአጎራባች ክልሎች ጋር የሚነሱ ግጭቶችና አለመግባባቶች በሰላማዊ መንገድ ይፈታል፣ ከሚመለከታቸው ክልሎችና ፌደራል ጋር ተባብሮ ይሰራል፣
6. በክልሉ የሚነሱ አለመግባባቶችና ግጭቶች በሰላማዊ መንገድ እንዲፈቱ ከሚመለከታቸው አካላት ጋር ተቀናጅቶ ይሰራል፣
7. የክልሉ የሚሊሻ ሐይል ይመራል፣ ያስተባብራል፣ ለስራው የሚያስፈልግ ትጥቅና አስፈላጊ የሆኑ ቁሳቁሶች እንዲጠናከርና እንዲሟላ ያደርጋል፣
8. በአደጋ ጊዜ እርዳታ ይሰጣል፣ ከሚመለከታቸው ጋር ይተባበራል፣

www.abyssinialaw.com



9. ሕገ-መንግስቲ ዝኣምንን ዘኽብርን፣ መሰል ዲሞክራሲ ዜጋታትን ህዝብታትን ዘኽብር ፖሊስ መልሚሉ የሰልጥን፣የዋፍር፣

10. ሓበሬታትን ስታስቲክስን ገበን የተኣኻኽብ፣ የፅንዕ፣ የባፅሕ፣ ስርዓት መተኣኻኽብን መጠናኸርን ሓበሬታ ብደረጃ ክልል የቐውም፣

11. ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ንካልኦት ኣካላት ስልጠና ምክልኻል ገበን ይህብ፣

12. ሰራሕተኛታት እዚ ቢሮ ስራሕቶም ሕገ-መንግስታዊ መሰል ዜጋታት ብዘይፃባእ መንገዲ ንኸፍፅሙ ይገብር፣

13. ሰራሕተኛ እዚ ቢሮ ስራሕቲ ቅድመ ምክልኻል ገበንን ምኽባር ፀጥታን እንተካይድ ካብ ተጠርጠርቲ ዝረኸቦም መረዳእታን ንብረትን ብእዋኑ ንዝምልከቶ ኣካል የመሓላልፍ፣

14. ህዝቢ ግዕዝይና ዘስዕቦ ሓደጋ ብዝግባእ ተረዲኡ ክቃለስ፣ ትምህርቲ ስነ-ምግባር ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ብምትእትታው ፅቡቅ ስነ-ምግባር ክዓሙቕ ብምግባር ንግዕዝይናን ብልሹው ኣሰራርሓታትን ዝቃለሰሉ ዕድል ይፈጥር፣

15. ኣብ ኣብያተ ዕዮን ትካላት ልምዓትን መንግስቲ ንግዕዝይናን ንብልሽው ኣሰራርሓን ዝተቓልዑ ኣሰራርሓታት ይከታተል፣ የፅንዕ፣ መፍትሒ ብምሃብ ግዕዝይና ይከላኸል፣

16. ሰብ ስልጣንን ካልኦት ብሕጊ ሃፍቶምን ፍልፍል እቶቶምን ክመዝግቡ ግቡእ ዘለዎም ሰራሕተኛታት መንግስትን ሃፍቶምን ፍልፍል እቶቶምን መዝጊቡ ይሕዝ፣ ዝርዝሩ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣

9. ህገ-መንግስትን የሚያምንና የሚያከብር፣ የዜጎችና የህዝቦችን ዲሞክራሲያዊ መብቶች የሚያከብር፣ ፖሊስ መልምሎ ያሰለጥናል፣ ያሰማራል፣

10. የወንጀል መረጃዎችንና ስታትስቲክስ ይሰባስባል፣ ያጠናል፣ ያዳርሳል፣ የመረጃ ማሰባሰቢያና ማጠናከርያ ስርዓት በክልል ደረጃ ያቋቁማል፣

11. አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ለሌሎች አካላት የወንጀል መከላከል ስልጠና ይሰጣል፣

12. የቢሮው ሰራተኞች ስራቸው የዜጎችን ህገ-መንግስታዊ መብት በማይፃረር መንገድ እንዲፈፅሙ ያደርጋል፣

13. የቢሮው ሰራተኛ በቅድመ ወንጀል መከላከልና ፀጥታ ማስከበር ስራዎች ሲያካሂድ ከተጠርጣሪዎች ያገኛቸው መረጃዎችና ንብረቶችን በጊዜው ለሚመለከተው አካል ያስተላልፋል፣

14. ህዝብ ሙስና የሚያስከትለው አደጋ በሚገባ ተረድቶ እንዲታገል፣ በመንግስት መስሪያቤቶች የስነ-ምግባር ትምህርት በማስተጋባት መልካም ስነ-ምግባር እንዲዳብር በማድረግ ሙስና እና ብልሹ አሰራሮችን የሚታገልበት ዕድል ያመቻቻል፣

15. በመንግስታዊ መስሪያቤቶችና የልማት ድርጅቶች ለሙስናና ብልሹ አሰራር የተጋለጡ አሰራሮች ይከታተላል፣ ያጠናል ፣ መፍትሔ በመስጠት ሙስናን ይከላከላል፣

16. የመንግስት ባለስልጣናትና ሌሎች በህግ ሀብታቸውንና የገቢ ምንጫቸው ለማስመዝገብ ግዴታ ያለባቸውን ሰራተኞች ሀብታቸውና የገቢ ምንጫቸው መዝግቦ ይይዛል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣

www.abyssinialaw.com



17. መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮን ትካላት ልምዓት መንግስትን ደንብታት ስነ-ምግባር ዘዳለዉ ምኳኖም የረጋግፅ ወይ የዳሉ ኣብ ተግባር ምውዓሎም ይከታተል፡፡ ብኣውፃእቲ ሕግን ተርጎምቲ ሕግን ምድላው ደንቢ ስነ-ምግባር ኣመልኪቱ ሕቶ እንትቕርበሉ የማኽር፣

18. ግዕዝይናን ስነ-ምግባርን ዝምልከቱ ፅንዓትን ምርምርን የካይድ፣ ተመሳሳሊ ስራሕቲ ንዘሳልጡ ኣካላት ይድግፍን የተባብዕን፣ ዕላማታት እቲ ቢሮ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ዝሕግዙ ፀብፃባትን ውፅኢት ፅንዓትን ብፅሑፍ እናሓተመ ይብትን፣

19. ስነ-ምግባር መኮነን ኣብ ኣብያተ ፅዮን ትካላት ልምዓት መንግስትን ክቐውም ይገብር፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣

20. ኣብ ምክልኻል ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓታትን ፅቡቕ ውፅኢት ንዘመዝገቡ ውልቀ ሰባት፣ ኣካላትን ኣብያተ ፅዮን ይሸልም፣ ዝሸለመሉ ስርዓት ይዝርግሕ፣

21. ኣብ ምክልኻል ግዕዝይና ምስ ዝሰርሑ ኣካላት ፌደራልን ክልላትን ርክብ ስራሕ ይፈጥር፣

22. ንፖሊስነት ዘብቅዑ መዐቀኒታት፣ ኣመላምልኡ፣ ስልጠንኡ፣ ክህልዎ ዝግባእ ሞያ፣ ስነ-ምግባር፣ ዘመን ግልጋሎቱ፣ ዕብየቱ፣ ኣወሃህባ መዓርግ፣ ዝውውርን ካልኦት ስራሕቲ ምምሕዳርን ዝምልከቱ መዐቀኒታት ኣሰራርሓታት የውፅእ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣

23. ኣብ ስራሕ ዝርከብ ሓይሊ ፖሊስ እዚ ቢሮ ካብ ወታደራዊ ማዕርግ ወፃኢ ዝኾነ ማዕርግን ምልክትን መፍለይ ክዳን ደንብን ንክህልዎ ይገብር፣

24. ሓይሊ ፖሊስ ዝመሓደረሉ ደንቢ የዳሉ፣ ምስፀደቐሉ የተግብር፣

17. የመንግስት መስሪያቤቶች እና የመንግስት የልማት ድርጅቶች የስነ-ምግባር ደንቦች ያዘጋጁ መሆናቸው ያረጋግጣል ወይም ያዘጋጃል፣ ተግባር ላይ መዋላቸውን ይከታተላል፣ ከህግ አውጪ እና ህግ ተርጓሚ የስነ-ምግባር ደንብ ዝግጅት ጥያቄ ሲቀርብለት ምክር ይሰጣል፣

18. ሙስናና ስነ-ምግባር የተመለከተ ጥናትና ምርምር ያካሂዳል፣ ተመሳሳይ ስራዎች ለሚያከናውኑ አካላት ድጋፍ ይሰጣል፣ ያበረታታል፣ የቢሮው አላማዎች ከግቡ ለማድረስ የሚረዱ ሪፖርቶች እና የጥናት ውጤቶች በፅሑፍ አሳትሞ ያሰራጫል፣

19. ስነ-ምግባር መኮነን በመንግስታዊ መስሪያ ቤቶችና የልማት ድርጅቶች እንዲቋቋም ያደርጋል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወሰናል፣

20. ሙስናን እና ብልሹ አሰራሮችን በመከላከል ረገድ ጥሩ ውጤት ያስገኙ ግለሰቦች፣ ድርጅቶች እና መስሪያቤቶች ይሸልማል፣ የሚሸለምበት ስርዓት ይዘረጋል፣

21. ሙስና በመከላከል ስራ የሚሰሩ የፌዴራልና የክልል አካላት ጋር የሰራ ግንኙነት ይፈጥራል፣

22. ፖሊስ ለመሆን የሚያበቁ መመዘኛዎች፣ ምልመላ፣ ስልጠና፣ ሊኖረው የሚገባ የሞያ ስነ ምግባር፣ የአገልግሎት ዘመን፣ እድገት፣ የማእርግ አሰጣጥ፣ ዝውውርና ሌሎች አስተዳደራዊ ስራ የሚመለከቱ መመዘኛዎችና አሰራሮች ያወጣል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፣

23. በስራ የሚገኝ የቢሮው ፖሊስ ሃይል ከወታደራዊ ማእርግ ውጭ የሆነ ማእርግ፣ ምልክትና መለያ ደንብ ልብስ እንዲኖረው ያደርጋል፣

24. የፖሊስ ሃይል የሚተዳደርበት ደንብ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅለት ይተገብራል፣

www.abyssinialaw.com



25. ሰራሕተኛታት መንግስቲ እዚ ቢሮ ዝመሓደርሉ ፍሉይ ደንቢ የዳሉ፣ እንትፀድቐሉ የተግብር፣
26. ካብ ዝኾነ ዓይነት ወገናውነት ነፃ ዝኾነ ሓይሊ ፖሊስ ይሃንፅ፣

## 18. ቢሮ ፍትሒ

1. ንሃገራዊ ፖሊሲ መሰረት ዝገበረ ንስራሕቲ ፍትሒ ዝምልከት ፖሊሲ ሓሳባት የመንጭው፣ ምስፀደቐ ኣብ ተግባር የውዕል፣ ክውዕሉ ይገብር፣
2. ትካላዊ ለውጢ ንምምፃእ ስራሕቲ ምዕባይ ዓቕሚ የካይድ፣ ክካየድ ይገብር፣ ንታሕተዎት ኣካላት ቀፃልነት ዘለዎ ቴክኒካዊ ደገፍ ይህብ፣
3. ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ብኩሎም መንግስታዊን ዘይመንግስታውን ትካላት፣ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ሕጊ ዝተኸበረ ምዃኑ የረጋግፅ፣
4. ብመሰረት ሕጊ ገበን ዝተጠርጠሩ ሰባት ይፍትሽ፣ ይሕዝ፣ የፃሪ፣
5. ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ እዚ ክልል ዝኾኑ ዋኒናት ገበን ይከራኸር፣
6. ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ትካላት ልምዓት መንግስትን ገበን ግዕዝይና ዝተፈፀመ ንምዃኑ ሓበሬታ እንትርከብ ወይ እኹል ጥርጣረ እንትህሉ ኦዲት ይገብር፣ የፃሪ፣ ክሲ ይምስርት፣
7. ገበን ግዕዝይና ንምፅራይ ብመሰረት ሕጊ ስነ-ስርዓት ገበን ኢትዮጵያን ካልኦት ሕግታትን ኣብ ዝኾነ ቀፅሪ ወይ መንበሪ ገዛ ወይ ስራሕ ቦታ ይኣትው፣ ዝኾነ ይኹን ተሸከርካሪ ወይ ካልእ ንብረት ይፍትሽ፣ ይሕዝ፣



25. የቢሮው የመንግስት ሰራተኞች የሚተዳደሩበት ልዩ ደንብ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅለት ይተገብራል፣
26. ከማንኛውም አይነት ወገናውነት ነፃ የሆነ የፖሊስ ሃይል ይገነባል፣

## 18. ፍትህ ቢሮ

1. ሃገራዊ ፖሊስ መሰረት ያደረጉ የፍትህ ስራዎች የሚመለከቱ የፖሊሲ ሓሳቦች ያመነጫል፣ ሲፀድቅ በተግባር ላይ ያውላል፣ እንዲውሉ ያደርጋል፣
2. ተቋማዊ ለውጥ ለማምጣት የአቅም ግንባታ ስራ ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣ ለበታች አካላት ቀጣይነት ያለው ቴክኒካዊ ድጋፍ ይሰጣል፣
3. በክልሉ ውስጥ በሁሉም መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች፣ ማሕበራትና በግለ ሰዎች ህግ የተከበረ መሆኑ ያረጋግጣል፣
4. በወንጀል የተጠረጠሩ ሰዎች በህግ መሰረት ይፈትሻል፣ ይይዛል፣ ያጣራል፣
5. የክልል ፍርድቤቶች ስልጣን የሆኑ የወንጀል ጉዳዮች ይከራከራል፣
6. በመንግስታዊ መስሪያቤቶችና የመንግስት ልማት ድርጅቶች የሙስና ወንጀል የተፈፀመ መሆኑ ጥቆማ ሲያገኝ ወይም የተፈፀመ መሆኑ በቂ ጥርጣሬ ሲኖር ኦዲት ያደርጋል፣ ያጣራል፣ ክስ ይመሰርታል፣
7. የሙስና ወንጀል ለማጣራት በኢትዮጵያ የወንጀል ስነ-ስርዓት ህግና ሌሎች ህጎች መሰረት በማንኛውም ቅጥር ግቢ ወይም መኖሪያ ቤት ወይም የስራ ቦታ ይገባል፣ ማንኛውም ተሽከርካሪ ወይም ሌላ ንብረት ይፈትሻል፣ ይይዛል፣

www.abyssinialaw.com



8. ምስ ገበን ግዕዝይና ብዝተኣሳሰረ ኣብ ባንኪ ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ዝተቐመጠ ገንዘብ፣ ወርቒ፣ ካልኦት ክባራት ማዓድናት ከምዘሎ እኹል ጥርጣረ ወይ መረዳእታ እንተህልው ኣብ ዝኾነ ባንኪ ወይ ፋይናንሳዊ ትካል ዝርከብ ሒሳብ ባንኪ ተጠርጣሪ ብትእዛዝ መራሒ ስራሕ ክምርመር ይገብር፣ መረዳእታ ምርካብን ምእጋድን ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ክእገድ ይገብር፣
9. ድሕንነት መሰኻኽርን ጉድኣት ገበንን ይሕሉ፣ ክሕሎ ይገብር፣
10. ጥቕምን መሰልን መንግስቲ እዚ ክልል ንምኽባር ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብዝኾነ ይኹን ዳይነት ሰማዒ ኣካል ክሲ ይምስርት፣ ክምስረት ይገብር ወይ ጣልቃ ኣትዩ ይከራኸር ወይ ከከም ኩነታቱ ተኸላኻሊ ኮይኑ ይቐርብ፣
11. ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብፈፀምቲ ገበን ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖምን መሰሎም ንምኽባር ዓቕሚ ዘይብሎምን ጉድኣት ገበን እንተጋጥሙ መሰሎምን ጥቕሞምን ንምኽባር ኣብ ዋኒናት ፍትሃብሄር ጣልቃ ኣትዩ ይከራኸር፣
12. ማእኸል ህንፀትን መዕረፊ ቦታታትን የማሓድር፣
13. ብመሰረት ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ንተኸሰስቲ ናብ ቤት ፍርዲ የቕርብ፣
14. ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ንዝዓፀፉ መሰኻኽር ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኣገዲዱ የቕርብ፣
15. ኣብ መዕረፊ ቦታ ንክፀንሕ ብቤት ፍርዲ ዝተኣዘዘ ተጠርጣሪ ተቐቢሉ የፅንሕ፣ ኣብ ግዘ ቆፀሮ ናብ ቤት ፍርዲ የቕርብ፣
16. ብውሳነ ቤት ፍርዲ ኣብ መዕረፊ ቦታ ቅፅዓቶም ንኸውድኡ ዝተፈረደም ጥፍኣተኛታት ተቐቢሉ ከከም ፍርዲ ቅፅዓቶም



8. ከሙስና ወንጀል ጋር በተያያዘ በባንክ ወይም ፋይናንሳዊ ተቋም የተቀመጠ ገንዘብ፣ ወርቅ፣ ሌሎች ውድ ማዓድኖች እንዳለ በቂ ጥርጣሬ ወይም ማስረጃ ሲኖር በማንኛውም ባንክ ወይም ፋይናንሳዊ ተቋም የሚገኝ የተጠርጣሪው የሒሳብ ባንክ በስራው መሪ ትእዛዝ እንዲመረመር ያደርጋል፣ ማስረጃ ማግኘትና ማገድ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በፍርድቤት ትእዛዝ እንዲታገድ ያደርጋል፣
9. የምስክሮች እና የወንጀል ተጎጂዎች ደህንነት ይጠብቃል፣ እንዲጠበቅ ያደርጋል፣
10. የክልሉ መንግስት መብትና ጥቅም ለማስከበር በማንኛውም ሰው ላይ በማንኛውም የዳይነት ሰሚ አካል ክስ ይመሰርታል፣ እንዲመሰረት ያደርጋል፣ ወይም ጣልቃ በመግባት ይከራከራል ወይም እንደየሁኔታው ተከላካይ ሆኖ ይቀርባል፣
11. አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በወንጀል ፈፃሚዎች ከፍተኛ ጉዳት የደረሰባቸውና መብታቸውን ለማስከበር ዓቅም የሌላቸው የወንጀል ተጎጂዎች ሲያጋጥሙ መብታቸውና ጥቅማቸው ለማስከበር በፍትሃብሄር ጉዳይ ጣልቃ በመግባት ይከራከራል፣
12. ማረሚያ ቤቶችና ማረፊያ ቦታዎችን ያስተዳድራል፣
13. በፍርድቤት ትእዛዝ መሰረት ተከሳሾች ያቀርባል፣
14. የፍርድ ቤት ትእዛዝ ያላከበሩ ምስክሮች በፍርድ ቤት ትእዛዝ አስገድዶ ያቀርባል፣
15. በማረፍያ ቦታ እንዲቆይ በፍርድ ቤት የታዘዘ ተጠርጣሪ ተቀብሎ ያቆያል፣ በቀነ ቀጠሮው ወደ ፍርድቤት ያቀርባል፣
16. በፍርድ ቤት ውሳነ ቅጣታቸው በማረፍያ ቦታ እንዲፈፅሙ የተወሰነባቸው ጥፋተኞች ተቀብሎ እንደፍርዳቸው እያየ ይፈፅማል፣

www.abyssinialaw.com



እናራኣየ ይፍፅም፣

17. ብቤት ፍርዲ መቕፃዕቲ ዝተወሰነሎም ተሃነፅቲ ተቐቢሉ ብመሰረት ትእዛዝ ቤት ፍርድን ሕግን የፈፅም፣ ይሃንፅ፣ ቅፅዓቶም ወዲኦም ንዝወፁ ተሃነፅቲ እግሪ ዝተኽልሉ ባይታ የመቻቹ፣

18. ማእኸላት ህንፀት ዝተፈላለዩ ፍልፍል እቶት ተጠቒመን እቶተን ከዕብያ ይገብር፣ እቶት ይእክብ፣ ብመሰረት ዘዳልዎ ትልሚ ብቢሮ ትልምን ፋይናንስን እንትፍቀደሉ ኣብ ስራሕ የውዕል፣ ክውዕል ይገብር፣ ዝርዝሩ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣

19. ብመሰረት ሕግን ኣሰራርሓ ኣብያተ ህንፀትን ንተሃነፅቲ ብኣመክሮ ይፈትሕ ወይ ክፍትሑ ይገብር፣

20. ብመሰረት ሕጊ መንግስቲ ይቅርታ ንዝገበረሎም ፍርደኛታት ሓሪዩ ምስ መበገሲ ውሳነ ሓሳብ ንውሳነ ናብ ቤት ምኽሪ ኣፈፃሚ ስራሕ የቕርብ፣ ምስፀደቐ የተግብር፣

21. ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ከባቢ ተረኺቡ ቴክኒካዊ መረዳእታ የጠናኽር፣ ክጠናኽር ይገብር፣ ንዝምልከቶ ኣካል የቕርብ፣ ክቐርብ ይገብር፣

22. ሓደጋ ትራፊክ ኣብዘጋጥመሉ እዋን ቴክኒካዊ ምዕራይ የካይድ፣ ክካየድ ይገብር፣ ዝተረኽበ ውፅኢት ንዝምልከቶ ኣካል ይልእኽ፣ ክላኣኽ ይገብር፣

23. ብመንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ እዚ ክልል ጠለብ ምርቃቕ ሕጊ እንትቐርበሉ ኣብ ንፁር መፅናዕቲ ዝተደረኸ ረቂቕ ሕጊ ኣድልዩ ናብ ቤት ምኽሪ ኣፈፃሚ ስራሕ የቕርብ፣

24. ኣብ ስራሕ ዘለዉ ሕግታት ኣብ ምዕሳል ሰናይ ምምሕዳር፣ ምዕምባብ ዲሞክራሲን ምቅልጣፍ ልምዓትን ዘለዎም ፋይዳ ብዝተመልከተ መፅናዕቲ የካይድ፣ ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ

17. በፍርድ ቤት ቅጣት የተወሰነባቸው ታራሚዎች ተቀብሎ በፍርድ ቤት ትእዛዝና ህግ መሰረት ይፈፅማል፣ ይገነባል፣ ቅጣታቸው ጨርሰው ለሚወጡ ታራሚዎች መልሰው የሚቋቋሙበት ሁኔታ ያመቻቻል፣

18. ማረሚያ ቤቶች የተለያየ የገቢ ምንጭ ተጠቅመው ገቢያቸው እንዲያሳድጉ ያደርጋል፣ ገቢውን ይሰበሰባል፣ በሚያዘጋጀው እቅድ መሰረት በፕላንና በፋይናንስ ቢሮ ሲፈቀድለት በስራ ላይ ያውላል፣ እንዲውል ያደርጋል፣ዝርዝሩ በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣

19. በህግና የማረሚያቤቶች አሰራር መሰረት ታራሚዎችን በአመክሮ ይፈታል ወይም እንዲፈቱ ያደርጋል፣

20. በህግ መሰረት መንግስት ይቅርታ ለሚያደርግላቸው ፍርደኞች መርጦ ከነ መነሻ ውሳነ ሓሳቡ ለውሳኔ ለክልሉ የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ያቀርባል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል፣

21. ወንጀል በተፈፀመበት አካባቢ በመገኘት ቴክኒካዊ ማስረጃ ያጠናክራል፣ እንዲጠናከር ያደርጋል፣ ለሚመለከተው አካል ያቀርባል፣ እንዲቀርብ ያደርጋል፣

22. የትራፊክ አደጋ በሚያጋጥምበት ጊዜ ቴክኒካዊ ማጣራት ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣ የተገኘው ውጤት ለሚመለከተው አካል ይልካል፣ እንዲላክ ያደርጋል፣

23. በክልሉ የመንግስት መስሪያቤቶች የህግ ማርቀቅ ጥያቄ ሲቀርብለት ግልፅ በሆነ ጥናት ላይ ተመርኩዞ የህግ ረቂቅ በማዘጋጀት ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ያቀርባል፣

24. በስራ ላይ ያሉ ህጎች መልካም አስተዳደር በማስፈን፣ ዲሞክራሲ በማጎልበት ልማት በማቀላጠፍ በኩል ያላቸው ፋይዳ በሚመለከት ጥናት ያካሂዳል፣ የጥናቱ ውጤት

www.abyssinialaw.com



ንዝምልከቶ ኣካል የቕርብ፣

25. ብመዳይ ሕጊ ንመንግስቲ እዚ ክልል ይውክል፣ ኣማኻሪ ሕጊ ኮይኑ ይሰርሕ፣

26. ስርፀት ሕጊ ንምክያድ ዘኽእል ስርዓተ ትምህርቲ ቐሪፁ ኣብ ተግባር የውዕል፣

27. ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ስርፀት ሕጊ ምስ ዘካይዱ ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ስርፀት ሕጊ የካይድ፣ ክካየድ ይገብር፣ ነዚ ስራሕ'ዚ የተሓባብር፣ ይቆፃፀር፣

28. ኣብ ኣብያተ ፍርዲ እዚ ክልል ንዝሰርሑ ጠበቓታት ፍቓድ ጥብቅና ይህብ፣ የሕድስ፣ ይእግድ፣ ይስርዝ፣ ንዝህቦ ግልጋሎት ክፍሊት ግልጋሎት የኽፍል፣

29. ኣብ ምርግጋፅ ዝተፈላለዩ ሰነዳት፣ ምፅዳቕን ምምዝጋብን ዝተፈላለዩ ስምምዓት ተመስሪቱ ግልጋሎት ውዕልን ማሕበራዊ ጉዳያትን ይህብ፣ ካብ እድር፣ ህፃናትን ኣረጋውያንን ዝስርሑ ማሕበራት ወፃኢ ንዘለው ዘይመትረፍቲ ማሕበራት ይምዝግብ፣ ፍቓድ ይህብ፣ ይስርዝ፣ ይቆፃፀር፣ ዝርዝሩ እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣

30. ስራሕቲ ፍትሒ ንምስላጥ ምስ ኣብ ፌደራልን ክልልን ዝርከቡ መንግስታውን ዘይመንግስታዊን ኣካላት ርክብ ስራሕ ይፈጥር፣

31. ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ሰራሕተኛታቱ የማሓድር፣

32. ዋኒናት ፍታብሄር ዝምልከት ብቤት ፍርዲ ትእዛዝ ኣብ መዕረፊ ቦታ ኮይኖም ክፍፅሙ ዝተወሰነሎም ተቐቢሉ የፈፅም፣

33. ኢግዚቢት ሒዙ የፅንሕ፣ ብቤት ፍርዲ ምስተወሰነ የተግብር፣

ለሚመለከተው አካል ያቀርባል፣

25. በህግ በኩል የክልሉ መንግስት ይወክላል፣ የህግ አማካሪ ሆኖ ይሰራል፣

26. የህግ ስርፀት ለማካሄድ የሚያስችል ስርዓተ ትምህርት ቀርፆ ተግባር ላይ ያውላል፣

27. በተለያዩ ዘዴዎች በመጠቀምና የህግ ስርፀት ስራ ከሚፈፅሙ አካላት ጋር በመተባበር በመላው ሕብረተሰብ የህግ ስርፀት ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣ ይህን ስራ ያስተባብራል፣ ይቆጣጠራል፣

28. በክልሉ ፍርድቤቶች ለሚሰሩ ጠበቆች የጥብቅና ፍቃድ ይሰጣል፣ ያድሳል፣ ያግዳል፣ ይሰርዛል፣ ለሚሰጠው አገልግሎት የአገልግሎት ክፍያ ያስከፍላል፣

29. የተለያዩ ሰነዶች በማረጋገጥ፣ የተለያዩ ስምምነቶች በማፅደቅና በመመዝገብ የተመሰረተ የውልና ማህበራዊ ጉዳዮች አገልግሎት ይሰጣል፣ እድር፣ ህፃናትና አረጋውያን ከሚሰሩ ማሕበራት ውጭ ያሉ አትራፊ ያልሆኑ ማሕበራት ይመዘግባል፣ ፍቃድ ይሰጣል፣ ይሰርዛል፣ ይቆጣጠራል፣ ዝርዝሩ ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ ይወስናል፣

30. የፍትህ ስራ ለማቀላጠፍ በፌደራልና በክልል ከሚገኙ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ አካላት የስራ ግንኙነት ይፈጥራል፣

31. በመንግስት ሰራተኞች ሕግ መሰረት ሰራተኞቹ ያስተዳድራል፣

32. የፍታብሄር ጉዳዮች በተመለከተ በፍርድቤት ትእዛዝ በማረፊያ ቦታ ሆኖው እንዲፈፅሙ የተወሰነላቸው ተቀብሎ ያስፈፅማል፣

33. እግዚቢት ይዞ ያቆያል፣ በፍርድ ቤት ሲወሰን ይተገብራል፣

www.abyssinialaw.com



34. ብሕጊ መሰረት ምስ ፈፀምቲ ገበን ስራሕቲ ዕርቅን ድርድርን የካይድ፣
35. ኣብ ስራሕቲ እዚ ቢሮ ንዝዋፈር ሓይሊ ፖሊስ ይምልምል፣ የሰልጥን፣ የዋፍር፣
36. ኣብዚ ቢሮ ንዝሰርሑ ፖሊሳት ካብ ወታደራዊ ማዕርግ ወፃኢ ዝኾነ መዓርግ ይህብ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡን መዐቀኒታቱን ብደንቢ ይውሰን፣
37. ኣብዚ ቢሮ ዘሎ ሓይሊ ፖሊስ፣ ዓቃቢ ሕጊ ዝመሓደርሉ ነናይ ባዕሎም ደንቢ የዳልው፣ ምስፀደቐሉ ኣብ ተግባር የውዕል፣ ክውዕል ይገብር፣
38. ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ ዘለዉ ሰራሕተኛታት እዚ ቢሮ የመሓድር፣ የዋፍር፣ የዛውር፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፀምኡ ብዝወፅእ ደንብን መምርሕን ይውሰን፣
39. ምዕራይን ክስን ተንከፍ ዝኾኑ እስታቲስቲካዊ መረዳእታን ሓበሬታን ይእኽብ፣ ይውድብ፣ ይትንትን፣ ንዝምልከቶ አካል የቕርብ፣ ንስርሑ ኣድለይቲ ዝኾኑ ካልኦት እስታስቲካዊ መረዳእታ ይእክብ፣ የዋድድ፣ ስርዓት መረዳእታ ይዝርግሕ፣
40. ዓቕሚ መንግስቲ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣብ ማእኸላት ህንፀት ንዝርከቡ ተሃነፅትን ምስ ወለዶም ዝርከቡ ዕድሚኦም ካብ 5 ዓመት ዘይበልፅ ህፃውንትን ግልጋሎት ምግቢ፣ መፅለልን ነፃ ሕክምናን ክረኽቡ ይገብር፣
41. ስራሕቲ ቴክኒክ ምዕራይ የካይድ፣ ክካየድ ይገብር፣ ውፅኢቱ መረዳእታ ንዘድልዮም ይህብ፡፡

## 19. ቢሮ ልምዓት ሃፍቲ ማይ፣ማዕድን ኢነርጅን

1. ልምዓት ሃፍቲ ማይ ማዕድንን ኢነርጅን ንምስፍሕፋሕ ናይ ሓጺር፣ ማእኸላይን ነዊሕን ግዘ ፖሊሲ፣ እስትራተጅን ትልምን የዳሉ፣



34. በሕግ መሰረት ከወንጀል ፈፃሚዎች ጋር የድርድርና የእርቅ ስራዎች ያካሂዳል፣
35. በቢሮው ስራዎች ለሚሰማራ የፖሊስ ሓይል ይመለምላል፣ ያሰለጥናል፣ ያሰማራል፣
36. በቢሮው ለሚሰሩ ፖሊሶች ከወታደራዊ ማእርግ ውጭ የሆነ ማእርግ ይሰጣል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ እና መመዘኛዎቹ በደንብ ይወሰናል፣
37. በቢሮው ያለው የፖሊስ ሃይል፣ አቃቤ ህግ የሚተዳደሩበት የየራሳቸው ደንብ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅለት ተግባር ላይ ያውላል፣ እንዲውል ያደርጋል፣
38. ከክልል እስከ ወረዳ የሚገኙ የቢሮው ሰራተኞች ያስተዳድራል፣ ያሰማራል፣ ያዛውራል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣው ደንብና መመሪያ ይወሰናል፣
39. የማጣራትና የክስ ነክ የሆኑ እስታቲስቲካዊ መረጃና ኢንፎርሜሽን ይሰበስባል፣ ያደረጃል፣ ይተነትናል፣ ለሚመለከተው አካል ያቀርባል፣ ለስራው አስፈላጊ የሆኑ ሌሎች እስታቲስቲካዊ መረጃ ይሰበስባል፣ ያቀናጃል፣ የመረጃ ስርዓተ ይዘረጋል፣
40. የመንግስት አቅም ግምት ውስጥ ያስገባ በማረሚያ ቤቶች ለሚገኙ ታራሚዎችና ከወላጆቻቸው የሚገኙ እድሚያቸው ከ5 አመት የማይበልጥ ህፃናት የምግብ የመጠለያ እና ነፃ የህክምና አገልግሎት እንዲያገኙ ያደርጋል፣
41. ቴክኒካዊ የማጣራት ስራዎች ያካሂዳል፣ እንዲካሄድ ያደርጋል፣ ውጤቱ መረጃ ለሚያስፈልጋቸው ይሰጣል፡፡

## 19. የውሃ ሃብት ልማት፣ማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ

1. የውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጂ ልማት ለማስፋፋት የአጭርና መካከለኛና ረዥም ጊዜ ፖሊሲና ስትራተጂ እቅድ ያዘጋጃል፡፡ ለዚህ

www.abyssinialaw.com



ነዝይ መፈፀሚ ዝኸውን ማስተር ፕላን ክዳለው ይገብር፣ የመሓይሽ፣ ዝርዝር መፈፀሚ መምርሒ የውፅእ፣

2. ብመሰረት ማስተር ፕላን ንልምዓት ሃፍቲ ማይ ምግፋሕ ዘኽእሉ ፕሮጀክትታት ብባዕሉን ብካልኦት ኣካላትን ክስርሑ ይገብር፣

3. ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ብዝምልከት መረዳእታታት ይእክብ፣ ይውድብ፣ የፅንዕ፣

4. ንመስተን መስኖን ዝውዕሉ ፕሮጀክትታት ብዝምልከት ስራሕቲ ፅንዓትን ዲዛይንን ይሰርሕ፣ ህንፀት ክትትል የካይድ፣

5. ልምዓት መስተ ማይን መስኖን የስፋሕፍሕ ብመፅናዕቲ ዝተረጋገፁ ሜላታት ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ማይ ክምዕብሉን ክጋፍሑን ይገብር፣

6. ሃፍቲ ማይ ሚዛናዊ ብዝኾነ መንገዲ ምክፍፋሉን ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉን ይቆፃፀር፣

7. ስራሕ ፍቓድ ዘድልዮም ደረጃን ዓይነት ማይ ተንከፍ ስራሕቲ ይፈልይ፣ ኣብዚ ስራሕ ንዝዋፈር ሰብ ኣጠቃቕማ ፍቓድ በዓል ሞያን ማይን ይህብ፣ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሎምን' ውን ይቆፃፀር፣ ብዘይፍቓድ ዝስርሑ ይእግድ፣

8. መስተ ማይን መስኖን የስፋፍሕ፣ ብፅንዓት ክስፋሕፋሕ ይገብር፣ ዲዛይንን ፅንዓትን መስኖ ህንፀትን ፅገናን መመዘኒ ደረጃታት የውፅእ፣ ተግባራዊነቱ ይከታተል፣

9. ልምዓት ሃፍቲ ማይ ማዕድንን ኢነርጅን ምስፍሕፋሕ ዘኽእል ዝተማለአ ብቕዓት ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ክህሉ ፃዕሪ ይገብር፣

10. ምስ ዝምልከቶም መንግስታዊን ዘመንግስታዊን ኣካላት ብምትሕግጋዝ ህዝቢ ኣብ ህንፀትን ሕድሳትን ስራሕቲ ማይ ክሳተፍ ይገብር፣

11. ትካላት ማይ ቐፃልነት ንክህልወን ንናይ ማይ ኮሚቴ ሓገዝ ቴክኒክን ስልጠናን ይህብ፣

ማስፈፀሚያ የሚሆን ማስተር ፕላን እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ ያሻሽላል፣ ዝርዝር ማስፈፀምያ መመሪያ ያወጣል፣

2. በማስተር ፕላኑ መሰረት ለውሃ ሃብት ልማት ማስፋፋት የሚያስችሉ ፕሮጀክቶች በራሱና በሌሎች አካላት እንዲሰሩ ያደርጋል፣

3. የውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጂ በሚመለከት መረጃዎች ይሰበስባል፣ ያደራጃል፣ ያጠናል፣

4. ለመጠጥና ለመስኖ የሚውሉ ፕሮጀክቶችን በሚመለከት የጥናትና የዲዛይን ስራዎች ይሰራል፣ የግንባታ ክትትል ያካሂዳል፣

5. የመጠጥ ውሃ ልማትና መስኖ ያስፋፋል የውሃ ሃብት አጠቃቀም በጥናት የተረጋገጡ ዘዴዎች እንዲያድጉና እንዲሰፋፉ ያደርጋል፣

6. ውሃ ሃብት ሚዛናዊ በሆነ መንገድ መከፋፈሉንና ጥቅም ላይ መዋሉን ይከታተላል፣

7. የስራ ፈቃድ የሚያስፈልጋቸው ውሃ ነክ ስራዎች ደረጃና ዓይነት ይለያል፣ በዚህ ስራ ለሚሰማራ ሰው የሞያና የውሃ አጠቃቀም ፍቃድ ይሰጣል፣ ጥቅም ላይ መዋላቸውን ይቆጣጠራል ያለ ፈቃድ የሚሰሩ ያግዳል፣

8. የመጠጥ ውሃና የመስኖ ውሃ ያስፋፋል በጥናት እንዲሰፋ ያደርጋል፣ ዲዛይን፣ የመስኖ ልማት ግንባታና ጥገና መመዘኛ ደረጃዎች ያወጣል፣ ተግባራዊነቱም ይከታተላል፣

9. የውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጅ ልማት ለማስፋፋት የሚያስችል የተሟላ ብቃት ያለው የሰው ሃይል እንዲኖር ጥረት ያደርጋል፣

10. ከሚመለከታቸው መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ አካላት በመተጋገዝ ህዝቡ በውሃ ግንባታና እድሳት ስራዎች እንዲሳተፍ ያደርጋል፣

11. የውሃ ድርጅቶች ቀጣይነት እንዲኖራቸው ለውሃ ኮሚቴ የቴክኒክና ስልጠና ድጋፍ

www.abyssinialaw.com



12. ምስ ተጠቀምትን ዝምልከቶም ቤት ፅሕፈታትን ብምትሕብባር ድሕንነት ሃፍቲ ማይን ትካላት ማይን ይከታተል፣ ሕድሳት ዘድልዮም ከሕድሱ ይገብር፣
13. ፅርየት ማይ ደረጅኡ ዝሓለወ ምዃኑ ይቆፃፀር፣ ሃፍቲ ማይ ዝብክሉ ነገራት ይከታተል፣ ፍልፍሎም ንክውገድ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምፅናዕ ሕጋዊን ቴክኒካዊን ስጉምቲ ይውሰድ፣
14. ደረጃ ብደረጃ ፅሬቱ ዝተሓለወ ዝስተ ማይ ንሕብረተሰብ ክባፃሕ ይገብር፣
15. ንምዕባለ ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ዝጠቅም ቴክኖሎጂ የተኣታትው፣
16. ተመን ክፍሊት ግልጋሎት ማይ ንምውሳን ዘኽእል መፅናዕቲ የካይድ፣ የወስን፣
17. ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ብዝምልከት ብፌደራል መንግስቲ ዝወፀ ፖሊሲን ስትራተጅን ምስ ናይ ክልልና ኩነታት ብምዝማድ ክፍፀም ይገብር፣
18. ንስራሕቲ ማይ ተንከፍ ግልጋሎት ላቦራቶሪ ይህብ፣ ዋጋ ግልጋሎት የኽፍል፣
19. ብመፅናዕቲ ዝተረጋገፁ ማእድናት ኮንስትራክሽ፣ ሓይሊ ንፋስ፣ ሓይሊ ፀሓይን ባዮማስን ካልኦት ኣጠቓቕማታት ኢነርጂ ክለምዑን ክምዕብሉን ይገብር፣
20. ተሓደስትን ዘይተሓደስትን ፍልፍላት ኤነርጂ ከም ኣናእሽተይ ማይ ሓይሊ መፈልፈሊ ጣቢያታት ባዮማስ፣ ባዮጋዝን ካልኦት ሓይሊ ዘፈልፍሉ ኩነታት የፅንዕ፣ የልምዕ፣ ክለምዕ ይገብር፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣
21. ንኡሽተይ ሓይሊ ኤሌትሪክ መፈልፈልን መሰራጨውን፣ ባህላዊ መምረቲ ማዕድናት፣



ይሰጣል፣
12. ከተጠቃሚዎችና ከሚመለከታቸው ፅሕፈት ቤቶች በመተባበር የውሃ ሃብትና የውሃ ድርጅቶችን ድህንነት ይከታተላል፣ እድሳት ለሚያስፈልጋቸው እንዲታደሱ ያደርጋል፣
13. የውሃ ጥራት ደረጃውን የጠበቀ መሆኑን ይቆጣጠራል፣ የውሃ ሃብትን የሚበክሉ ነገሮች ይከታተላል፣ ምንጫቸውን በማጥናት እንዲወገዱ ከሚመለከተው ኣካል ጋር በመተባበር ሕጋዊና ቴክኒካዊ እርምጃ ይወስዳል፣
14. ደረጃ በደረጃ ጥራቱ የተጠበቀ የመጠጥ ውሃ ለህብረተሰብ እንዲዳረስ ያደርጋል፣
15. ለውሃ ሃብት፣ ማዕድንና ኢነርጂ እድገት የሚጠቅም ቴክኖሎጂ ስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
16. የውሃ አገልግሎት የክፍያ ተመን ለመወሰን የሚያስችል ጥናት ያካሂዳል፣ ያስወስናል፣
17. የውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጂ በሚመለከት በፌደራል መንግስት የሚወጡ ፖሊሲና ስትራተጂ ከክልላችን ሁኔታዎች በማዛመድ እንዲፈፀም ያደርጋል፣
18. ለውሃ ነክ ስራዎች የላቦራቶሪ አገልግሎት ይሰጣል፣ የአገልግሎት ዋጋ ያስከፍላል፣
19. በጥናት የተረጋገጡ የኮንስትራክሽን፣ የማዕድናት፣ የንፋስና፣ የፀሓይ ሓይል፣ የባዮማስና ሌሎች የኢነርጂ አጠቃቀሞች እንዲለሙና እንዲያድጉ ያደርጋል፣
20. የሚታደሱና የማይታደሱ የኤነርጅ ምንጮች እንደአነስተኛ የውሃ ሃይል ማመንጫ ጣቢያዎች፣ ባዮማስ፣ ባዮጋዝ እና ሌሎች ሓይል የሚያመነጩ ሁኔታዎች ያጠናል፣ ያለማል፣ እንዲለማ ያደርጋል፣ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣
21. አነስተኛ የኤሌክትሪክ ኃይል ማመንጫና ማሰራጫ የኮንስትራክሽንና ባህላዊ ማዕድኖች

www.abyssinialaw.com





ኮንስትራክሽንን ብዝምልከት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣

22. ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ንምሕላው ምስ ዝምልከቶ ፌደራል ሚኒስተር ቤት ዕዮታት ይተሓባበር፣ ኣብ እቲ ክልል ውሽጢ ዝካየድ ልምዓት ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ስራሕቲ ዘድሊ ድጋፍ ይህብ፣
23. ንግልጋሎት መስተ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ዘድሊ መረዳእታ ሜትሮሎጂ ከም ኣድላይነቱ ይእክብ፣ ኣብ ግልጋሎት የውዕል፣
24. ብካልኦት ሕግታት ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ማዕድን ኣለሻ፣ ምርመራ ፍቓድን ንናይ ዓዲ ውሽጢ ሰብ ሃብትን ትካላትን ጥራሕ ይህብ፣ ንሮያሊቲ ማዓድንን ንኻልኦት ግልጋሎታትን ክፍሊታት የኽፍል፡፡

## 20. ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠና

1. ስትራተጂ ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን የዳሉ፣ ምስፀደቐ ይትግብር፣
2. መንግስታዊ ማእኸል መሰልጠኒ የማሓድር፣
3. ማእኸል መሰልጠኒ ዝምርሐሉን ኣፍልጠ ዝረኽበሉን መምርሒታት የውፅእ፣ ኣፈፃፀምኡ ይከታተል፣
4. ስርዓት መረጋገፂ ብቕዓት ሞያ የውፅእ፣ ይቆፃፀር፣
5. ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ፣ ስልጠና ቴክኒክን ሞያን ዝሳተፉሉ መንገዲ የመቻቹ፣
6. ብትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን ደቂ ኣንስትዮን ጉድኣት ኣካልን ፍሉይ ትኹረት ክረኽቡ ዝኽእልሉ ስርዓት ይዝርግሕ፣
7. ኣብ ዙሪያ ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን ምርምር የካይድ፣ ንዘካይዱ ይድግፍ፣

ማምረት በሚመለከት ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣

22. የውሃ ማዕድንና ኢነርጂ ሃብት ለመጠበቅ ከሚመለከታቸው የፌደራል የሚኒስተር መስሪያቤቶች ጋር ይተባበራል፣ በክልሉ ውስጥ የሚካሄድ የውሃ፣ የማዕድንና የኢነርጂ ሃብት ልማት ስራዎች አስፈላጊ ድጋፍ ይሰጣል፣
23. ለመጠጥ ውሃ ማዕድንና ኢነርጂ የሚያገለግሉ የሚትሮሎጂ መረጃ እንደአስፈላጊነቱ ይሰበስባል፣ በስራ ላይ ያውላል፣
24. በሌሎች ሕጎች በተሰጠው ስልጣን መሰረት የማዕድን ፍለጋ ምርመራ ፈቃድ ለአገር ውስጥ ባለሃብቶችና ድርጅቶች ብቻ ይሰጣል፡፡ የማአድን ሮያሊቲና ሌሎች የአገልግሎት ክፍያዎች ያስከፍላል፡፡

## 20. ቴክኒክ፣ሞያ፣የትምህርት እና ስልጠና ቢሮ

1. የትምህርት፣ ስልጠና፣ ቴክኒክ እና ሞያ ስትራተጂ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል፣
2. የመንግስት መሰልጠኛ ማእከል ያስተዳድራል፣
3. ማሰልጠኛ ማእከል የሚመራበት እና እውቅና የሚያገኝበት መመሪያ ያወጣል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣
4. የሞያ ብቃት ማረጋገጫ ስርኣት ያወጣል ይቆጣጠራል፣
5. የግል ባለሃብቶች በትምህርት፣ ስልጠና፣ ቴክኒክ እና ሞያ ዘርፍ የሚሰማሩበት መንገድ ያመቻቻል፣
6. በትምህርት፣ ስልጠና፣ ቴክኒክ እና ሞያ ሴቶች እና አካል ጉዳተኞች የተለየ ትኩረት እንዲያገኙ የሚያስችል ስርኣት ይዘረጋል፣
7. በትምህርት፣ ስልጠና፣ ቴክኒክ እና ሞያ ዙሪያ ምርምር ያካሂዳል፣ ለሚመራመሩም ይደግፋል፣

www.abyssinialaw.com



8. ናይ ስራሕ ልምምድ ኣፈፃፀማ መምርሒ የውፅእ፣ ተግባራዊ ይገብር፣
9. ውፅኢታውነት ፕሮግራም ስልጠና ንምርግጋፅ ቅድሚ ስልጠናን ድሕሪ ስልጠናን መፅናዕቲ የካይድ፣ ንዘካይዱ የተሓባብር፣
10. ንስትራተጂ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት እዚ ክልል መሰረት ጌሩ ብርኪ ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን የውፅእ፣
11. ታሕተዋይን ማእኸላይ ትምህርቲ፣ ስልጠናን ቴክኒክን ሞያን ፕሮግራማትን ዝውደብሉ ናይ ኣፈፃፅማ መምርሒ የውፅእ፣ ይትግብር፣
12. ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ንዝንቀሳቐሱ መሰልጠኒ ማእኸላት ኣፍልጦ ይህብ፣ በቲ ዝወፀ ደረጃ ሓልዮም ምኻዶም የረጋግፅ፣ ካብ ደረጃ ንታሕቲ ኮይኖም እንትርከቡ ኣፍልጥኡ ይስርዝ፣
13. መፈተኒ ምዘና ብቕዓት ሞያ ንዝህብ ማእኸል መሰልጠኒ፣ ኮሌጅን ትካልን ኣፍልጦ ይህብ፣
14. ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ዝምልከት ናይ ፖሊስ ሓሳባት የመንጩ፣ ናይቲ ክልል ኢኮኖሚያዊ ዕብየት መሰረት ጌሩ መማሓየሺ ሓሳብ የቕርብ፣
15. ኣብቲ ክልል ተመጣጣንን ፍትሓዊን ዝርገሐ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ክህሉ ይገብር፣
16. ማእኸል መሰልጠኒ መሰጋገሪ ማእኸል ቴክኖሎጂ ኮይኑ ከገልግል ይመርሕ፣
17. ማእኸል መሰልጠኒ ብሽርክና ስልጠና ዝህበሉ ኣሰራርሓ የንፅር፣ ንኣፈፃፅምኡ ይድግፍ፣ ይከታተል፣
18. ጠለብ ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ስሩዕን ዘይስሩዕን ሓፂር ስልጠና ስርዓት ትምህርቲ የዳሉ፣ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣



8. የስራ ልምምድ አፈፃፀም መመርያ ያወጣል፣ ተግባራዊ ያደርጋል፣
9. የስልጠናው ውጤታማነት ለማረጋገጥ የቅድመ ስልጠና እና የድህረ ስልጠና ጥናት ያካሂዳል፣ ለሚያካሂዱም ያስተባብራል፣
10. የክልሉ ኢኮኖሚ እድገት ስትራተጂ መሰረት በማድረግ የትምህርት፣ ስልጠና፣ ቴክኒክ እና ሞያ ደረጃ ያወጣል፣
11. ታችኛውና መካከለኛ የትምህርት፣ ስልጠና ቴክኒክ እና ሞያ ፕሮግራም የሚደራጁበት የአፈፃፀም መመሪያ ያወጣል፣ ይተገብራል፣
12. በዚህ ክልል ውስጥ የሚንቀሳቀሱ ማሰልጠኛ ማእከላት እውቅና ይሰጣል፣ በወጣው ደረጃ መስፈርት ጠብቀው መሄዳቸው ያረጋግጣል፣ ከወጣው ደረጃ መስፈርት በታች ሁነው ሲገኙ የሰጠው እውቅና ይሰርዛል፣
13. የሞያ ብቃት ማረጋገጫ መመዘኛ ፈተና የሚሰጥ ማሰልጠኛ ማእከል፣ ኮሌጅ እና ድርጅት እውቅና ይሰጣል፣
14. ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርት እና ስልጠና የሚመለከት የፖሊስ ሃሳብ ያመነጫል፣ የክልሉ ኢኮኖሚያዊ እድገት መሰረት በማድረግ ማሻሻያ ሃሳብ ያቀርባል፣
15. በክልሉ ተመጣጣኝ እና ፍትሃዊ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርት እና ስልጠና ሽፋን እንዲኖር ያደርጋል፣
16. ማሰልጠኛ ማእከል የቴክኖሎጂ መሸጋገሪያ ማእከል ሆኖ እንዲያገለግል ይመራል፣
17. ማሰልጠኛ ማእከል በሽርክና ስልጠና የሚሰጥበት አሰራር ያወጣል፣ ለአፈፃፀሙ ይደግፋል፣ ይከታተላል፣
18. የገበያ ፍላጎት መሰረት ያደረገ መደበኛ እና መደበኛ ያልሆነ ስልጠና ስርኣተ ትምህርት ያዘጋጃል፣ በስራ እንዲውል ያደርጋል፣

www.abyssinialaw.com



19. ንደቀቕትን ኣናእሽተን ንግዲ ዘፈራት ምህርቶም ብመጠንን ብዕርየትን ክዕብዩ፣ ኣወሃህባ ግልጋሎት ክማሓይሹ፣ ዘኽእል ስልጠናን ምኽርን ይህብ፣
20. ሰራሕተኛታትን መምህራንን እቲ ቢሮ ዓቕሚ ዘዕብይሉ ጠለብ ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ትምህርትን ስልጠናን ዝረኽብሉ ኩነታት የማዓራሪን ይትግብርን፣
21. ማእኸል መሰልጠኒ ንቕድሚት ወፃኢኡ ባዕሉ ክኽእል እቶት መዕበዪ መተግበሪ ኣንፈት ይሕንፅፅ፣
22. ማእኸል መሰልጠኒ ካብ ዝተፈላለየ ፍልፍል ዝረኽቦ እቶት ክእክብን ኣታዊኡ ባዕሉ ክጥቀምን ዘኽእል መምርሒ የዳሉ፣ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ምስ ኣፅደቆ የተግብር፣
23. ምዘና ሞያ ብቕዓት ዝፍተኑ ተፈተንቲ ብሕድ ሕድ ዓይነት ሞያን ደረጃን ዝኸፍልዎ ክፍሊት ይውስን፣ ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ እዚ ክልል ኣብ ስራሕ የውዕል፡፡

## 21. <u>ቢሮ መናእሰይ፣ ስፖርትን ማሕበራዊ ጉዳይን</u>

1. መንእሰይን ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ዝርከብ ክፋል ሕብረተሰብን ፈጠርቲ ስራሕ ክኾኑ የለዓዕል፣ ይውድብ፣ ኣብ ዝደለይዎ ዘርፊ ስራሕ ክዋፈሩ ዘኽእል ስልጠና፣ ልቓሕን፣ መስርሒ ቦታን ካልእ ድጋፍን ክረኽቡ የተሓባብር፣
2. ኣብ ስራሕ ምስተዋፈሩ በብእዋኑ ዝገጥሞም ዝተፈላለየ ፀገም መፍትሒ ሓሳባት የቕርብ፣ የተሓባብር፣
3. ካብ መንግስትን ገበርቲ ሰናይን ዝርከብ ገንዘብን ንዋትን ኣብ ጭቡጥ ፀገም ተገልገልቲ ክውዕል ይገብርን ኣጠቓቕማኡ ይቆፃፀርን፣



19. ለጥቃቅን እና አነስተኛ የንግድ ዘርፎች ምርታቸው በመጠን እና በጥራት እንድያሳደጉ፣ የሚሰጡት አገልግሎት እንዲያሻሽሉ፣ ስልጠና እና ምክር ይሰጣል፣
20. የቢሮው መምህራን እና ሰራተኞች አቅም የሚገነቡበት የገበያ ፍላጎት መሰረት ያደረገ ትምህርት እና ስልጠና እንዲያገኙ ያመቻቻል፣
21. ማሰልጠኛ ማእከል ወደፊት ወጪው ራሱ እንዲችል የገቢ ማሳደግያ የአፈፃፀም አቅጣጫ ይነድፋል፣
22. ማሰልጠኛ ማእከል ከተለያየ የገቢ ምንጭ ያገኘውን ገቢ እንዲሰበስብ እና ራሱ ለመጠቀም የሚያስችል መመሪያ ያዘጋጃል፣ በፕላንና ፋይናንስ ቢሮ ሲፀድቅለት ተግባራዊ ያደርጋል፣
23. የሞያ ብቃት ምዘና የሚፈተኑ ተፈታኞች በእያንዳንዱ ሞያ እና ደረጃ የሚከፍሉት ክፍያ ይወስናል፣ በፋይናንስ ሕግ መሰረት ስራ ላይ ያውላል፡፡

## 21. <u>ወጣቶች፣ስፖርት እና ማህበራዊ ጉዳይ ቢሮ</u>

1. ወጣት እና በአስቸጋሪ ሁኔታ የሚገኝ የህብረተሰብ ክፍል ስራ ፈጣሪ እንዲሆን ይቀሰቅሳል፣ ያደራጃል፣ በፈለጉት የስራ ዘርፍ ለማሳማራት የሚያስችል ስልጠና፣ ብድር፣ መስሪያ ቦታ እና ሌላ ድጋፍ እንድያገኙ ያስተባብራል፣
2. በስራ ከተሰማሩ በኋላ ለሚገጥማቸው የተለያየ ችግር መፍትሄ ሓሳብ ያቀርባል፣ ያስተባብራል፣
3. ከመንግስት እና መንግስታዊ ያልሆነ ድርጅት የሚገኘው ገንዘብ እና ንብረት ለተገልጋዮች ችግር መፍቻ እንዲውል እና በአግባቡ ጥቅም ላይ እንዲውል ያግዛል፣ ይቆጣጠራል፣

www.abyssinialaw.com



4. ሃገራዊ ፖሊሲን ነዚ ፖሊሲ ንምትግባር ዝተሓንፀፀ ደንብን መምርሕን ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ይትግበር፣
5. ጥዑይ ዜጋን ሓላፍነት ዝስመዖን መንእሰይ ሓይሊ ንምፍራይ ዘኽእል ሜላ ይሕንፅፅን የተግብርን፣
6. ብደረጃ ሃገርን ክልልን ዝወፀ ፖሊስን መምርሕን መናእሰይ ካብ ክልል ክሳብ ጣብያ ኣብዝርከቡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ተግባራዊ ክኾኑ ኣድላይ ደገፍን ክትትልን ይገብር፣
7. መንእሰይ እዚ ክልል መትከላት ሕገ መንግስቲ መሰረት ብምግባር ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ልምዓት ንጡፍ ተራ ክፃወትን ንህንፀት ዲሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን ዝግበኦ እጃም ከወፍይ የለዓዕል፣ ይውድብን ሙያዊ ድጋፍ ይህብን፣
8. ፖሊሲ፣ ስትራተጅን መደባትን መንእሰይ፣ የዳሉ ምስፀደቐሉ ይፍፅም፣
9. መንእሰይ ምስ ባህሊ ሃገሩን ብሄረሰቡን ክላለን ክርዳእ ዘኽእል አሰራርሓ ይሕንፅፅ፣ ናይ ክልሉ ባህሊ ክጎልብት የለዓዕልን፣ ናይቲ መንእሰይ ኩለመዳያዊ ሰብእና ንምህናፅ ዝሕግዙ ተግባራት ይፍፅም፣
10. መንእሰይ መሰረት ዝገበረ መፅናዕትን ምርምርን የካይድ፣ዝተረኸበ ውፅኢት መፅናዕቲ ናብ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት የከፋፍል፣
11. ህልው ቁጠባዊ ፀገም ስፖርት ክፈትሕ ዝኽእልን ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ንምጉልባት ዝሕግዝ ናይ ስፖርት ልምዓት ፈንድ የጣይሽ፣ ዝርዝሩ ቀፂሉ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣
12. መንእሰይ ማእኸል ዜሮም ብዝተፈላለዩ ትካላት ዝፍፀሙ ተግባራት ይከታተል፣ የተሓባብር ይግምግም፣ መስተኻኸሊ ስጉምቲ

4. በአገር ደረጃ የወጣ ፖሊሲ እና ፖሊሲውን ለማስፈፀም የወጣ ደንብ እና መመሪያ ውጤታማ በሆነ መንገድ ይተገብራል፣
5. ጤናማ እና ሃላፊነት የሚሰማው ወጣት ሃይል ለማፍራት የሚያስችል አሰራር ይነድፋል፣ ይተገብራል፣
6. በሃገር እና በክልል ደረጃ የወጣ የወጣቶች ጉዳይ ፖሊሲ እና መመሪያ ከክልል እስከ ቀበሌ በሚገኙ መንግስታዊ እና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች ተግባራዊ እንዲሆን አስፈላጊ ድጋፍ እና ክትትል ያደርጋል፣
7. የክልሉ ወጣት የህገ-መንግስቱ መርህ መሰረት በማድረግ በፖለቲካ፣ በኢኮኖሚ፣ በማህበራዊ እና ባህላዊ ልማት ተገቢ ሚና እንዲጫወት እና ለዲሞክራሲ እና መልካም አስተዳደር ግንባታ ተገቢ ድርሻውን እንዲወጣ ያነሳሳል፣ ያደራጃል፣ የሞያ ድጋፍ ይሰጣል፡፡
8. የወጣቶች ፖሊሲ፣ ስትራተጂ እና እቅድ ያዘጋጃል ሲፀድቅለትም ይተገብራል፣
9. ወጣቱ የአገሩ እና የብሄረሰቡ ባህል እንዲያውቅ እና እንዲረዳ የሚያስችል አሰራር ይነድፋል፣ የክልሉ ባህል እንዲጎለብት ያነሳሳል፣ የወጣቱ ሁለንተናዊ ስብእና ለመገንባት የሚያግዙ ስራዎች ይሰራል፣
10. ወጣቱን መሰረት ያደረገ ጥናት እና ምርምር ያካሂዳል፣ የተገኘው ውጤት ለሁሉም ባለድርሻ አካላት ያከፋፍላል፣
11. የስፖርት ተጨባጭ ኢኮኖሚያዊ ችግር ሊፈታ የሚችል የስፖርት ልማት ፈንድ ያቋቁማል፣ ዝርዝሩ ቀጥሎ በሚወጣው ደንብ ይወሰናል፣
12. ወጣቱን መሰረት አድርገው በተለያዩ ድርጅቶች የሚሰሩ ስራዎች ይከታተላል፣ ያስተባብራል እየገመገመ ማስተካካያ እርምጃ

www.abyssinialaw.com



ይወስድ፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

13. ኩለን መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ጉዳይ መንእሰይ ፍሉይ ትኹረት ንክህብኦን ኣብ ትልመን ክእትውኦን ዘኽእል ኣሰራርሓ ይዝርግሕ፣
14. ብርኪ መዘውተሪ ስፍራ ስፖርትን ማእኸላት መናእሰይን እዚ ክልል የውፅእ፣
15. ብብርኪ ወረዳን ክልልን ዝርከብ መዘውተሪ ስፍራ ስፖርትን ማእኸላት መናእሰይን የመሓድር፣
16. ስፖርት ህዝባዊ መሰረት ክሕዝን ክምዕብልን ዝሕግዙ ናይ ስፖርት መዘውተሪ ስፍራታት ሕብረተሰብ ኣብዝነበረሉ፣ ዝማሃረሉን ዝሰርሓሉን ክህነፁ የተሓባብር፣
17. ኣብዚ ክልል ንዝጣየሹ ናይ ስፖርት ማሕበራት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣ ይድግፍ፣ የተሓባብር፣ ውልቀ ኢንቨስተራት ኣብ ስፖርት ኣትዮም ዝሰርሕሉ ኩነታት የመቻቹ፣
18. ፕሮግም ስፖርት ኣዳልዩ ሕብረተሰብ የሳትፍ፣ ክልላዊ ውድድራት ስፖርት የዳሉ፣ ንዘዳልዉ'ውን ፍቓድ ይህብ፣
19. ስፖርታዊ ብቕዓት ሕብረተሰብ ክጎልብት ዝኽእል ግልጋሎት ስልጠና ይህብ፣ ንዝህቡ ኣካላት'ውን ይድግፍ፣ ይመርሕ፣
20. ናይቲ ክልል ባህላዊ ስፖርት ክዕናዕ፣ ክመሓየሽን ክዓብን ዘኽእል ስራሕ ይሰርሕ፣
21. ናይዚ ክልል ስፖርት ቤት ምኽሪ የጣይሽ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን፣
22. ኣብ ድሌት ዝተደረኸ ናይ ማሕበረሰብ ውዳበታት የጣይሽን የጣናኽርን፣
23. ውዳብ ጥምረት ማሕበረሰብ ይምዝግብ፣ ሕጋዊ ሰብነት ይህብ፣ ይከታተል፣ ኣድላይ

ይወስዳል፣ ዝርዝሩ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

13. ሁሉም የመንግስት መስሪያቤቶች የወጣት ጉዳይ የተለየ ትኩረት እንዲሰጡት እና በሚያወጡት እቅድ እንዲያካትቱት የሚያስችል አሰራር ይዘረጋል፣
14. የክልሉ ስፖርት ማዘውተርያ ስፍራና የወጣቶች ማእከል ደረጃ ያወጣል፣
15. በክልል እና በወረዳ ደረጃ የሚገኝ የስፖርት ማዘውተሪያ ስፍራና የወጣቶች ማእከላት ያስተዳድራል፣
16. ስፖርት ህዝባዊ መሰረት እንዲይዝ እና እንዲያድግ ህብረተሰቡ በሚኖርበት፣ በሚማርበት እና በሚሰራበት የስፖርት ማዘውተሪያ ስፍራ እንዲገነባ ያስተባብራል፣
17. በክልሉ ለሚቋቋሙት የስፖርት ማህበራት ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣ ይደግፋል፣ ያስተባብራል፣ ኢንቨስተሮች በስፖርት ዘርፍ ገብተው ኢንቨስት እንዲያደርጉ ሁኔታውን ያመቻቻል፣
18. የስፖርት ፕሮግራም አዘጋጅቶ ህብረተሰቡ ያሳትፋል፣ በክልል ደረጃ የስፖርት ውድድር ያዘጋጃል፣ ለሚያዘጋጅም ፍቃድ ይሰጣል፣
19. የህብረተሰብ ስፖርታዊ ብቃት ሊያጠናክር የሚያስችል ስልጠና ይሰጣል፣ ለሚሰጥ አካል ይመራል፣ ይደግፋል፣
20. የክልሉ ባህላዊ ስፖርት እንዲጠና፣ እንዲሻሻልና እንዲያድግ የሚያስችል ስራ ይሰራል፣
21. የክልሉ ስፖርት ምክር ቤት ያቋቁማል፣ ዝርዝሩ በደንቡ ይወሰናል፣
22. በፍላጎት ላይ የተመሰረተ የማህበረሰብ ድርጅቶችን ያቋቁማል፣ ያጠናክራል፣
23. የህብረተሰብ ጥምረት ድርጅት ይመዘግባል፣ ሕጋዊ ሰውነት ይሰጣል፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ

ገፅ 37 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ አዋጅ ቁ 168 ህዳር 3/2002

ኮይኑ እንትርከብ ይሰርዝ፣

24. ኣብ መናእሰይ፣ ስፖርትን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዝተዋፈሩ ዘይመንግስታዊ ትካላት ይከታተል፣ ዘቕርብኦ ፕሮጀክት መርሚሩ የፅድቕ፣ ስምምዕነት ይፈራረም፣

25. ብውዳበ ጥምረት ማሕበረሰብ ዝውሃብ ግልጋሎት ብርኪ የውፅእ፣

26. ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ዝርከብ ክፋል ሕብረተሰብ እግሪ ንምትካል ካብ መንግስቲ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ሕብረተሰብን ሓገዝ የተኣኻኽብ፣ ዝተኣከበ ሓገዝ ዝርዝር ኣጠቓቕማ መምርሒ የዳልው፣ ብቢሮ ትልምን ፋይናንስን ምስ ፀደቀሉ የተግብር፣

27. ብዛዕባ ቤተሰብ፣ ህፃናት፣ ኣካል ጉድኣትን ኣረጋውያንን ኢትዮጵያ ዝተቐበለቶም ዓለምለኽ ውዕላት፣ ከምኡ'ውን ነዚኦም ኣመልኪቱ ዝወፀ ፖሊሲ፣ ስትራተጂ፣ ኣዋጅን መርሃ ግብርን ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምትሕብባር የፋልጥ፣ ንተግባራዊነቶም ይከታተል፣

28. ምስዝምልከቶ ኣካል ብምትሕብባር ኣብቲ ክልል መሰል ህፃናት ንክረጋገፅ ይገብር፣ ኣድለይቲ ሕግታትን መምርሒታትን ንክወፅእ ይገብር፣ ኣፈፃፅምኦም ይከታተል፣

29. ኣግባብ ምስ ዘለዎ ኣካል ብምትሕብባር ኣብ ክልልና ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ዝርከቡ ሕብረተሰባዊ ክፋል ንምሕጋዝን እግሪ ንምትካልን ዘኽእል መደባት ይህንፅፅ፣ ተግባራዊ ይገብር፣

30. ኣግባብ ምስ ዘለዎ ኣካል ብምትሕብባር ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ ስድራ፣ ነብስን ሸይጠን ዝሓድራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልመና ንዝተዋፈሩን ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ዓቕሞም ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ይዝርግሕ፣ ባይታ የመቻቹ

ይሰርዛል፣

24. በወጣት፣ ስፖርት እና ማህበራዊ ድህንነት የተሰማሩ መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች ይከታተላል፣ ያቀረቡት ፕሮጀክት መርምሮ ያፀድቃል፣ ስምምነት ይፈራረማል፣

25. የማህበረሰብ ጥምረት ድርጅት የሚሰጡት አገልግሎት ደረጃ ያወጣል፣

26. በአስቸጋሪ ሁኔታ የሚገኙ የህብረተሰብ ክፍሎች ለማቋቋም ከመንግስት፣ መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶችንና ከህብረተሰብ እርዳታ ያሰባስባል፣ የተሰበሰበው እርዳታ አጠቃቀም መመሪያ ያዘጋጃል፣ በፕላንና ፋይናንስ ቢሮ ሲፀድቅ ተግባራዊ ያደርጋል፣

27. ስለቤተሰብ፣ ህፃናት፣ አካል ጉዳተኞች አረጋውያን ኢትዮጵያ የተቀበላቻቸው አለም አቀፍ ስምምነቶች እንዲሁም እነዚህን አስመልክቶ የወጣ ፖሊሲ፣ ስትራቴጂ አዋጅ እና መርሃግብር ከሚመለከታቸው አካሎች ጋር በመተባበር እንዲታወቁ ያደርጋል፣ ለተግባራ ውነታቸውም ይከታተላል፣

28. ከሚመለከተው አካል በመተባበር በክልሉ የህፃናት መብት እንዲረጋገጥ ያደርጋል፣ አስፈላጊ ህጎች እና መመሪያዎች እንዲወጡ ያደርጋል፣ አፈፃፀማቸው ይከታተላል፣

29. አግባብ ካለው አካል ጋር በመተባበር በክልላችን በአስቸጋሪ ሁኔታ የሚገኝ የህብረተሰብ ክፍል ለማገዝና ለማቋቋም የሚያስችሉ ፕሮግራሞች ያዘጋጃል፣ ተግባራዊ እንዲሆኑም ያደርጋል፣

30. አገባብ ካለው አካል በመተባበር በአስቸጋሪ ሁኔታ የሚገኙ የቤተሰብ አስተዳዳሪ፣ ሴቶች፣ ሴተኛ አዳሪዎችና በልመና ለተሰማሩ፣ የማህበራዊና ኢኮኖሚያዊ አቅማቸው ለማሳደግ የተለያዩ ፕሮግራሞች ይዘረጋል፣ ሁኔታን ያመቻቻል፣ ያስተባብራል፣ ይከታተላል

www.abyssinialaw.com





የተሓባብር፣ ይከታተል፣

31. ኣግባብ ምስ ዘለዎ ኣካል ብምትሕብባር ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጠንቅታት ዘተቓልዐ መንእሰይ ኣድላይ ስነ-ልቦናዊ ምኽሪ፣ ናይ ሞያ ስልጠናታት፣መትከሊ እግሪን ክረኽቡ የመቻቹ፣የተሓባብር፣ይከታተል፣

32. ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጥቕዓታት ንምክልኻል ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ኣስተምህሮ ይህብ፣ ገበነኛታት ግቡእ ፍርዲ ንክረኽቡ ምስ ዝምልከቶ ኣካላት ብምኳን ይሰርሕ፣ ጥቕዓት ዝበፅሖም ህፃናት ናይ ስነ ልቦናዊ ምኽሪ ብምሃብ ናብ ስሩዕ ህይወቶም ዝምለስሉ ኩነታት የመቻቹ፣

33. ኣግባብ ምስ ዘለዎ ኣካል ብምትሕብባር ኣብ ክልልና ዝስርሑ ህንፃታት፣ መንገዲታት፣ መዘናግዒ ቦታታት፣ ኣደባባያት፣ ንኣካል ጉድኣት ምንቅስቓስ ዘይገድቡን ምችዋትን ንክኾኑ የተሓባብር፣ ይከታተል፣

34. ኣግባብ ምስ ዘለዎ ኣካል ብምትሕብባር ናይ ከተማታት ዕብየት ፕላን እንትዳለዉ ንኣረጋውያንን፣ ኣካል ጉድኣትን ህፃናትን መዘናግዒ ቦታታት ዝሓዘን ምችውነት ዘለዎን ንክኸውን ይሰርሕ፣ ተግባራዊነቱ ይከታተል፣

35. ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብዝምልከት ዝወፁ ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሒታትን ብዝግባእ ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይቆፃፀር፣

36. መሰረታዊ ኩነታት ስራሕ፣ ሞያ ጥዕናን ድሕንነትን ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ንምሕላው ዘኽእሉ ሜላ ኣሰራርሓታትን የውፅእ፣ ይድግፍ፣ ይቆፃፀር፣ ይውስን፣

37. ኣብ ክልልና ዝርከቡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብማሕበር ክውደቡ፣ ሓበራዊ ስምምዕነት ክፅድቑ ቴክኒካዊ ድጋፍ ይገብር፣ ሕጋዊ ኣፍልጦ ይህብ፣

31. አገባብ ካለው አካል ጋር በመተባበር በተለያዩ፣ ማህበራዊ ችግሮች የተጋለጠ ወጣት አስፈላጊ የስነ ልቦና ምክር፣ የሙያ ስልጠና እና ማቋቋምያ እንዲያገኙ ያመቻቻል፣ ያስተባብራል፣ ይከታተላል

32. በህፃናት ላይ የሚደርሱ የተለያዩ ዓይነት ጥቃቶች ለመከላከል የሚመለከታቸው አካላት በማስተባበር ትምህርት ይሰጣል፣ ወንጀለኞች ተገቢ ፍርድ እንዲያገኙ ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመሆን ይሰራል፣ ጥቃት የደረሰባቸው ህፃናት የስነ- ልቦና ምክር በመሰጠት ወደ መደበኛ ህይወታቸው የሚመለሱበት ሁኔታ ያመቻቻል፣

33. አግባብ ካለው አካል ጋር በመተባበር በክልላችን የሚሰሩ ህንፃዎች መንገዶች መዝናኛ ቦታዎች አደባባዮች ለአካል ጉዳተኞች እንቅስቃሴ የማይገድብና ምችውነት ያላቸው እንዲሆኑ ያስተባብራል፣ ይከታተላል፣

34. አግባብ ካለው አካል ጋር በመተባበር የከተሞች የእድገት ፕላን ሲዘጋጅ ለአረጋውያን ለአካል ጉዳተኞችና ለህፃናት መዝናኛ ቦታዎች የያዘ ምችውነት ያለው እንዲሆን ይሰራል ተግባራውነቱ ይከታተላል፣

35. አሰሪና ሰራተኞች በሚመለከት የወጡ ህጎች ደንቦችና መመሪያዎች ስራ ላይ መዋላቸው ይቆጣጠራል፣

36. የስራ መሰረታዊ ሁኔታ፣ የሙያ ጤንነትና ደህንነት አሰሪና ሰራተኞችን ለመጠበቅ የሚያስ ችለው የአሰራር ዘዴዎች ያወጣል ይደግፋል፣ ይቆጣጠራል፣ ይወስናል፣

37. በክልላችን የሚገኙ አሰሪና ሰራተኞች በማህበር እንዲደራጁ፣ የጋራ ስምምነት እንዲፀድቁ፣ ቴክኒካዊ ድጋፍ ያደርጋል ሕጋዊ እውቅና ይሰጣል፣

38. ኣብ ክልልና ዝርከቡ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ኣብ ስራሕ ዝተዋፈረን ዘይተዋፈረን ሓይሊ ሰብ፣ ኣመዳድባ ስራሕን ሞያን፣ ክፍቲ ስራሕ ቦታ ብዝምልከት ፅንዓት የካይድ፣ ይምዝግብ፣ ሞያዊ ምኽሪ ይህብ፣ ስራሕን ሰራሕተኛን የራኽብ፣

39. ኣብ ሞንጎ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን መዳርግቲ ኣካላትን ሰላማዊ ዝምድና ብምጥን ኻር ኢንዱስትሪያዊ ሰላም ክዓስልን ትካላዊ ምህርቲ ክዓቢ ትምህርቲ ይህብ፣ ምችው ኩነታት ይፈጥር፣

40. ኣብ ሞንጎ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ክርክር ስራሕ መሰረት ገይሮም ንዝቐርቡ ጥርዓናት የስማምዕ ንዘይተስማሙዑ ድማ ስሉጥ ፍታሕ ክረኽቡ ይገብር፣

41. ኣብ ክልልና ኣብ ስራሕ ተዋፎሪም ዝሰርሑ ወፃእተኛታት ስራሕ ፍቓድ ምህላዎምን ምሕዳሶምን ይቆፃፀር፣

42. ናይ ውልቀ ሰራሕን ሰራሕተኛን መራኽብቲ ኤጀንሲታት ብክልል ብርኪ ናይ ስራሕ ፍቓድ ይህብ፣ ይከታተል፣ ይሕድስን፣

43. እዋናዊ መረዳእታ ዕዳጋ ስራሕ እዚ ክልል፣ ሞያ ጥዕናን ድሕንነትን መስራሕትን ሰራሕተኛን፣ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ዕድላት ብምእካብን ብምትንታንን ንመንግስቲ፣ ንፖሊሲ መውፃእቲ፣ ንስልጠና ውሃብትን ኣካላት ሓበሬታ ይዝርግሕ፡፡

44. ንስፖርት፣ ንህፃናት፣ ኣረጋውያንን ኣካለ ጉድኣትን ዝኸውን ሃፍቲ / ሪሶርስ / የተኣኻብ የንቐሳቅስ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውስን

38. በክልላችን የሚገኙ የሚመለከታቸው አካላት በማስተባበር በመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች በስራ የተሰማራና ያልተሰማራ የሰው ሃይል፣ የስራ አመዳደብና ሙያ፣ ክፍት የስራ ቦታ በሚመለከት ጥናት ያካሄዳል፣ ይመዘግባል፣ የሙያ ምክር ይሰጣል፣ ስራና ሰራተኛ ያገናኛል፣

39. በአሰሪዎች፣ ሰራተኞችና በባለ ድርሻ አካላት መካከል ሰላማዊ ዝምድና በማጠናከር ኢንዱስትሪያላዊ ሰላም እንዲሰፍን ድርጅታዊ ምርት እንዲያድግ ትምህርት ይሰጣል ምችው ሁኔታ ይፈጥራል፣

40. በአሰሪዎችና ሰራተኞች መካከል የስራ ክርክር መሰረት አድርገው የሚቀርቡ አቤቱታዎች ያስማማል ያልተስማሙ ደግሞ ፈጣን መፍትሄ እንዲያገኙ ያደርጋል፣

41. በክልላችን በስራ ተሰማርተው የሚሰሩ የውጭ ሰዎች የስራ ፈቃድ ያላቸው መሆኑን እና የታደሰ መሆኑን ይቆጣጠራል፣

42. የግል ስራና ሰራተኛ አገናኝ ኤርጀንሲዎች በክልል ደረጃ የስራ ፈቃድ ይሰጣል፣ ይከታተላል፣ ያድሳል፣

43. የዚህ ክልል ወቅታዊ የስራ ገበያ ማስረጃ፣ የአሰሪዎችና ሰራተኞች ሞያ ጤናና ድህንነት፣ የተለያዩ የስራ ዕድሎች በመሰብሰብና በመተንተን ለመንግስት፣ ለፖሊሲ አውጪዎች ስልጣና ለሚሰጡ ለሚመለከታቸው መረጃ ፈላጎዎች ይሰጣል ይዘረጋል፡፡

44. ለስፖርት፣ ለህፃናት፣ ለአረጋውያንና ኣካል ጉዳተኞች የሚሆን ሃብት / ሪሶርስ / ያሰባስባል፣ ያንቀሳቅሳል፣ ዝርዝሩ በደንብ ይወስናል

www.abyssinialaw.com



## 22. ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን

1. ኣብ ስትራተጅን ፖሊሲን መንግስትን ካልኣት ኣገደስቲ ሃገራውን ክልላውን ዛዕባታትን ምርድዳእ ብምፍጣር ሓበራዊ ለውጢ ኣተሓሳስባ ክህልው ይገብር፣
2. ምስሊ እዚ ክልልን ሃገርናን ብኣወንታ ንምህናፅ ዝሕግዙ ስራሕቲ ርክብ ህዝቢ ይሰርሕ፣
3. ህዝቢ ኣብ ፖሊሲን ስትራተጂ መንግስቲ፣ ኣብ ኣፈፃፅማ መደባት ግንዛበ ንኽጭብጥ፣ ግልፅነት ንኽህልዎን ተሳትፍኡ ከዕብን ዝተፈላለዩ መድረኻት ዘተ የዳሉ፣ የተሓባብር
4. ኣቐባሊ ቓልን ቀንዲ ፍልፍል ሓበሬታን መንግስቲ ብምዃን ይሰርሕ፣ ልኡኽን እምነትን መንግስቲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ንህዝቢ ይገልፅ፣
5. ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ርክብ ህዝቢ ኣብያተ ፅዮ መንግስትን ጋዜጠኛታትን ይሃንፅ፣ ኣንፈት እዋናውን ኣገደስትን ዛዕባታት መንግስትን ህዝብን ይንፅር፣ ንተግባራውነቱ ይድግፍን ይከታተልን
6. ንዕብየትን ብዙሕነትን ሚድያ የተባብዕ፣ ንቐንድን ኣገደስትን ሃገራውን ክልላውን ፍፃመታትን ከነታትን ጉቡእ ሽፋን ሚድያ ንክወሃቦም ይገብር፣
7. ውፅኢት ስራሕቲ ሚዲያ ይከታተል፣ እዋናዊ ሪኢቶ ህዝቢ ይእክብ፣ ውፅኢቱ ኣሰናዲኡን ተንቲኑን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ይዝርግሕ፣ ምላሽ ክወሃበሉ ይሰርሕ፣
8. ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ንሕብረተሰብ ብኣካል ረኺቦም ከዘራርቡን ብህዝቢ ዝስርሑ ዘለው ስራሕቲ ልምዓት ብውደት ኣቢሎም ክግንዘቡን ኩነታት የመቻቹ

## 22. የመንግስትና የህዝብ ግንኙነት ቢሮ

1. በመንግስት ስትራተጂና ፖሊሲ አስፈላጊ በሆኑ የሃገርና የክልል አጀንዳዎች መግባባት በመፍጠር የጋራ የአስተሳሰብ ለውጥ እንዲኖር ያደርጋል፣
2. የዚሁ ክልልና የሃገር መልካም ምስል ለመገንባት የሚያግዙ የህዝብ ግንኙነት ስራዎች ይሰራል፣
3. ህዝብ በመንግስት ፖሊሲዎችና ስትራተጂዎች በእቅድ አፈፃፀም ግንዛቤ ለማስጨበጥና ግልፅነት እንዲኖረው ተሳትፎውን እንዲዳብር የተለያዩ የውይይት መድረኮች ያዘጋጃል ያስተባብራል፣
4. የመንግስት ቃል አቀባይና ዋነኛ የመንግስት ኢንፎርሜሽን ምንጭ በመሆን ይሰራል፣ የመንግስት ተልእኮና እምነት በልዩ ልዩ መንገድ ለህዝብ ይገልፃል፣
5. የመንግስት መስሪያቤት የህዝብ ግንኙነት ሰራተኞችና ጋዜጠኞች አቅም ይገነባል፣ ወቅታዊና አስፈላጊ የሆኑ የህዝብና የመንግስት አቅጣጫዎች ይለያል፣ ተግባራዊነታቸው ይደግፋል፣ ይከታተላል፡፡
6. ለሚዲያ እድገትና ብዙህነት ያበረታታል ለዋና ዋና እና አስፈላጊ ለሆኑ ሃገራዊና ክልላዊ ክንውኖችና ሁኔታዎች በቂ የሆነ የሚድያ ሽፋን እንዲሰጣቸው ያደርጋል፣
7. የሚድያ ስራ ውጤት ይከታተላል፣ ወቅታዊ የህዝብ አስተያየት ይሰበስባል፣ ውጤቱም አደራጅቶና ተንትኖ ለሚመለከተው አካል ያሰራጫል፣ ምላሽ እንዲሰጥበት ያደርጋል፣
8. የመንግስት የበላይ ባለ ስልጣናት ህብረተሰቡን ብአካል አግኝተው እንዲያነጋግሩና በህዝብ የሚሰሩ የልማት ስራዎች በመጐብኘት አፈፃፀሙን እንዲገነዘቡ ሁኔታዎችን ያመቻቻል

www.abyssinialaw.com



9. ኣብ ዝተመረፁ ቁልፊ ርእሰ ጉዳያት ዝተፈላለየ ናይ ሕትመትን ኦዲዮ ቪድዮ ምህርቲ የፍሪ፣ ክፍኖ፣ ክዝርጋሕ ይገብር ብኻልኦት ኣካላት መንግስቲ ተመሳሳሊ ስራሕቲ ንኽሰናደኦሎም እንተሓቲ የሰናድእ፣ ግልጋሎት ምኽሪ ይህብ፡

10. መንግስታዊ መርበብ ሓበሬታ፣ ከፊቱ ግልጋሎት ይህብ

11. ንጋዜጠኛ ውሽጥን ወፃኢን ዓዲ ከከም ኣድላይነቱ በቢ እዋኑ መግለፂ ይህብ፣

12. ብሉፅ ስራሕቲ እዚ ክልልን ካልኦት ከባብታትን ብመፅናዕቲ ብምሕራይ ናብ ካልኦት ከባብታት ክጋፋሕ ኩነታት የመቻቹ፣ የተሓባብር፣ ይመርሕ

13. ትሕዝቶታትን ኣፈፃፅማን መደባት ርክብ ህዝብን መንግስትን የዋድድ፣

14. ሚድያን ርክብ ህዝብን ዝምልከት መምርሒ የውፅእ፣ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይከታተል፣

15. ስራሕቲ ርክብ ህዝብን ሚድያን እዚ ክልል ዝምልከት መፅናዕቲ የካይድ፣ ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ይዝርግሕ፣ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ይከታተል፣ ከምኡ'ውን ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተደረኸ መመሓየሺ ስጉምቲ ክውሰድ ይገብር፣

16. ኣብ ክሊ ስራሕቲ ርክብ ህዝብን ሚድያን ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ኣብ ሓበራዊ ድሌትን ረብሓን ዝተመስረተ ስርዓት ምትሕግጋዝ ይዝርግሕ፣

17. ብመሰረት ሕጊ ፋይናንሰ ንዝህቦ ግልጋሎት ክፍሊት ይእክብ፣ የመሓድር

18. ንርክብ ኣመራርሓ ስራሕ መንግስቲ ስልጠና ይህብ፣ ኣብቲ ዘፌር ውፅኢታዊ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝህልወሉ ስርዓት ይፈጥር፣



9. በተመረጡና ዋና ርእሰ ጉዳዮች ልዩ ልዩ የህትመትና የኦዲዮ ቪድዮ ምርት ያመርታል፣ እንዲሰራጭ ያደርጋል፣ ሌሎች መንግስታዊ አካላት ተመሳሳይ ስራዎች እንዲዘጋጅላቸው ሲጠይቁ ያዘጋጃል፣ የምክር አገልግሎት ይሰጣል

10. መንግስታዊ የመገናኛ መረብ ከፍቶ አገልግሎት ይሰጣል

11. ለአገር ውስጥ እና ለውጭ ጋዜጠኛ እንደ የአስፈላጊነቱ በየወቅቱ መግለጫ ይሰጣል፣

12. የክልሉና የሌሎች አከባቢዎች ምርጥ የስራ ውጤቶች በጥናት በመምረጥ ወደ ሌሎች አከባቢዎች እንዲስፋፉ ሁኔታዎችን ያመቻቻል፣ ያስተባብራል፣ ይመራል

13. የመንግስትና ህዝብ ግንኙነት ፕሮግራም ይዘትና አፈፃፀም ያቀናጃል፣

14. ሚዲያና የህዝብ ግንኙነት የሚመለከት መመሪያ ያወጣል፣ በስራ ላይ መዋሉን ይከታተላል፣

15. የክልሉ የህዝብ ግንኙነትና ሚድያ የሚመለከት ጥናት ያካሂዳል፣ የጥናቱ ውጤትም በሚመለከተው አካል ስራ ላይ መዋሉን ይከታተላል፣ እንዲሁም በጥናቱ መሰረት የማሻሻያ እርምጃ እንዲወስድ ያደርጋል፣

16. በሚድያና ህዝብ ግንኙነት ስራ ዙሪያ ከሚመለከታቸው መንግስታውና መንግስታዊ ያልሆኑ አካሎች መካከል በጋራ ፍላጎትና ጥቅም ላይ የተመሰረተ የመተጋገዝ ስርዓት ይዘረጋል፣

17. በፋይናንስ ህግ መሰረት ለሚሰጠው አገልግሎት ክፊያ ይሰበስባል፣ ያስተዳድራል

18. ለመንግስት ኮሚኒኬሽን ስራ አመራር ስልጠና ይሰጣል፣ በመስኩ ውጤታማ የስራ አፈፃፀም የሚኖርበትን ስርአት ይፈጥራል

www.abyssinialaw.com



19. ንሰራሕተኛ ርክብ ህዝቢ ቤት ፅዮ መንግስቲ ኣንፈት ስራሕ የነፅርን የተሓባብርን፣

20. መሓውራት ሚዲያ ዝስፋሕፈሓሉን ዝዓብየሉን ብብቑዕ በዓል ሞያ ዝሕገዝ ሚድያ ክህነፅ ምችው ኩነታት ይፈጥር፣

## 23. ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

1. ሃገር-ለኸ ፖሊሲ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ተግባራዊ ዝኾነሉ መንገዲ ይሕንፅፅ፣ የፈፅም፣
2. ብሃገራውን ክልላውን መንግስቲ ዝወፀ ፖሊስን ሕግን ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ክልል ኣብ ዝርከብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካል ክትግበርን ውፅኢታዊ ክኸውንን ክትትልን ገምጋምን ብምክያድ ደገፍ ይገብር፣
3. ኩለ-መዳያዊ ዋኒን ደቂ ኣንስትዮ ምክትታልን ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ዝሓሸ ፖሊሲ ንክወፅእ ንመንግስቲ ሓሳብ የቕርብን፣
4. ኣብ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካውን ማዕረ ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ የለዓዕል፣ ግንዘበ መዕበይ ስልጠናን ይህብ፣
5. ማዕረ ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ብመሰረት ድልየተን ብሞያ ክውደባ ብምግባር ሕጋዊ ኣፍልጦ ይህብ፣
6. ማዕረ ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋፅ ብመሰረት ድልየተን ብኢኮኖሚ ክውደባን ምስ ዝምልከቶ ክተኣሳሰራን ይገብር፣
7. ንደቂ ኣንስትዮ ዝጠቅምን ፀገማተን ዘቃልልን ፕሮጀክት ብምቕራፅ ሃፍቲ የተኣኻኽብ፣ ኣብ ተግባር የውዕል፣
8. ማዕረ ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋፅ ዘኽእል መፈፀሚ



19. ለመንግስት መስሪያ ቤት የህዝብ ግንኙነት ሰራተኞ የስራ አቅጣጫ ያስቀምጣል፣ ያስተባብራል፣
20. የሚዲያ አውታር የሚስፋፉበትና የሚያድግበት እና ብቃት ባለው ባለሙያ የሚታገዝ ሚዲያ እንዲገነባ ምቹ ሁኔታ ይፈጥራል፣

## 23. የሴቶች ጉዳይ ቢሮ

1. አገር አቀፍ የሴቶች ጉዳይ ፖሊሲ ተግባራዊ የሚሆንበት መንገድ ይነድፋል፣ ያስፈፅማል፣
2. በአገር አቀፍና በክልል መንግስት የወጡ የሴቶች ጉዳይ ፖሊሲ እና ህግ በክልሉ የሚገኝ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆነ ድርጅት እንዲተገበርና ውጤታማ እንዲሆን ክትትልና ግምገማ በማካሄድ ድጋፍ ይሰጣል፣
3. ሁለ-ገብ የሴቶች ጉዳይ መከታተልና አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ የተሻለ የሴቶች ጉዳይ ፖሊሲ እንዲወጣ ለመንግስት ሃሳብ ያቀርባል፣
4. በማህበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊና ፖለቲካዊ የሴቶች እኩል ተሳታፊነትና ተጠቃሚነትን ለማሳደግ ያነሳሳል፣ የግንዛቤ ማሳደጊያ ስልጠና ይሰጣል፣
5. የሴቶች እኩል ተሳታፊነትና ተጠቃሚነት ለማጎልበት በፍላጎታቸው መሰረት በሙያ እንዲደራጁ በማድረግ ህጋዊ እውቅና ይሰጣል፣
6. የሴቶች እኩል ተሳታፊነትና ተጠቃሚነት ለማረጋገጥ በፍላጎታቸውን መሰረት በኢኮኖሚ እንዲደራጁ እና ከሚመለከተው ጋር እንዲተሳሰሩ ያደርጋል፣
7. ለሴቶች የሚጠቅምና ችግራቸውን የሚያቃልል ፕሮጀክት በመቅረፅ ሃብት ያሰባስባል፣ በተግባር ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
8. የሴቶች እኩል ተሳታፊነትና ተጠቃሚነት ለማረጋገጥ የሚያስችል ማስፈፀምያ መመሪያ

www.abyssinialaw.com



መምርሒ የዳሉ፣ ንተግባራዊነቱ ይከታተል፣

9. ማሕበራዊ ተሳታፍነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋፅ ንደቂ ኣንስትዮ ዘናእስ ዱሑር ኣተሓሳስባ፣ ጎዳኢ ልምዲ ንምውጋድን ፅዕንቶ ስራሕ ደቂ ኣንስትዮን ክቃለልን ይፅዕር፣

10. በቢ.ደረጅኡ ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ማዕረ ፖለቲካዊ ተሳትፎን ስልጣን ምውሳንን ሃልይወን ኣብ ህንፀት ስርዓት ዲሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ተወዲበን ተዋሳእቲ ክኾና ተሳትፎአንን ተጠቃምነትን ክረጋገፅ ባይታ የመቻቹ፣

11. ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ዝሰርሑ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብፍላይ ምስ ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ ተሓባቢ.ሩ ይሰርሕ፣

12. ካብ ትካላት ዝመፀ ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ሓበሬታን መረዳእታን የዋድድ፣ ይትንትን፣ ይውድብ፣ ንተጠቃሚ ድልዊ ይገብር፣

13. ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባሉ ኩነታትን ናብረአን ዝመሓየሽሉ ኣንፈትን ዝምልከት ፅንዓትን ምርምርን የካይድ፣ እዚ ፅንዓት ንዘካይድ የተባብዕ፣ ይድግፍ፣

14. ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካል ዝካየድ ቑፃር፣ ስልጠና፣ ብርኪ ዕብየት፣ ዝውውር፣ ኣወሃህባ ሽመት፣ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዘለዎ ምኻኑ ይከታተል፣ ይግምግም፣ ሓገዝን ደገፍን ይገብር፣

15. መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካል ትልሙ፣ ፕሮጀክቱ፣ መደቡ፣ ፆታ ተኮር ኮይኑ ክኸይድ መፈፀሚ መምርሕን መዐቀንን ኣዳልዩ ክትግበር ይገብር፣ ክትትልን ድጋፍን የካይድ፣

16. ደቂ ኣንስትዮ ፈጠርቲ ስራሕ ዝኾናሉ፣ ግልጋሎት ምኽሪ ሕግን ስነ ልቦናን ዝረኽባሉ



ያዘጋጃል፣ ለተግባራዊነቱ ይከታተላል፣

9. የሴቶች ማህበራዊ ተሳታፊነትና ተጠቃሚነት ለማረጋገጥ ሴቶችን የሚያንቋሽሽ ኋላ ቀር አስተሳሰብ፣ ጎጂ ልማድ ለማስወገድና የሴቶችን የስራ ጫና ለማቃለል ይጥራል፣

10. ሴቶች በየደረጃው በፖለቲካ እኩል ተሳትፎ እና የመወሰን ስልጣን ኑሩዋቸው በዲሞክራሲ ስርዓትና መልካም አስተዳደር ግንባታ ተዋናይ በመሆን ተሳታፊነታቸውና ተጠቃሚነታቸው እንዲረጋገጥ ዕድል ያመቻቻል፣

11. በሴቶች ጉዳይ ከሚሰሩ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ተቋሞች በተለይ ከሴት ድርጅቶች ጋር ተባብሮ ይሰራል፣

12. ሴቶችን የሚመለከቱ ከድርጅቶች የሚመጣ ጥቆማና መረጃ ያቀናጃል፣ ይተነትናል፣ ያደረጃል፣ ለተጠቃሚ ዝግጁ ያደርጋል፣

13. ሴቶች የሚገኙበት ሁኔታና ኑሯቸው የሚሻሻልበት አቅጣጫ በተመለከተ ጥናትና ምርምር ያካሂዳል፣ ይህንኑ ጥናት ለሚያደርግ ያበረታታል፣ ይደግፋል፣

14. በመንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆነ ተቋም የሚደረግ ቅጥር፣ ስልጠና ፣ የደረጃ እድገት ዝውውር፣ ሹመት አሰጣጥ የሴቶችን ተሳትፎ ያረጋገጠ መሆኑን ይከታተላል፣ ይገመግማል፣ እገዛና ድጋፍ ያደርጋል፣

15. መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆነ ተቋም እቅዱ፣ ፕሮጀክቱ፣ ፕሮግራሙ ፆታ ተኮር ሆኖ እንዲሄድ ተገቢ የማስፈፀሚያ መመሪያና መለኪያ አዘጋጅቶ እንዲተገበር ያደርጋል፣ ክትትልና ድጋፍ ያካሂዳል፣

16. ሴቶች ስራ የሚፈጥሩበት፣ የህግና የስነ ልቦና ምክር አገልግሎት የሚያገኙበት ዕድል

www.abyssinialaw.com



ዕድል ይፈጥር፣ ተሳታፊነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ዝሕግዝ ኣማኻሪ ቦርድ የጣይሽ፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

17. ኣብ ስርሖን ዝበለፀ ውፅኢት ንዘመዝገባ ደቂ ኣንስትዮ ኣፍልጦ ይህብ፣ የተባብዕ፣ ይድግፍን ይሸልምን፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውስን፡፡

18. ደቂ ኣንስትዮ ዘለወን ፀገም ንምቅላል ሃፍቲ የተኣኻኽባ፣ ይንቐሳቀሳ፣ ዝርዝሩ ብደንቢ ይውሰን

## 24. ኤጀንሲ ልምዓት እቶት

1. ኣዋጃት፣ ደንብታትን መምርሕታትን ግብሪ የፈፅም ፣
2. ብክልል መንግስቲ ክምደብን ክእከብን ብሕጊ ዝተነፀረ ኣታዊ ይእክብ፣ ክእከብ ይገብር፣
3. ብፌደራል መንግስቲ ብዝወሃቦ ስልጣን ውክልና መሰረት ብኣፍልጦ ክልል መንግስቲ ሓበራዊ ናይ ፌደራልን ክልልን እቶት ይውሰን፣ ይእክብ፣
4. ብመሰረት ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ እዚ ክልል መፅናዕትታት ብምክያድ ኣታዊ እዚ ክልል የስፍሕ፣
5. ኣብዚ ክልል እናተኻየደ ዘሎ ፕሮግራም ምምሕያሽ ስርዓተ ግብሪ ኣፈፃፅምኡ ብዋንነት ይመርሕ፣ የተሓባብር፣
6. ሕግታት ግብርን ታክስን ንምፍፃም ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣብ ዝኾነ ሰብ ኢድ ዝርከቡ ሰነዳት ይምርምር፣
7. ኣብ ምምሕዳር ግብርን ታክስን ብቕዓት ዘለዎም ሰብ ሞያ ምፍራይ ዘኽእል ስርዓት ስልጠና ይዝርግሕ፣ የተግብር፣
8. ኣወሳስናን ኣተኣኻኽባን ግብሪ፣ ኣተሓሕዛ ሒሳብን ካልኦት ተዛመድቲ ስራሕትን



ይፈጥራል፣ የሴቶች ተሳታፊነትና ተጠቃሚነት ለማሳደግ የሚያግዝ አማካሪ ቦርድ ያቋቁማል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

17. በስራቸው የላቀ ውጤት ላስመዘገቡ ሴቶች እውቅና ይሰጣል፣ ያበረታታል፣ ይደግፋል፣ ይሸልማል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ ቢሮው በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፡፡

18. ሴቶች ያላቸውን ችግር ለማቃለል ሃብት ያሰባስባሉ፣ ይንቀሳቀሳሉ ዝርዝሩ በደንብ ይወስናል

## 24. የገቢዎች የልማት ኤጀንሲ

1. የግብር አዋጅ፣ ደንቦችንና መመሪያዎችን ያስፈፅማል፣
2. በክልል መንግስት እንዲመደብና እንዲሰበስብ በሕግ የተለዬ ገቢ ይሰበስባል፣ እንዲሰበሰብ ያደርጋል፣
3. በፌደራሉ መንግስት በሚሰጠው ውክልና ስልጣን መሰረት በክልሉ መንግስት እውቅና የፌደራልና የክልል የጋራ ገቢ ይወስናል፣ ይሰበስባል፣
4. በክልሉ ኢኮኖሚያዊ እንቅስቃሴ ላይ ተመስርቶ ጥናቶችን በማካሄድ የክልሉን የገቢ ያሰፋል፣
5. በክልሉ በመካሄድ ላይ ያለውን የግብር ስርዓት ማሻሻያ ፕሮግራም አፈፃፀሙ በባለቤትነት ይመራል፣ ያስተባብራል፣
6. የግብርና ታክስ ሕጐችን ለማስፈፀም አስፈላጊ የሆኑ በማናቸውም ሰው እጅ የሚገኙ ሰነዶች ይመረምራል፣
7. በግብርና ታክስ አስተዳደር ብቃት ያላቸውን ባለሙያዎች ለማፍራት የሚያስችል የስልጠና ስርዓት ይዘረጋል፣ ያስፈፅማል፣
8. የግብር አወሳሰንና አሰባሰብ፣ ሂሳብ አያያዝ እና ሌሎች ተጓዳኝ ስራዎችን ለማከናወን

www.abyssinialaw.com



ንምፍፃም ዘኽእሎ ናይ ኣሰራርሓ ሜላ ይቕይስ፣ ተግባራዊ ይገብር፣

9. ንግብሪ ኣወሳስና ኣድለይቲ ዝኾኑ መረዳእታታት የተኣኻኽብ፣ የዋድድ፣ ብመሰረት እዚ መረዳእታ ግብርን ታክስን ይውሰን፣ ይእክብ፣
10. ሕግታት ግብሪ ንምውፃእን ንምምሕያሽን ዘኽእል መፅናዕቲ ብምክያድ መመሓየሺ ረቒቕ የቕርብ፣
11. ግብሪ ኸፈልቲ መሰሎምን ግቡኦምን ንክፈልጡ ስራሕቲ መጨበጢ ግንዛበ ይሰርሕ፣ ክስራሕ ይገብር፣
12. ኣፈፃፅማ ስራሕቲ፡ ብዝምልከት ንቢሮ ትልምን ፋይናንስን እዋናዊ ፀብፃብ የቕርብ፣
13. ንስርሑ ዘድልዩ ትልምን በጀትን ኣዳልዩ ንቢሮ ትልምን ፋይናንስን የቕርብ፣ ምስፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕል፣ ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት ይቖፅር፣ የማሓድር፣ የሰናብት፣
14. ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ንብረትን ገንዘብን ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ የመሓድር፣
15. ገንዘባዊ እቶት መንግስቲ እዚ ክልል ዝምልከት ፀብፃብ ይጠምር፣ ንዝምልከቶ የቕርብ፣
16. ዕላምኡ ኣብ ሽቶ ንምብፃሕ ካልኦት ኣድላይ ዝኾኑ ተግባራት ይፍፅም፣

## 25. ኤጀንሲ ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ኣጠቓቕማን ምምሕዳርን ገፀር መሬት

1. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ትሕዝቶ፣ ዓይነትን ስፍሓትን መሬት ብምፅናዕ መዝጊቡ ይሕዝ፣ የማሓድር፣ ኣጠቓቕምኡ ይከታተል፣ ይቆፃፀርን ውፅኢታዊነቱ ይግምግምን፣



የሚያስችል የአሰራር ዘዴ ይቀይሳል፣ ተግባራዊ ያደርጋል፣

9. ለግብር አወሳሰን የሚያስፈልጉትን መረጃዎች ያሰበስባል፣ ያጠናቅራል፣ በመረጃው መሰረት ግብርና ታክስ ይወስናል፣ ይሰበስባል፣
10. የግብር ሕጎች ለማውጣትና ለማሻሻል የሚያስችል ጥናት በማካሄድ የማሻሻያ ረቂቅ ያቀርባል፣
11. ግብር ከፋዮች መብትና ግዴታቸውን እንዲያውቁ የግንዛቤ ማስጨበጫ ስራዎች ይሰራል፣ እንዲሰራም ያደርጋል፣
12. የስራውን አፈፃፀም በሚመለከት ለፕላንና ፋይናንስ ቢሮው ወቅታዊ ሪፖርት ያቀርባል፣
13. ለስራው የሚያስፈልገው የስራ እቅድና በጀት አዘጋጅቶ ለፕላንን ፋይናንስ ቢሮ ያቀርባል፣ ሲፀድቅ ስራ ላይ ያውላል፣ በሕግ መሰረት ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣ ያሰናብታል፣
14. በስሩ የሚገኝ ንብረትና ገንዘብ በፋይናንስ ህግ መሰረት ያስተዳድራል፣
15. የክልሉ መንግስት የገንዘብ ገቢ በሚመለከት ሪፖርት ያጠናቅራል፣ ለሚመለከተው ያቀርባል፣
16. አለማዎቹን ከግብ ለማድረስ ሌሎች አስፈላጊ የሆኑ ተግበራትን ያከናውናል፣

## 25. ስነ-አከባቢ ጥበቃ፣የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም ኤጀንሲ

1. ከሚመለከታቸው አካላት በመተባበር የመሬት ይዞታ፣ ዓይነትና ስፋት በማጥናት መዝግቦ ይይዛል፣ ያስተዳድራል፣ አጠቃቀሙ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ ውጤታማነቱን ይገመግማል፣

www.abyssinialaw.com



2. ስነ-ከባብን መሬትን እዚ ክልል ብምፅናዕ መረዳእታ ይእክብ፣ ኣገባብ ኣጠቓቕምኡ ይውስን፣ ከከምኣድላይነቱ ንተጠቀምቲ መረዳእታን ሓበሬታን ይህብ፣
3. ብቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን መሬት ገፀር ኣመልኪቱ ዝወፀ ፖሊሲ፣ ስትራተጂ፣ ኣዋጅን ደንብን የተግብር፣ ተግባራውነቱ ይከታተል፣
4. ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማ ገፀር መሬትን ብዝምልከት ፖሊሲታትን ሕጋዊ ማዕቀፋትን የዳሉ፣ ምስፀደቐ የተግብር፣ ክትግበር ይገብር፣
5. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምኳን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት መሬት መፍረያይነቱ ከይስእንን ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ከይኸውንን ተጠቀምቲ ኣብ ትሕዝቶኦም ክንክን ክገብሩ ይሕግዝ፣ ኣስተምህሮ ይህብ፣ ሜላ መተባብዒ ይምህዝ፣ ግቡኦም ኣብዘይፈፀሙ ስጉምቲ ይወስድ፣
6. ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማ ገፀር መሬት ኣመልኪቱ ኣብ ካልኦት ዘፈራት ዘሎ ኣካይዳ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብዝወፅእ መምርሒ ይውስን፣
7. ንሕድሕድ በዓል ትሕዝቶ መሬት ዓቐን ትሕዝትኡን መዳውብቱን ዘርኢ መረጋገፂ ትሕዝቶ መሬት ካርታን ደፍተርን የዳሉ፣ ንተጠቀምቲ ይህብ፣
8. ኣብ መሰል ምጥቃም መሬት ዝተውሃቦም መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት፣ ሕብረተሰብ ገፀር፣ ውልቀ ሰባት፣ ውዳበታት መሬት ንምምሕድዳርን ንምጥቃምን ዝወፁ ኣዋጃት፣ ደንብታት መምርሒታትን የፈፀም ክፍፀሙ ይገብር፣

2. የክልሉ ስነ-አከባቢና መሬት በማጥናት መረጃ ይሰበስባል፣ የአጠቃቀሙ አገባብ ይወስናል፣ እንደአስፈላጊነቱ ለተጠቀሚዎች መረጃ ይሰጣል፣
3. በትግራይ ክልል የእርሻና ገጠር ልማት ቢሮ የስነ-አከባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የሚመለከት የወጣ ፖሊሲ፣ ስትራተጂ፣ አዋጅና ደንብ ይተገብራል፣ ተግባራዊነቱ ይከታተላል፣
4. የስነ-አከባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም የሚመለከት ፖሊሲዎችና የህግ ማእቀፎች ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል እንዲተገበር ያደርጋል፣
5. ከሚመለከቸው አካላት ጋር በመሆን መሬት በተለያዩ ምክንያቶች ምርታማነቱን እንዳያጣና ከጥቅም ውጭ እንዳይሆን ተጠቃሚዎች በይዞታቸው እንክብካቤ እንዲያደርጉ ይረዳል፣ ትምህርት ይሰጣል፣ የማበረታቻ ዘዴ ያመነጫል፣ ግዴታቸው በማይፈፅሙ ተጠቃሚዎች እርምጃ ይወስዳል፣
6. የስነ-አከበቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አስመልክቶ በሌሎች ዘርፎች ያሉ አካሄዶች ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣው መመሪያ ይወስናል፣
7. ለያንዳንዱ የመሬት ባለይዞታ የይዞታው መጠንና አዋሳኞቹ የሚያሳይ የመሬት ይዞታ ማረጋገጫ ካርታና ደፍተር ያዘጋጃል ለተጠቃሚዎች ይሰጣል፣
8. በመሬት የመጠቀም መብት የተሰጣቸው መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች፣ የገጠር ማህበረ ሰብ፣ ግለሰቦች፣ ድርጅቶች፣ የመሬት አስተዳደርና አጠቃቀም አስመልክተው የሚወጡ አዋጆች፣ ደንቦች፣ መመሪያዎች ይፈፅማል፣ እንዲፈፀሙ

www.abyssinialaw.com



9. ካብ ትሕዝቶ መሬቶም ዝፈናቐሉ ሓረስቶት ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምኧን ኩነታት የዕንዕ፣ እኹል ካሕሳ ወይ ላውጣ መሬት ምርካቦም ይከታተል፣

10. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ብመሰረት ፖሊሲ ኣጠቃቕማ ገፀር መሬት ክፍፀሙ ዝግበኦም መደባትን ፕሮጀክትታትን የተግብር፣

11. ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ዘዳልውዎ ፕሮጀክት ኣጠቓቅማ ገፀር መሬት፣ ሓሳባትን ትልሞምን እናገምገመ የፅድቕ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣

12. ንኣፈፃፅማ ዓቕሚ ምዕባይ ዝሕግዙ ኣወዳድባን ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታትን ብምትእታትው ስልጠናታት ክወሃቡ ይገብር፣

13. ገምጋም ፅዕንቶ ስነ-ከባቢ ንምክያድ ዘኽእል ኣካይዳ ይዝርግሕ ኣፈፃፅመኦም ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

14. ንምክልኻል በረኻነትን ዝተጎድኡ ስርዓተ ምሕዳር ንክሓውዩን ዘኽእል መፅናዕቲ የካይድ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል ፣

15. በዝሃ ህይወት ሃፍቲ ክልል፣ ተፈጥሮኣዊን ሰብ ስራሕን ሓድግታትን፣ ፓርክታትን ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን የዕንዕ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣

16. ንህዝቢ ከባቢኡ ክሕሉን ክከናኸንን አስተምህሮ ይህብ፣

17. ብፌደራልን ክልልን ዝተዳለወ ደረጃ ሓለዋ ስነ-ከባቢ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ የረጋግፅ፣

18. ኣብቲ ክልል ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝርከብ ፈሳሲ ርስሓትን ደረቕ ጓሓፍን ኣተኣኻኽባ፣ ኣተሓሕዛ፣ ኣተኣላልያ መሊስካ ምጥቃምን ኣብ ጥዕናን ድሕንነት ሰብን ከበብን ፀገም ብዘይፈጥር መልክዑ ምፍፃሙ የረጋግፅ፣ ይከታተል፣

ያደርጋል፡

9. ከይዞታ መሬታቸው የሚፈናቀሉ አርሶ አደሮች ከሚመለከተው አካል ጋር በመሆን ሁኔታዎች ያጠናል፣ በቂ ካሳ ወይም ተለዋጭ መሬት ማግኘታቸው ይከታተላል፣

10. ከሚመለከታቸው አካላት በመተባበር የገጠር የመሬት አጠቃቀም ፖሊሲ መሰረት በማድረግ መፈፀም ያለባቸው ፕሮግራሞችና ፕሮጀክቶችን ይተገብራል፣

11. የግል ባለሃብቶች የሚያዘጋጁት የመሬት አጠቃቀም የፕሮጀክት፣ ሃሳብና እቅዶች እየገመገመ ያፀድቃል በስራ ላይ ያውላል፣

12. የማስፈፀም እቅድ ለማሳደግ የሚረዱ አደረጃጀትና አዳዲስ ቴክኖሎጅዎች በማስገባት ስልጠና እንዲሰጥ ያደርጋል፣

13. የስነ-አከባቢ ጫና ግምገማ ለማካሄድ የሚያስችል አካሄድ ይዘረጋል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

14. በረሃነትን ለመከላከልና የተጎዱ ስርአት ምህዳር ለማዳን የሚያስችል ጥናት ያካሂዳል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣

15. የክልሉ የበዝሃ ህይወት ሃብት፣ ተፈጥሮአዊና ሰው ሰራሽ ቅርሶች፣ ፓርኮች አጠቃቀማቸውና አያያዛቸው ያጠናል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣

16. ለህዝብ አከባቢው እንዲጠበቅና እንዲንከባከብ ትምህርት ይሰጣል፣

17. በፌደራልና በክልል የተዘጋጀ የስነ-አከባቢ ጥበቃ ደረጃ በስራ ላይ መዋሉ ያረጋግጣል፣

18. በክልሉ በማንኛውም ቦታ የሚገኝ ፈሳሽና ደረቅ ቆሻሻ አሰባሰብ፣ አያያዝ፣ አወጋገድ መልሶ መጠቀም በአከባቢና በሰዎች ጤናና ደህንነት ችግር በማይፈጥር መልኩ መፈፀሙ ያረጋግጣል፣ ይከታተላል፣

19. ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ኣጠቃቕማን ምምሕድዳርን መሬት ገፀር ዝምልከቱ ፀብፃብ ስራሕ ንቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገፀርን ክልል ትግራይ የቕርብ፣

20. ሓለዋ ስነ-ከባቢ፣ ኣጠቓቕማን ምምሕድዳርን መሬት ገፀር ዝምልከቱ ጉዳያት ምኽርን ሓገዝ ቴክኒክን ንተጠቀምቲ ይህብ፣

21. ኣብ ምሕላው ስነ-ከባቢ፣ ኣጠቓቕማን ምምሕድዳርን ገፀር መሬት ዝሕግዙ ገበርቲ ሰናይ ትካላን መንግስትን የተኣላልሽ፣

22. ኣብ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ትካላት ኦዲት ስነ-ከባቢ የካይድ፣

23. ስራሕ ሓለዋ ስነ ከባቢ ኣብ ገፀርን ከተማን ተግባራዊ ምኻኑ ይከታተል፣

24. ዕላማታት እዚ ኤጀንሲ ንምፍፃም ዘኽእሉ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም፣

## 26. ኤጀንሲ ምስፍሕፋሕ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ልምዓት ዕዳጋን

1. ሕብረት ስራሕ ማሕበር ብዝምልከት ናይ ፖሊሲ ሓሳባት የፍልፍል፣ ብዝምልከቶ ኣካል ምስፀደቐሉ ኣብ ተግባር የውዕል፣

2. ንዕብየት ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝሕግዙ ስራሕቲ መፅናዕትን ምርምርን የካይድ፣ ብተሳትፎ ኣባላት ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝፍፀም ፕሮጀክት ልምዓት ይቐርፅ፣ ብዘለዎም ኣገዳስነት ቅደም ሰዓብ ሰሪዑ ናይ ኣፈፃፅማ ስትራተጂ ይሕንፅፅ ምስ ፀደቐሉ ኣብ ስራሕ የውዕል፣

3. ዕላማ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ብፍላይ ኣብ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ንክሰርፅን ተግባራዊ ንኽኸውንን ዝሕግዝ ፕሮግራም ትምህርቲ ኣዳልዩ ስልጠናን ትምህርትን ይህብ፣

19. የክልሉ የአከበቢ ጥበቃ ፣ የመሬቱ አጠቃቀምና አስተዳደር የሚመለከቱ ወቅታዊ የስራ ሪፖርት ለትግራይ እርሻና ገጠር ልማት ቢሮ ያቀርባል፣

20. በክልሉ የስነ-አከበቢ ጥበቃ፣ የመሬት አጠቃቀምና አስተዳደር የሚመለከቱ ጉዳዮች ምክርና የቴክኒክ እገዛ ይሰጣል፣

21. በስነ-አከባቢ ጥበቃ፣ የገጠር መሬት አጠቃቀምና አስተዳደር እገዛ የሚያደርጉ ግብረ ሰናይ ድርጅትና መንግስት ያፈላልጋል፣

22. በመንግስትና መንግስታዊ ባልሆኑ ድርጅቶች የስነ-አከባቢ ኦዲት ያካሂዳል፣

23. የስነ-አከባቢ ጥበቃ ስራ በገጠር ይሁን በከተማ ተግባራዊ መሆኑን ይከታተላል፣

24. የኤጀንሲው አለማዎች ለማስፈፀም የሚያስችሉ ሌሎች ተግባሮች ይፈፅማል፣

## 26. የህብረት ስራ ማህበር ማስፋፊያና የገበያ ልማት ኤጀንሲ

1. ሕብረት ስራ ማሕበር በሚመለከት የፖሊሲ ሓሳብ ያመነጫል፣ በሚመለከተው አካል ሲፀድቅለት በተግባር ላይ ያውላል፣

2. ለሕብረት ስራ ማሕበር ዕድገት የሚጠቅሙ የጥናትና ምርምር ስራ ያካሂዳል፣ በሕብረት ስራ ማሕበር አባላት ተሳትፎ የሚፈፀም የልማት ፕሮጀክት ይቀርፃል፣ ባላቸው ጠቀሜታ በቅደም ተከል በማስቀመጥ የአፈፃፀም ስትራተጂ ይቀይሳል፣ ሲፀድቅለት በስራ ላይ ያውላል፣

3. የሕብረት ስራ ማሕበር ዓላማ በመላው ሕብረተሰብ በተለይ በወጣቶችና ሴቶች እንዲሰርፅና ተግባራዊ እንዲሆን የሚያግዝ ትምህርታዊ ፕሮግራም በማዘጋጀት ስልጠናና ትምህርት ይሰጣል፣

www.abyssinialaw.com



4. ኣብ ድልየት ኣባላት መሰረት ዝገበረን ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት እቶም ኣባላት ንምፍታሕ ብመሰረታዊ፣ ዩኔንን ፌደሬሽንን ሕብረት ስራሕ ማሕበር ንኸውደቡ የለዓዕል፣ ኣድላይ ድጋፍ ይገብር፣ ይምዝግብ፣ መረጋገፂ ምስክር ወረቐት ይህብ፣
5. ምስ ምዕባለን ፀገማትን ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝተኣሳሰረ መፅናዕቲ የካየድ፣ ነቶም ፀገማት ንምእላይ ዘኽእል ሕጊ ምቕራፅ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ረቂቕ ሕጊ ኣዳልዩ ንዝምልከቶ ኣካል የቕርብ፣ ምስፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
6. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት እዚ ክልል ንፍርያቶም ዝሓሸ ዋጋ ዝረኽብሉ ኩነታት የመቻቹ፣
7. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምህርቶም ንምስሳን ዝሕግዝዎም እታወታት ውፅኢት ዘመናዊ ኢንዱስትርን ቴክኖሎጂን ንምጥቃም ዘኽእሎም ልቓሕ ዝረኽብሉ ኣገባብ መፅናዕቲ ብምክያድ ምችው ባይታ ይፈጥር፣
8. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣመራርሓ ዓቕሞም ክዕብዩ፣ ባህሊ ቁጠባ ከማዕብሉን ናይ ዓርሰ እምነት መንፈስ ክዕብዩን ስልጠና ይህብ፣
9. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት እዋናውን ኣገዳስን መረዳእታ ዕዳጋ ክረክቡን ኣብ ነፃ ዕዳጋ ተወዳደርቲ ዝኾንሉን ኣብ ምዕባለ ቁጠባ ክልልና ግቡእ ኣበርክቶ ዝገብርሉን ባይታ የመቻቹ፣
10. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ብዛዕባ ንብረት፣ ገንዘብን ሒሳብን እቶም ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምርመራ ክካየድ ብምግባር ንዝተርኣዩ ፀገማት ንምፍታሕ ዘኽእል ኣድላይ መፍትሒ ስጉምቲ ንኽወስዱ



4. የአባላት ፍላጎት መሰረት ያደረገና የአባላቱ ማሕበራዊና ኢኮኖሚያዊ ችግሮች ለመፍታት በመሰረታዊ፣ ዩኔንና ፌደሬሽን ሕብረት ስራ ማሕበር እንዲደራጁ ያነቃቃል፣ አስፈላጊውን ድጋፍ ያደርጋል፣ ይመዘግባል፣ የማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ይሰጣል፣
5. ከሕብረት ስራ ማሕበር ዕድገትና ችግሮች የተሳሰሩ ጥናት ያካሄዳል፣ ችግሮቹ ለመፍታት የሚያስችል ሕግ መቅረፅ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ረቂቅ ሕግ አዘጋጅቶ ለሚመለከተው አካል ያቀርባል፣ ሲፀድቅ በስራ ላይ ያውላል፣
6. በክልሉ የሚገኙ የሕብረት ስራ ማሕበራት ለምርታቸው የተሻለ ዋጋ የሚያገኙበት ሁኔታ ያመቻቻል፣
7. ሕብረት ስራ ማሕበራት ምርታማነታቸው ለመጨመር የሚያግዙዋቸው የዘመናዊ ኢንዱስ ትርና ቴክኖሎጂ ውጤት የሆኑ ግብኣቶች ለመጠቀም የሚያስችላቸው ጥናት በማካሄድ ብድር የሚያገኙበት አገባብ ምቹ ሁኔታ ይፈጥራል፣
8. ሕብረት ስራ ማሕበራት የአመራር ዓቅማቸው እንዲገነቡ የቁጠባ ባህላቸው እንዲያዳብሩና በራስ የመተማመን መንፈስ እንዲያጎለብቱ ስልጠና ይሰጣል፣
9. ሕብረት ስራ ማሕበር በነፃ ገበያ ተወዳዳሪ የሚሆንበትና ለክልሉ ኢኮኖሚያዊ እድገት ለማረጋገጥ ተገቢውን ሚናቸው እንዲጫወቱ የሚያስችላቸው ወቅታዊና አስፈላጊ የገበያ መረጃ የሚያገኙበት ሁኔታ ያመቻቻል፣
10. ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር በሕብረት ስራ ማሕበራት ንብረት፣ ገንዘብና ሒሳብ ምርምራ እንዲካሄድ በማድረግ የታዩ ችግሮች ለመፍታት የሚያስችል አስፈላጊ የመፍትሄ እርምጃ እንዲወስዱ አስፈላጊውን

www.abyssinialaw.com



ኣድላይ ደገፍ ይገብር፣

11. ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ርክብ ዕዳጋ ክህሉን ቁጠባዊ ዓቕሞም ክዕቢ ዝኽእል ቴክኒካዊ ድጋፍ ይገብር፣
12. ንምዕባለ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝሕግዙ ፕሮጀክትታት ብምቕራፅ ንመንግስትን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን የቕርብ፣ ምስተፈቀደ ኣብ ተግባር የውዕል፣ ክውዕሉ ይገብር፣
13. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ ዝውሃሃድሉ ወይ ዝከፋፈልሉ ወይ ዝፈርስሉ እዋን ኣገባብ ኣፈፃፅምኡ ብመሰረት ሕጊ ንክፍፀም ኣድላይ ክትትልን ሓገዝን ይገብር፣
14. ኣብ መንጎ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝፍጠሩ ጎንፅታት ብሽምግልና ዳይነት ንኽፍትሑ ይገብር፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣
15. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ፍርያት ኣባላተን ንኽውስኽ ኣብ ስራሕቲ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ዝዋስእሉ ባይታ የመቻቹን ኣድላይ ድጋፍ ይገብርን፣
16. ንግልጋሎት ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ሰነዳትን መዛግብትን ሒሳብ ንኽዳለው ይገብር፣
17. ካብ ዝተፈላለዩ ዩኒቨርስቲታት፣ ኮሌጃትን መሰልጠኒ ማእኸላትን ሰልጢኖም ንዝወፁ መናእሰይ ወዲቡ ናብ ስራሕ የእትው፣
18. ዕላማ እዚ ኤጀንሲ ንምዕዋት ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ኣብያተ ፅዮን ኣድላይ ምትሕግጋዝ ይገብር፡፡

## 27. ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን

1. ባህልን ቱሪዝምን ዝምልከት ስትራተጂ ይሕንፅፅ መምርሒ የዳሉ፣ እንትፀድቕ ኣብ

ድጋፍ ያደርጋል፣

11. በተለያዩ የሕብረት ስራ ማሕበሮች መካከል የገበያ ትስስር እንዲኖርና የኢኮኖሚ ዓቅማቸው ሊያሳድግ የሚችል ቴክኒካዊ ድጋፍ ያደርጋል፣
12. ለሕብረት ስራ ማሕበር እድገት የሚጠቅሙ ፕሮጀክቶች በመቀረፅ ለመንግስትና ለለጋሽ ድርጅቶች ያቀርባል፣ ሲፈቀድ በተግባር ላይ ያውላል፣ እንዲውል ያደርጋል፣
13. ሕብረት ስራ ማሕበራት በሚቀላቀሉበት ወይም በሚከፋፈሉበት ወይም በሚፈርሱበት ጊዜ ኣግባብ አፈፃፀሙ ሕግ መሰረት ያደረገ እንዲሆን አስፈላጊውን ክትትልና ድጋፍ ያደርጋል፣
14. በሕብረት ስራ ማሕበራት መካከል የሚነሱ ክርክሮች በሽምግልና ዳኝነት እንዲፈቱ ያደረጋል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣
15. ሕብረት ስራ ማሕበራት የአባሎቻቸው ምርት እንዲጨምር በአግሮ ፕሮሰሲንግ ስራዎች የሚሳተፉበት ሁኔታ ያመቻቻል፣ አስፈላጊው ድጋፍ ያደርጋል፣
16. ለሕብረት ስራ ማሕበር አገልግሎት የሚውሉ የተለያዩ የሒሳብ ሰነዶችና መዛግብት እንዲዘጋጁ ያደርጋል፣
17. ከተለያዩ ዩኒቨርስቲዎች፣ ኮሌጆችና የማሰልጠኛ ማእከላት ሰልጥነው ለሚወጡ ወጣቶች አደራጅቶ ወደ ስራ እንዲሰማሩ ያደርጋል፣
18. ኤጀንሲው ዓላማ ለማሳካት ከሚመለከታቸው አካላትና መስሪያቤቶች አስፈላጊውን ትብብር ያደርጋል፡፡

## 27. የባህል እና ቱሪዝም ኤጀንሲ

1. ባህልና ቱሪዝም የሚመለከት ስትራተጂ ይነድፋል፣ መመሪያዎች ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅ

ተግባር የውዕል፣

2. ባህልን ቱሪዝምን ንክምዕብልን ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ረብሓ ንክህልዎን ዝሕግዙ መፅናዕቲ እናካየደ የተግብር፣
3. ሃይማኖታዊ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ውልቀ ሰባትን ኣብ ልምዓት ባህልን ቱሪዝምን ተዋዲዶም ንክሰርሑ ዘኽእል ኣንፈት የነፅር፣ የተሓባብር፣
4. ባህልን ቱሪዝምን ተንከፍ ዝኾኑ መረዳእታታት ይእክብ፣ ይትንትን፣ የዋድድ ይዝርግሕን፣
5. ፈንድ ልምዓት ባህልን ቱሪዝምን የጣይሽ፣ እቶት የተኣኻኽብ ኣብ ልምዓት የውዕል፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፣
6. ኣብ ዝካየዱ ስራሕቲ ምርምርን ክንክንን ሓድግታት ደገፍ ይገብር፣ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ተረባሒ ዝኾነሉ ኣንፈት ይሕንፅፅ፣
7. ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምትሕብባር ዝካየድ ህንፀት መሰረት ልምዓትን ካልኦት ልምዓታዊ ስራሕትን ባህልን ቱሪዝምን ብዘማእኸለ መልክዑ ንክስርሑ ይከታተል፣
8. ዝተዋደደ ልምዓት ሃፍቲ ቱሪዝምን ባህልን ንክህሉ ነዚ መሰረት ገይሩ ንዝጣየሽ ካውንስል ባህልን ቱሪዝምን ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣
9. ባህልን ቱሪዝምን ንክስፋሕፋሕን ክለምዕን ምስ ጎረባብቲ ክልላትን ሚኒስቴር ባህልን ቱሪዝምን ኣዋዲዱ ይሰርሕ፣
10. ሰብ ሞያ ኢደ ጥበብ ብምብርትታዕ ንበፃሒ ብዝምችውን ባህሊ ክልልና ብዘላልን መንገዲ ንክሰርሑን ብስርሖም ተጠቀምቲ ክኾኑ የመቻቹ፣ ምስ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ንግዲ ትካላት ተወዲቦም ክሰርሑ የተባብዕ፣

ይተገብራል፣

2. ባህልና ቱሪዝም እንዲያድግና ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊና ኢኮኖሚያዊ ጠቀሜታ እንዲኖራቸው የሚያግዙ ጥናቶችን ያካሂዳል ይተገብራል፣
3. ሃይማኖታዊ፣ መንግስታዊ እና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች በባህልና ቱሪዝም ልማት ተቀናጅተው እንዲሰሩ የሚያስችል አቅጣጫ ይቀይሳል፣ ያስተባብራል፣
4. ባህልና ቱሪዝም ነክ የሆኑ መረጃዎችን ይሰበስባል፣ ይተነትናል፣ ያቀናጃል ያሰራጫል፣
5. የባህልና ቱሪዝም ፈንድ ልማት ያቋቁማል፣ ገቢ ያሰባስባል፣ ልማት ላይ ያውላል፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፣
6. በቅርስ ዙሪያ የሚካሄድ የምርምርና እንክብካቤ ስራዎች ድጋፍ ያደርጋል፣ የአከባቢ ሕብረተሰብ ተጠቃሚ የሚሆንበትን አቅጣጫ ይቀይሳል፣
7. ከሚመለከተው አካል በመተባበር ለሚካሄድ የመሰረተ ልማት ግንባታና ሌሎች ልማታዊ ስራዎች ባህልና ቱሪዝም ባማከለ መልኩ እንዲሰሩ ይከታተላል፣
8. የተቀናጀ የቱሪዝም ሃብት ልማትና ባህል እንዲኖር በማሰብ የሚቋቋመውን የባህልና ቱሪዝም ካውንስል ይመራል፣ ያስተባብራል፣ ዝርዝሩ በመመርያ ይወሰናል፣
9. ባህልና ቱሪዝም እንዲስፋፋና እንዲለማ ከአጎራባች ክልሎች እና ከባህል እና ቱሪዝም ሚኒስቴር ጋር ተቀናጅቶ ይሰራል፣
10. የኢደ ጥበብ ሞያተኞች በማበረታታት ለጎብኚ በሚያመችና የክልሉ ባህል በሚያስተዋውቅ መንገድ እንዲሰሩ እና፣ ከስራቸው ተጠቃሚ እንዲሆኑ ያመቻቻል፣ በጥቃቅንና አነስተኛ የንግድ ድርጅት ተደራጅተው እንዲሰሩ

www.abyssinialaw.com



11. ታሪካዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊን ተፈጥሮኣዊን ሓድግታት ክዕቀቡ፣ ክዕንዑ፣ ክሕደሱን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ምስ ዝምልከቶም አካላት ብምትሕብባር ይሰርሕ፣
12. ኣብ ኢድ መንግስቲ፣ ውልቀ ሰብ፣ ማሕበር ወይ ሃይማኖታዊ ትካላት ዝርከቡ ሓድግታት ይምዝግብ፣ ብዝግባእ ክተሓዙን ክዕቀቡን የተሓባብር፣ ብመንግስቲ ብዝፍቀድ በጀትኣብ ውልቀ ዝርከቡ ሓድግታት ብግዚኢት ከምኡ' ውን ብውህብቶ የተኣኻኽብ፣
13. ኣብያተ መዘክር /ሙዜማት/ የጣይሽን የስፋሕፍሕን፣ ብቕዓቶም የረጋግፅ፣
14. ሓድግታት ንምዕቃብን ንምክንኻንን ዝሕግዙ ኣገባባት ይምህዝ፣ ምስ ሓገዝ ውሃብቲ ትካላት ርክብ ብምፍጣር ሓገዝ ይእክብ፣
15. ኣብ ግልጋሎት ሆቴልን ቱሪዝምን ዝተዋፈሩ ትካላት፣ ሰብ ውልቀ ሃፍትን ሰራሕተኛታትን ዓቕሞም ንምዕባይ ግልጋሎት ሓበሬታ፣ ምኽርን ስልጠናን ይህብ፣
16. ኣብ ሆቴልን ቱሪዝምን ግልጋሎት ንዝተዋፈሩ ምደባ ብርኪ የካይድ፣
17. ኣብ ሆቴልን ቱሪዝምን ግልጋሎት ውሃብቲ ትካላት ንዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ዝወሃበሉ መምርሕን ማንዋልን የዳሉ፣ ብቕዓትን ፅሬትን ዘለዎ ግልጋሎት ንክህቡ ዘኽእል ክትትል ይገብርን የተባብዕን፣
18. ሓድጊ ሃገራውን ዓለምለኻውን ሓድጊ ኮይኑ ንክምዝገብን ንበፃሕቲ ስሓብቲ ክኾኑ፣ ኣብ ዓዲ ውሽጥን ዕዳጋ ዓለምን የፋልጥ፣
19. ዳህሳስን ኳዕትን ኣርኪኦሎጂ የካይድ፣
20. ቱሪዝም ውሽጢ ዓዲ ንምዕባይ ክበባት ዓድና ንፍለጥ ንክስፋሕፋሑን ቅርስታት ክጉብንዩ

ያበረታታል፣

11. ታሪካዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊና ተፈጥሯዊ ቅርሶች እንዲጠበቁ፣ እንዲጠኑ፣ እንዲታደሱና ጥቅም ላይ እንዲውሉ ከሚመለከታቸው አካላት ጋር ተባብሮ ይሰራል፣
12. በመንግስት፣ በግለሰብ፣ በማሕበር ወይም በሃይማኖታዊ ደርጅቶች እጅ የሚገኝ ቅርስ ይመዘግባል፣ በአግባቡ እንዲያዙና እንዲጠበቁ ያስተባብራል፣ ከመንግስት በሚፈቀድ በጀት በግለሰብ እጅ የሚገኙ ቅርሶች በግዢ እንዲሁም በስጦታ ይሰበሰባል፣
13. ኣብየተ መዘክር /ሙዝየም/ ያቋቁማል ያስፋፋል፣ ብቃታቸው ያረጋግጣል፣
14. ቅርሶች ለመጠበቅ እና ለመንከባከብ የሚያስችል ዘዴ ይቀይሳል፣ ከድጋፍ ሰጪ አካላት ጋር ግንኙነት በመፍጠር እርዳታ ያሰባስባል፣
15. በሆቴልና ቱሪዝም አገልግሎት የተሰማሩ ድርጅቶች፣ ባለሃብቶችና ስራተኞች ዓቅም ለማሳደግ የመረጃ፣ የስልጠና ምክር ይሰጣል፣
16. በሆቴልና ቱሪዝም አገልግሎት መሰክ ለተሰማሩ የደረጃ ምደባ ያካሂዳል፣
17. በሆቴልና ቱሪዝም አገልግሎት መስክ የሚሰማሩ ባለሃብቶች ፍቃድ አሰጣጥ መመሪያና ማንዋል ያዘጋጃል፣ ብቃትና ጥራት ያለው አገልግሎት እንዲሰጡ ይከታተላል፣ ያበረታታል፣
18. ቅርስ አገራዊና አለም አቀፋዊ ቅርስ ሁኖ እንዲመዘገብ እና ለጎብኚዎች ማራኪ እንዲሆን በአገር ውስጥ እና በአለም ገበያ ያስተዋውቃል፣
19. የአርኪኦሎጂ ዳሰሳና ቁፋሮ ያካሂዳል፣
20. የአገር ውስጥ ቱሪዝም ለማሳደግ የአገርህን እወቅ ክበባት እንዲስፋፉና ቅርሶችን

www.abyssinialaw.com



የተሓባብር፣

21. ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ምዕባለ ዘሳልጥ ዲሞክራሲያዊ ዝኾነ ባህሊ የጠናኽር፣ ባህላዊ ዕብየት ንክመፅእ ይሰርሕ፣ ህዝቢ ሕሉፍ ባህልታት ዝፈልጠሉ ኣገባብ ይሕንፅፅ የተግብር፣

22. ኣብ ምጥፋእ ዝርከቡ ጠቐምቲ ባህልታት ምስ ዝርዝር መግለፂኦም መዝጊቡ ይሕዝ፣

23. ኣብያተ መፃሕፍትን መዛግብትን ንክስፋሕፍሑ ይገብር፣ ጥንታዊ መዛግብትን ታሪኻዊ መረዳእታታትን የተኣኻኽብ፣ ሞያውን ቴክኒካውን ሓገዝ ይህብ፣ ንመፅናዕትን ምርምርን ድልዊ ዝኾንሉ ኩነታት የመቻቹ፣ ብብርኪ ክልል ማእኸል ቤተ መዛግብትን መረዳእታ የጣየሽ፣

24. ቋንቋታት፣ ስነ-ፅሑፍ፣ ኪነ-ጥበባትን ኢደጥበባትን ንክፅንዑ ንክዓብዩ፣ ንክምዕብሉን ንክስፋሕፉሑን ይሰርሕ፣ ሞያዊ ሓገዝ ይህብ ውፅኢት መፅናዕትታት ክሕተሙን ኣብ ግልጋሎት ክውዕሉን ይገብር፣

25. ማእኸላት ባህሊ በቢደረጅኡ ንክስፋሕፍሑ ይገብር፣ ኣብዚ ዓውደ ስራሕ ዝሰርሑ ኣካላት ኣድላይ ደገፍ ይህብ፣ ባህሊ፣ ታሪክን ስነ ምግባርን ማሕበረሰብ ሓልዮም ዝካየዱ ምህላዎም ይቆፃፀር፣

26. ተወዲቦም ፍቓድ ንግዲ ብምውፃእ ኣብ ስራሕቲ ኪነ ጥበባት፣ ካልኦት ሰራሕቲ ባህልን ቱሪዝምን ንዝተዋፈሩ ኣካላት ዝንቀሳቐስሉ ኣንፈት ኣሰራርሓ የነፅር፣ መረጋገፂ ፍቓድ ሞያ ዝምልከት መምርሒ የዳሉ፣ ዝምልከቶ ኣካል ንዕኡ ተኸቲሉ ክሰርሕ ይከታተል፣

እንዲጎበኙ ያስተባብራል፣

21. ኢኮኖሚያዊ እና ማሕበራዊ እድገት የሚያጎለብት ዲሞክራሲያዊ የሆነ ባህል ያጠናክ ራል፣ ለባህላዊ እድገት ይሰራል፣ የክልሉ ህዝብ ባህሉን የሚያውቅበት ዘዴ ይቀይሳል፣ይተገብራል፣

22. በመጥፋት ላይ የሚገኙ ጠቃሚ ባህላዊ እሴቶችን ከነዝርዝር መግለጫቸው መዝግቦ ይይዛል፣

23. ቤተ መፃሕፍትና ቤተ መዛግብት እንዲስፋፉ ያደርጋል፣ ጥንታዊ መዛግብትና ታሪካዊ መረጃዎችን ያሰባስባል፣ ሞያዊና ቴክኒካዊ ድጋፍ ይሰጣል፣ ለጥናትና ምርምር ዝግጁ እንዲሆኑ ያመቻቻል፣ ክልላዊ ቤተመዛግብት እና የመረጃ ማእከል ያቋቁማል፣

24. ቋንቋ፣ ስነ-ፅሑፍ፣ ኪነ ጥበብ እና ኢደ ጥበብ እንዲጠኑ፣ እንዲያድጉ፣ እንዲስፋፉ፣ ይሰራል፣ ሞያዊ እና ቴክኒካዊ እገዛ ይሰጣል፣ የጥናት ውጤቶች እንዲታተሙ ያደርጋል፣

25. የባህል ማእከላት በየደረጃው እንዲስፋፋ ያደርጋል፣ በመስኩ ለተሰማሩ አካላትን አስፈላጊ የሆነ ድጋፍ ይሰጣል፣ የማህበረሰቡን ባህል፣ ታሪክና ስነ-ምግባር በጠበቀ መልኩ እየተካሄደ መሆኑን ይቆጣጠራል፣

26. ተደራጅተው ንግድ ፍቃድ በማውጣት በኪነ ጥበብ፣ በሌሎች የባህል እና ቱሪዝም ስራዎች የተሰማሩ አካላትን የሚንቀሳቀሱበት የአሰራር አቅጣጫ ይቀይሳል፣ የሞያ ፍቃድብ መረጋገጫ የሚመለከት መመሪያ ያዘጋጃል፣ የሚመለከተው አካል በመመርያው መሰረት ተከትሎ እንዲሰራ ይከታተላል፣

27. ብቢግዝኡ ዝሕተሙ ጠቐምቲ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ፅሑፋት፣ ፎቶ ግራፋት፣ ፊልምታት፣ ታሪኻዊ ይኹን ባህላዊ ሰነዳት፣ ንመፅናዕቲ ይኹን ንመወከሲ የዳሉ፣ይዕቅብ፣

28. ድሑር ልምድን ኣተሓሳስባን ንምውጋድ መድረኻት ኣስተምህሮ ብምድላው ስሉጥ ለውጢ ኣተሓሳስባ ክመፅእ ይሰርሕ፣

29. ብመንግስቲ ዝማሓደር መስሕብ መንብነይ ዋጋ ይውሰን፡፡

## 28. ስልጣንን ተግባርን መራሒ ስራሕ ቢሮ

1. ንዝተመደበሉ ቢሮ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣
2. ትልምን በጀትን ቢሩኡ ኣዳልዩ ክፀድቕ ናብ ዝምልከቶ ኣካል የቕርብ፣ ምስፀደቐ ኣብ ተግባር የውዕል፣
3. ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ስልጣንን ተግባርን እቲ ዝተመደበሉ ቢሮ ይፍፅም፣ የፈፅም፣
4. ንቢሩኡ ዝተፈቐደ በጀት ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ የመሓድር፣
5. ምስ ሳልሳይ ወገን ዝፍፀሙ ርክባት ቢሩኡ ወኪሉ ይፍፅም
6. ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ሰራሕተኛታት ይቆፅር፣ የመሓድር፣
7. ካብ ሰራሕተኛ ቢሩኡ ዝቐርብ ናይ ዲስፕሊን ቅፅዓት ይግበኣኒ ቅሬታ ሰሚዑ ይውስን፣ ዝርዝሩ ብደንብን መምርሕን ይውሰን፣
8. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ቢሩኡ ንርእሰ ምምሕዳር፣ ንቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃምን ብሕጊ ስልጣን ንዝተውሃቦም ኣካላትን የቕርብ፣
9. ብርእሰ ምምሕዳርን ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃምን ዝተውሃብዎ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም፣ የፈፅም፡፡

27. በየጊዜው የሚታተሙ ጠቃሚ መንግስታዊ እና መንግስታዊ ያልሆኑ ፅሑፎች፣ ፎቶ ግራፎች፣ ፊልሞች፣ ታሪካዊና ባህላዊ ሰነዶች፣ ለጥናትና ለመረጃ ያዘጋጃል፣ ይጠብቃል፣

28. ኃላ ቀር ልምድ እና አስተሳሰብ ለማስወገድ የትምህርት መድረክ በማዘጋጀት ቀልጣፋ የአስተሳሰብ ለውጥ እንዲመጣ ይሰራል፣

29. በመንግስት የሚተዳደር መስህብ የጉብኝት ክፍያ ይወሰናል፡፡

## 28. የቢሮው ስራ መሪ ስልጣንና ተግባር

1. ቢሮውን በበላይነት ይመራል፣
2. የቢሮው እቅድና በጀት አዘጋጅቶ ወደ ሚመለከተው አካል ያቀርባል ሲፀድቅ ስራ ላይ ያውላል፣
3. በዚህ አዋጅ የተደነገገው የተመደበበትን የቢሮው ስልጣንና ተግባር ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል፣
4. ለቢሮው የተፈቀደው በጀት በፋይናንስ ሕግ መሰረት ያስተዳድራል፣
5. ከሶስተኛ ወገን ጋር የሚደረጉ ግንኙነቶች ቢሮውን ወክሎ ያስፈፅማል፣
6. በመንግስት ሰራተኞች ሕግ መሰረት ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣
7. ከቢሮው ሰራተኛ የሚቀርብለት የዲስፒሊን ቅጣት ይግባኝ ቅሬታ ሰምቶ ይወስናል፣ዝርዝሩ በደንብና መመሪያ ይወሰናል፣
8. የቢሮው ስራ አፈፃፀም ሪፖርት ለርእሰ መስተዳድሩ፣ ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤትና በህግ ስልጣን ለተሰጠው አካል ያቀርባል፣
9. በርእሰ መስተዳድሩና የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት የሚሰጡት ሌሎች ስራዎች ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል፡፡

www.abyssinialaw.com



## 29. ስልጣንን ተግባርን መራሒ ስራሕ ኤጀንሲ

1. ስራሕቲ ንዝተመደበሉ ኤጀንሲ ይመርሕ፣ የመሓድር፣
2. ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ስልጣንን ተግባርን እቲ ዝተመደበሉ ኤጀንሲ ይፍፅም፣ የፈፅም፣
3. ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ፈፀምቲ ከይዲ ስራሕ ይቖፅር፣ የማሓድር፣
4. ትልምን በጀትን እቲ ኤጀንሲ የዳሉ፣ ምስተፈቐደ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
5. ምንቅስቓስ ኤጀንሲ ኣመልኪቱ ንዝምልከቶ ኣካል ፀብፃብ የቕርብ፣
6. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተውሃቦ መደብ ይፍፅም፣
7. ካብ ሰራሕተኛ እዚ ኤጀንሲ ንዝቐረበሉ ናይ ዲስፒሊን ቅፅዓት ቅሬታ ሰሚዑ ይውስን፣ ዝርዝሩ ብደንብን መምርሕን ይውሰን፡፡

## 30. ስልጣንን ሓላፍነትን ወናኒ ከይዲ ስራሕ

1. ተፀዋዕነቱ ንመራሒ ስራሕ ይኸውን፣
2. ነቲ ከይዲ ስራሕ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣
3. ትልሚ እቲ ከይዲ ስራሕ ኣውፂኡ የፅድቕ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣
4. ሓዱሽ ኣንፈት ኣሰራርሓ ብምንፃር ናብ ስራሕ ክኣቱ ይገብር፣
5. ፈፃሚ ከይዲ ስራሕ ሞያዊ ብቕዓቱ ዘዕብየሉ ስልጠና የዳሉ ወይ ክዳሎ ይገብር፣
6. ጥቕማ ጥቕሚ ፈፃሚ ከይዲ ስራሕ ዝሕለወሉ ኩነታት የመዓራሪ፣
7. መዓልታዊ ስራሕቲ እቲ ከይዲ ስራሕ ብኣንፃር ኣንፈት ክልላዊ መንግስትን ስራሕን ሓላፍነትን እቲ ቢሮ ኣጠዓዒሙ ንክኸይድ

## 29. የኤጀንሲው ስራ መሪ ስልጣንና ተግባር

1. የተመደበበት ኤጀንሲ ስራ ይመራል፣ ያስተዳድራል፣
2. በዚህ አዋጅ የተደነገገው የተመደበበትን የኤጀንሲው ስልጣንና ተግባር ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል፣
3. በመንግስት ሰራተኛ ህግ መሰረት የስራ ሂደት ፈፃሚ ሰራተኞች ይቀጥራል፣ያስተዳድራል፣
4. የኤጀንሲው እቅድ እና በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድ በስራ ላይ ያውላል፣
5. የኤጀንሲው እንቅስቃሴ አስመልክቶ ለሚመለከተው አካል ሪፖርት ያቀርባል፣
6. በሚመለከተው አካል የተሰጠው ስራ ይሰራል፣
7. ከኤጀንሲው ሰራተኛ ለሚቀርብለት የዲስፒሊን ቅጣት ቅሬታ ሰምቶ ይወሰናል፣ ዝርዝሩ በደንብና መመሪያ ይወሰናል፡፡

## 30. የስራ ሂደት ባለቤት ተግባርና ሓላፊነት

1. ተጠሪነቱ ለስራ መሪ ይሆናል፣
2. የስራ ሂደቱ በበላይነት ይመራል፣
3. የስራው ሂደት ዕቅድ አውጥቶ ያፀድቃል፣ አፈፃፀሙ ይከታተላል፣
4. አዲስ የሰራ አቅጣጫ በመቀየስ ወደ ስራ እንዲገባ ያደርጋል፣
5. የስራ ሂደቱ ፈፃሚ ሞያዊ ብቃቱ የሚያሳድግበት ስልጠና ያዘጋጃል ወይም እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣
6. የስራ ሂደት ፈፃሚ የተለያየ ጥቅማ ጥቅም የሚጠበቅበት ሁኔታ ያመቻቻል፣
7. እለታዊ የስራ ሂደት ክንውን ከክልሉ አቅጣጫና ከቢሮው ተግባርና ሃላፊነት አንፃር እየተገናዘበ የሚሄድበትን ሁኔታ ያመቻቻል፣

www.abyssinialaw.com





የመቻቹ፣

8. ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ፈፃሚ ከይዲ ስራሕ የመሓድር፣ የሰናብትን፣
9. ነቲ ከይዲ ስራሕ ዝተመደበሉ በጀትን ንብረትን የመሓድር፣
10. ፀብፃብ ከይዲ ስራሕ ንመራሒ ስራሕ የቕርብ፣
11. ካሊእ ብመራሒ ስራሕ ዝውሃቦ መደብ ይፍፅም፣ የፈፅም፡፡

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋጋታት

### 31. ብዛዕባ ካልኦት ፈፀምቲ ኣካላት

ኣብዚ ኣዋጅ ዘይተመልከተ ዝኾነ ፈፃሚ ኣካል እዚ ክልል ተፀዋዕነቱ ኾነ ስልጣንን ተግባሩን ብመሰረት ዝተጣየሸሉ ሕጊ ይቕፅል፡፡

### 32. ምምሕልላፍ መሰልን ጉቡኡን

1. ኣብ ቢሮ ንግድን ኢንዱስትርን ምስ መንገድን ትራንስፖርትን ዝተኣሳሰረ ከይሓወሰ፣ ኣብ ቢሮ ከተማ ልምዓት ምስ ኮንስትራክሽን ዝተኣሳሰረ ከይሓወሰ ዝነበረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ ናብ ቢሮ ከተማ ልምዓት፣ ንግድን ኢንዱስትሪን ተመሓላሊፉ ኣሎ፣
2. ምስ መንገድን ትራንስፖርትን፣ ኮንስትራክሽንን ዝተኣሳሰረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ ናብ ቢሮ ኮንስትራክሽን መንገድን ትራንስፖርትን ተመሓላሊፉ ኣሎ፣
3. ምስ ቤት ፅሕፈት ምክልኻል ምቁፅፃርን ኤች ኣይቪ ኤድስ ዝተኣሳሰረ፣ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ ናብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ተመሓላሊፉ ኣሎ፣
4. ምስ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይ ስፖርትን ቢሮ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳይን ዝተኣሳሰረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ ናብ ቢሮ

8. በመንግስት ሰራተኞች ህግ መሰረት የስራ ሂደቱ ፈፃሚ ያስተዳድራል፣ ያሰናብታል፣
9. ለስራ ሂደቱ የተመደበ በጀትና ንብረት ያስተዳድራል፣
10. የስራ ሂደቱ ሪፖርት ለስራ መሪ ያቀርባል፣
11. ሌሎች በስራ መሪ የሚሰጥ መደብ ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል፡፡

## ክፍል አራት

## የተለያዩ ድንጋጌዎች

### 31. ስለሌሎች አስፈፃሚ አካላት

በዚህ አዋጅ ያልተገለፀ ማንኛውም የክልሉ አስፈፃሚ አካል ተጠሪነቱም ሆነ ስልጣንና ተግባሩን በተቋቋመበት ህግ መሰረት ይሆናል፡፡

### 32. መብትና ግዴታ ስለማስተላለፍ

1. በንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ ከመንገድና ትራንስፖርት ትስስር ያላቸው ሳይጨምር በከተማ ልማት ቢሮ ከኮንስትራክሽን ጋር ትስስር ያላቸው ሳይጨምር የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ከተማ ልማት፣ ንግድና ኢንዱስትሪ ቢሮ ተላልፈዋል፣
2. በመንገድና ትራንስፖርት፣ በኮንስትራክሽን የነበረው መብት በዚህ አዋጅ ወደ ኮንስትራክሽን፣ መንገድና ትራንስፖርት ቢሮ ተላልፈዋል፣
3. በኤች አይቪ ኤድስ መከላከል መቆጣጠር ፅሕፈት ቤት የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ጤና ቢሮ ተላልፈዋል፣
4. በወጣቶችና ስፖርት ቢሮና በሰራተኛና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ የወጣቶች፣ ስፖርትና

www.abyssinialaw.com



መናእሰይ፣ ስፖርትን ማሕበራዊ ጉዳይን ተመሓላሊፉ ኣሎ፣

5. ምስ ቢሮ ፀጥታን ጉዳያት ምምሕዳርን፣ ኮሚሽን ፀረ-ግዕዝይናን ስነ-ምግባር ኮሚሽን ፖሊስን ዝነበረ መሰልን ግቡእን ናብ ቢሮ ፖሊስን ፀጥታን ተመሓላሊፉ ኣሎ፣

6. ምስ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ኣብያተ ህንፀት ዝተኣሳሰረ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ ናብ ቢሮ ፍትሒ ተመሓላሊፉ ኣሎ፡፡

## 33. ፍልፍል እቶት ቢሮታት ወይ ኤጀንሲታት

1. ካብ መንግስቲ ዝምደበሉ በጀት፣
2. ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝርከብ ሓገዝ ይኸውን፡፡

## 34. ኣተሓሕዛ መዛግብቲ ሒሳብን ምምሕዳር ንብረትን

1. ቢሮታት ወይ ኤጀንሲታት ብመንግስቲ ንዝምደበለን በጀት ብቢሮ ትልምን ፋይናንስን ብዝወፅእ መምርሒ ኣተሓሕዛ ሒሳብ መሰረት የመሓድራ፡፡
2. ዝርከብ ሓገዝ ብመሰረት ሕጊ ብዝግበር ውዕሊ ይመሓደር

## 35. ምውፃእ ስልጣን ደንቢ

ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ዝኸውን ደንቢ ብቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ክወፅእ ይኽእል፡፡

## 36. ምውፃእ ስልጣን መምርሒ

ሕድ ሕድ ቢሮ በቢዝምልከተን ነዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ሲዒቡ ዝወፅእ ደንቢ መፈፀሚ ዝኸውን መምርሒ ከውፅእ ይኽእል፡፡



ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ ተላልፈዋል፣

5. በአስተዳደርና ፀጥታ ጉዳዮች ቢሮ፣ የስነ-ምግባርና ፀረ-ሙስና ኮሚሽን፣ በፖሊስ ኮሚሽንና በምልሻ ፅሕፈት ቤት የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ፖሊስና ፀጥታ ቢሮ ተላልፈዋል፣

6. በማረምያቤቶች ፅሕፈት ቤት የነበረው መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ወደ ፍትሕ ቢሮ ተላልፏል፡፡

## 33. የቢሮዎች ወይም የኤጀንሲዎች ገቢ ምንጭ

1. ከመንግስት በሚመደብ በጀት፣
2. ከተለያዩ አካላት የሚሰጥ ድጋፍ ይሆናል፡፡

## 34. የሒሳብ መዝገብ አያያዝና የንብረት አስተዳደር

1. ቢሮዎች ወይም ኤጀንሲዎች በመንግስት የሚመደብላቸው በጀት በፕላንና ፋይናንስ ቢሮ በሚወጣው የሂሳብ አያያዝ መመሪያ መሰረት ያስተዳድራሉ፡፡
2. የሚገኝ እርዳታ በህግ መሰረት በሚደረግ ውል ይተዳደራል

## 35. ደንብ የማውጣት ስልጣን

ይህን አዋጅ ማስፈፀምያ የሚሆን ደንብ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ሊያወጣ ይችላል፡፡

## 36. መመሪያ የማውጣት ስልጣን

እያንዳንዱ ቢሮ በሚመለከተው ለዚህ አዋጅና ይህን አዋጅ ተከትሎ ለሚወጣው ደንብ ማስፈፀሚያ የሚሆን መመርያ ሊያወጣ ይችላል፡፡

www.abyssinialaw.com



## 37. ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት

1. ኣዋጅ ቁፅሪ 9/1988፣ 11/1988፣ 22/1989፣ 39/1992፣ 56/1994፣ 57/1994 ፣77/1994፣ 84/1996 ፣81/1996 ፣86/1996 ፣80/1997፣ 94/1998፣112/1998 ዓንቐፅ4፣5፣6፣7፣8፣9፣ 104/98 ዓንቀፅ 51/2፣ 117/1999፣ 118/1999፣ 126/1999፣ 139/2000፣ 166/2001 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሮም ኣለዉ፣
2. ነዚ ኣዋጅ ዝፃባእ ኣዋጅ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓታት ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ተፈፃምነት አይህልዎን፡፡

## 38. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ

እዚ ኣዋጅ ካብ ሕዳር 3/2002 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡

ፀጋይ በርሀ

ፕረዚዳንት ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስቲ ትግራይ

## 37. ተፈፃሚነት የሌላቸው ሕጎች

1. አዋጅ ቁጥር 9/1988፣ 11/1988፣ 22/1989፣ 39/1992 ፣ 56/1994 ፣57/1994 ፣77/1994፣84/1996 ፣81/1996 ፣86/1996፣ 80/1997፣ 94/1998፣112/1998፣ 104/98 ዓንቀፅ 51/2፣ 117/1999፣ 118/1999፣ 126/1999፣ 139/2000 166/2001 በዚህ አዋጅ ተሽረዋል፣
2. ለዚህ አዋጅ የሚቃረን አዋጅ፣ ደንብ፣ መመሪያ ወይም የልምድ አሰራሮች በዚህ አዋጅ ለተሸፈኑ ጉዳዮች ተፈፃሚነት አይኖሮውም፡፡

## 38. አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከህዳር 3/2002 ጀምሮ የፀና ይሆናል፡፡

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕሬዝዳንት

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

### ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

### የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቑ.12
መቐለ 4ሕዳር 2002ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፅ

17ኛ ዓመት ቁ.12
መቀሌ ሕዳር4/2001 ዓ/ም


**ኣዋጅ ቑፅሪ 169/2002 ዓ/ም**
**ዕላማታት ካልኣይ ብርኪ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት/ዩንየንስ/ ንመረሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን መፈፀሚ ዝግበር ውዕሊ ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ**

ብደረጃ ክልል ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅን ድኽነት ንምቕናስን እቶት ፍርያት ሕርሻ ንምዕባይ ድኹዒ ዓብይ ግደ ስለዘለዎ፣

ካልኣይ ብርኪ ሕብርት ስራሕ ማሕበራት/ዩኒየንስ/ን መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ብዘለወን ገንዘባዊ ዓቕሚ ንመለቓሕቲ ትካላት ብቑዕ ውሕስና ምሃብ ስለዘይኽእላ ካብ ንግዲ ባንኪ ኢትዮጵያ ብውሕስና መንግስቲ እዚ ክልል ልቓሕ ዝረኽባሉ ኩነታት ምምችቻው ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ።

ካልኣይ ብርኪ ሕብረት ስራሕ ማሕበራ /ዩኒየንስ/ን መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ኣብ 2002/2003 ዘመነ ምህርቲ ንዘካይድኦ ልምዓታዊ ስራሕቲ መፈፀሚ ዝውዕል ውሕስና ልቓሕ ምሃብ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ን ናይዚ ክልል ፋይናንስ ምምሕዳር ኣዋጅ ቁፅሪ 26/1989 ዓነቀፅ 32 መሰረት ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ "ንዕላማ ካልኣይ ብርኪ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት/ዩኒየንስ/ን መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ዕላማ መፈፀሚ ንዝግበር ውዕል ልቓሕ ውሕስና በጀት ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ 169/2002" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።


ናይ ሓደ ዋጋ
ያንዱ ዋጋ
ብር 14.00


**አዋጅ ቁጥር 169/2002 ዓ/ም**
**ሁለተኛ ደረጃ ሕብረት ስራ ማህበራት /ዩንዮንስ/ና መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማህበራት ማስፈፀሚያ የሚደረግ የብድር ውል ዋስትና ለመስተጠት የወጣ አዋጅ**

በክልል ደረጃ የምግብ ዋስትና ለማረጋገጥና ድህነት ለመቀነስ የእርሻ ምርት ለማሳደግ ማዳበሪያ ትልቅ ሚና ያለው በመሆኑ፣

ሁለተኛ ደረጃ ሕብረት ስራ ማሕበራት /ዩኒዮንስ/ መሰረታዊ የሕብረት ስራ ማህበሮች ባላቸው የገንዘብ ዓቅም ለአበዳሪ ድርጅቶች በቂ ዋስትና ለመስጠት ስለማይችሉ ከኢትዮጵያ ንግድ ባንክ በክልሉ መንግስት ዋስትናብድር የሚያገኙበት ሁኔታ ማመቻቸት አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

ሁለተኛ ደረጀ ሕብረት ስራ ማሕበራት /ዩኒዮንስ/ መሰረታዊ ሕብረት ስራ ማህበራት በ20002/2003 የምርት ዘመን ለሚያካሂዱት የልማት ስራ ማስፈፀሚያ የሚውል የብድር ዋስትና መስጠት አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት አንቀፀ 49/3/ሀ/ እና የክልሉ የፋይናንስ አስተዳደር አዋጅ ቁጥር 26/1989 አንቀፅ 32 መሰረት የሚከተለው አዋጅ አውጥቷል።

1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "በሁለተኛ ደረጃ ሕብረት ስራ ማህበራት /ዩኒዮንስ/ና መሰረታዊ ሕብረት ስራ ማሕበራ ዓላማ ማስፈፀሚያ ለሚደረግ የብድር ውል የበጀት ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ ቁጥር 169/2002" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።


ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ
ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ
291

## 2. ውሕስና ዝተውሃበ መጠን ልቓሕ

ካልኣይ ብርኪ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት /ዩኒየንስ/ን መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ካብዚ ንዳሓር "ተለቓሓይ" እንዳተብሃላ ንዝፅውዓ ክሳብ ብር 455,000,000 /ኣርባዕተ ሚኢትን ሓምሳን ሓሙሽተን ሚልዮን ብር/ ካብ ንግዲ ባንኪ ኢትዮጵያ ክልቀሓ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ትግራይ ውሕስና ሂቡ ኣሎ።

## 3. ኣፈፃፅማ እቲ ልቓሕ

1. እቲ ዝርከብ ልቃሕ ብዝተመረፃ ካልኣይ ብርኪሕብረት ስራሕ ማሕበራት /ዩኒየንስ/ን መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ኣቢልካ ድኹዒ /ማዳበሪያ/ ካብ ውሽጢ ዓዲ መቕረብቲ ትካላት ዝኢኽ ብምቕራብ ሕርሻ ምህርትን መፍራያይነትን ብምዕባይ ሓረስቶት ክልልና ብስድራ ደረጀ ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅ ዝውዕል ይኸውን፣
2. እቲ ልቓሕ ዝምለስ እቲ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኮይኑ መጠን ወለድን ኣግባብ ኣመላልስኡን መለቓሓይ ባንክን መንግስቲ እዚ ክልል ብዘገብሩዎ ስምምዕነት ይኸውን።

## 4. ግቡእ መንግስቲ ክልል ትግራይ

1. ተለቓሓይ ንዝተለቐሖ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብኽፉል ብእዋኑ እንተዘይመሊሱ ካብ በጀት እዚ ክልል ተነኪዩ ዝኸፈል ይኸውን፣
2. መንግስቲ እዚ ክልል ነቲ ዘይተመለሰ ልቓሕ ብምኽንያት ወይ ሕጋዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምምላስ ነቲ ዝተነከየ በጀት ክትክእ ኣለዎ።

## 5. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዕሉ ግዘ

1. እዚ ኣዋጅ ፌዴራል መንግስቲ ካብ ሓደ ንላዕሊ ምስ ዝኾኑ መንግስታት ወይ ምስ ዓለም ለኸ ትካላት ብዝፍፅሞም ወይ ብዝገብሮ ስምምዕነት ወይ ካብቲ ስምምዕነት ዝፍልፍል ግቡእ ዘይጣዓዓም እንተኾይኑ ኣብቲ ስምምዕነት ዝተመልከተ ይፀንዕ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ ስምምዕነት ንኢትዮጵያ ወይ ኣብ ኢትዮጵያ ነበርቲ ንዝኾኑ ተጫረቲ ብፍሉይ ጠመተ ዝፈቅድ ኣብ ዝኾነሉ ግዘ ዕዳጋ ዝፍፅም ኣካል ተፈፃሚ ዝኸውን መርኣይ ፍሉይ ጠመተ ኣብቲ ጨረታ ሰነድ ብግልፂ ክጥቀስ ክገብር ኣለዎ፡፡

## 5. የመንግስት ግዥ እና ንብረት አስተዳደር መርሆዎች

የመንግስት ግዥ አፈፃፀም እና ንብረት አስተዳደር የሚከተሉትን መርሆዎች መሰረት ማድረግ ይኖርበታል፡-

1. በግዥ አፈፃፀም የመንግስት ገንዘብ ሊያስገኝ የሚችለውን ጥቅም ማስገኘቱ፣
2. በዚህ አዋጅ የተፈቀደው ማበረታቻ ካልሆነ በስተቀር በዜግነት ወይም ከመወዳደርያ መስፈርቶች ውጭ በዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል አድልዎ ማድረግ የተከለከለ ተግባር መሆኑ፣
3. ማናቸውም የግዥ ውሳኔ የሚሰጥበት መስፈርት እና በያንዳንዱ ግዥ ላይ የሚሰጠው ውሳኔ ጉዳዩ ለሚመለከታቸው ሁሉ ግልፅ እና ፍትሐዊ መሆኑን፣
4. ውሣኔዎች እና የተወሰዱ እርምጃዎች ተጠያቂነት የሚያስከትሉ መሆኑን፣
5. የመንግስት ንብረት በጥንቃቄ መያዝና ለታለመለት አላማ መዋሉን፣

## 6. ዓለም ዐቀፍ ግዴታዎች

1. ይህ አዋጅ የፌደራል መንግስት ከአንድ ወይም ከአንድ በላይ ከሆኑ መንግስታት ወይም ከአለም ዓቀፍ ድርጅቶች ጋር ባደረገው ወይም በሚደረገው ስምምነት ወይም ከስምምነቱ ከመነጨ ጋር የማይጣጣም ከሆነ በስምምነቱ የተመለከተው ይፀናል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 የተመለከተው ስምምነት ለኢትዮጵያ ወይም ለኢትዮጵያ ነዋሪ ለሆኑ የተጫራቾች ልዩ አስተያየት የሚፈቅድ በሚሆንበት ጊዜ የመንግስት መስያቤቱ ተፈፃሚ የሚሆነውን ልዩ አስተያየት በጨረታ ሰነድ ውስጥ በግልፅ ማመልከት አለበት፡፡

www.abyssinialaw.com



## 7. ህዝቢ ሰነዳት ሕጊ ክፈልጦም ብዛዕባ ምግባር

እዚ ኣዋጅን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወፀ ደንብን መምርሕን ህዝቢ ክፈልጦም ዘኽእልን ንኣጠቓቕማ ብዝጥዕም መንገዲ ብስርዓት ክተሓዝ ኣለዎ፡፡

## 8. ሓላፍነት ላዕለዎት ሓለፍቲ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት

ሓለፍቲ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ንዝፍፅምዎ ዕደጋን ንዘመሓድርዎ ንብረትን ብሓፈሻ ሓላፍነት ዘለዎም እንትኾውን ብፍላይ ድማ ላዕለወት ሓለፍቲ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ቢሮ ኣብ ዘውፅኦ ዝርዝር መምርሒ ካብ ዝገልፆ ዝርዝር ሓላፍነታት ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ሓፈሻዊ ሓላፍነታት ይህልውዎም፡-

ሀ. ብዝግባእ ዝተማልኣን ዝመጣጠን ሓይሊ ሰብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መስርሒ ቦታን ምጥያሽ፣

ለ. ኣብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ንዝተመደቡ ሰራሕተኛታት እዚ ኣዋጅን መምርሕን ማንዋል ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ስሩዕ ሰነዳት ጨረታን ካልኦት ቅጥዓ ቅጥዕታትን ትሕዝቶን ኣጠቓቕማን ክፈልጡ ዘኽእል ስልጠና ምርካቦምን ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ስራሕቲ ንምፍፃም ብቕዓት ዘለዎም ምዃኖም የረጋግፅ፣

ሐ. ዕደጋ መንግስቲ ብትልሚ ዝምራሕን ኣብዚ ኣዋጅ ዝተቐመጡ መትከላት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝሓለወ ምዃኑ የረጋግፅ፣

መ. ንብረት መንግስቲ ውፅኢታውን ቁጠባዊ ረብሓ ብዝህብ መንገዲ ኣብ ግልጋሎት ምውዓሉ የረጋግፅ፣

## 7. የሕግ ሰነዶች ህዝቡ እንዲያውቃቸው ስለማድረግ

ይህ አዋጅ እና በዚህ አዋጅ መሰረት የወጣው ደንብና መመሪያ ህዝብ እንዲያውቀው በሚያስችል እና ለአጠቃቀም አመቺ በሆነ መንገድ መያዝ አለበት፡፡

## 8. የግዥ ፈፃሚ አካላት የበላይ ኃላፊዎች ኃላፊነት

የግዥ ፈፃሚ አካላት ኃላፊዎች ስለሚያከናውኑት ግዥ እና ስለሚያስተዳድሩት ንብረት ጠቅላላ ኃላፊነት ያለባቸው ሲሆን በተለይም የግዥ ፈፃሚ አካላት የበላይ ኃላፊዎች ቢሮው በሚያወጣው ዝርዝር መመሪያ ላይ ከሚገለፁት ዝርዝር ኃላፊነቶች በተጨማሪ የሚከተሉት አጠቃላይ ኃላፊነቶች ይኖሩታል፡-

ሀ. በተገቢው የሰው ኃይል የተሟላ የግዥና ንብረት አስተዳደር የስራ ተግባራትን የሚያከናውን የሥራ ክፍል ያደራጃል፣

ለ. በግዥና ንብረት አስተዳደር ሥራ ላይ የሚመደቡ ወይም የተመደቡ ሰራተኞች ይህንን አዋጅ፣ የአፈፃፀም መመርያውን፣ የግዥ ማንዋል፣ መደበኛ የጨረታ ሰነድ እና ሌሎች ተገቢ ቅፆች ይዘትና አጠቃቀም እንዲያውቁ ማድረግ የሚያስችል ስልጠና ማግኘታቸውን እና የመንግስት ግዥ እና ንብረት አስተዳደርን ለመፈፀም በቂ ክህሎት ያላቸው መሆኑን ያረጋግጣል፣

ሐ. የመንግስት ግዥ በእቅድ ላይ የተመሰረተ እና በዚህ አዋጅ የተመለከቱ የግዥ መመሪያዎችን የጠበቀ መሆኑን ያረጋግጣል፣

መ. የመንግስት ንብረት ኢኮኖሚያዊ እና ውጤታማ በሆነ መንገድ አገልግሎት ላይ መዋሉን ያረጋግጣል፣

www.abyssinialaw.com



ረ. ኣብ ቤት ፅዩኡ ውሽጢ ዝርከቡ ንብረት መንግስቲ ብዝግባእ ዝተመዝገቡን ስርዓት ክትትል ዝተዘርገሓሎም ምዃኑ ዝግባእ ሓለዋን ክንክንን እናተገበረሉ ግልጋሎት ዝህብ ኮይኑ ካብ ግልጋሎት ወፃኢ እንትኸውን ድማ ኣብ እዋኑ ክውገድ ዝተገበረ ምኳኑ የረጋግፅ፡፡

## 9. ተግባርን ሓላፍነትን ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን

ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ውሽጢ ዝጣየሹ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ንዝፍፅምዎ ዕደጋ ንኣፈፃፅማ እቲ ውዕሊ ሓፈሻዊ ሓላፍነት ዘለዎም እንትኸውን ብፍላይ ድማ፡-

ሀ. ዕደጋ መንግስቲ ብዝተማልአ ሞያዊ ስነ ምግባርን ክእለትን ይፍፅሙ፣

ለ. እዚ ኣዋጅ ኣፈፃፅማ መምርሒ ማንዋል ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን፣ ስሩዕ ሰነድ ጨረታ፣ ናይ ኣፈፃፅማ ቅጥዕታትን ከምኡ እውን ውዕላት ዕደጋ መሰረት ብምግባር ዕደጋ መንግስቲ ይፍፅሙ፣

ሐ. በዚ ኣዋጅ ኣንቀፅ 14 ብዝተደንገገ መሰረት ዝተማልአ መረዳእታ ዕደጋ ይሕዝ፣ እንትሕተት ኣብ እዋኑ የቕርብ፣

## 10. ተሓታትነት

ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ኣብ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ወይ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን መንግስቲ ንከመሓድሩ ዝተሸሙ ሓለፍቲ፣ ዕደጋ ንምፍፃም ዝጣየሽ ጊዝያዊ ጨረታ ኮምቴ በዚ ኣዋጅን ሲዒቡ ብቢሮ ዝወፅእ መምርሕን መሰረት ንዝወሰድዎም ስጉምትታት ተሓተትቲ ይኾኑ፡፡



ረ. በመስሪያቤቱ ስር የሚገኘው የመንግስት ንብረት በሚገባ የተመዘገበ እና የክትትል ስርዓት የተዘረጋለት ተገቢው ጥበቃና እንክብካቤ የተደረገለት አገልግሎት የሚሰጥ ሲሆን አገልግሎት የማይሰጥ ሆኖ ሲገኝ በወቅቱ እንዲወገድ መደረጉን ያረጋግጣል፡፡

## 9. የግዥ ፋይናንስ እና ንብረት አስተዳደር ደጋፊ የስራ ሂደት ተግባር እና ኃላፊነት

በመንግስት መስርያቤቶች ውስጥ የሚቋቋመው ግዥ ፈፃሚ አካላት ለሚፈፅሙት ግዥ ለውሉ አፈፃፀም ጠቅላላ ኃላፊነት ያለባቸው ሲሆን በተለይም፡-

ሀ. የመንግስት ግዥን በተሟላ የሞያ ስነ-ምግባር እና ክህሎት ይፈፅማሉ፣

ለ. ይህንን አዋጅ፣ የአፈፃፀም መመሪያውን፣ የግዥ ማኑዋል፣ የመደበኛ የጨረታ ሰነድ እና የአፈፃፀም ቅፆችን እና የግዥ ውሉን መሰረት በማድረግ የመንግስት ግዥን ይፈፅማሉ፣

ሐ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 14 በተደነገገው መሰረት ለግዥው የተሟላ መረጃ ይይዛል በተጠየቀው ጊዜም ያቀርባል፣

## 10. ተጠያቂነት

በመንግሥት መሥሪያ ቤቶች ለግዥ እና ንብረት አስተዳደር ሥራ የተመደቡ ሠራተኞች ወይም የመንግስት ግዥን እና ንብረት ለማስተዳደር የተሾሙ ኃላፊዎች፣ ግዥ ለመፈፀም የሚቋቋም ግዝያዊ የጨረታ ኮሚቴ አባሎች በዚህ አዋጅ እና ቢሮው በሚያወጣቸው መመርያ መሰረት ስለሚወስድዋቸው እርምጃዎች ተጠያቂ ይሆናሉ፡፡

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ክልተ

## ዕላማ ፣ስልጣንን ተግባርን ቢሮ

### 11. ዕላማታት እቲ ቢሮ

ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝምልከት እቲ ቢሮ እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ፡-

1. ፍትሓዊ ፣ኣብ ውድድር ዝተመስረተ፣ ግልፂ፣ ኣድልዎ ዘይብሉን ገንዘብ መንግስቲ ተመጣጣኒ ዋጋ ክህብ ዝኽእል ኣፈፃፅማ ዕደጋን ዘመናዊ ምምሕዳር ንብረት መንግስቲ ምህላዉ የረጋግፅ፣
2. ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን እቲ ክልል መንግስቲ ዝምርሓሉ ብርኪ የውፅእ፣
3. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ነዚ ኣዋጅን ስዒቦም ንዝወፁ ደንብን መምርሕን ተኸቲሎም ምስረሖም ምክትታል፣
4. ኣብ ውሽጢ ክልል መንግስቲ ዘሎ ዓቕሚ ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን የዕቢ፣
5. ስርዓት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን እቲ ክልል ተቐባልነት ምስ ዘለዎም ዓለም ለኸ ድንጋገታትን ምስ ፌደራል መንግስትን ዝጠዓዓመ ኸኸውን ፃዕሪ ይገብር፣

### 12. ስልጣንን ተግባርን ቢሮ

ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝምልከት እቲ ቢሮ ሲዒቦም ዝተዘርዘሩ ተግባራት ይፍፅም፡-

1. ኣብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ፖሊስታት፣ መትከላትን ኣፈፃፅማን ንክልል መንግስቲ የማኽር፣
2. ኣብ ክልል መንግስቲ ዘሎ ስርዓት ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ተግባራዊነት ምክትታል፣ ንክልል መንግስቲ ፀብፃብ ምልኣኽን ኣብ ሕግን ስርዓት ኣፈፃፅማን መመሓየሺ ሓሳባት



## ክፍል ሁለት

## የቢሮው አላማ፣ ስልጣንና ተግባር

### 11. የቢሮው ዓላማዎች

ግዥ እና ንብረት አስተዳደር በሚመለከት የቢሮው ዓላማዎች የሚከተሉት ናቸው፡-

1. ፍትሃዊ፣ በውድድር ላይ የተመሰረተ ግልፅ፣ አድልዎ የሌለበት፣ ለመንግስት ገንዘብ ተመጣጣኝ ዋጋ ማስገኘት የሚያስችል የግዥ አፈፃፀምና ዘመናዊ የመንግስት ንብረት አስተዳደር መኖሩን ያረጋግጣል፣
2. የክልሉ መንግስት የግዥ አፈፃፀም የሚመራበትን ደረጃ ያወጣል፣
3. የግዥ ፈፃሚ አካላት ይህንን አዋጅ እና ይህንን አዋጅ ተከትሎ የወጣ ደንብና መመርያ ጠብቀው መስራታቸው መከታተል፣
4. በክልሉ መንግስት ውስጥ ያለውን የግዥ አፈፃፀም አቅም ያሳድጋል፣
5. የክልል ግዥና ንብረት አስተዳደር ስርዓት ተቀባይነት ካላቸው አለም አቀፍ ድንጋጌዎችና ከፌደራል መንግስት ጋር የተጣጣመ እንዲሆን ጥረት ያደርጋል፡፡

### 12. የቢሮው ስልጣንና ተግባር

ግዥና ንብረት አስተዳደር በሚመለከት ቢሮው ከዚህ በታች የተዘረዘሩትን ተግባሮች ያከናውናል፡-

1. በመንግስት ግዥና ንብረት አስተዳደር ፖሊስዎች፣ መርሆችና አፈፃፀሞች ላይ የክልሉን መንግስት ያማክራል፣
2. በክልሉ መንግስት ውስጥ ያለውን የመንግስት ግዥና ንብረት አስተዳደር አፈፃፀም ስርዓት ተግባራዊነት መከታተል ለክልሉ መንግስት ሪፖርት ማድረግ እና በህግና በአፈፃፀም ስርዓቱ

www.abyssinialaw.com



የቕርብ፣

3. ኣግባብነት ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ስልጠና ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን፣ ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ንምምራሕ ዘድልዩ ክእለታት ክበፅሑዎ ዝግባእ ብርኪ፣ ተደላይ ዝኾነ ናይ መረዳእታ ዓይነትን ናይቲ ሞያ ዕቤትን ክኽተሎ ዝግባእ ከይዲ ክውሰን ይገብር፣

4. ኣብ ስራሕ ክውዕሉ ዝተፈቐዱ ስሩዓት ሰነዳት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ነቲ ኣሰራርሓ ዝመርሑ ቅጥዕታትን ካልኦት ንኣፈፃፅማ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ኣግባብነት ዘለዎም ሰነዳት የዳሉ፣ እዋናዊ ኽኾኑ ይገብር፣

5. ኣብ ውዕሊ ዕደጋ መንግስቲ ዝተመልከቱ ግቡኣት ከቢድ ሸለልትነት ብምርኣዮም፣ ብቕዓቶም ዝምልከት ዝተሰሓሓተ መረዳእታ ብምሃቦም ወይ ድማ ኣብ ዓንቀፅ 64 ንኡሰ ዓንቀፅ 4ን 5ን ብዝተመልከተ ዓይነት መደለሊ ብምሃቦም ምኽንያት ኣብ መንግስቲ ዕደጋ ፣ ምውጋድ ንብረት ግዝኢትን ንኽይሳተፉ በቲ ቢሮ እገዳ ዝተገበረሎም ዝርዝር መቕረብቲ ይሕዝ ናብ ተጠቀምቲ ክበፅሕ ይገብር፣

6. እዚ ኣዋጅ ብትኽክል ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ንምርግጋፅ ብዝተወሰነ ኣፈላላይ ግዜ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላትን ሰነዳትን ከይዲ ኣፈፃፅማ ዕደጋን ይፍትሽ

7. ኣፈፃፅማ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን እዚ ኣዋጅ ተኸቲሉ ዝተፈፀመ ምዃኑ ንምርግጋፅ፡-

ሀ. ኣብ ከይዲ ምድላው ሰነድ ጨረታ ምፅራይ ዕደጋ፣

ለ. ኣብ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተጫራታይ ብዝኣተዎ ውዕሊ መሰረት ስርሑ ኣብ ዝፈፀመሉ ግዜ ምፅራይ ውዕሊ፣

ሐ. በቲ ውዕሊ መሰረት እቲ ንብረት ወይ ስራሕ እንተተፈፂሙ ኣፈፃፅማ ምፅራይ የካይድ፣

ላይ የማሻሻያ ሃሳቦች ያቀርባል፣

3. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር የግዥና ንብረት አስተዳደር ስልጠና እና የግዥና ንብረት አስተዳደር አፈፃፀምን ለመምራት የሚያስፈልገው ችሎታ ሊኖረው የሚገባ ደረጃ፣ ተፈላጊ የሆነ የማስረጃ ዓይነት እና የሞያው ዕድገት የሚከተለው ሂደት እንዲወሰን ያደርጋል፣

4. በስራ ላይ እንዲውሉ የተፈቀዱ መደበኛ የግዥና ንብረት አስተዳደር ሰነዶች አሰራርሩን የሚመሩ ቅፆች እና ሌሎች ለግዥና ንብረት አስተዳደር አፈፃፀም አግባብነት ያላቸው ሰነዶች ያዘጋጃል፣ ወቅታዊ እንዲሆኑ ያደርጋል፣

5. በመንግስት ግዥ ውል ውስጥ በተመለከቱ ግዴታዎች ላይ ከፍተኛ ቸለልተኝነት በማሳየታቸው፣ ብቃታቸው በተመለከተ የተሳሳተ መረጃ በመስጠታቸው ወይም በአንቀፅ 64 ንኡስ አንቀፅ 4 እና5 የተመለከተውን ዓይነት መማለጃ በመስጠታቸው ምክንያት በመንግስት ግዥና ንብረት አወጋገድ እንዳይሳተፉ በቢሮው ዕገዳ የተደረገባቸውን ዝርዝር አቅራቢዎች ይይዛል ወደ ተጠቃሚዎች ያሰራጫል፣

6. ይህ አዋጅ በትክክል ሥራላይ መዋሉን ለማረጋገጥ በተወሰነ ግዜ ልዩነት የግዥ ፈፃሚ አካላት ሰነዶች እና የግዥውን የአፈፃፀም ሂደት ይፈትሻል፣

7. የግዥና ንብረት አስተዳደር ይህንን አዋጅ ጠብቆ የተከናወነ መሆኑን ለማረጋገጥ፡-

ሀ. በጨረታ ዝግጅት ሂደት የግዥ ምርመራ፣

ለ. በጨረታ አሸናፊ ሆነው ተጫራች በውሉ መሰረት ስራውን በሚያከናውንበት ጊዜ የውል ምርመራ፣

ሐ. በውሉ መሰረት ከተጠናቀቀ የክንዋኔ ምርመራ ያከናውናል፣

www.abyssinialaw.com



8. ንኩሎም ስርዓታት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝሕግዝ መርበብ ሓበሬታ የጣይሽ፣ የማዕብል፣ ይሕሉ፣ እዋናውነቱ ዝተሓለወ ንኽኸውን ይገብር፣

9. ሞያን ምስ ሞያ ዝተተሓሓዙ ዋኒናትን ኣግባብነት ምስ ዘለዎም ኣብ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን መንግስቲ ክሳተፉ ድሌት ምስ ዘለዎም ትካላዊ ርክብ ይፈጥር፣ የማዕብል፣

10. ኣብ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ኣመልኪቱ ስራሕቲ ምዕባይ ዓቕሚ ይሰርሕ፣

11. ብዛዕባ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ መፅናዕቲ የካይድ፣ ስራሕቲ ምዕባይ ዓቕሚ ክህሉ ይገብር፣

12. እዚ ኣዋጅን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወፀ ደንብን መምርሕን ብትኽክል ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ፣

13. ካብ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዝቐርበሉ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ስርዓት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ብዝግባእ ዝሰርሕ ዘሎ ምዃኑ ንክልል መንግስቲ ዓመታዊ ፀብፃብ የቕርብ፣ ክልል መንግስቲ ብዝሓቶ ዝርዝር መሰረት ኣብ ሕድሕድ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብዛዕባ ዝተፈፀመ ዓይነት ዕደጋ መጠንን ፍሉይ መረዳእታታት ይህብ፣

14. ተሸከርከርትን ዓበይቲ ማሽናትን ብጥሙር ይዕድግ፣ የወግድ ምስ ምውጋድ ዝተሓሓዙ ስራሕትን ይፍፅም፣ ወይ ንዘውግዱን ዝዕድጉን ፍቓድ ይህብ፣

15. እዋናዊ ፅንዓት ዕደጋ የካይድ ይትንትን ናብ ተጠቀምቲ የብፅሕ፣

16. ዝኾነ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ወይ መቕረባይ ሕጊ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረትን ብዝእዝዞ ብዛዕባ ምፍፃሙ፣ ዕደጋ ብትኽክል ዘይምፍፃሙ ወይ ብዛዕባ ምምሽጣሩ ፀብፃብ ዝቐረበ ወይ ዝተረጋገፀ እንድሕር ኮይኑ ምስቲ



8. ለግዥ እና ንብረት አስተዳደር አሰራር ስርዓቶች በሙሉ የሚያገለግል የመረጃ ክምችት ያቋቁማል፣ ያጎለብታል ይጠብቃል፣ ወቅታዊነቱ የተጠበቀ እንዲሆን ያደርጋል፣

9. የሙያና ከሙያ ጋር የተያያዙ ጎዳዮች አግባብነት ካላቸው በመንግስት ግዥና ንብረት አስተዳደር ለመሳተፍ ፍላጎት ካላቸው አካላት ጋር ተቋማዊ ግንኙነት ይፈጥራል፣ ያዳብራል፣

10. በግዥ ፈፃሚ አካላት የግዥና ንብረት አስተዳደር የአቅም ግንባታ ስራ ይሰራል፣

11. ስለ መንግስት ግዥና ንብረት አስተዳደር ጥናት ያካሂዳል፣ የአቅም ግንባታ ስራ እንዲኖር ያደርጋል፣

12. ይህ አዋጅና በአዋጁ መሰረት የወጣ ደንብና መመሪያ በትክክል ስራ ላይ መዋላቸውን ያረጋግጣል፣

13. ከግዥ ፈፃሚ አካላት የሚቀርቡለትን መረጃ መሰረት በማድረግ የመንግስት ግዥና ንብረት አስተዳደር ስርዓት በሚገባ የሚሰራ ስለመሆኑ ለክልሉ መንግስት ዓመታዊ ሪፖርት ያቀርባል፣ የክልሉ መንግስት በሚጠይቀው ዝርዝር መሰረት በእያንዳንዱ ግዥ ፈፃሚ አካል ስለተከናወነው ግዥ ዓይነት እና መጠን ልዩ መረጃዎችን ይሰጣል፣

14. የተሽከርካሪዎች እና ትልልቅ መሽነሪዎች በጥቅል ይገዛል፣ የማስወገድ እና ከማስወገድ ጋር የተያያዙ ስራዎች ይሰራል ወይም ለሚያስወገዱና ለሚገዙ ፍቃድ ይሰጣል፣

15. ወቅታዊ የገበያ ጥናት ያካሂዳል ይተነትናል፣ ለተጠቃሚ ያሰራጫል፣

16. ማናቸውም ግዥ ፈፃሚ አካላት ወይም አቅራቢ ሕግ ከሚያዘው ውጪ ስለመፈፀሙ፣ ግዥ በትክክል ስላለመከናወኑ፣ የግዥውን አመራር በትክክል ስላለመፈፀሙ ወይም ስለመመሳጠሩ

www.abyssinialaw.com



ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝተተሓሓዙ መረዳእታት፣ ሰነዳት፣ መዛግብትን ፀብፃባትን ንኽቐርበሉ ይእዝዝ፣

17. ኣብ ዝርዝር መቕረብቲ ንምምዝጋብ ዝቐርቡ ሕቶታት ይቕበል፣ ይምርምር፣ ይምዝግብ ንዝተመዝገቡ መቕረብቲ ወረቐት ምስክር ይህብ፣

18. መሰኻኽር ይፅውዕ፣ ምስክራትን ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝምልከቶም ወገናትን ቃሎም ብመሓላ ክህቡ ይገብር፣ መዛግብቲ ሒሳብ፣ ትልምን ሰነድን ንክቐርቡሉ ይገብር፣

19. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብመሰረት ሰዓራይ ጨረታ ንምዃን ዝተውሃበ ውሳነ ዕደጋ ዝፈፀሙ ምዃኖም ንምርግጋፅ ከይዲ እቲ ዕደጋ ምርመራ የካይድ

20. ከምኡ ድማ ናይዚ ኣዋጅ፣ ደንብን መምርሕን ዝፃረር ተግባር ንዝፍፅሙ ሕፁያት ተወዳደርቲ፣ መቕረብቲ ወይ ኣብ ከይዲ ምውጋድ ንብረት መንግስቲ ካብ ተሳተፍቲ ብዝቐርብ ቅሬታ መንቀሊ ብምግባር ኣድላይ ምፅራይ ድሕሪ ምክያድ መጠንቐቕታ ናይ ምፅሓፍ፣ ንዝተወሰነ ወይ ንዘይተወሰነ እዋን ካብ ዕደጋ መንግስቲ ወይ ምውጋድ ንብረት ስራሕቲ ከይሳተፉ ምእጋድ ስልጣን ይህልዎ፡፡

## ክፍሊ ሰለስተ

## መሰረታዊ ድንጋገታት ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን

### 13. ትልሚ ዕደጋ

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት በቢ በጀት ዓመቱ ንዝፍፅምዎም ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን ዘርእን ቢሮ ኣብ ዘውፅኦም መምርሕታት ዝግለፁ ዝርዝር ጉዳያት ዝማልአ ዓመታዊ ትልሚ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ከዳልዉ



ሪፓርት የቀረበ ወይም የተረጋገጠ እንደሆነ ከግዥው አፈፃፀም ጋር የተያያዙ መረጃዎች፣ ሰነዶች፣ መዝገቦች እና ሪፓርቶች እንዲቀርቡለት ያዛል፣

17. በአቅራቢዎች ዝርዝር ውስጥ ለመመዝገብ የሚቀርቡ ማመልከቻዎችን ይቀበላል፣ ይመረምራል፣ ይመዘግባል ለተመዘገቡ አቅራቢዎች የምስክር ወረቀት ይሰጣል፣

18. ምስክሮችን ይጠራል፣ ምስክሮችና ግዥው የሚመለከታቸው ወገኖች ቃላቸውን በመሃላ እንዲሰጡ ያደረጋል፣ የሂሳብ መዝገብ፣ እቅድና ሰነድ እንዲቀርብለት ያደርጋል፣

19. ግዥ ፈፃሚ አካላት የጨረታ አሸናፊ የመሆን ውሳኔ በተሰጠበት አኳህን ግዥውን የፈፀሙ መሆናቸውን ለማረጋገጥ በግዥውን ሂደት ላይ ምርመራ ያካይዳል፣

20. የዚህን አዋጅ፣ ደንብና መመሪያ የሚቃረን ተግባራት የሚፈፀሙ ዕጩ ተወዳዳሪዎች፣ አቅራቢዎች ወይም በመንግስት ንብረት ማስወገድ ሂደት ተሳታፊዎች ላይ በቀረበ አቤቱታ መነሻነት ማስተንቀቅያ የመስጠት፣ ለተወሰነ ወይም ላልተወሰነ ግዜ በመንግስት ግዥ ወይም ንብረት ማስወገድ ሂደት እንዳይሳተፉ የማገድ፡፡

## ክፍል ሶስት

## መሰረታዊ የግዥና ንብረት አስተዳደር ድንጋጌዎች

### 13. የግዥ ዕቅድ

1. የመንግስት መስርያቤቶች በበጀት ዓመቱ የሚፈፅሙትን ግዥ እና ንብረት ማስወገድ የሚያሳይ እና ቢሮው በሚያወጣው መመርያ የሚገለፁትን ዝርዝር ጉዳዮች ያካተተ ዓመታዊ

www.abyssinialaw.com



ኣለዎም፣

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተገለፀ መሰረት ዝተዳለወ ትልሚ ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን ብላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፀሚ ኣካል ፀዲቑ ንዝምልከቶም ከይዲ ስራሕትን ንቢሮ ትልምን ፋይናንስን በቢዓመቱ ክሳብ ሓምለ 30 ክለኣኽ ኣለዎ፡፡

## 14. ሰነዳት ዕደጋ

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ምስ ዕደጋን ምውጋድን ንብረት መንግስቲ ዝተተሓሓዙ መዛግብትን ሰነዳትን ዕደጋ ወይ መሸጣ ካብ ዝተፈፀመሉ ዕለት ጀሚሩ ቢሮ ኣብ ዘውፅኦ መምርሒ ክሳብ ዝተገለፀ ግዘ ዝኣክል ብጥንቃቐ ክዕንሕዎም ኣለዎም፡፡ በዚ መልክዕ ዝተሓዙ መረዳእታታት እዞም ዝስዕቡ ዝሓወሰ ይኸውን፡-

ሀ. ዝግዝኡ ኣቑሑት፣ ስራሕቲ ዘፈር ኮንስትራክሽን ወይ ዝውገዱ ኣቁሑ ወይ ግልጋሎት ሓጺር መግለጺ፣

ለ. ምልክታ ጨረታ፣

ሐ. መወዳደሪ ሓሳብ ጨረታ መቕረቢ ዋጋ ዝሃቡ መቕረብቲ ሽምን ኣድራሻን ኣብ ጨረታ ሰዓርቲ ዝኾኑ ሽምን ኣድራሻን፣

መ. ንጨረታመገምገሚ ዝተዳለው ረቋሕታትን ዝተፈፀመሉ ኩነታትን፣ ገምጋም ጨረታን ኣፈፃፅማ ውድድርን ካብ ተወዳደርቲ ዝቐረበ መወዳደሪ ሓሳብን መግለጺ ዋጋ ዘርኢ ሓጺር መግለጺ፣

ረ. ጥርዓን ቀሪቡ እንተኾይኑ ዝተውሃበ ውሳኔ ዘርኢ መግለጺ፣



የግዥ እና የንብረት አስተዳደር ዕቅድ ማዘጋጀት ይኖርባቸዋል፣

2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 መሰረት የተዘጋጀው የግዥ እና ንብረት የማስወገድ ዕቅድ በመሥርያቤቱ የበላይ ኃላፊ ፀድቆ ለሚመለከታቸው የመስራቤቱ የስራ ሂደቶች እና ለፕላንና ፋይናንስ ቢሮ እስከ ሐምሌ 30 መላክ ይኖርበታል፣

## 14. የግዥ ሰነዶች

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት ከመንግስት ግዥ እና ንብረትን ማስወገድ ጋር የተያየዙ መዝገቦችን እና ሰነዶችን ግዥው ወይም ሽያጩ ከተፈፀመበት ቀን አንስቶ ቢሮ ባወጣው መመሪያ እስከተገለጠ ጊዜ ያህል በጥንቃቂ ማቆየት አለባቸው፡፡ በዚህ ዓይነት የሚያዙት መረጃዎች የሚከተሉትን ይጨምራሉ፡-

ሀ. የሚገዙት ዕቃዎች፣ የግንባታ ስራዎች ወይም የሚወገዱ ዕቃዎች ወይም አገልግሎቶች አጭር መግለጫ፣

ለ. የጨረታ ማስታወቅያ፣

ሐ. የጨረታ መወዳደርያ ሃሳብ፣ የዋጋ ማቅረቢያ የቀረቡ አቅራቢዎች ስምና አድራሻና በጨረታው አሸናፊ የሆኑ ተጨራቾች ስምና አድራሻ፣

መ. ለጨረታ ግምገማ የተዘጋጀው መሰፈርት እና ተፈፀመበትን ሁኔታ፣ የጨረታ ግምገማና የውድድሩን አፈፃፀም፣ ከተወዳዳሪዎች የቀረበውን የመወዳደርያ ሃሳብ እና ዋጋ ማቅረብያ የሚያሳይ አጭር መግለጫ፣

ረ. አቤቱታ ቀርቦ ከሆነ የተሰጠው ውሳኔ የሚያሳይ ኣጭር መግለጫ፣

www.abyssinialaw.com



ሰ. ካብ ግልፂ ጨረታ ወፃኢ ካልእ ስርዓት ዕደጋ ንምጥቃም ዝተመረፀሉ ምኽንያት ዝሕብር መግለፂ፣

2. ከይዲ ዕደጋ ተጠቓሊሉ ምስ ሰዓራይ ውዕሊ እንተተፈራሪሙ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት እቲ ውዕሊ ድሕሪ ምቁራፅ ዝርዝር አፈፃፅማ ግዚኢት ዝገልፅ መረዳእታ ኣብቲ ጨረታ ሕፁያት ተሳተፍቲ ዝኾኑ ተወዳደርቲ እንትሓቱ ክርኢይዎ ክግበር ኣለዎ፡፡ ይኹን እምበር ስልጣን ብዘለዎ ቤት ፍርዲ እንተዘይተኣዘ ዙን ቤት ፍርዲ ብዝተውሃበ ትእዛዝ ብዝተመልከተ መሰረት እንተዘይኮይኑ እቲ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል እዞም ዝስዕቡ መረዳእታታት ክህብ የብሉን፡-

ሀ. ናይቲ መረዳእታ ዕላዊ ምኻን ብሕጊ ዘይፍቀድ፣ ንኣፈፃፅማ ሕጊ ዘዐንቅፍ፣ ጥቕሚ ህዝቢ ዝፃባእ፣ ናይ ተወዓዓልቲ ሕጋዊ ናይ ንግዲ ጥቕሚ ከምኡ'ውን ቅኑዕ ውድድር ዝጎድእ እንተኾይኑ፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መ ብዝተገለፀ መሰረት ብምሕፃር ዝተዳለወ ሰነድን እንተዘይኮይኑ ካብ ተጫረቲ ዝቐረበ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ምስ ምፅራይን ምግምጋምን ተግባር ዝተተሓሓዙ መረዳእታታትን ተጫረቲ ዘቕረብዎም ናይ መወዳደሪ ሓሳባትን ትሕዝቶ ጨረታ ሰነዳት ዝገልፁ መረዳእታታት፡፡

## 15. አድልዎ ዘይምግባር

በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 16 ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ዝኾነ ሕፁይ ተወዳዳሪ ብዜግነት ወይ ምስ ረቛሒታት መወዳደሪ ብዘይተተሓሓዙ ካልኦት ምኽንያታት ኣብ መንግስታዊ ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን ተሳታፋይ ኸይከውን ክግበር ኣይኽእልን፣

ሰ. ከግልፅ ጨረታ ውጪ ሌላ የግዥ ስርዓት መከተል የተመረጠበትን ምክንያት የሚያሳይ መግለጫ፣

2. የግዥውን ሂደት ተጠናቆ ከአሸናፊው ጋር ውል ከተፈረመ ወይም በማናቸውም ምክንያት ውሉ ከተቋረጠ በኃላ የግዥውን ዝርዝር አፈፃፀም የሚያሳየው መረጃ በጨረታው ዕጩ ተሳታፊ የሆኑ ተወዳዳሪዎች ሲጠይቁ እንዲያዩት መደረግ አለበት፡፡ ይሁን እንጂ ስልጣን ባለው ፍርድ ቤት ካልታዘዘ እና ከፍርድ ቤቱ በተሰጠው ትእዛዝ በተመለከተው መሰረት ካልሆነ በስተቀር ግዥ ፈፃሚው አካል የሚከተሉትን መረጃዎች መስጠት የለበትም፡-

ሀ. የመረጃው ይፋ መሆን በሕግ የማይፈቀድ፣ የሕግ አፈፃፀምን የሚያሰናክል፣ የህዝብን ጥቅሚ የሚቃረን፣ የተዋዋዮችን ሕጋዊ የንግድ ጥቅም እንዲሆም ቀና ውድድርን የሚጎዳ ከሆነ፣

ለ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1(መ) በተመለከተው መሰረት በማሳጠር የተዘጋጀውን ሰነድ ካልሆነ በስተቀር ከተጫራቾች የቀረበውን የመወዳደርያ ሀሳብ ከመመርመር እና ከመገምገም ተግባር ጋር የተያያዙ መረጃዎችን እና ተጫራቾች ያቀረቡዋቸውን የመወዳደርያ ሀሳቦች እና የጨረታ ሰነዶች ይዘት የሚገልፁ መረጃዎች፡፡

## 15. አድልዎ ያለማድረግ

በዚህ አዋጅ አንቀፅ 16 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ማንኛውም ዕጩ ተወዳዳሪ በዜግነት፣ ወይም ከመወዳደርያ መስፈርቶች ጋር ባልተያያዙ ሌሎች ምክንያቶች በመንግስት ግዥና ንብረት አወጋገድ ተሳታፊ እንዳይሆን ሊደረግ አይችልም፣

www.abyssinialaw.com



## 16. ፍሉይ ቆላሕታ

1. ቢሮ ብዘውፅአ መምርሒ ብዝውሰን መሰረት ኣብ እዋን ገምጋም ጨረታ ብኢትዮጵያዊያን ንዝፈረዩ ኣቑሑትን ብኩባንያታት ኢትዮጵያ ንዝወሃቡ ስራሕቲ ዘፈር ህንፀት፣ ስራሕቲ ግልጋሎት ምኽሪ ቀዳምነት ይወሃቦም፣
2. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 65 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ብዝወፀ መምርሒ መሰረት ንደቀቕትን ኣናእሽተይን ትካላት ፍሉይ መበራትዒ ክግበረሎም ይኽእል እዩ፣
3. ዕርየትን ዋጋን ኣቑሑት፣ ግልጋሎት ወይ ስራሕቲ ህንፀት ተመሳሳሊ ኮይኑ ተጫሪቲ ኣብ ገምጋም ማዕረ ነጥቢ ኣብ ዝረኽብሉ እዋን ንዓዲ ውሽጢ ምህርቲ፣ ግልጋሎት ወይ ኩባንያታትን ቀዳምነት ይወሃብ፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣፈፃፅማ ዝኾነ ይኹን ኣቕሓ ካብ ዋግኡ 35% ንላዕሊ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዝተወሰኸ እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከምዝፈረየ ይቑፀር፣
5. ብኩባንያታት ኢትዮጵያ ዝካየዱ ዘፈር ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ምስ ኩባንያታት ኮንስትራክሽን ወፃኢ ንውድድር እንተቐርቡ ክሳብ ሸውዓተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ (7.5%) ቀዳምነት ይወሃቦም፣
6. ኣብ ኢትዮጵያ ዝፈረዩ ኣቁሑት ምስ ኣብ ወፃኢ ዝፈረዩ ኣቑሑ እንተወዳደር ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚኢታዊ (15%) ቀዳምነት ይወሃቦም፡፡ ዝርዝሩ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን

## 17. ሜላ ርክብ

1. ኣብ መንጎ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላትን ሕፁያት ተወዳደርትን ዝግበሩ ኩሎም ርክባት ብፅሑፍ ክግበሩ ኣለዎም፡፡ ብፅሑፍ ዘይተገበረ ዝኾነ ርክብ ብምክትታል ብፅሑፍ ክግበር ኣለዎ፣

## 16. ልዩ አስተያየት

1. ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ በሚወሰነው መሰረት በጨረታ ግምገማ ወቅት በኢትዮጵያ በተመረቱ እቃዎች፣ በኢትዮጵያ ኩባንያ ለሚከናወኑ የግንባታ ዘርፍ ስራዎች እና በኢትዮጵያ ኩባንያዎች ለሚከናወኑ የምክር አገልግሎት ሥራዎች ቅድሚያ ይሰጣቸዋል፣
2. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 65 ንኡስ አንቀፅ 4 በሚወጣው መመሪያ መሰረት ለጥቃቅንና አነስተኛ ተቋማት ልዩ መበረታቻ ሊደረግላቸው ይችላል፣
3. የዕቃዎች፣ አገልግሎቶች ወይም የግንባታ ስራዎች ጥራትና ዋጋ ተመሳሳይ ሆኖ ተጫራቾች በግምገማ እኩል ነጥብ ሲያገኙ ለአገር ውስጥ ምርቶች፣ አገልግሎቶች ወይም ኩባንያዎች ቅድምያ ይሰጣል፣
4. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 አፈፃፀም ማናቸውም ዕቃ ከዋጋው ከ35% በላይ በኢትዮጵያ ውስጥ የታከለ ከሆነ በኢትዮጵያ ውስጥ እንደተመሰረተ ይቆጠራል፣
5. በኢትዮጵያ ኩባንያዎች የሚከናወኑ የግንባታ ዘርፍ ስራዎች ከውጭ አገር ኮንስትራክሽን ኩባንያ ሲወዳደሩ እስከ ሰባት ነጥብ አምስት በመቶ (7.5%) ቅድሚያ ይሰጣቸዋል፣
6. በኢትዮጵያ ለተመረቱ ዕቃዎች በውጭ ከተመረቱ እቃዎች ጋር ሲወዳደር እስከ አስራ አምስት በመቶ (15%) ቅድሚያ ይሰጣል፡፡ ዝርዝሩ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፡፡

## 17. የግንኙነት ስልት

1. በግዥ ፈፃሚ አካላትና በዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል የሚደረጉ ግንኙነቶች በፅሑፍ መደረግ አለባቸው፡፡ በፅሑፍ ያልተደረገ ማናቸውም ግኑኙነት በመከታተል በፅሑፍ መደረግ አለበት፣

www.abyssinialaw.com



2. እቲ ቢሮ ትኽክለኛነት ልውውጥ ሓበሬታን ብሚስጥር ዝተሓለወ ምኳኑን ንምርግጋፅ ዘኽእል ስርዓት ዝተዘርገሐ ምኳኑን ብመዳይ ቴክኒክ ተደለይቲ ኩነታት ዝተማለአ ምኳኑ እንትረጋገፅ ካብ ፅሑፍ ብተወሳኺ ወይ ክንዲ ፅሑፍ ብሜላ ኤሌክትሮኒክስ ርክብ ምግባር ዘኽእል መምርሒ የውፅእ፡፡

## 18. ቋንቋ

1. ኣብ ዓዲ ውሽጢ ዝርከቡ ተወዳደርቲ ጥራሕ ኣብ ዝሳተፉሉ ብሄራዊ ጨረታ ዝዳለው ሰነድ ጨረታን ጨረታ ዝካየደሉ ርክባትን ብቋንቋ ኣምሓርኛ ኮይኑ ብክልልን ወረዳን ብርኪ ዝፍፀም ጨረታ ኣብዝኾነሉ እዋን ዝዳለው ሰነድ ጨረታን ዝግበሩ ርክባትን ብትግርኛ ቋንቋ ይኸውን፡፡ ይኹን እምበር ነቲ ዕደጋ ወይ ምውጋድ ንብረት ዘመቹ ኮይኑ እንትርከብን እንትእመነሉን ንዝተማልአ ውድድር ዘይዓግትን ምኳኑ እንትረጋገፅን ተጫረቲ ዓዲ ውሽጢ ዝሳተፍሉ ብሄራውን ክልላውን ጨረታ፣ ሰነዳት ጨረታን ከይዲ ርክባት ጨረታን ብቋንቋ እንግሊዝኛ ንክዳለዉ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ክፈቅድ ይኽእል'ዩ፣

2. ዓለም ለኽ ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን ንምፍፃም ዝዳሎ ዝኾነ ይኹን ሰነድ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ክኸውን ኣለዎ፡፡

## 19. ብቕዓት ሕፁያት ተወዳደርቲ

1. ሕፁያት ተወዳደርቲ ኣብ ዝኾነ ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን መንግስቲ ንምስታፍ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቛሒታትን ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ካብ ፍሉይ ባህሪይ ዕደጋ ብምብጋስ ዘውፅእዎም ካልኦት ረቛሓታትን ከማልኡ ኣለዎም፡-

   ሀ. ብመሰረት ዝኣተውዎ ውዕሊ ንምፍፃም ዘኽእል ብቕዓት ሞያን ቴክኒክን፣ ዓቕሚ ፋይናንስ፣ መስርሕን ካልኦት ናይ መስርሒ

2. ቢሮው የመረጃ ልውውጡን ትክክለኝነት እና በሚስጥር መጠበቁን ማረጋገጥ የሚያስችሉ ሥራዓቶች መዘርጋታቸውን እና በቴክኒክ ረገድ ተፈላጊ ሁኔታዎች መሟላታቸውን ሲያረጋግጥ ከፅሑፍ በተጨማሪ ወይም በፅሑፍ ምትክ በኤልክትሮኒክስ ዘዴ ግንኙነት ማድረግ የሚያስችል መመሪያ ያወጣል፣

## 18. ቋንቋ

1. የአገር ውስጥ ተጫራቾች ብቻ በሚሳተፉበት ብሄራዊ ጨረታ የሚዘጋጀው የጨረታ ሰነድ እና ጨረታው የሚካሄደው በአማርኛ ቋንቋ ሆኖ በክልልና ወረዳ ደረጃ ለሚፈፀም ግዥ በትግርኛ ቋንቋ ይሆናል፣ ሆኖም ለግዥው ወይም ንብረት ለማስወገድ አመቺ መሆኑ ከታመነበት እና ለተሟላ ውድድርን እንደማይገድብ መሆኑን ሲረጋገጥ የአገር ውስጥ ተጫራቾች ለሚሳተፉበት ብሄራዊና ክልላዊ ጨረታ እና የጨረታ ሰነድ እና የጨረታው ሂደት ግንኙነት በእንግሊዝኛ ቋንቋ እንዲዘጋጅ የመንግስት መስራያቤቱ ሊፈቅድ ይችላል፣

2. ለዓለም አቀፍ ግዥ እና ንብረት ለማስወገድ ማስፈፀምያ የሚዘጋጁት ማናቸውም ሰነዶች በእንግሊዝኛ መሆን ይኖርባቸዋል፡፡

## 19. የዕጩ ተወዳዳሪዎች ብቃት

1. በማንኛውም የመንግስት ግዥና ንብረት ማስወገድ ለመሳተፍ ዕጩ ተወዳዳሪዎች ከዚህ በታች የተዘረዘሩት መስፈርቶች እና ግዥ ፈፃሚ አካላት ከግዥው ልዩ ባህርይ በመነሳት የሚያወጣቸውን ሌሎች መስፈርቶች ማሟላት አለባቸው፡-

   ሀ. በሚገቡበት ውል መሰረት ለመፈፀም የሚያስችል የሙያና የቴክኒክ ብቃት፣ የፋይናንስ አቅም፣ መሳሪያ እና ሌሎች

www.abyssinialaw.com



ቦታታት፣ ዕደጋ ኣብ ዝፍፀመሉ ተግባር ክእለት ኣመራርሓ ስራሕ፣ ፅቡቕ ሽምን ሓይሊ ሰብን ዘለዎም፣

ለ. ውዕሊ ንምፍፃም ዘኽእል ናይ ሕጊ ክእለት ዘለዎ፣

ሐ. ብዕዳ ዘይተትሓዘ፣ ዘይከሰረ ወይ ምንቅስቓስ ስርሑ ዘየቋረፀ፣ ምንቅስቓስ ስራሕ ንግዱ ዘይተኣገደ፣

መ. ቢሮ ዘውፅኦ መምርሒ ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብናይ መቕረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበ፣

ረ. ብመሰረት ኣብ ሕግታት ግብሪ ኢትዮጵያ ዝተደንገገ ግብርን ታክስን ዝኸፈለ፣

ሰ. ኣብ መንግስታዊ ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን ንኽይሳተፍ ዘይተኣገደ፣

2. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ሕፁያት ተወዳደርቲ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተዘርዘሩ ረቋሒታት ዘማልኡ ምዃኖም ንምርግጋፅ ኣድለይቲ ዝኾኑ መረዳእታ ሰነድ ወይ ካልኦት ተወሰኽቲ ጠቐምቲ መረዳእታት ንኸቕርቡ ክሓቱ ኣለዎም፣

3. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ሕፁያት ተወዳደርቲ ንኸማልእዎም ትፅቢት ዝግበረሎም ረቋሒታት ኣብ ሰነድ ጨረታ ወይ መወዳደሪ ሓሳብ ተጫረቲ ንምሕታት ኣብ ዝዳለዉ ሰነዳት ክመላኸቱ ዘለዎም እንትኾውን፣ ኣብ ኩሎም ተጫረቲ ብማዕረ ተፈፀምቲ ክኾኑ ኣለዎም፣

4. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝቐረቡ ሰነዳትን መመዘኒ ረቋሕታትን መሰረት ብምግባር ብቕዓት ሕፁያት ተወዳደርቲ ክግምግም ኣለዎ፣

5. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብቕዓት ዘለዎ ምዃኑ ንምርዳእ ናይ ሓሶት መረዳእታ ዝሓዙ ሰነዳት ዘቕርቡ ሕፁያት ተወዳደርቲ ወይ ብቕዓቶም

የመገልገያ ስፍራዎች፣ግዥው በሚፈፀምበት ተግባር የስራ አመራር ችሎታ፣ መልካም ስም እና የሰው ኃይል ያለው፣

ለ. ውል ለመፈፀም የሚያስችል የሕግ ችሎታ ያለው፣

ሐ. በዕዳ ያልተያዘ፣ ያልከሰረ ወይ የስራ እንቅስቃሲውን ያለቋረጠ፣ የንግድ ስራ እንቅስቃሲው ያልታገደ፣

መ. ቢሮው የሚያወጣው መመርያ የተመለከተው እንደተጠበቀ ሆኖ በአቅራቢዎች ዝርዝር የተመዘገበ፣

ረ. በኢትዮጵያ የግብር ሕጎች የተደነገገው መሰረት ግብርና የታክስ የከፈለ፣

ሰ. በመንግስት ግዥና ንብረት አወጋገድ እንዳይሳተፍ ያልታገደ፣

2. ግዥ ፈፃሚ አካላት ዕጩ ተወዳዳሪዎች በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 የተዘረዘሩት መስፈርቶችን የሚያሟሉ መሆናቸውን ለማረጋገጥ አስፈላጊ የሆኑ የሰነድ መረጃዎችን ወይም ሌሎች መረጃዎችን እንዲቀርቡ መጠየቅ አለባቸው፣

3. በዚህ አንቀፅ መሰረት ዕጩ ተወዳዳሪዎች እንዲያሟሉ የሚጠበቁት መሰፈርቶች በጨረታ ሰነድ ወይም የተጨራቾችን የመወዳደርያ ሀሳብ ለመጠየቅ በሚዘጋጁ ሰነዶች ውስጥ መመልከት ያለባቸው ሲሆን ለሁሉም ተጫራቾች ላይ በእኩልነት ተፈፃሚ መሆን አለባቸው፣

4. ግዥ ፈፃሚ አካል በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 መሰረት የሚቀርቡትን ሰነዳች እና የመመዘኛ መስፈርቶችን መሰረት በማድረግ ዕጩ ተወዳዳሪዎችን ብቃት መገምገም አለበት፣

5. ግዥ ፈፃሚው አካል ብቃት ያላቸው መሆኑን ለማስረዳት ሀሰተኛ መረጃ የያዙ ሰነዶችን ያቀረቡ ዕጩ ተወዳዳሪዎች ወይም

www.abyssinialaw.com



ንምርግጋፅ ዘቕረብዎ መረዳእታ መሰረታዊ ጌጋ ዘለዎ ወይ ዘይተማልአ ብምዃኑ ኣብ ዝኾነ እዋን ዝተረጋገፁ ሕፁያት ተወዳደርቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ንክኾኑ ይውስን፡፡

## 20. መግለፂ ድልየታት ቴክኒክ

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ናይ ዝገዝእዎም ኣቑሑት፣ ስራሕቲ ዘፌር ህንፀት ወይ ዝውገዱ ንብረታት ወይ ግልጋሎት ባህሪ ዘርኢ ዝርዝር ቴክኒክ ወይ መግለፂ ከዳልው ኣለዎም፣ ዝርዝሩ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፣
2. እቲ መግለፂ ቴክኒክ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ፅሬት ክገዝኦ ዝደለየ ኣቕሓ፣ ፅርየቱ፣ ረብሕኡ፣ ጉድኣት ዝበፅሕ ምዃኑን፣ መለክዒኡ መፍለይኡ ኣተዓሻሽግኡ ምልክቱ ወይ ከይድን ሜላን ኣፈራርይኡ ከምኡ'ውን እቲ ዝተዳለየ ዘማልእ ምዃኑ ዘረጋግፀሉ ስርዓት ዝገልፅ ክኸውን ኣለዎ፣
3. ብዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዝዳለው መዘርዝር ቴክኒክ ኣግባብነት ክሳብ ዝሃለዎ፡-

   ሀ. ረብሓ እቲ ዝዕደግ ነገር መሰረት ዝገበረ፣

   ለ. ሃገራዊ ብርኪ ዝወፀሉ እንተኾይኑ ደረጅኡ ወይ ዓለም ለኸ ተቐባልነት ዘለዎም ብርኪ ወይ ናይ ህንፀት ኮድ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ፣

   ሐ. ንሰፊሕ ውድድር ዝዕድምን ውድድር ክዓግቱ ካብ ዝኽእሉ መግለፅታት ዘየካተተ ክኸውን ኣለዎ፣
4. ድሌት ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብትኽክል ንምግላፅ ኣፀጋሚ እንተዘይኾይኑ ወይ ድማ ካልእ ሜላ ዝተሰኣነ እንተዘይኾይኑ መግለፂ ቴክኒክ ዝተፈለየ ምልክት ንግዲ ወይ ሽም፣ ፓተንት፣ ዲዛይን ወይ ዝተወሰነ መፍረይ ወይ ግልጋሎት ወሃቢ ዝጠቅስ ክኸውን

ብቃታቸውን ለማረጋገጥ ያቀረቡት መረጃ መሰረታዊ ስህተት ያለበት ወይም ያልተሟላ መሆኑ በማናቸውም ግዜ የተረጋገጡ ዕጩ ተወዳዳሪዎች ከጨረታ ውጭ እንዲሆኑ መወሰን አለበት፡፡

## 20. የቴክኒክ ፍላጎት መግለጫ

1. ግዥ ፈፃሚ አከላት የሚገዙዋቸውን ዕቃዎች፣ የግንባታ ስራዎች ወይም የሚወገዱ ንብረቶች ወይም አገልግሎቶች ባህርይ የሚያሳይ የቴክኒክ ዝርዝር ወይም መግለጫ ማዘጋጀት አለባቸው፣ ዝርዝሩ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፣
2. የቴክኒክ መግለጫው ግዥ ፈፃሚው አካል ሊገዛው የሚፈለገውን ዕቃ ጥራት ጠቀሜታ፣ ጉዳት የሚያደርስ መሆኑን፣ መለኪያውን፣ መጠርያውን፣ አስተሻሸጉን፣ ምልክቱን ወይም የአመራረቱን ሂደት ዘዴ እና ተፈላጊውን የሚያሟላ መሆኑ የሚረጋጥበትን ስርዓት የሚገለፅ መሆን አለበት፣
3. በግዥ ፈፀሚ አካላት የሚዘጋጀው የቴክኒክ ዝርዝር አግባብነት እስካለው ድረስ፡-

   ሀ. የሚገዛው ነገር ጠቀሜታ ላይ መሰረት ያደረገ፣

   ለ. አገራዊ ደረጃ የወጣለት ከሆነ ደረጃውን ወይም ዓለም ዐቀፍ ተቀባይነት ያላቸው ደረጃዎችን ወይም የግንባታ ኮዶች መሰረት ያደረገ፣

   ሐ. ሰፊ ውድድርን የሚጋብዝ እና ውድድርን ሊገድቡ የሚችሉ መግለጫዎች ያልተካተቱበት መሆን አለበት፣
4. የግዥ ፈፃሚውን አካል ፍላጎት በትክክል ለመግለፅ አስቸጋሪ ካልሆነ ወይም ሌላ ዜዴ ካልታጣ በስተቀር የቴክኒክ መግለጫ የተለየ የንግድ ምልክት ወይም ስም ፓተንት፣ ዲዛይን ወይም የተወሰነን አምራች ወይም አገልግሎት ሰጪ፣ የሚጠቅስ መሆን

www.abyssinialaw.com



የብሉን፡፡ ኣገዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ግዜ "ወይ ተመሳሳሊኡ" ዝብል ሓረግ ኣብ ዝርዝር ኣቕሓን ግልጋሎትን ከካትት ኣለዎ፡፡

## 21. ጨረታ መወዳደሪ ሓሳብን መቅረቢ ዋጋን ብዛዕባ ውድቂ ምግባር

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ካብዞም ዝስዕቡ ብሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያታት ጨረታ፣ መወዳደሪ ሐሳብን ከምኡ'ውን መቕረቢ ዋጋ ስምምዕነት ዕደጋ ቅድሚ ምግባሩ ኣብ ዝኾነ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ውድቂ ምግባር ይኽእሉ እዮም፡-

   ሀ. ኣብ ከይዲ ዕደጋ ውፅኢት ከዛብዕ ዝኽእል ስሕተት ምፍፃሙ እንትረጋገፅ፣

   ለ. ብትልሚ ስራሕ ምቕያር ምኽንያት ወይ ድሌት ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዘማልእ ካልእ ዝሓሸ መማረፂ ብምፍጣሩ ምኽንያት ዕደጋ ምክያዱ ንዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝበለፀ ቴክኒካል ወይ ቁጠባዊ ረብሓ ዘይብሉ ምዃኑ እንትረጋገፅ፣

   ሐ. ዝቐረቡ ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ዝተቐመጠ ዝተሓተ መለክዒ ዘየማልኡ እንትኾኑ፣

   መ. ኣብ ጨረታ ዝቐረበ ዝተሓተ ዋጋ ካብ ፅንዓት ዕደጋ ንላዕሊ ኮይኑ እንትርከብን ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንካልኣይ ጊዜ ጨረታ ብምውፃእ ዝበለፀ ዕሬትን ዋጋን ዝረክብ ምዃኑ እንትግመት፣

   ረ. ኣብ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተጫራታይ ዝቕረቦ ዋጋ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ካብ ዝሓዞ በጀት ንላዕሊ እንትኾንን ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተረኽበ ኣፈላላይ በጀት ካብ ካልእ ፍልፍል በጀት ከማልእ እንተዘይክኢሉ፣



የለበትም፡፡ አስገዳጅ ሁኔታ በሚያገኝበት ግዜ "ወይም ተመሳሳዩን" የሚል ሐረግ በዕቃና አገልግሎት ዝርዝር ውስጥ መካተት ይኖርበታል፡፡

## 21. ጨረታን የመወዳደሪያ ሀሳብን እና የዋጋ ማቅረቢያን ውድቅ ስለ ማድረግ

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት ከሚከተሉት በአንዱ ወይም ከአንድ በላይ በሆነ ምክንያቶች ጨረታ፣ የመወዳደርያ ሀሳብን እና የዋጋ ማቅረብያን የግዥ ስምምነት ከመደረጉ በፊት በማናቸውም ጊዜ ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል ውድቅ ማድረግ ይችላሉ፡-

   ሀ. በግዥ አካሔዱ ላይ ውጤቱን ሊያዛባ የሚችል ስህተት መፈፀሙ ከተረጋገጠ፣

   ለ. በስራ ዕቅድ መቀየር ምክንያት ወይም የመስራቤቱን ፍላጎቱን ለማሟላት ሌላ የተሻለ አማራጭ በመፈጠሩ ምክንያት ግዥውን ማካሔድ ለመንግስት መስራያ ቤቱ የተሻለ ቴክኒካል ወይም ኢኮኖምያዊ ጥቅም የሌለው መሆኑ ሲረጋገጥ፣

   ሐ. የቀረቡት ተጫራቾች በጨረታ ሰነዱ ላይ የተቀመጠውን ዝቅተኛ መስፈርት የማያማሉ ሲሆኑ፣

   መ. በጨረታ የቀረበውን ዝቅተኛ ዋጋ ከገበያ ጥናት ዋጋ በላይ ሲሆን እና የመንግስት መስሪያቤቱ ድጋሚ ጨረታ በማውጣት የተሻለ ዋጋ የሚገኝ መሆኑን ሲገምት፣

   ረ. በጨረታው አሸናፊ የሆነው ተጫራች የሰጠው ዋጋ የግዥ ፈፃሚ መስርያቤቱ ለግዥው ከያዘው በጀት በላይ ሲሆን እና ባለበጀት መስርያቤቱ የተገኘው የበጀት ልዩነት ከሌላ ምንጭ ማሟላት የማይችል ሲሆን፣

www.abyssinialaw.com



ሰ. ሕፁያት ተወዳደርቲ ከይዲ ዕደጋ ንምዝባዕ ብምምሽጣሮም ብቑዕ ውድድር ዘይምግባሩ እንትረጋገፅ፣

2. ዕደጋ ፈፀመቲ ኣካላት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተመልከተ መሰረት ጨረታ፣ ናይ መወዳደሪ ሓሳብን ዋጋ መቕረብን ሙሉእ ብሙሉእ ውድቂ ዝገበሩሉ ምኽንያት ዝገልፅ ምልክታ ንሕፁያት ተወዳደርቲ ኣብ እዋኑ ክበፅሕ ክገብሩ ኣለዎም፡፡

3. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተመልከተ መሰረት ጨረታ፣ መወዳደሪ ሓሳብን ዋጋ መቕረብን ውድቂ ብምግባሮም ምኽንያት ዝኾነ ዓይነት ተሓታትነት ኣይህልዎምን፣

4. ጨረታ ውድቂ ናይ ምግባር ውሳነ ዝተውሃበ ቅድሚ መኽፈቲ ዕለት ጨረታ እንተኾይኑ ሰነዳት ጨረታ ብዕሽጉ ከይተኸፈቱ ንሕፁያት ተወዳደርቲ ክምለሱ ኣለዎም፣

## 22. ብኤለክትሮኒክስ ዝግበር ዕደጋ

ቢሮ እቲ ዕደጋ ወፃኢ ቀጣቢ፣ ግልፅን ዘመናውን ንኽኸውን ክገብር ንኽክኣል ከይዲ ዕደጋ ብኤለክትሮኒክስ ሜላ ንኽፍፀም ክገብር ይኽእል፡፡ እዙይ ኣብ ስራሕ ምውዓል ንኽክኣል፡-

1. ቢሮ ክልልና ምስ እትርከበሉ ብርኪ ዕቤት ተመጣጣኒ ዝኾነ ሜላ ዕደጋ ብኤለክትሮኒክስ መረዳእታ ልውውጥ ተግባራዊ ዝገብር ኣሰራርሓ ብምፅናዕ የቕርብ፣

2. ቢሮ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ፣ መቕረብትን ተቆፃፀርቲ ኣካላትን እዚ ኣሰራርሓ ንምትግባር ዘኽእል ዓቕሚ ዝተፈጠረ ምዃኑ የረጋግፅ፣

3. እቲ ቢሮ ዘቐረቦ ብኤለክትሮኒክስ መረዳእታ ልውውጥ ሜላ ዕደጋ ናይ ምፍፃም ኣሰራርሓ ብምምርማርን ኣጠቓላሊ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላትን መቕረብትን ናይ

ሰ. ዕጩ ተወዳዳሪዎች የግዥ ኣካሔዱን ለማዛባት በመመሳጠራቸው በቂ ውድድር አለመደረጉ ሲረጋገጥ፣

2. ግዥ ፈፃሚ አካላት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 በተመለከተው መሰረት ጨረታን፣ የመወዳደርያ ሀሳብን እና የዋጋ ማቅረብያን ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል ውድቅ ያደረገበት ምክንያቱን የሚገልፅ ማስታወቅያ ለዕጩ ተወዳዳሪዎች ወድያውኑ እንደደርስ ማድረግ አለባቸው፡፡

3. ግዥ ፈፃሚ አካላት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 በተመለከተው መሰረት ጨረታውን፣ የመወዳደርያ ሀሳብን እና የዋጋ ማቅረብያን ውድቅ በማድረጋቸው ምክንያት ምንም ዓይነት ተጠያቂነት አይኖርባቸውም፣

4. ጨረታውን ውድቅ የማድረግ ውሳኔ የተሰጠው ጨረታው ከመከፈቱ በፊት ከሆነ የመጨረቻ ሰነዶቹ እንደታሸጉ ለዕጩ ተወዳዳሪዎች መመለስ አለባቸው፣

## 22. የኤሌክትሮኒክስ ግዥ

ቢሮው ግዥ ወጪ ቆጣቢ፣ ግልፅ እና ዘመናዊ እንዲሆን ለማድረግ እንዲቻል ሂደቱ በኤሊክትሮኒክስ ዘዴ እንዲፈፀም ሊያደርግ ይችላል፡፡ ይህንን ሥራ ላይ ማዋል እንዲቻል፡-

1. ቢሮው ክልላችን የምትገኝበትን የዕድገት ደረጃ ተመጣጣኝ የሆነ ግዥን በኤሌክትሮኒክስ የመረጃ ልውውጥ ዘዴ የመፈፀም አሰራርን በማጥናት ያቀርባል፣

2. ቢሮው በመንግስት መስርያቤቶች፣ አቅራቢዎች እና በተቆጣጣሪ አካሎች አሰራሩን ለመተግበር የሚያስችል አቅም መፈጠሩን ያረጋግጣል፣

3. ቢሮው የቀረበውን በኤሌክትሮኒክስ የመረጃ ልውውጥ ዘዴ ግዥን የመፈፀም አሰራር በመመርመር እና አጠቃላይ የመንግስት

www.abyssinialaw.com



ኣሰራርሓን ዓቅሚ ዕዳጋ ብኤለክትሮኒክስ ሓበሬታ ንምልውዋጥ ዝተዳለወ እዩ ኢሉ እንትኣምን ኣድላይ ስርዓት ኣሰራርሓ ኣብ ዝተወሰኑ ወይ ኣብ ኩሎም ዕዳጋ ፈፀምቲ ኣካላት ከተግብር ይኽእል፡፡

## 23. ስነ-ምግባር ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ

1. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝግለፅ ኮይኑ ኣብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት እዞም ዝስዕቡ መትከላት ስነ-ምግባር ተኸቲሎም ስራሕቶም የካይዱ፡-

ሀ. ዝተፈጠረ ወይ ክፍጠር ንዝኽእል ምጉናፅ ጥቕሚ ይቃለስ ዓርሱ ካብዚ ኩነታት የርሕቕ፣

ለ. ንሕፁያት ተወዳደርትን መቕረብትን ንክወዳደሩን ንኽፍፅሙን ማዕረ ዕድል ይህብ፣

ሐ. ብስራሕ ኣጋጣሚ ዝፈለጥዎም ናይ ቤት ዕዮ፣ ሕፁያት ተወዳደርቲ ወይ መቕረብቲ መረዳእታ ምሽጥር ይሕልው፣

መ. ውህብቶ ወይ ዕድል ስራሕ ወይ ናይ ገንዘብ ዋጋ ዘለዎ ነገር ወይ ግልጋሎት ክቕበል የብሉን፣

ረ. ኣብ ከይዲ ስራሕ ዝፈለጥዎም ክፍጠሩ ዝተሓሰቡ ወይ ዝተፈጠሩ ተግባራት ግዕዝይናን ናብ ሕጊ ፈፀምቲ ኣካላት ምግላፅን ሙስናን ብልሽው ኣሰራርሓን ንምቅላስ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ሓገዝ ይህብ፣

መስርያቤቶች እና አቅራቢዎች አሰራርና አቅም ግዥን በኤለክትሮኒክስ የመረጃ ልውውጥ ለመፈፀም ዝግጁ ነው ብሎ ሲያምን ተገቢውን የአሰራር ስርዓት በመዘርጋት ስርዓቱ በተወሰኑ ወይም በሁሉም ገዥ ፈፃሚ አካላት እንዲሆን ሊያደርግ ይችላል፣

## 23. የመንግስት ግዥ እና ንብረት አስተዳደር ስነ-ምግባር

1. ዝርዝር አፈፃፀማቸው ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ የሚገለፅ ሆኖ በግዥና ንብረት አስተዳደር ስራ ላይ የተሰማሩ ሠራተኞች የሚከተሉትን የስነ-ምግባር መርሆዎች ተከትለው ተግባራቸውን ያከናውናሉ፡-

ሀ. የተፈጠረ ወይም ሊፈጠር የሚችል የጥቅም ግጭትን የማሳወቅ እና ራስን ከሒደቱ ማግለል አለበት፣

ለ. ለዕጩ ተወዳዳሪዎች እና አቅራቢዎች እኩል የመወዳደር እና የመፈፀም ዕድል መስጠት አለበት፣

ሐ. በስራ አጋጣሚ ያወቃቸውን የመንግስት መሳርያ-ቤቱን እና የዕጩ ተወዳዳሪዎችን ወይም አቅራቢዎችን መረጃ በሚስጥር መጠበቅ አለበት፣

መ. ስጦታ ወይም የስራ ዕድል ወይም የገንዘብ ዋጋ ያለውን ነገር ወይም አገልግሎት መቀበል የለበትም፣

ረ. በስራ ሂደት ያወቃቸውን ሊፈጠሩ የታሰቡ ወይም የተፈጠሩ የሙስና ተግባራትን ለሕግ አስፈፃሚ አካላት የማሳወቅ እና ሙሱናን እና ብልሹ አሰራርን ለመዋጋት የሚደረገውን ጥረት ያግዛል፣

www.abyssinialaw.com



ሰ. ንሃፍትን ንብረትን ህዝቢ ተቆርቋሪ ምኻን፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ ክፍሊ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዝተመልከተ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ዝኾነ ይኹን ሕፁይ ተወዳዳሪ ወይ መቕረባይ ኣፈፃፅማ ዕደጋን ኣወጋግዳ ንብረትን መንግስቲ ከዛብዕ ካብዝኽእል ዝኾነ ይኹን ተግባር ዓርሱ ክግልል ወይ ክርሕቕ ኣለዎ፡፡ ፡-

ሀ. ሓላፊ ቤት ዕዮ መንግስቲ ወይ ሰራሕተኛ ተግባር፣ ወይ ውሳነ ንምዝባዕ ወይ ኣብ ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምውጋድን ንብረትን ምስ'ዙይ ብዝተተሓሓዘ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ክኽተሎ ካብ ዝግባእ ኣሰራርሓ ንምቕያር ብመደለሊ መልክዕ ብቀጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ዝኾነ ዓይነት ውህብቶ ዘይምሃብ ወይ ውህብቶ ንምሃብ ቃል ዘይምእታው ወይ ዕድል ስራሕ ወይ ካልእ ናይ ገንዘብ ዋጋ ዘለዎ ነገር ወይ ግልጋሎት ዘይምሃብ፣

ለ. ኣፈፃፅማ ዕደጋ ወይ ንብረት ምውጋድ ንምዝባዕ ብምሕሳብ ናይ ሓሶት መረዳእታ ምቕራብ ወይ ክግለፅ ዝነበሮ መረዳእታ ምሕባእ ዝተኸልከለ እዩ፣

ሐ. ዘየድሊ ረብሓ ንምርካብ ብምሕሳብ ምስ ካልእ ሕፁይ ተወዳዳራይ ክማሻጠርን ናይ ሓሶት ውድድር ክገብር የብሉን፣

መ. ኣብ ከይዲ ስራሕ ዝፈለጥዎም ክጋጥሙ ይክእሉ'ዮም ተባሂሎም ዝተሓሰቡ ወይ ዝተፈጠሩ ተግባራት ግዕዝይና ናብ ሕጊ ፈፀምቲ ኣካላት ምቅላዕን ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ንምውጋእ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡

## 24. ሜላ ዕደጋ

1. ዕደጋ መንግስቲ ንምፍፃም እዞም ዝስዕቡ ሜላታት ዕደጋ ኣብ ስራሕ ይውዕሉ፡፡

ሀ. ግልፂ ጨረታ፣



ሰ. ለህዝብ ሃብትና ንብረት ተቆርቋሪ መሆን፣

2. በዚህ አዋጅ ክፍል አስራ አራት ላይ የተመለከተው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ማንኛውም ዕጩ ተወዳዳሪ ወይም አቅራቢ የመንግስት የግዥ አፈፃፀም እና ንብረት አወጋገድን ሊያዛባ ከሚችል ከማንኛውም ተግባር ራሱን ማግለል አለበት፡-

ሀ. የመንግስት መስርያቤቱን ኃላፊ ወይም ሰራተኛ ተግባር ወይም ውሣኔ ለማዛባት ወይም ከግዥው አፈፃፀም እና ንብረት አወጋገዱ ጋር በተያያዘ መስሪያ ቤቱ ሊከተለው የሚገባውን አሰራር ለማስለወጥ በመደለያ መልክ በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ ስጦታ ለመስጠት ቃል አለመግባት ወይም የስራ ዕድል ወይም ሌላ ማናቸውንም የገንዘብ ዋጋ ያለውን ነገር ወይም አገልግሎት አለመስጠት፣

ለ. የመንግስት ግዥ አፈፃፀምን ወይም ንብረት አወጋገድ ለማዛባት በማሰብ የሐሰት ማስረጃ ማቅረብ ወይም መግለፅ የነበረበትን መረጃ መደበቅ የተከለከለ ነው፣

ሐ. ተገቢ ያልሆነ ጥቅም ለማግኘት በማሰብ ከሌላ ዕጩ ተወዳዳሪ መመሳጠር ወይም የሐሰት ውድድር ማድረግ የለበትም፣

መ. በሥራ ሂደት ያወቃቸውን ሊፈጠሩ የታሰቡ ወይም የተፈጠሩ የሙስና ተግባራትን ለሕግ አስፈፃሚ አካላት የማሳወቅ እና ሙስናን እና ብልሹ አሰራርን ለመዋጋት የሚደረገውን ጥረት የማገዝ ኃላፊነት አለባቸው፡፡

## 24. የግዥ ዘዴ

1. የመንግስት ግዥ ለመፈፀም የሚከተሉትን የግዥ ዘዴዎች ሥራ ላይ ይውላሉ፡-

ሀ. ግልጽ ጨረታ፣

www.abyssinialaw.com



ለ. ውሱን ጨረታ፣

ሐ. ካብ ሓደ መቕረባይ ዝፍፀም ዕደጋ፣

መ. ብመሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ ዝፍፀም ዕደጋ፣

ረ. ብክልተ ብርኪ ጨረታ ዝፍፀም ዕድጊት፣

ሰ. ብዋጋ መቕረቢ ዝፍፀም ዕደጋ፣

ሸ. ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተቐመጡ ሜላታት ዕደጋ ወፃኢ ዝፍፀም ዕደጋ ኮይኑ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፡፡

2. ኣብዚ ኣዋጅ ብዝተፈቐደ ኩነታት እንተዘይኮይኑ ብዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት መንግስቲ ዝግበር ዕደጋ ብግልፂ ጨረታ ክፍፀሙ ኣለዎ፣

3. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ካብ ግልፂ ጨረታ ወፃኢ ብካልኦት ሜላታት ዕደጋ ምፍፃም ዝኽእሉ ኣብዚ ኣዋጅ ዝተገለፀ ኩነታት እንተተማሊኦም ጥራሕ ይኸውን፣

4. ኣብዚ ኣዋጅ ወይ ሲዒቡ ብዝወፅእ መምርሒ ካብ ዝተዘርግሑ ስርዓት ዕደጋ ንምርሓቕ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት መንግስቲ ብጥሙር ዕደጋ ክፍፀሙ ዝግብኦም ኣቁሑት፣ ዘፈር ህንፀት ወይ ግልጋሎት ዕደጋታትን ክመቓቐሉ የብሎምን፡፡

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ከይዲ ኣፈፃፅማ ግልፂ ጨረታ

### 25. ምልክታ ጨረታ

1. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ስዒቡ ብዝወፅእ መምርሒ ዕደጋ ዝውሰን ኮይኑ ምልክታ ጨረታ ከከምኩነታቱ ብሃገር፣ ክልል ከምኡ እውን ብብርኪ ወረዳታት ክጋዋሕ ኣለዎ፣

2. ንሕፁያት ተወዳደርቲ ንጨረታ መቕረቢ ዝወሃብ ግዘ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፣

3. ዕደጋ ፈፃሚ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን መፀዋዕታ ጨረታ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተጠቐሰ ብተወሳኺ ብሃገራውን ክልላውን ሬድዮን



ለ. ውሱን ጨረታ፣

ሐ. ከአንድ አቅራቢ የሚፈፀም ግዥ፣

መ. በመወዳደርያ ሀሳብ መጠየቅያ የሚፈፀም ግዥ፣

ረ. በሁለት ደረጃ ጨረታ የሚፈፀም ግዥ፣

ሰ. በዋጋ ማቅረብያ የሚፈፀም ግዥ፣

ሸ. ኢላይ ከተቀመጡ የግዥ ዘዴዎች ውጭ የሚፈፀም ግዥ ሆኖ ዝርዝሩ በመመርያ ይወሰናል፡፡

2. በዚህ አዋጅ በተፈቀደው ሁኔታ ካልሆነ በስተቀር በመንግስት ግዥ ፈፃሚ አካላት የሚደረግ ግዥ በግልፅ ጨረታ መፈፀም አለባቸው፣

3. ግዥ ፈፃሚ አካላት ከግልፅ ጨረታ ውጪ በሌሎች የግዥ ዘዴዎች ግዥ መፈፀም የሚችሉት በዚህ አዋጅ የተገለፁት ሁኔታዎች ከተሟሉ ብቻ ይሆናል፣

4. በዚህ አዋጅ ወይም በግዥ መመርያው ከተዘረጉት የግዥ ሥርዓቶችን ለመሸሽ የመንግስት ግዥ ፈፃሚ አካላት በአንድነት ሊፈፀሙ የሚገባቸውን የዕቃ፣ የግንባታ ወይም አገልግሎት ግዥዎች መከፋፈል የለባቸውም፡፡

## ክፍል አራት

## የግልጽ ጨረታ አፈፃፀም ሂደት

### 25. የጨረታ ማስታወቅያ

1. ዝርዝር አፈፃፀሙ በግዥ መመሪያው የሚወሰን ሆኖ የጨረታ ማስታወቅያ እንደ ሁኔታው በአገር፣ ክልል፣ እንዲሁም በወረዳዎች ደረጃ መገለፅ አለበት፣

2. ለዕጩ ተወዳዳሪዎች ለጨረታ ማቅረብያ የሚሰጠው ጊዜ በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

3. ግዢ ፈፃሚ አካል አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው የጨረታ ማስታወቅያው በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ ከተጠቀሰው በተጨማሪ በቢሂራዊና

www.abyssinialaw.com



ቴሌቪዥንን ከጋውሕ ኣለዎ፡፡

## 26. መፀዋዕታ ጨረታ

መፀዋዕታ ጨረታ ካብዞም ዝስዕቡ ብተወሳኺ ቢሮ ብዘውፅኦ ስሩዕ ሰነድ ጨረታ መሰረት ብምግባር ክዳለዉ ኣለዎም፡-

1. ሽምን ኣድራሻን ዕዴጋ ፈፃሚ ኣካል፣
2. እቲ ኣቕሓ ክቐርበሉ ወይ እቲ ስራሕ ክውደኣሉ ዝግባእ ግዘ ሓዊሱ ናይቲ ኣቕሓ ወይ ስራሕቲ ዘፈር ህንፀትን ግልጋሎትን ሓፂር መግለፂ፣
3. ነቲ ሰነድ ጨረታ ንምርካብ ክማልኡ ዘለዎም ቅድመ ኩነታትን እቲ ሰነድ ጨረታ ዝርከበሉ ቦታን፣
4. መወዳደሪ ሓሳብ ጨረታ ዝቐርበሉ ቦታን ናይ መወዳእታ መቕረቢ ግዘን፣
5. እቲ ጨረታ ዝኽፈተሉ ቦታን ግዘን ከምኡ'ውን እቲ ጨረታ እንትኽፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ክርከቡ ዝኽእሉ ምኻኖም ዝሕብር መተሓሳሰቢ፡፡

## 27. ሰነድ ጨረታ

ኣብ መንጎ ተጫረቲ ዝግበር ውድድር ብዝተማለአ፣ ብዘይኣድልዎን ጭቡጥ መሰረት ብዘለዎ ኩነታትን ንክካየድ ንምግባር እቲ ሰነድ ጨረታ እኹል ሓበሬታ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ድማ እቲ ሰነድ እዞም ዝስዕቡ ክሕዝ ኣለዎ፡-

1. ነቲ ሰነድ ጨረታ ንምድላውን ንምቕራብን ኣድለይቲ ዝኾኑ መምርሒታት፣
2. መወዳእታ መዓልቲ መረከቢ ሰነድ ጨረታ፣ እቲ ሰነድ ጨረታ ዝለኣኸሉ ኣድራሻ፣ ሰነድ ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት፣ ሰዓትን ቦታን፣ ከምኡ'ውን ወኪላት ተጫረቲ ኣብ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት እቲ ጨረታ ክርከቡ ዝኽእሉ ምኻኖም ዝገልፅ ሓበሬታ፣



ክልላዊ ሬድዮና ቴለቪዥን ማሰራጨት አለባቸው፡፡

## 26. የጨረታ ጥሪ

የጨረታ ጥሪ ከሚከተሉት በተጨማሪ ቢሮው በሚያወጣው መደበኛ የጨረታ ሰነድ መሰረት ማዘጋጀት አለበት፡-

1. የግዥ ፈፃሚው አካል ስምና አድራሻ፣
2. የዕቃው መቅረብ ወይም ስራውን፣ የሚጠናቀቅበትን ግዜ ጨምሮ የዕቃውን፣ የግንባታ ስራውን እና አገልግሎቱን አጭር መግለጫ፣
3. የጨረታውን ሰነድ ለማግኘት መሟላት ያለባቸውን ቅድመ ሁኔታዎች እናየጨረታ ሰነዱ የሚገኝበትን ቦታ፣
4. የጨረታ መወዳደርያ ሀሳብ የሚቀርብበትን ቦታ እና የማቅረብያው የመጨረሻ ግዜ፣
5. የጨረታውን የሚከፈትበትን ቦታ እና ግዜ እንዲሁም የተጫራቾች ወይም ተወካዮች ጨረታው ሲከፈት መገኘት የሚችሉ መሆኑን የሚገልፅ ማሳሰብያ፡፡

## 27. የጨረታ ሰነድ

በተጫራቾች መካከል የሚደረገው ውድድር በተሟላ፣ ገለልተኛና ተጨባጭ መሰረት ባለው ሁኔታ እንዲካሄድ ለማድረግ የጨረታው ሰነድ በቂ መረጃ በያዘ መልኩ የተዘጋጀ መሆን አለበት፡፡ በተለይም ሰነዱ የሚከተሉትን ሊያካትት ይገባል፡-

1. የጨረታ ሰነዱን ለማዘጋጀትና ለማቅረብ አስፈላጊ የሆኑ መመርያዎችን፣
2. የጨረታ ሰነዱን ማስረከብያ የመጨረሻ ቀን፣ ሰዓት፣ የጨረታ ሰነዱ የሚላክበት አድራሻ እና የጨረታ ሰነዱ የሚከፈትበት ቀን ቦታ እንዲሁም የተጫራቾች ወኪሎች በጨረታው መክፈቻ ስነ-ስርዓት ላይ ሊገኙ የሚችሉ መሆኑን የሚገልፅ መረጃ፣

www.abyssinialaw.com



3. መወዳደሪ ሓሳብ ጨረታ መቕረቢ ቅጥዕታት፣ ክምኡ'ውን ኣግባብነት ክሳብ ዝሃለዎም መረከቢ ቅጥዕታት ጨረታ፣
4. ምስ ዋና እቲ ሰነድ ተወዳደርቲ ከቕርብዎም ዝግብኦም ተወሰኽቲ ቅዳሓት፣
5. ሓፈሻውን ፍሉይን ኩነታትን እቲ ውዕሊ፣
6. ክም ኣግባብነቱ እቲ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ንምቕራብ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ንምጭራት ወይ ንምውዳእ ይወስዶ'ዩ ተባሂሉ ዝግመት ገደብ ግዘ ሓዊሱ ተደላይ ዝርዝር ኣቕሓን ግልጋሎትን፣
7. ተጫራታይ ኣብቲ ጨረታ ንምስታፍ ብቕዓት ዘለዎ ምዃኑ ንምርግጋፅ ዘቕርቦም ዓይነታት መረዳእታ ክምኡ'ውን ፋይናንሳዊ ዓቕሙን ኣብ መቕረብቲ ዝርዝር ውሽጢ ዝተመዝገበ ምዃኑ ንምርግጋፅ ክቐርብ ዘለዎ መረዳእታ፣
8. እቲ ዝወፀ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ጊዜ፣
9. ነቲ ጨረታ ንምግምጋምን በቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ንምግላፅ ዘገልግሉ ረቛሓታትን ንሕድሕድ ረቛሓታት ዝተውሃቦም ነጥብታትን፣
10. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ሰዓራይ እቲ ጨረታ ዕላዊ ቅድሚ ምግባሩ ኣብ ዝኾነ ግዘ እቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰል ዘለዎ ምዃኑ፣
11. ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ብፍሉይ ኩነታት ንዝተፈቐዱ ዕደጋታት ኣብ ግዘ ኣፈፃፅማ ውዕሊ መስተኻኸሊ ዋጋ ክግበር ዝኽእል ብዛዕባ ምዃኑን መስተኻኸሊ ዋጋ ዝግበረሉ ኩነታትን ኣፈፃፅምኡን፡፡

## 28. <u>መሸጣ ሰነድ ጨረታ</u>

1. መሸጢ ዋጋ ሰነድ ጨረታ፣ ንምድላው እቲ ሰነድ ጨረታን እቲ ሰነድ ናብ ሕፁያት ተወዳደርቲ ንምቕራብ ካብ ዝወፀ ወፃኢ ዘይበልፅ ክኸውን ኣለዎ፣
2. ሰነድ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ግዘ ጀሚሩ ጨረታ ክሳብ ዝዕፀው ኣብ ዘለዉ ናይ ስራሕ መዓልትታት ኣብ



3. የጨረታ መወዳደርያ ሀሳብ ማቅረብያ ቅፆች እንዲሁም አግባብነት እስካለው ድረስ የጨረታ ማስረከብያ ቅፆች፣
4. ከዋናው የጨረታ ሰነድ ጋር መቅረብ ያለባቸውን ተጨማሪ ቅጅዎች (ኮፒዎች)፣
5. የውሉን አጠቃላይ እና ልዩ ሁኔታዎች፣
6. እንደአግባብነቱ ዕቃውን እና አገልግሎቱን ለማቅረብ ወይም የግንባታ ዘርፍ ስራውን ለማጠናቀቅ ይወስዳል ተብሎ የሚገመተውን የግዜ ገደብ ጨምሮ ተፈላጊውን የዕቃና አገልግሎት ዝርዝር፣
7. ተጨራቹ በጨረታው ለመሳተፍ ብቃት ያለው መሆኑን ለማረጋገጥ የሚያቀርባቸው የመረጃዎች ዓይነት እንዲሁም የፋይናንስ አቅሙን እና በአቅራቢዎች ዝርዝር ውስጥ የተመዘገበ መሆኑን ለማረጋገጥ ማቅረብ ያለበት መረጃ፣
8. ጨረታው ፀንቶ የሚቆይበትን ጊዜ፣
9. ጨረታው ለመገምገም እና በጨረታው አሸናፊ የሆነውን ለማሳወቅ የሚያገለግሉ መስፈርቶችን እና ለእያንዳንዱ መስፈርት የተሰጠውን ነጥብ፣
10 ግዥውን የሚፈፅመው አካል የጨረታው አሸናፊ ይፋ ከመደረጉ በፊት በማናቸውም ግዜ ጨረታውን የመሰረዝ መብት ያለው መሆኑን፣
11. ቢሮው በሚያወጣው መመርያ በልዩ ሁኔታ ለተፈቀዱ ግዥዎች በውል አፈፃፀም ወቅት የዋጋ ማስተኻከያ ሊደረግ የሚችል ስለመሆኑ እና የዋጋ ማስተካከያው የሚደረግበትን ሁኔታ እና አፈፃፀሙን፡፡

## 28. <u>የጨረታ ሰነድ ሽያጭ</u>

1. የጨረታ ሰነድ የመሸጫ ዋጋ ለጨረታው ሰነድ ዝግጅት እና ሰነዱን ለዕጩ ተወዳዳሪዎች ለማቅረብ ከወጣው ወጪ ያልበለጠ መሆን አለበት፣
2. የጨረታ ሰነዱ ጨረታው ከወጣበት ጊዜ ድረስ ባሉት የስራ ቀናት እና በጨረታ ማስታወቅያው በተገለፀው

www.abyssinialaw.com



ምልክታ ጨረታ ብዝተገለፀ ኣፈፃፀማ ንሕፁያት ተወዳደርቲ ክበፅሕ ክግበር ኣለዎ፣

3. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ እዋን ሰነድ ጨረታ ብነፃ ክዝርግሕ ይኽእል፣

## 29. ኣብ ጨረታ ሰነድ ብዛዕባ ዝግበር ምምሕያሽ

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ወይ ሰነድ ጨረታ ካብ ዝገዝኡ ሕፁያት ተወዳደርቲ ብዝቐርቡ ሕቶታት መበገሲ ብምግባር ትሕዝቶ እቲ ሰነድ ጨረታ ቅድሚ መቕረቢ ግዘ ምሕላፉ ከማሕይሹ ይኽእሉ፣

2. እቲ ዝተገበረ ምምሕያሽ ብፅሑፍ ተዳልዩ ነቶም ሰነድ ጨረታ ዝገዝኡ ሕፁያት ተወዳደርቲ ኩሎም ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ክለኣኽ ኣለዎ፣

3. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ምምሕያሽ ትሕዝቶ እቲ ሰነድ ጨረታ ኣድላይ ኾይኑ እንተረኺብዎን ኣብቲ ምምሕያሽ ዝተመልከተ መስተኻኸልታት ንምግባር እኹል ግዘ ዘየለ ምኳኑ እንተተረድኤ ሕፁያት ተወዳደርቲ ነቲ ምምሕያሽ መሰረት ገይሮም እቲ ሰነድ ጨረታ ንምድላው እኹል ግዘ ክህልዎም ንምግባር ባህሪ እቲ ዕደጋ መሰረት ብምግባር መቕረቢ ግዘ እቲ ጨረታ ንዝተወሰኑ መዓልትታት ከናውሕ ይኽእል፡፡

## 30. መኽበሪ ጨረታ

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ዘዳለውዎ ሰነድ ጨረታ ተጫረቲ ምስ ሰነዳት ጨረታ መኽበሪ ጨረታ ብመልክዕ ውሕስና ከትሕዙ ግዴታ ከምዘለዎም ክገልፁ ኣለዎም፡፡ መጠን መኽበሪ ጨረታ ኣብቲ ጨረታ ሓላፍነት ብዘለዎ ኩነታት ዘይሳተፉ ንምትራፍ ዝኽእል ኮይኑ መጠን መኽበሪ ጨረታ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣

2. መኽበሪ ጨረታ ፀኒዑ ኣብ ዝፀንሓሉ ግዘ ተጫራቲ ባዕሉ ካብ ውድድር እንድሕር ኣግሊሉ ወይ ሰዓራይ

---

እኳንን ለዕጩ ተወዳዳሪዎች እንዲደርስ መደረግ አለበት፣

3. ግዥ ፈፃሚ አካል አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው የጨረታ ሰነዱ በነፃ ሊያሰራጭ ይችላል፡፡

## 29. በጨረታ ሰነድ ላይ ስለሚደረግ ማሻሻያ

1. ግዥፈፃሚ አካላት በራሳቸው ወይም የጨረታ ሰነድ ከገዙ ዕጩ ተወዳዳሪዎች በሚቀርቡ ጥያቄዎች መነሻ የመጫረቻ ሰነድ ማቅረብያ ግዜ ገደብ ከማለፉ በፊት የጨረታ ሰነዶችን ይዘት ማሻሻል ይችላሉ፣

2. የተደረገው ማሻሻያ በፅሑፍ ተዘጋጅቶ የጨረታ ሰነዶችን ለገዙ ዕጩ ተወዳዳሪዎች ሁሉ በተመሳሳይ ግዜ መላክ አለበት፣

3. ግዥ ፈፃሚ አካል የጨታ ሰነዱን ይዘት ማሻሻል አስፈላጊ ሆኖ ያገኘው እና በማሻሻያው የተመለከቱ ማስተካከያዎችን ለማድረግ በቂ ግዜ የሌለ መሆኑን የተረዳ እንደሆነ ዕጩ ተወዳዳሪዎች ማሻሻያውን መሰረት አድርገው የጨረታ ሰነዱን ለማዘጋጀት በቂ ግዜ እንዲኖራቸው ለማድረግ የግዥውን ባህርይ መሰረት በማድረግ የጨረታውን ማቅረብያ ግዜ ለተወሰኑ ቀናት ሊያራዝም ይችላል፡፡

## 30. የጨረታ ማስከበርያ

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት በሚያዘጋጁት የጨረታ ሰነድ ተጫራቾች ከመጫረቻ ሰነዶቻቸው ጋር የጨረታ ማስከበርያ በዋስትና መልክ የማስያዝ ግዴታ እንዳለባቸው መግለፅ አለባቸው፡፡ የጨረታ ማስከበርያው መጠን በጨረታው ኃላፊነት በተሞላው ሁኔታ የማይሳተፉትን ለማስቀረት የሚያስችል ሆኖ የጨረታ ማስከበሪያ መጠን ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

2. የጨረታ ማስከበርያው ዋጋ ፀንቶ በሚቆይበት ግዜ ውስጥ ተጫራቹ ራሱን ከውድድሩ ካገለለ ወይም

www.abyssinialaw.com



ብዝምልከት ሰዓራይነቱ ምስ ተገለፀ ውዕሊ ንምፍራም ፍቓደኛ ኾይኑ እንድሕር ዘይተረኸበ ወይ ንኽቕርብ ንዝተሓተቶ መኽበሪ ውዕሊ እንተደኣ ዘይኣቕሪቡ እቲ መኽበሪ ጨረታ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ንክውረስ ይግበር፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ዝተገለፀ እንተሃለወ'ውን መኽበሪ ጨረታ ምሓዝ ዘድልዮም ዓይነታት ዕደጋን መጠን መኽበሪ ጨረታን ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ይኸውን፡፡

## 31. ሰነድ ጨረታ ብዛዕባ ምቕራብን ምቕባልን

1. ሰነድ ጨረታ ብፅሑፍ ተዳልዩን ተፈሪሙሉን ኣብ ውሽጢ ዝተዓሸገ ኤንቨሎፕ ቅድሚ ኣብቲ ምልክታ ጨረታ ዝተመልከተ ገደብ ግዘ ኣብቲ ዝተገለፀ ቦታ ኣታዊ ክግበር ኣለዎ፣
2. እቲ ሰነድ ጨረታ ዓብይ ብምዃኑ ኣብ ውሽጢ ሳንዱቕ ጨረታ ክቕመጥ ዘይኽእል እንድሕር ኮይኑ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል እቲ ሰነድ ጨረታ ኣታዊ ዝተገበረሉ ዕለትን ሰዓትን ዘርኢ መረጋገፂ ቅጥዒ ቅብሊት ንተጫረቲ ክግለፀሎም ወይ ክወሃቦም ኣለዎ፣
3. ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተገለፀ ዓይነት ሰነድ ጨረታ ድሕሪ ንጨረታ መቕረቢ ዝተወሰነ ግዘ ዝቐረበ ሰነድ ከይተኸፈተ ክምለስ ኣለዎ፡፡

## 32. ብዛዕባ ጨረታ ምኽፋት

1. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝተመልከተ ነቲ ሰነድ ጨረታ መቕረቢ ዝተወሰነ ወሰን ግዘ ምስኣኸለ ሽዑ ንሽዑ ቅድሚ ሰነድ ጨረታ ናይ መቕረቢ ገደብ ግዘ ዝተረከቦም ሰነዳት ጨረታ ክኸፍት ኣለዎ፣



አሸናፊውን ተጫራች በሚመለከት አሸናፊነቱ ከተገለፀበት በኋላ ውሉን ለመፈፀም ፈቃደኛ ሆኖ ካልተገኘ ወይም እንዲያቀርብ የተጠየቀውን የውል ማስከበርያ ካላቀረበ የጨረታ ማስከበርያው ቢሮ በሚያወጣው መመርያ መሰረት እንዲወረስ ይደረጋል፣

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተገለፀው ቢኖርም የጨረታ ማስከበርያ ማስያዝ የሚያስፈልግባቸው የግዥ አይነቶች እና የጨረታው ማስከበርያ መጠን ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል፡፡

## 31. የመጫረቻ ሰነድ ስለማቅረብና ስለመቀበል

1. የመጫረቻ ሰነድ በፅሑፍ ተዘጋጅቶና ተፈርሞበት በታሸገ ኤንቨሎፕ ውስጥ ሆኖ በጨረታ ማስታወቂያው ከተመለከተው የግዜ ገደብ በፊት በተገለፀው ቦታ ገቢ መደረግ አለበት፣
2. የመጫረቻ ሰነዱ ትልቅ በመሆኑ በጨረታ ሳጥን ውስጥ ሊቀመጥ የማይችል ከሆነ የመጫረቻ ሰነዱን የመንግስት ግዥ ፈፃሚ አካል ተረክቦ ገቢ የተደረገበትን ቀንና ሰዓት የሚያሳይ ማረጋገጫ ቅፅ ለእጩ ተወዳዳሪው መሰጠት አለበት፣
3. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 2 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ የመጫረቻ ሰነዱን ለማቅረብያ ከተወሰነው ግዜ በኋላ የቀረበ ሰነድ ሳይከፈት መመለስ አለበት፡፡

## 32. ጨረታን ስለመክፈት

1. ግዥ ፈፃሚ አካል በጨረታ ሰነዱ የተመለከተው ለጨረታ ሰነድ ማቅረብያ የተወሰነው የግዜ ገደብ እንደተጠናቀቀ ወድያውኑ የጨረታ ሰነድ ማቅረብያ የግዜ ገደብ በፊት የተረከባቸውን የጨረታ ሰነዶች መክፈት አለበት፣

www.abyssinialaw.com



2. ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ሰነ-ስርዓት መኽፈቲ ሰነድ ጨረታ ንኽርከቡ ክዕደሙ ኣለዎም፡፡

3. ሽም ተጫረትን ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ዝቐረቡ ድምር ዋጋ መጫረቲ ብዝስማዕ ድምፂ ክንበብን ክምዝገብን ከምኡ'ውን ተጫረቲ ኣብ ዝሓተትሉ እዋን እቲ ዝተመዝገበ ዝርዝር ክረኽቡ ክግበር ኣለዎ፣

## 33. ብዛዕባ ሰነዳት ጨረታ ምምርማርን ምግምጋምን

1. እቲ ጨረታ ንምምርማርን ገምጋም ንምክያድን ዝሕግዝ ኮይኑ እንትርከብ፣ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ሰነድ ጨረታ መብርሂ ንኽህቡ ክሓትት ይኽእል'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ለውጢ ዋጋ ሓዊሱ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ መሰረታዊ ለውጢ ዘስዕብ ሓሳብ ምቕራብ ወይ ድማ ምፍቃድ ኣይከኣልን፣

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ እንተሃለወ'ውን ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብ እዋን ምርመራ እቲ ጨረታ ዝተረኽቡ ጌጋታት ሒሳብ ንምእራም ይከኣል'ዩ፡፡ እቲ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል እዞም መስተኻኸሊታት ነቲ ሰነድ ጨረታ ዘቕረበ ተጫራቲ ብቕልጡፍ ክገልፅ ኣለዎ፣

3. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተመልከተ ሕልው ኮይኑ፣ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ጨረታ ዝተማልአ እዩ ኢሉ ክቕፅል ዝኽእል ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝተሓበሩ ተደለይቲ ኩነታት ሙሉእ ብምሉእ ዘማልእ ኮይኑ እንትረኽቦ'ዩ፣

4. ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ዝተዘርዘሩ ባህርያት፣ ቃላት ውዕሊ፣ ኩነታትን ካልኣት ተደለይቲ ነጥብታት ብዝተወሰነ ብርኪ ኣፈላላይ እንተሃለወ'ውን መሰረታዊ ዝኾነ ኣፈላላይ ወይ ድማ ለውጢ እስካብ ዘይሃለዎ ወይ ቁምነገር ነቲ ጨረታ ከይተለወጠ ክእርም ዝኽእል ደቂቕ ስሕተት ወይ ድማ ግድፈት እንተሃለወ'ውን ዕደጋ

2. ተጫራቾች ወይም ሕጋዊ ወኪሎቻቸው በጨረታ ሰነድ መክፈቻ ስነ-ስርዓት ላይ እንዲገኙ መጋበዝ አለባቸው፣

3. የተጫራቹ ስም እና በእያንዳንዱ የጨረታ ሰነድ የቀረበው የመጫረቻ ዋጋ ድምር ከፍባለ ድምፅ መነበብ እና መመዝገብ እንዲሁም ተጫራቾች በጠየቁ ግዜ የተመዘገበውን ዝርዝር እንዲያገኙ መደረግ አለበት፡፡

## 33. የጨረታ ሰነዶችን ስለመመርመር እና ስለመገምገም

1. ጨረታውን ስለመመርመርና ግምገማውን ለማከናውን የሚረዳ ሆኖ ሲገኝ፣ ግዥ ፈፃሚው አካል ተጫራቾች ባቀረቡት የጨረታ ሰነድ ላይ ማብራርያ እንዲሰጡ ሊጠይቅ ይችላል፡፡ ሆኖም የዋጋ ለውጥን ጨምሮ የጨረታው ሰነድ ላይ መሰረታዊ ለውጥ የሚያስከትል ሀሳብ ማቅረብ ወይም መፍቀድ አይቻልም፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተመለከተው ቢኖርም ግዥ ፈፃሚው አካል በጨረታ ምርመራው ወቅት የተገኙ የሂሳብ ስህተቶችን ለማረም ይችላል፡፡ ግዥ ፈፃሚው አካል እነዚህን ማስተካከያዎች የመጫረቻ ሰነዱ ላቀረበው ተጫራች በአፋጣኝ መግለፅ አለበት፣

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 4 የተመለከተው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ግዥ ፈፃሚው አካል ጨረታው የተሟላነው ብሎ ሊቀጥል የሚችለው በጨረታው ሰነድ የተመለከቱትን ተፈላጊ ሁኔታዎች ሙሉ በሙሉ የሚያሟላ ሆኖ ሲያገኘው ነው፣

4. በጨረታ ሰነድ ከተዘረዘሩት ባህርያት፣ የውል ቃሎች፣ ሁኔታዎች እና ሌሎችም ተፈላጊ ነጥቦች ጋር በተወሰነ ደረጃ ልዩነት ቢሮርም መሰረታዊ የሆነ ለውጥ እና ልዩነት እስከሌለው ድረስ ወይም የጨረታው ቁም ነገር ሳይለወጥ ሊታረም የሚችል ጥቃቅን ስህተት ወይም ግድፈት ቢኖርም ግዥ

www.abyssinialaw.com



ፈፃሚ ኣካል እቲ ጨረታ ከምዝተማለአ ገይሩ ክቕበል ይኽእል'ዩ፡፡ ዝኾነ ኣፈላላይ እስካብ ዝተኸኣለ ብኣሃዝ ተገሊፁ ኣብ እዋን ግምገማን ውድድርን ነቲ ጨረታ ኣብ ግምት ውሽጢ ክኣትው ኣለዎ፣

5. ዝኾነ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ካብዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ዘይተማልኡ ጨረታታት ንውድድር ክቕርብ የብሉን፣

ሀ. ተጫራታይ ኣብ ዓንቀፅ 20 ዝተጠቀሱ ረቋሒታት ክማልእ ዘይክእል ኮይኑ እንትርከብ፣

ለ. ተጫራታይ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 መሰረት ዝተገበረ መስተኻኸሊ ሒሳብ ዘይቕበል ኮይኑ እንትርከብ፣

ሐ. እቲ ዝቐረበ መወዳደሪ ሓሳብ ጨረታ ዝድለ ዘየማልእ ኮይኑ እንትርከብ፣

6. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 7 ብዝተደንገገ መሰረት ሰዓራይ ተጫራቲ ንምምራፅ ብመሰረት ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝተመልከተ ስርዓትን ረቋሓ ገምጋምን እቲ ዝድለ ዘማልኡ ሰነዳት ጨረታ ክግምግምን ከወዳድርን ኣለዎ፡፡ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዘይተመልከተ ረቋሓ መወዳደሪ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን፣

7. ኣብ ጨረታ ሰዓራይ ኮይኑ ዝምረፅ፡-

ሀ. ኣብ ገምጋም ጨረታ ቴክኒካል መመዘንታት ምምልኡ ዝተረጋገፀን ዝተሓተ ዋጋ ዘቕረበን ተጫራታይ ወይ፣

ለ. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ሰዓራይ ተጫራቲ ዝምረፀሉ ረቋሒ ዝገለፀ እንተኾይኑ፣ ብመሰረት ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝሰፈሩ ናይቲ ጨረታ ቁጠባዊ ረብሓ ዝውስኖ ረቋሒ ብምግባር ዝግበር ገምጋም ዝተሓተ ዋጋ ዘቕረበ ተጫራታይ ሰዓራይ ይኸውን፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ረቋሒ ኣብ ጭቡጥ ኩነታት ዝተመሰረተ፣ ብኣሃዝ ክግለፅ

ፈፃሚው አካል ጨረታውን እንደተሟላ አድርጎ ሊቀበል ይችላል፡፡ ማናቸውም ልዩነት እስከተቻለ ድረስ በአሃዝ ተገልፆ በጨረታ ግምገማ እና ውድድር ወቅት ከግምት ውስጥ መግባት አለበት፣

5. ማናቸውም ግዥ ፈፃሚ አካል ከዚህ በታች የተዘረዘሩትን የማያሟሉ ጨረታዎችን ለውድድር ማቅረብ የለባቸውም፡፡

ሀ. ተጫራቹ በአንቀፅ 20 የተጠቀሰውን መስፈርቶች መሟላት የማይቻል ሆኖ ሲገኝ፣

ለ. ተጫራቹ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የተደነገገውን የሂሳብ ማስተካከያ የማይቀበል ሆኖ ሲገኝ፣

ሐ. የቀረበው የጨረታ መወዳደርያ ሀሳብ ተፈላጊውን የማያሟላ ሆኖ ሲገኝ፣

6. ግዥ ፈፃሚው አካል በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 7 በተደነገገው መሰረት አሸናፊውን ተጫራች ለመምረጥ በጨረታ ሰነዱ በተመለከተው ስርዓት እና የግምገማ መስፈርት መሰረት ተፈላጊውን ያሟሉ የጨረታ ሰነዶችን መገምገምና ማወዳደር አለበት፡፡ በጨረታ ሰነድ ያልተመለከተ የማወዳደርያ መስፈርት በጥቅም ላይ ሊውል አይችልም፣

7. በጨረታ አሸናፊ ሆኖ የሚመረጠው፡-

ሀ. በጨረታ ግምገማ የቴክኒክ መመዘኛዎችን ማሟላቱ የተረጋገጠ እና አነስተኛዋጋ ያቀረበ ተጫራች ወይም፣

ለ. ግዥ ፈፃሚው አካል በጨረታው ሰነድ ወቅት አሸናፊው ተጫራች የሚመረጥበትን መስፈርት የገለፀ ከሆነ በጨረታ ሰነዱ የሰፈረውን የጨረታውን ኢኮኖምያዊ እሴት የሚወሰነውን መስፈርት መሰረት በማድረግ በሚካሄድ ግምገማ ዝቅተኛ ዋጋ ያቀረበው ተጫራች አሸናፊ ይሆናል፡፡ ሆኖም መስፈርቱ በተጨባጭ ሁኔታ ላይ

www.abyssinialaw.com



ዝኽእል ኮይኑ ኣብ ከይዲ ገምጋም ኣንፃራዊ ክብደት ክወሃቦ ክሳብ ዝተኽኣለ ብገንዘብ ዝግለፅ ክኸውን ኣለዎ፣

8. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ውዕኢት ምርመራን ገምጋምን ጨረታ ብሓፂሩ ዝገልፅ ፀብፃብ ገምጋም ከቕርብ ኣለዎ፡፡

## 34.ብምሽጥር ዝተሓዙ ኣሰራርሓታት

እቲ ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ ግዘ ጀሚሩ ምስ ጨረታ ገምጋም፣ ምስ መብራህርሂ፣ ምስ ገምጋም ሰዓራይ ተጫራቲ ብዝምልከት ብዝቐርብ ናይ ውሳነ ሓሳብ ዝተተሓሓዙ መረዳእታታት ብምሽጥር ክሕለው ዘለዎም እንትኸውን፣ ሰዓራይ ተጫራቲ ክሳብ ዝግለፅ ንተጫረቲ ወይ ምስ ከይዲ እቲ ስራሕ ርክብ ንዘይብሎም ሰባት ክግለፁ የብሎምን፣

## 35. ምስ ሰዓራይ ተጫራታይ ድርድር ብዛዕባ ዝግበረሎም ጉዳያት

1. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ምስ ሰዓራይ ተጫራቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ኣብ ዘይተጠቐሱ ጉዳያት ኣፈፃፅማ ውዕሊ ድርድር ክገብር ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ ክፍሊ ሽዱሽተ ብዝተገለፀ መሰረት ካብ ሓደ መቕረባይ ብቀጥታ ካብ ዝፍፀም ዕደጋ ወይ ምውጋድ ንብረት ወፃኢ ሰዓራይ ተጫራቲ ኣብ ዝቐረበ ዋጋን ምስ ዋጋ ርክብ ዘለዎም ጉዳያትን ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ምስ ሰዓራይ ተጫራታይ ድርድር ክገብር ኣይኽእልን፣

የተመሰረተ፣ በአሃዝ ሊገለፅ የሚችል ሆኖ በግምገማው ሂደት አንፃራዊ ክብደት የሚሰጠው እና እስከተቻለ ድረስ በገንዘብ የሚገለፅ መሆን አለበት፣

8. ግዥ ፈፃሚው አካል የጨረታ ሰነድ ምርመራና የግምገማውን ውጤት በአጭሩ የሚገልፅ የግምገማ ሪፖርት ማዘጋጀት አለበት።

## 34. በሚስጥር ስለሚያዙ አሰራሮች

ጨረታው ከተከፈተበት ጊዜ አንስቶ ከጨረታ ምርመራ ከማብራርያ ከግምገማ እና አሸናፊውን ተጫራች በሚመለከት ከቀረበው የውሣኔ ሀሳብ ጋር የተያያዙ መረጃዎች በሚስጥርነት መጠበቅ ያለባቸው ሲሆን አሸናፊው ተጫራች እስከሚገለፅ ድረስ ለተጫራቾች ወይም ከስራው ሂደት ጋር ግንኙነት ለሌላቸው ሰዎች መገለፅ የለባቸውም፣

## 35.ከአሸናፊ ተጫራች ጋር ድርድር ስለሚደረግባቸው ጉዳዮች

1. ግዥ ፈፃሚ አካል ከአሸናፊው ተጫራች ጋር የጨረታ ሰነዱ ላይ ባልተጠቀሱ የውል አፈፃፀም ጉዳዮች ላይ ድርድር ሊደረግ ይችላል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

2. በዚህ አዋጅ ክፍል ስድስት ላይ በተጠቀሰው መሰረት ከአንድ አቅራቢ በቀጥታ ለሚፈፀም ግዥ ካልሆነ በስተቀር አሸናፊው ተጫራች ባቀረበው ዋጋ እና ከዋጋ ጋር ግንኙነት ባላቸው ጉዳዮች ላይ ግዥ ፈፃሚ አካል ከአሸናፊው ተጫራች ጋር ድርድር ማድረግ አይቻልም፡፡

www.abyssinialaw.com





## 36. ተጫረቲ ዘቕረብዎ መወዳደሪ ሓሳብ ዘይመሓየሸሉ ኩነታት

ዝኾነ ተጫራታይ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ዝተመልከተ ወፃኢ፣ በቲ ጨረታ ሰዓራይ ንምኳን ዘቕረቦ ዋጋ መጨረቲ ንኽልወጥ ወይ ብኻልእ ኩነታት ዘቕረቦ መወዳደሪ ሓሳብ ንኽማሓይሽ ወይ እዚ ንምፍፃም ግቡእ ንክኣቱዉ ብዝኾነ ቅድመ ኩነት ክሕተት ወይ ክግደድ ኣይኽእልን፡፡

## 37. ሰዓራይ ብዛዕባ ምግላፅን ውዕሊ ምፍርራምን

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት መወዳደሪ ሓሳብ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ዕለት ቅድሚ ምሕላፉ ኣብ ጨረታ ሰዓራይ ንዝኾነ ሰዓራይ ምኳኑ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ክገልፁ ኣለዎም፣

2. ኣብ መንጎ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካልን መቕረባይን ውዕል ተመስሪቱ ዝበሃል ብኽልቲኦም ተወዓዓልቲ ወገናት ኣብ ስምምዕነት ዝበፅሕሎም ኩሎም ጉዳያት ኣብ ዝሕዝ ናይ ውዕሊ ሰነድ እንትፍረም ይኸውን፣
3. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንተሰዓርቲ ተጫረቲ ኣብቲ ጨረታ ዝተሸነፉ ምኳኖም ዝገልፅ ሓበሬታ ከይበፅሖም ቢሮ ኣብ ዘውፅኦ መምርሒ ዝተቐመጠ ገደብ ግዘ ከይሓለፈ ውዕሊ ዕደጋ ክፍፀም የብሉን፣
4. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ምምሕዳር ውዕሊ ብዝምልከት ክኽተልዎ ዝግባእ ኣሰራርሓ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ይኸውን፡፡

## 38. ውዕሊ መኽበሪ

መቕረባይ ብመሰረት ውዕሊ ብዘይ ምፍፃሙ ኣብ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንዝበፅሖ ጉድኣት መካሓሓሲ ዝውዕል መኽበሪ ውዕሊ ንዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ክህብ ኣለዎ፡፡ ውዕሊ መኽበሪ

## 36. ተጫራቾች ያቀረቡትን የመወዳደርያ ሀሳብ የማይሻሻልበት ሁኔታ

ማናቸውም ተጫራቾች በጨረታው ሰነድ ከተመለከተው ውጪ በጨረታው አሸናፊ ለመሆን ያቀረበውን የመጫረቻ ዋጋ እንዲለወጥ ወይም በሌላ አኳኃን ያቀረበውን የመወዳደርያ ሀሳብ እንዲያሻሻል ወይም ይህንን ለመፈፀም ግዴታ እንዲገባ በቅድመ ሁኔታነት ሊጠየቅ ወይም ሊገደድ አይችልም፡፡

## 37. አሸናፊውን ስለመግለፅና ውል ስለመፈራረም

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት የመወዳደሪያ ሀሳብ ፀንቶ የሚቆይበት ቀን ከማለፉ በፊት በጨረታው አሸናፊ ለሆነው ተጫራች አሸናፊነቱን ቢሮው በሚያወጣው መመርያ መሰረት መግለፅ አለባቸው፣
2. በግዥ ፈፃሚው አካል እና አቅራቢው መካከል ውል ተመስርቷል የሚባለው በሁለቱ ተዋዋይ ወገኖች ስምምነት የተደረሰባቸውን ጉዳዮች በሙሉ የሚይዘው የውል ሰነድ ሲፈረም ይሆናል፣
3. ግዥ ፈፃሚው አካል ለተሸናፊዎች ተጫራቾች የሸናፊነታቸውን የሚገልፅ ማስታወቅያ ከመድረሱ እና በግዥ መመርያው ከተመለከተው የግዜ ገደብ ከማለፉ በፊት በግዥው ውል መፈረም የለበትም፣
4. ግዥ ፈፃሚ አካላት የውል አስተዳደርን በሚመለከት ሊከተል የሚገባው አሰራር ቢሮ በሚያወጣው መመርያ ይወሰናል፣

## 38 . ውል ማስከበርያ

አቅራቢው በውሉ መሰረት ባለመፈረሙ በግዥ ፈፃሚው አካል ላይ ለሚደርሰው ጉዳት ማካካሻ የሚውል የውል ማስከበርያ ለግዥ ፈፃሚው አካል መሰጠት አለበት፡፡ የውል ማስከበርያ የሚጠየቅባቸው ዓይነትና መጠን

www.abyssinialaw.com



ዝሕተተሎም ዓይነታት ዕደጋ፣ መኸበሪ ውዕሊ ዓይነትን መጠንን እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውስን፣

## 39. ቅድመ ክፍሊት

1. ኣብ ኣፈፃፅማ መንግስታዊ ዕደጋ ንመቕረባይ ዝወሃብ ቅድመ ክፍሊት መጠንን ኣፈፃፅማን ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ተፈፃሚ ይኸውን፣
2. ብካሊእ ሕጊ እንተዘይተደንጊጉ ቅድመ ክፍሊት ተፈፃሚ ክኸውን ዝኽእል መቕረባይ ብመልክዕ ቅድመ ክፍሊት ምስ ዝወሃቦ መጠን ገንዘብ ማዕረ ዝኾነ ውሕስና እንተቕርብ ይኸውን፡፡

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ውሱን ጨረታ

## 40. ብውሱን ጨረታ ዕደጋ ንምፍፃም ክማልኡ ዝግብኦም ረቛሕታት

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብውሱን ጨረታ ዕደጋ ንምፍፃም ካብ እዞም ዝስዕቡ ሓዲኦም ቅድመ ኩነታት እንተማልኡ ጥራሕ ይኸውን፣
   ሀ. ኣቕሓ ወይ ስራሕቲ ዘፈር ኮንስትራክሽን ወይ ግልጋሎት ኣብ ውሱናት መቕረብቲ ጥራሕ ዝርከብ ምኻኑ እንተረጋገፀ፣
   ለ. ተወዳደርቲ ብዙሓት ብምኻኖም ምኽንያት ብዙሕ ጨረታ ሰነድ ንምምርማርን ንምግምጋምን ዝሓቶ ወፃእን ዝወስዶ ጊዜን ነቲ ኣቕሓ፣ ዘፈር ስራሕ ኮንስትራክሽን ወይ ግልጋሎት ምስ ዝወፅእ ዝንኣሰ ዋጋ ዘይመጣጠን ኮይኑ እንተርከብ፣

   ሐ. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ቢሮ ኣብ ዘውፅኦ መምርሒ ዝግለፅ ኮይኑ ግልፂ ጨረታ ወፂኡ ተወዳዳሪ ዘይተረኸበ እንተኸውን፣



ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

## 39. የቅድምያ ክፍያ

1. በመንግስት ግዥ አፈፃፀም ለአቅራቢው የቅድሚያ ክፍያ መጠን እና አፈፃፀም ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ተፈፃሚ ይሆናል፣
2. በሌላ ህግ ካልተመለከተ በስተቀር የቅድሚያ ክፍያ ሊፈፀም የሚችለው አቅራቢው በቅድሚያ ክፍያ መልክ ከሚወሰደው ገንዘብ መጠን ጋር እኩል የሆነ ዋስትና ሲያቀርብ ይሆናል፡፡

## ክፍል አምስት

## ውሱን ጨረታ

## 40. በውሱን ጨረታ ግዥ ለመፈፀም መሟላት ያለባቸው ሁኔታዎች

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት በውሱን ጨረታ ግዥ መፈፀም የሚችሉት የሚከተሉት ሁኔታዎች አንዱ ሲያሟሉ ብቻ ይሆናል፣
   ሀ. ዕቃው፣ የግንባታ ዘርፍ ስራው ወይም አገልግሎቱ በተወሰኑ አቅራቢዎች ብቻ የሚገኝ መሆኑ ሲረጋገጥ፣
   ለ. ተጫራቾች በርካታ በመሆናቸው ምክንያት በርካታ የጨረታ ሰነዶችን ለመመርመር እና ለመገምገም የሚጠይቀው ወጪና ጊዜ ዕቃው፣ የግንባታ ዘርፍ ስራው ወይም አገልግሎቱ ከሚያወጣው አነስተኛ ዋጋ ጋር የማይመጣጠን ሆኖ ሲገኝ፣
   ሐ. ዝርዝር አፈፃፀሙ ቢሮ በሚያወጣው መመርያ የሚወሰን ሆኖ ግልፅ ጨረታ ወጥቶ አቅራቢ ሳይገኝ ሲቀር፣

www.abyssinialaw.com



## 41. ኣፈፃፅማ ውሱን ጨረታ

ስርዓት ውሱን ጨረታ ምስ ግልፂ ጨረታ ተመሳሳሊ ኮይኑ፣ ውሱን ጨረታ እዞም ዝስዕቡ ፍሉያት ኣሰራርሓ ይኽተል፡-

1. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 40 ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ሀ) መሰረት ኣቕሓ፣ ዘፈር ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ግልጋሎት ምኽሪ ወይ ተደላይ ካልእ ግልጋሎት ኣብ ዝተወሰኑ መቕረብቲ ጥራሕ ዝርከብ እንትኾን መፀዋዕታ እቲ ጨረታ ናብ ኩሎም መቕረብቲ ይለኣኽ፣
2. እቲ ውሱን ጨረታ ዝካየድ በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 40 ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ለ) ብዝተገለፀ ምኽንያት እንተኾይኑ መፀዋዕታ ጨረታ ክንዲ ዝከኣል ኣብ መቕረባይ ዝርዝር ካብ ዝተመዝገቡ መቕረብቲ እዞም ዝስዕቡ መሰረት ብምግባር ተፈፃሚ ይኸውን፡-

   ሀ. ኣመራርፅኡ ኣብ ዝርዝር መቕረብቲ ካብ ዝተመዝገቡ ውሽጢ ፍትሓዊ ዝኾነ ዕድል ዝህብ ክኸውን ኣለዎ፣

   ለ. ዕድመ ዝተገበረሎም በዝሒ ሕፁያት ተወዳደርቲ ውፅኢታዊ ውድድር ንክህሉ ክገብር ዝኽእል ምዃኑ ክረጋገፅ ዘለዎ እንትኾን ዝከኣል ክሳብ ዝኾነ ቁፅሪ ተወዳደርቲ ካብ ሰለስተ ክንእስ የብሉን፣

3. ንምድላው ሰነድ ጨረታ ዝፍቀድ ግዜ ነዚ ሜላ ዕደጋ ኣብ መምርሒ ዕደጋ ካብ ዝተወሰነ ዝነኣሰ በዝሒ መዓልቲ ዝነኣሰ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ይኹን እምበር ናብ ጨረታ ክሳተፉ መፀዋዕታ ዝተገበረሎም ብምልኦም ተጫረቲ ሰነዶም ቅድሚ መዕፀዊ ጨረታ መዓልቲ ምብፅሖ ኣታዊ እንተገይሮም ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ፍቓድ ተጫረቲ ኣረጋጊፁ እቲ ጨረታ ቅድሚ ኣብ መፀዋዕታ ጨረታ ዝተቐመጠ መዕፀዊ ጨረታ ከይኣኸለ ክኽፍት ይኽእል፡፡



## 41. የውሱን ጨረታ አፈፃፀም

የውሱን ጨረታ ሥርዓቶች ከግልፅ ጨረታ ጋር ተመሳሳይ ሲሆኑ፣ ውሱን ጨረታ የሚከተሉትን ልዩ አሰራሮች ይከተላል፡-

1. በዚህ አዋጅ በአንቀፅ 40 ንኡስ አንቀፅ 1 (ሀ) መሰረት ዕቃው፣ የግንባታ ዘርፍ ሥራው፣ የምክር ወይም ተፈላጊው ሌላ አገልግሎት የሚገኘው ከተወሰኑ አቅራቢዎች ብቻ ሲሆን የጨረታው ጥሪ ለነዚ አቅራቢዎች በሙሉ ይላካል፣
2. የውሱን ጨረታው የሚካሔደው በዚህ አዋጅ በአንቀፅ 40 ንኡስ አነቀፅ 1 (ለ) በተጠቀሰው ምክንያት ከሆነ የጨረታ ጥሪው እስከተቻለ ድረስ በአቅራቢዎች ዝርዝር ውስጥ ከተመዘገቡት አቅራቢዎች መካከል የሚከተለውን መሰረት በማድረግ ይፈፀማል፡-

   ሀ. አመራረጡ ከአቅራቢዎች ዝርዝር ውስጥ ከተመዘገቡት ፍትሓዊ የሆነ ዕድል የሚያስገኝ መሆን ይኖርበታል፣

   ለ. ጥሪ የሚደረግላቸው ዕጩ ተወዳዳሪዎች ብዛት ውጤታማ ውድድር እንዲኖር ለማድረግ የሚያስችል መሆኑ መረጋገጥ ያለበት ሲሆን፣ እስከ ተቻለ ድረስ የተወዳዳሪዎች ቁጥር ከሶስት ማነስ የለበትም፣

3. ለመጫረቻ ሰነድ ዝግጅት የሚፈቀደው ግዜ ለዚህ ግዥ ዘዴ በግዥ መመሪያው ከተወሰነው አነስተኛው የቀን ብዛት ያነሰ ሊሆን አይችልም፡፡ ሆኖም ለጨረታው ጥሪ የተደረገላቸው ተጫራቾች በሙሉ የመጫረቻ ሰነዳቸውን ከጨረታው መዝጊያ ቀን በፊት ካስገቡ ግዥ ፈፃሚው አካል የተጫራቾች ፍቃድ አረጋግጦ ጨረታውን በጨረታ ማስታወቂያው ላይ ከተቀመጠው ቀን አስቀድሞ ሊከፈት ይችላል፡፡

www.abyssinialaw.com



# ክፍሊ ሽዱሽተ

## 42. ካብ ሓደ መቕረባይ ንዝፍፀም ዕደጋ ክግልኡ ዝግብኦም ረቋሒታት

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት በዚ ኣዋጅ ብዝተደንገገ መሰረት ካብ ሓደ መቕረባይ ዕደጋ ዝፍፅሙ ኣብ መንጎ ሕፁያት ተወዳደርቲ ውድድር ንከይህሉ ወይ ድማ ኣብ መንጎ ሕፁያት ተወዳደርቲ ኣፈላላይ ንምፍጣር ተሓሲቡ ክኸውን የብሉን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ካብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ሓዲኡ እንተጋጢሙ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ካብ ሓደ መቕረባይ ዕደጋ ክፍፅሙ ይኽእሉ'ዮም፡-
   ሀ. እቲ ኣቕሓ ወይ ኮንስትራክሽን ወይ ግልጋሎት ዝርከብ ኣብ ሓደ ዝተፈለየ ሕፁይ ተወዳዳሪ ጥራሕ ብምዃኑ ምኽንያት ምውድዳር ዘይከኣል ኮይኑ እንትርከብ፣
   ለ. ብመምርሒ ዕደጋ ዝግበር ገደብ ዝተሓለወ ኮይኑ ንኣቑሑት፣ ግልጋሎት ወይ ንተገባጠምቲ ተወሳኺ መለዋወጢ ኣቁሑት ካብቲ ናይ መጀመርያ መቕረባይ ምዕዳግ እንትድለ፣ ወይ ካብ ካልእ መቕረባይ ዕደጋ እንተተፈፂሙ እቲ ዝግዛእ መሳርሒ ወይ ግልጋሎት ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ካብ ዝጥቀመሉ መሳርሕን ግልጋሎትን ዘይጠዓዓም ኮይኑ ብምርካቡ ካብ ቀዳማይ መቕረቢ ተወሳኺ ቀረብ ግልጋሎት ወይ ተገባጠምቲ ምዕዳግ ኣድላይ እንትኸውን፣
   ሐ. ብመምርሒ ዕደጋ ዝግበር ገደብ ዝተሓለወ ኮይኑ ዘይተሓሰቡ ምኽንያታት ብምግጣሞም ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ቀዳማይ ውዕሊ ዘይተፀምበሩ ተወሰኽቲ ስራሕቲ ዘፈራት ኮንስትራክሽን ምስራሕ ኣድላይ ኮይኑ ዝተረኸበ እንትኸውንን

# ክፍል ስድስት

## 42. ከአንድ አቅራቢ ግዥ ለመፈፀም መሟላት ያለባቸው ሁኔታዎች

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት በዚህ አዋጅ በተደነገገው መሰረት ከአንድ አቅራቢ ግዥ የሚፈፅምበት በዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል ውድድር እንዳይኖር ወይም በዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል ልዩነት ለመፍጠር ታስቦ መሆን የለበትም፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ከሚከተሉት ሁኔታዎች አንዱ ሲያጋጥም ግዥ ፈፃሚ አካላት ከአንድ አቅራቢ ግዥ መፈፀም ይችላሉ፡-
   ሀ. ዕቃው፣ የግንባታ ዘርፍ ስራው ወይም አገልግሎቱ የሚገኘው ከአንድ የተለየ ዕጩ ተወዳዳሪ ብቻ በመሆኑ ምክንያት ማወዳደር የማይቻል ሆኖ ሲገኝ፣
   ለ. በግዥ መመሪያ የሚደረገው ገደብ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ለዕቃዎች አገልግሎት ወይም ለተገጣጣሚዎች ተጨማሪ መለዋወጫ ዕቃዎችን ከመጀመርያው አቅራቢ መግዛት ሲፈለግ ወይም ከሌላ አቅራቢ ግዥው ቢፈፀም የሚገዛው መሳርያ ወይም አገልግሎት ግዥ ፈፃሚው አካል ከሚጠቀምበት መሳርያ ወይም አግልግሎት ጋር የማይጣጣም ሆኖ በመገኘቱ ከመጀመርያ አቅራቢ ተጨማሪ አቅርቦቶችን፣ አገልግሎቶችን ወይም ተገጣጣሚዎችን መግዛት አስፈላጊ ቢሆን፣
   ሐ. በግዥ መመሪያ የሚደረገው ገደብ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ያልታሰቡ ሁኔታዎች በማጋጠማቸው ምክንያት በመጀመሪያው ውል ውስጥ ያልተካተቱ ተጨማሪ የግንባታ ዘርፍ ስራዎች ማሰራት አስፈላጊ ሆኖ የተገኘ

www.abyssinialaw.com



ናይ ቴክኒክ ወይም ብቁጠባዊ ምክንያት ነዞም ተወሰኽቲ ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕቲ ካብቲ ናይ ቀዳማይ ውዕሊ ነጺልካ ንምስራሕ ዘይከኣል ኮይኑ እንትርከብ፣

መ. ብመምርሒ ዕደጋ ዝግበር ገደብ ዝተሓለወ ኮይኑ፣ ሰዓራይ ብሜላ ግልፂ ወይ ውሱን ጨረታ ምስተመረፀ ብዝተፈረመ ውዕሊ ናይቲ መጀመርያ ፕሮጀክት ዝተፈፀመሉ ተመሳሳሊ ዓይነት ስራሕቲ ዳግም ንክስርሑ ምግባር ኣድላይ ብምዃኑ ሓዱሽ ውዕሊ ዘፈር ስራሕ ኮንስትራክሽን ምግባር ኣድላይ እንትኸውን፣

ረ. ብመምርሒ ዕደጋ ዝግበር ገደብ ዝተሓለወ ኮይኑ፣ ናይ መጀመርያ ውዕሊ ግልጋሎት ምኽሪ ኣፅጋቢ ብዝኾነ ኩነታት ብምፍፃሙን እቲ ውዕሊ ክናዋሕ ምግባር ቁጠባን ሰለጤንን ዝርከብ ምዃኑ ብምርግጋፅ እቲ ግልጋሎት ምቕፃል ኣድላይ ኾይኑ እንትርከብ፣

ሰ. ንሓፂር ግዘ ዝፀንሕን ንዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ፍሉይ ጥቕሚ ብዘርክብ ኩነታትን ዝፍፀም ዕደጋ ኣቕሓ እንትኸውን እዚ ንኡስ ዓንቀፅ ብስሩዕ መቕረባይነት ዘይተዋፈሩ ትካላት ንዝሸጥዎም ኣቑሑት ዘገልግል ኮይኑ፣ ብስሩዕ ምቕረባይነት ካብ ዝተዋፈሩ መቕረብቲ ብተደጋጋሚ ዝፍፀሙ ዕደጋታት ኣይሓውስን፣

ሸ. ብጣዕሚ ህፁፅ ካብ ምዃኑ ዝተልዓለ ከቢድ ፀገም ዝፈጥርን ኣብ ኣፈፃፅማ ስራሕ እቲ ቤት ፅዮ ጉድኣት ዘስዕብ ብምዃኑ ምኽንያት በቲ ቤት ፅዮ ላዕለዋይ ሓላፊ ዝተፈቀደ ዕደጋ እንትኸውን፣

3. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብመምርሒ ዕደጋ ካብ ዝውስኖ መጠን ገንዘብ ዘይበለፁ ዕደጋታት ካብ ሓደ መቕረባይ ብዝፍፀም ሜላ ዕደጋ ብምጥቃም ክገዝኡ ይኽእሉ'ዮም፣



እንደሆነ እና የቴክኒክ ወይም ለኢኮኖሚ ምክንያቶች እነዚህን ተጨማሪ የግንባታ ስራዎች ከመጀመሪያው ነጥሎ ማሰራት የማይቻል ሆኖ ሲገኝ፣

መ. በግዥ መመሪያ የሚደረገው ገደብ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ አሸናፊው በግልፅ ወይም በውስን ጨረታ ዘዴ ከተመረጠ በኃላ በተፈረመ ውል የመጀመርያው ፕሮጀክት የተከናወነባቸው ዓይነት ተመሳሳይ ስራዎች በድጋሚ እንዲሰሩ ማድረግ በማስፈለጉ አዲስ የግንባታ ዘርፍ ስራ ውል መፈፀም አስፈላጊ ሲሆን፣

ረ. በግዥ መመሪያ የሚደረገው ገደብ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ የመጀሪያው የምክር ወይም ሌሎች አገልግሎቶች ውል አጥጋቢ በሆነ ሁኔታ መጠናቀቁና ውሉ እንዲራዘም ማድረግ ቁጠባንና ቅልጥፍናን የሚያስገኝ መሆኑ በመረጋገጡ አገልግቱን መቀጠል አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ፣

ሰ. ለአጭር ጊዜ የሚቆይ እና ለግዥ ፈፃሚው አካል ልዩ ጥቅም በሚያስገኝ ሁኔታ የሚፈፀም የዕቃ ግዥ ሆኖ ይህ ንኡስ አንቀፅ በመደበኛ አቅራቢነት ያልተሰማሩ ድርጅቶች ለሚሸጡዋቸው ዕቃዎች የሚያገለግል ሲሆን፣ በመደበኛ አቅራቢነት ከተሰማሩ አቅራቢዎች አዘወትረው የሚፈፀሙ ግዥዎችን አይጨምርም፣

ሸ. በጣም አስቸኳይ ከመሆኑ የተነሳ ከባድ ችግር የሚፈጥርና በመስሪያ ቤቱ ስራ አፈፃፀም ላይ ጉዳትን የሚያስከትል በመሆኑ ምክንያት በመስሪያ ቤቱ የበላይ ኃላፊ የተፈቀደ ግዥ፣

3. ግዥ ፈፃሚ አካላት በግዥ መመርያው ከሚወሰን የገንዘብ መጠን ያልበለጡ ግዥዎችን ከአንድ አቅራቢ በሚፈፀም የግዥ ዘዴ በመጠቀም መግዛት

www.abyssinialaw.com



4. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት እዚ ሜላ ዕደጋ ኣብ መንጎ ሕፁያት ተወዳደርቲ ንሕንሕ ንከይህሉ ወይ ኣብ መንጎ ሕፁያት ተወዳደርቲ ኣፈላላይ ንምፍጣር ተሓሲቡ ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለ ምዃኑ ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡

## 43. ካብ ሓደ መቕረባይ ዝፍፀም ዕደጋ ኣፈፃፅማ ግዝኢት

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት በዚ ኣዋጅ ኣንቀፅ 42 ንኡስ ኣንቀፅ 2 ብዝተደንገገ መሰረት ካብ ሓደ መቕረባይ ዕደጋ ክፍፅሙ እንትደልዮ ዕደጋ ንምፍፃም ዘድልየሉ ምኽንያትን ዝግዛእ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ፅሬት፣ በዝሒ፣ ኩነታትን መቕረቢ ግዘን ዘብራህርህ መግለፂ ምድላውን ዋጋ ሓዊሱ ምስ መቕረባይ ብግልፂ ክደራደሩ ኣለዎም፡፡ በዚ ኣዋጅ ኣንቀፅ 35 ንኡስ ኣንቀፅ 2 ዝተደንገገ ዝተሓለወ ኮይኑ ድርድር ድሕር ምክያድ ዕደጋ ንምፍፃም ዝግበር ስምምዕነት ብክልቲኦም ተወዓዓልቲ ወገናት ብዝፍፀም ውዕሊ ክረጋገፅ ኣለዎ፣

2. ካብ ሓደ መቕረባይ ብቀጥታ ንዝፍፀም ዕደጋ ኣብ ድርድር ትኩረት ዝግበረሎም ዝርዝር ነጥብታት ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፡፡

## 44. ካብ ዝተቐመጡ ሜላታት ዕደጋ ወፃኢ ዝፍፀም ዕደጋ

ብባህሪኡ ብሽድሽቲኦም ሜላታት ዕደጋ ክፍፀም ዘይኽእል ዕደጋ እንትኾን ኣፈፃፅምኡ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ዝውሰን ይኸውን፡፡

## ክፍሊ ሸውዓተ

## ብመሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ ዝፍፀም ዕደጋ

ይችላሉ፣

4. ግዥ ፈፃሚ አካላት ይህ የግዥ ዘዴ በዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል ውድድር እንዳይኖር ወይም በዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል ልዩነት ለመፍጠር ታስቦ ጥቅም ላይ ያልዋለ መሆኑን የማረጋገጥ ኃላፊነት አለባቸው፡፡

## 43. ከአንድ አቅራቢ የሚከናወን ግዥ አፈፃፀም

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት በዚህ አዋጅ አንቀፅ 42 ንኡስ አንቀፅ 2 በተደነገገው መሰረት ከአንድ አቅራቢ ግዥ ለመፈፀም ሲፈልጉ ግዥውን መፈፀም ያስፈለገበትን ምክንያት እና የሚገዛውን ዕቃ ወይም የአገልግሎት ጥራት፣ ብዛት፣ የማቅረብያ ጊዜ እና ሁኔታዎች የሚያብራራ መግለጫ ማዘጋጀትና ዋጋን ጨምሮ ከአቅራቢው ጋር በግልፅ መደራደር አለባቸው፡፡ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 35 ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ድርድሩ ከተካሄደ በኃላ ግዥ ለመፈፀም የሚደረገው ስምምነት በሁለቱም ተዋዋይ ወገኖች በሚፈፀም ውል መረጋገጥ አለበት፣
2. ከአንድ አቅራቢ በቀጥታ ለሚፈፀም ግዥ በድርድር ሂደት ትኩረት የሚደረግባቸው ዝርዝር ነጥቦች ቢሮው በሚያወጣው የግዥ መመሪያ ይወሰናል፡፡

## 44. ከተቀመጡት የግዥ ዘዴዎች ውጭ የሚከናወን ግዥ

በባህሪው በስድስቱ የግዥ ዘዴዎች መከናወን የማይችል ግዥ ሲሆን ዝርዝር አፈፃፀሙ ቢሮው በሚያወጣው መመርያ መሰረት የሚወሰን ይሆናል፡፡

## ክፍል ሰባት

## በመወዳደርያ ሀሳብ መጠየቅያ የሚፈፀም ግዥ

www.abyssinialaw.com



45. **መሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ ዕዳጋ ንምፍፃም ክማልኡ ዘለዎም ረቋሒታት**

ዕዳጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብመሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ ዕዳጋ ክፍፅሙ ዝኽእሉ ንግልጋሎት ምኽሪ ወይ ካብ ውሽጢ ሓፈሻዊ ግልጋሎት ውዕሊ ንግልጋሎት ምኽሪ ዋጋ ካብ ዝውሃብ ሓምሳ ሚኢታዊ (50%) ንላዕሊ ንዝኾነ ግዝኢት'ዩ፣

46. **ኣፈፃፅማ ብመሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ ዝፍፀም ዕዳጋ**

1. ግልጋሎት ምኽሪ ዝሓቶ ወፃኢ ኣብ መምርሒ ካብ ዝውሰን መጠን ገንዘብ ንላዕሊ እንተኾይኑ ሕፁያት ተወዳደርቲ ዝምረፁ ኣብቲ ውድድር ተሳተፍቲ ምኺን ዝደልዩ ሓሳቦም ንክገልፁ ብምልክት ድሕሪ ምዕዳም ይኸውን፣
2. መሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ ካብ ሰለስተ ንዘይነኣሱን ካብ ሓሙሽተ ንዘይበለፁን ብዕዳጋ ፈፃሚ ኣካል ንዝምረፁ ሕፁያት ተወዳደርቲ ክለኣኽ ኣለዎ፣
3. መሕተቲ መወዳደሪ ሓሳብ እንተነኣሰ እዞም ዝስዕቡ መረዳእታት ክሕዝ ይግባእ፡-
   ሀ. ሽምን ኣድራሻን ዕዳጋ ፈፃሚ ኣካል፣
   ለ. ዝተደለየ ግልጋሎት ዘርኢ ናይ ስራሕ መዘርዝር ዕሑፍ፣
   ሐ. ጎንፂ ጥቕሚ ከስዕብ ዘኽእል ምኽሪ ግልጋሎት ኣብዝኾነሉ ሰዓት ናብ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንዝቐርቡ ሕፁያት ተወዳደርቲ ካብ ግልጋሎት ምኽሪ ሰዒቡ
   ምስ ዝፍፀሙ ቀረብ ኣቕሓን ካልኦት ስራሕቲ ህንፀትን ዓርሶም ክርሕቁ ከምዝግባእ ዝሕብር መተሓሳሰቢ፣
   መ. መወዳደሪ ሓሳብ መገምገሚ መዐቀንታት፣ ብዋጋን ካልኦት መለክዕታትን ዝወሃብ ነጥቢ መወዳደሪ

45. **በመወዳደሪያ ሀሳብ መጠየቅያ ግዥ ለመፈፀም መሟላት ያለባቸው ሁኔታዎች**

ግዥ ፈፃሚ አካላት በመወዳደሪያ ሀሳብ መጠየቅያ ግዥ መፈፀም የሚችሉት ለምክር አገልግሎት ከውሉ ጠቅላላ ዋጋ ውስጥ የምክር አገልግሎት ዋጋ ከአምሳ በመቶ (50%) በላይ ለሚሆን ግዥ ነው፣

46. **በመወዳደርያ ሓሳብ መጠየቂያ የሚከናወን ግዥ አፈፃፀም**

1. የምክር አገልግሎት የሚጠየቀው ወጪ በመመሪያ ከሚወሰነው የገንዘብ መጠን በላይ ከሆነ ዕጩ ተወዳዳሪዎች የሚመረጡት በውድድሩ ተሳታፊ ለመሆን የሚፈለጉ ሀሳባቸውን እንዲገልፁ በማስታወቅያ ከተጋበዙ በኃላ ይሆናል፣
2. የመወዳደርያ ሀሳብ መጠየቅያ ከሦስት ያላነሱ እና ከአምስት ላልበለጡ በግዥ ፈፃሚ አካል ለሚመረጡ ዕጩ ተወዳዳሪዎች መላክ ይኖርበታል፣
3. የመወዳደርያ ሀሳብ መጠየቅያ ቢያንስ የሚከተሉትን መረጃዎች መያዝ አለበት፡-
   ሀ. የግዥ ፈፃሚው ስም እና አድራሻ፣
   ለ. የሚፈለገውን አገልግሎት የሚያሳይ የመጣቀሻ ፅሑፍ፣
   ሐ. የጥቅም ግጭትን ሊያስከትል የሚችል የምክር አገልግሎት በሚሆንበት ግዜ ለዚህ አይነቱ ውድድር የሚቀርቡ ዕጩ ተወዳዳሪዎች ከምክር አገልግሎቱ ጋር
   በተያያዘ ከሚከናወኑ የዕቃ አቅርቦትና የግንባታ ስራዎች ራሳቸውን ማግለል የሚገባቸው መሆኑን የሚገልፅ ማሳሰብያ፣
   መ. የመወዳደርያ ሀሳቦችን መገምገምያ መስፈርቶችን፣ ለዋጋና ለሌሎች መስፈርቶች

www.abyssinialaw.com



ሓሳብ እንትግምገም ኣብ ጥቅሚ ዝውዕሉ መለክዕታትን ኩነታትን፣

ረ. መወዳደሪ ሓሳብ ዝቐርበሉ ቦታን ናይ መወዳእታ መዓልትን፣

4. ሕፁያት ተወዳደርቲ መወዳደሪ ሓሳብ ንምድላው ዘኽእሎም እኹል ግዘ ክወሃቦም ዝግባእ ኾይኑ ግዘ ገደቡ ብመምርሒ ዕደጋ ዝውሰን ይኸውን፣

5. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ቀዳማይ ኮይኑ ምስ ዝተመረፀ ሕፁይ ተወዳዳሪ ኣብ መወዳደሪ ሓሳብ ውሽጢ ዝተሓበረ መጠን፣ ባህርን ኣወዳድባን ግልጋሎት ኣመልኪቱ ድርድር ምግባር ይኽእል፣

6. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ካብ መንጎ ሕፁያት ተወዳደርቲ ብሰዓራይነት ክመርፅ ዝኽእል ኣብ መወዳደሪ ሓሳብ መሕተቲ ሰነድ ብዝተቐመጠ ናይ መገምገሚ መለክዒ መሰረት ኣብ ዝካየድ ገምጋም ዘቕረቦ መወዳደሪ ሓሳብ ዝበለፀ ጠቃማይ ኮይኑ ዝርከብ ሕፁይ ተወዳዳሪ'ዩ፡፡

## ክፍሊ ሸሞንተ

## ብዋጋ መቕረቢ ዝፍፀም ዕደጋ

### 47. ብዋጋ መቕረቢ ንዝፍፀም ዕደጋ ክማልኡ ዘለዎም ረቋሒታት

ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ዓንቀፅ 48 ብዝተደንገገ መሰረት ብዋጋ መቕረቢ ዕደጋ ንምፍፃም ዝኽእሉ እቲ ዕደጋ በቲ ቢሮ ብዝወፅእ መምርሒ ዕደጋ ካብ ዝውስኖ መጠን ገንዘብ ዘይበልፅን እቶም ዝዕደጉ ንዕደጋ ዝተዳለዉ ኣቁሑት ወይ ዝተፈለጠ ዋጋ ዘለዎም ዘፈራት ኮንስትራክሽን ወይ ግልጋሎታት ኮይኑ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ትልሚ ክሕዝዎ ኣብ ዘይኽእልሉ ኩነታት ዝፍፀም ይኸውን፡፡ ንዋጋ መቕረቢ ዝቀረበ ሰነድ ብመቕረባይ ቅቡል እንተተገይሩ ከም ውዕሊ የገልግልን፣ የገድድን፡፡

የሚሰጠውን ነጥብ፣ መስፈርቶቹ የመወዳደርያ ሀሳብ በሚገመገምበት ወቅት ጥቅም ላይ የሚውልበትን አኳኋን፣

ረ. የመወዳደርያ ሀሳብ የሚቀርብበትን ቦታና የመጨረሻ ቀን፣

4. ዕጩ ተወዳዳሪዎች የመወዳደርያ ሀሳብ ለማዘጋጀት የሚያስችላቸው በቂ ጊዜ ሊሰጣቸው የሚገባ ሲሆን የግዜ ገደቡ በግዥ መመርያ ይወሰናል፣

5. ግዥ ፈፃሚው አካል አንደኛ ሆኖ ከተመረጠው ዕጩ ተወዳዳሪ ጋር በመወዳደሪያ ሀሳቡ ውስጥ የተመለከተው የአገልግሎቱን ባህሪ፣ መጠን እና አደረጃጀት የሚመለከት ድርድር ማድረግ ይችላል፣

6. ግዥ ፈፃሚ አካል ከዕጩ ተወዳዳሪዎች መካከል በአሸናፊነት ሊመረጥ የሚችለው በመወዳደርያ ሀሳብ መጠየቅያ ሰነድ በመተለከተው የመገምገምያ መስፈርት መሰረት በሚካሄደው ግምገማ ያቀረበው የመወዳደርያ ሀሳብ ይበልጥ ጠቃሚ ሆኖ የተገኘውን ዕጩ ተወዳዳሪ ነው፡፡

## ክፍል ስምንት

## በዋጋ ማቅረብያ የሚፈፀም ግዥ

### 47. በዋጋ ማቅረብያ ለሚፈፀም ግዥ መሟላት ያለባቸው ሁኔታዎች

ግዥ ፈፃሚ አካላት በአንቀፅ 48 በተደነገገው መሰረት በዋጋ ማቅረብያ ግዥ ለመፈፀም የሚችሉት ግዥው ቢሮ በሚያወጣው የግዥ መመርያ ከሚወሰነው የገንዘብ መጠን ያልበለጠ እና የሚገዙትም ለገበያ የተዘጋጁ ዕቃዎች ወይም የታወቀ ገበያ ያላቸው የግንባታ ዘርፍ ስራዎች ወይም አገልግሎቶች ሲሆኑ ግዥ ፈፃሚ አካላት በዕቅድ መያዝ በማይችሉበት ሁኔታ የሚፈፀም ግዥ ነው፡፡ ለዋጋ ማቅረብያ የሚቀርብ ሰነድ በአቅራቢው ተቀባይነት ሲያገኝ እንደውል ያገለግላል፣ ግዴታ ይጥላል፡፡

www.abyssinialaw.com





48. **ኣፈፃፅማ ብዋጋ መቕረቢ ዝካየድ ዕደጋ**

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ክንዲ ዝከኣል ኣብ ውሽጢ ዝርዝር መቕረብቲ ካብ መንጎ ዝተመዝገቡ መቕረብቲ እንተነኣሰ ሰለስተ መቅረብቲ መቕረቢ ዋጋ ንኽህቡ ክሕተቱ ይግባእ፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

2. ብዋጋ መቅረቢ ዕደጋ ንምፍፃም ናብ ሕፁያት ተወዳደርቲ ዝለኣኽ መሕተቲ ናይቲ ዝቐርብ ኣቕሓ ወይ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ወይ ግልጋሎት ምኽሪ ወይ ካልኦት ግልጋሎታት ዕሬት፣ በዝሒ፣ ናይ መቕረቢ ቃላት ውዕልን ግዘን ከምኡ'ውን ካልኦት ዝርዝር ድሌታት ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝገልፅ ክኸውን ኣለዎ፣

3. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተዘርዘሩ ተደለይቲ ኩነታት ንዘማልአን ዝተሓተ ዋጋ ንዘቕረበን ተወዳዳሪ ትእዛዝ ዕደጋ ይህብ፣

4. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ግብሪ መንግስቲ ኣብ ምኽፋል ግቡኣቶም ንዘዋፅኡ መቕረብቲ ውሽጢ ዓዲ ማዕረ ዕድል ምርካቦም ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ኣለዎም፣

48. **በዋጋ ማቅረብያ የሚካሔድ ግዥ አፈፃፀም**

1. ግዥ ፈፃሚ አከላት የሚቻል እስከሆነ ድረስ በአቅራቢዎች ዝርዝር ውስጥ ከተመዘገቡ አቅራቢዎች መካከል ቢያንስ ሶስት አቅራቢዎችን የዋጋ ማቅረብያ እንዲሰጡ ሊጠይቁ ይገባል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

2. በዋጋ ማቅረብያ የሚፈፀም ግዥ ለዕጩ ተወዳዳሪዎች የሚላከው መጠየቅያ የሚቀርበውን ዕቃ ወይም የግንባታ ስራ ወይም የምክር ወይም ሌላ አገልግሎት ጥራት፣ ብዛት፣ የማቅረብያ የውል ቃሎች እና ጊዜ እንዲሁም ሌሎች የግዥ ፈፃሚ አካል ፍላጎቶችን ዝርዝር የሚገልፅ መሆን አለበት፣

3. ግዥ ፈፃሚ አካል በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 2 የተዘረዘሩትን ተፈላጊ ሁኔታዎች አሟልቶ እና አነስተኛ ዋጋ ላቀረበ ተወዳዳሪ የግዥ ትእዛዝ ይሰጣል፣

4. ግዥ ፈፃሚ አካላት የመንግስት ግብር የመክፈል ግዴታቸውን ለተወጡ የኣገር ውስጥ አቅራቢዎች ዕኩል ተጠቃሚነት ማግኘታቸውን የማረጋገጥ ኃላፊነት አለባቸው፣

## ክፍሊ ትሽዓተ

## ብክልተ ብርኪ ጨረታ ዝፍፀም ዕደጋ

49. **ብኽልተ ብርኪ ጨረታ ዕደጋ ንምፍፃም ክማልኡ ዘለዎም ረቋሕታት**

ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብክልተ ብርኪ ጨረታ ዕደጋ ንምፍፃም ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ተማሊኦም እንትርከቡ ጥራሕ ይኸውን፡-

1. ንዝዕደጉ ኣቁሑትን ግልጋሎታትን እኹል ዝርዝር ምድላው ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዘይከኣል ኮይኑ እንትርከብ ወይ ግልጋሎታት ብዝምልከት ባህርያቶም

## ክፍል ዘጠኝ

## በሁለት ደረጃ ጨረታ የሚፈፀም ግዥ

49. **በሁለት ደረጃ ጨረታ ግዥ ለመፈፀም መሟላት ያለባቸው ሁኔታዎች**

ግዥ ፈፃሚ አካላት በሁለት ደረጃ ጨረታ ግዥን ለመፈፀም የሚችሉት የሚከተሉት ሁኔታዎች ተሟልተው ሲገኙ ብቻ ነው፡-

1. ለሚገዙት ዕቃዎችና አገልግሎቶች በቂ ዝርዝር ማዘጋጀት በግዥ ፈፃሚው አካል የማይቻል ሆኖ ሲገኝ ወይም አገልግሎቶችን በሚመለከት

www.abyssinialaw.com





ፈሊኻ ንምርኣይ ዘይከኣል ኣብ ዝኾነሉ እዋንን ድሌት ግዝኢት ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብዝለዓለ ብርኪ ንምምላእ ዘኽእል መፍትሒ ንምርካብ፣

2. እቲ ዕደጋ ዝካየድ ኣብ ዕደጋ ክውዕሉ ዝኽእሉ ኣቁሑት ንምፍራይ ወይ ወፃእታት ምርምርን ልምዓትን ንምትካእ ክሳብ ዘይኮነ እዋን ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ስራሕቲ ምርምር፣ ሙከራ፣ መፅናዕትን ልምዓትን ንምፍፃም ዘኽእል ውዕሊ ምፍፃም እንተድሊ፣

3. ጨረታ ክወፅእ ተገይሩ ኣብ ዝዕደጉ ኣቁሑት፣ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን፣ ግልጋሎት ምኽርን ካልኦትን ባህርያት ወይ ተፈጥሮ ግልፂ ብዘይምዃኑ ምኽንያት ሕፁያት ተወዳደርቲ ኣብ ጨረታ ዘይቀረቡ እንተኾይኖም ወይ ዝቐረቡ ተጫረቲ ክወድቁ እንተትግበሩን እዚ ክኸውን ዝኽኣለ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተማልአ ዝርዝር ምድላው ብዘይምኽኣሉ ምኽንያት ምዃኑ እንትእመነሉ፣

4. ዝግዝኡ ኣቁሑት፣ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን፣ ግልጋሎት ምኽርን ካልኦትን ባህርያት ወይ ተፈጥሮ ኣመልኪቱ ምስ ሕፁያት ተወዳደርቲ ድርድር ምግባር እንተድሊ፣

ባህርያቸውን ሳይቶ ለማሳየት የማይቻል በሚሆንበት ጊዜ እና የግዥ ፈፃሚውን የግዥ ፍላጎት በከፍተኛ ደረጃ ለማሟላት የሚያስችል መፍትሔ ለመፈለግ፣

2. ግዥው የሚካሄደው በገበያ ላይ ሊውሉ የሚችሉ ዕቃዎችን ለማምረት ወይም የምርምር እና የልማት ወጭዎችን ለመተካት እስካልሆነ ድረስ ግዥ ፈፃሚ አካል የምርምር፣ የሙከራ፣ የጥናት እና የልማት ሥራዎችን ለማከናወን የሚያስችል ውል መፈፀም ሲፈለግ፣

3. ጨረታ እንዲወጣ ተደርጎ በሚገዙት ዕቃዎች፣ የግንባታ ዘርፍ ስራዎች፣ የምክር እና የሌሎች አገልግሎቶች ባህሪ ወይም ተፈጥሮ ግልፅ አለመሆን ምክንያት ዕጩ ተወዳዳሪዎች በጨረታው ያልቀረቡ እንደሆነ ወይም የቀረቡት ተጫራቾች ውድቅ ሲደረጉ እና ይህም የሆነው ግዥ ፈፃሚው የተሟላ ዝርዝር ማዘጋጀት ባለመቻሉ መሆኑ ሲታመን፣

4. የሚገዙትን ዕቃዎች፣ የግንባታ ዘርፍ ሥራዎች፣ የምክር እና ሌሎች አገልግሎቶች ባሕርይ ወይም ተፈጥሮ አስመልክቶ ከዕጩ ተወዳዳሪዎች ጋር ድርድር ማድረግ ሲያስፈልግ፣

## 50. ኣፈፃፅማ ክልተ ብርኪ ጨረታ

1. እቲ ጨረታ ዝካየድ ብሜላ ክልተ ብርኪ ጨረታ እንትኸውን፣ ኣብቲ ሰነድ፣ ጨረታ ተጫራቲ በቲ ናይ መጀመርያ ብርኪ ዋጋ ዘይሓወሰ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ንኽቕርቡ ኣብ ግልፂ ጨረታ መፀዋዕታ ይግበር፡፡ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ መቕረብቲ ምስ ቴክኒክ ርክብ ዘለዎም መግለፅታት፣ ዕሬት ወይ ናይቲ ኣቕሓ ወይ ካልኦት ባህርያት ግልጋሎትን ከምኡ'ውን ውዕሊ ቃላትን ኩነታትን እቲ ቀረብ ክትሓዝ ዝግባእ እንትኸውን ኣግባብነት ክሳብ ዝሃለዎ ሞያን ክእለት ቴክኒክን መቕረብቲ ንክገልፁ ክሕተቱ ይኽእሉ እዮም፣

## 50. የሁለት ደረጃ ጨረታ አፈፃፀም

1. ጨረታው የሚከናወነው በሁለት ደረጃ የጨረታ ዘዴ ሲሆን፣ በጨረታው ሰነድ ተጫራቾች በመጀመርያው ደረጃ ዋጋን ያልጨመረ የመወዳደርያ ሀሳብ እንዲያቀርቡ በግልፅ ጨረታ ጥሪ ይደረጋል፡፡ በጨራታው ሰነድ አቅራቢዎች ከቴክኒክ ጋር ግንኙነት ያላቸውን መግለጫዎች፣ ጥራት ወይም የዕቃውን ወይም አገልግሎቱን ሌሎች ባህርያት እንዲሁም የአቅርቦቱን ውል ቃሎችና ሁኔታዎች ሊያዝ የሚገባ ሲሆን አግባብነት እስካለው ድረስ የአቅራቢዎችን የሞያ እና የቴክኒክ ችሎታ እንዲገልፁ ሊጠየቁ ይችላሉ፣

www.abyssinialaw.com



2. ብክልተ ብርኪ ሜላ ዕደጋ ካልኣይ ብርኪ እቲ ጨረታ ዘውፅኡ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ጨረትኦም ውድቂ ዘይተገበረ ተጫረቲ ሓደ ዝተፈለየ ዝርዝር ብዝምልከት ዋጋ ንከቕርቡ ይዕድም፡-

ሀ. እዚ ዝተፈለየ ዝርዝር እንትደልይ እቲ ቤት ፅዮ ኣብ ውሽጢ ናይ መጀመርያ ሰነድ ጨረታ ካብ ዝተቐመጡ ዝኾነ ናይቲ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ቴክኒክ ወይ ባህርያት ፅሬትን እቶም ሰነዳት ንምግምጋምን ንምውድዳርን ከምኡ'ውን ሰዓራይ ንምምራፅ ካብ ዝተቐመጡ ረቋሒታት ውሽጢ ንዝኾነ ንምስራዝ ወይ ንምምሕያሽ ወይ ምስ'ዚ ኣዋጅ ዝስማዕምዑ ሓደሽቲ ባህርያትን ረቋሓታትን ምውሳኽ ይኽእል፣

ለ. ከምዚ ዝበሉ ናይ ዝኾኑ ስራዛትን ምምሕያሻትን ወይ ወሰኻት ናይ መወዳእታ መወዳደሪ ሓሳብ ንክቕርብ ኣብ ዝመሓላለፍ መፀዋዕታ ንተጫረቲ ክግለፁ ኣለዎም፣

ሐ. ናይ መወዳእታ ጨረታ መወዳደሪ ሓሳብ ንምቕራብ ዘይደለየ ዝኾነ መቕረቢ መኽበሪ ውዕሊ ጨረታ ውርሲ ከይተገበረሉ ካብ ውድድር እቲ ጨረታ ባዕሉ ክግለል ይኽእል እዩ፣

3. ብክልተ ብርኪ ሰዓራይ ተጫራቲ ንምውሳን ገምጋምን ውድድርን ዝግበር በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 33 ብዝተደንገገ መሰረት ይኸውን፣

4. ብዝተመሓየሸ ዝርዝር መሰረት ኣብ ካልኣይ ዙር ምስታፍ ዘይደለዩ ተጫረቲ ዓርሶም ካብ ውድድር ክወፅኡ ይኽእሉ'ዮም፣

5. ነቲ ጨረታ ዘውፅአ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብ ገምጋም እቲ ጨረታ ዝለዓለ ውፅኢት ካብ ዝርኸበ መቕረቢ ካብ ዋጋ ወፃኢ ኣብ ካልኦት ጉዳያት ድርድር ክገብር ይኽእል'ዩ፣

2. በሁለት ደረጃ ጨረታ ዘዴ ሁለተኛ ደረጃ ጨረታውን ያወጣው ግዥ ፈፃሚ አካል ጨረታው ውድቅ ያልተደረገው ተጫራቾች አንድ የተለየ ዝርዝርን በሚመለከት ዋጋ እንዲቀርቡ ይጋብዛል፡-

ሀ. ይህንን የተለየ ዝርዝር ሲያዘጋጁ መስርያቤቱ በመጀመርያው የጨረታ ሰነድ ውስጥ ከተቀመጡት ማናቸውም የዕቃው ወይም የአገልግሎቱ የቴክኒክ ወይም የጥራት ባህርያት እና ሰነዶቹን ለመገምገም እና ለማወዳደር እንዲሁም አሸናፊውን ለመምረጥ ከተቀመጡት መስፈርቶች ውስጥ ማናቸውንም ለመሰረዝ ወይም ለማሻሻል ወይም ከዚህ አዋጅ ጋር የሚስማማ አዲስ ባህርያትና መስፈርቶችን ለመጨመር ይችላል፣

ለ. እንደዚህ ያሉት ማናቸውም ስረዛዎችን እና ማሻሻያዎች ወይም ጭማሪዎች የመጨረሻ የመወዳደርያ ሀሳብ እንዲቀርብ በሚተላለፍ ጥሪ ለተጫራቾች መገለፅ አለባቸው፣

ሐ. የመጨረሻ የጨረታ መወዳደርያ ሀሳብ ለማቅረብ ያልፈለገ ማናቸውም አቅራቢ የጨረታ ማስከበርያው ውል ውርስ ሳይደረግበት ከጨረታው ውድድር እራሱን ሊያገል ይችላል፣

3. በሁለት ደረጃ ጨረታ አሸናፊውን ተጫራች ለመወሰን ግምገማ እና ውድድር የሚደረገው በዚህ አዋጅ አንቀፅ 33 በተደነገገው መሰረት ይሆናል፣

4. በተሻሻለው ዝርዝር መሰረት በሁለተኛው ዙር ጨረታ መሳተፍ ያልፈለጉ ተጫራቾች ራሳቸውን ከውድድሩ ማግለል ይችላሉ፣

5. ጨረታውን ያወጣው ግዥ ፈፃሚ አካል በጨረታው ግምገማ ከፍተኛ ውጤት ካገኘው አቅራቢ ጋር ከዋጋ በስተቀር በሌሎች ጉዳዮች ላይ ድርድር ሊያደርግ ይችላል፣

www.abyssinialaw.com





## ክፍሊ ዓሰርተ

## ብዓለም ለኸ ውድድር ዝፍፀም ዕደጋ

### 51. ዓለም ለኸ ዕደጋ

1. ዓለም ለኸ ግልፂ ሜላ ጨረታ ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ዝኽእል ኩባንያታት ወፃኢ ኣብቲ ጨረታ ተሳተፍቲ ንክኾኑ እንተዘይተገይሩ

   ግልፂ ጨረታ ውፅኢታዊ ዝኾነ ውድድር ክህሉ ከምዘይክእል ዝተኣመነሉ ወይ እቲ ዕደጋ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ካብ ዝተቐመጠ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ እንተኾይኑ'ዩ፣

2.. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ከምዝተሓበረ እቲ ዕደጋ ቢሮ ካብ ዘውፅኦ መምርሒ ካብ ዝተቐመጠ መጠን ገንዘብ ንላዕሊ ዋላ ኮይኑ እቲ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ጥራሕ ዝርከብ ምዃኑ እንተረጋገፀ እቲ ዕደጋ ብዓዲ ውሽጢ ግልፂ ጨረታ ክካየድ ይኽእል'ዩ፣

3. ዓለም ለኸ ግልፂ ጨረታ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ስርዓታት ክኽተል ኣለዎ፡-

   ሀ. ምልክታን ሰነዳት ጨረታን መገልገሊ ዓለም ለኸ ንግዲ ብዝኾነ ቋንቋ እንግሊዝኛ ክዳለው ኣለዎም፣

   ለ. እቲ ምልክታ ጨረታ ብዝተዳለወሉ ቋንቋ እንግሲዝኛ ዝሕተም፣ እኹል ዝርገሓ ብዘለዎን ዓለም ለኸ ውድድር ኣብ ዝዕድምን ጋዜጣ ክሕተም ኣለዎ፣

   ሐ. መቕረቢ ግዘ ሰነድ ጨረታ፣ ጨረታ ምልክታ ንሕፁያት ተወዳደርቲ ንኽበፅሕ ንምግባርን ሕፁያት ተወዳደርቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሓሳቦም ኣዳልዮም ንምቕራብ ዘድልዮም እኹል ግዘ ዝፈቕድ ክኸውን ዘለዎ ኮይኑ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ካብ ዝተወሰነ ግዘ ዝነኣሰ ክኸውን

## ክፍል አስር

## በዓለም ዐቀፍ ውድድር የሚፈፀም ግዥ

### 51. ዓለም አቀፍ ግዥ

1. ዓለም ዐቀፍ ግልፅ የጨረታ ዘዴ ጥቅም ላይ ሊውል የሚችለው የውጭ ኩባንያዎች በጨረታው ተሳታፊ እንዲሆኑ ካልተደረገ

   በአገር ውስጥ ግልፅ ጨረታ ውጤታማ የሆነ ውድድር ሊኖር እንደማይችል የታመነበት ወይም ግዥው ቢሮ በሚያወጣው መመርያ ከተመለከተው የገንዘብ መጠን በላይ ሲሆን ነው፣

2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ (1) እንደተመለከተው ግዥው ቢሮ በሚያወጣው መመርያ ከተመለከተው የገንዘብ መጠን በላይ ቢሆንም ምርቱ ወይም አገልግሎቱ በአገር ውስጥ ብቻ የሚገኝ መሆኑ ከተረጋገጠ ግዥው በአገር ውስጥ ግልፅ ጨረታ ሊካሄድ ይችላል፣

3. ዓለም አቀፍ ግዥ ከዚህ በታች የተዘረዘሩትን ሥርዓቶች መከተል አለበት፡-

   ሀ. የጨረታው ማስታወቅያ እና የጨረታ ሰነዶች የዓለም ዐቀፍ ንግድ መገልገያ በሆነው በእንግሊዝኛ ቋንቋ መዘጋጀት አለባቸው፣

   ለ. የጨረታ ማስታወቅያው በተዘጋጀበት በእንግሊዝኛ ቋንቋ በሚታተም በቂ ስርጭት ባለው እና ዓለም ዐቀፍ ውድድርን በሚጋብዝ ጋዜጣ መታተም አለበት፣

   ሐ. የመጫረቻ ሰነድ የማቅረቢያ ጊዜው የጨረታው ማስታወቅያ ለዕጩ ተወዳዳሪዎች እንዲደርስ ለማድረግ እና ዕጩ ተወዳዳሪዎች የጨረታ መወዳደርያ ሀሳባቸውን አዘጋጅተው ለማቅረብ የሚያስፈልጋቸውን በቂ ጊዜ የሚፈቅድ መሆን ያለበት ሲሆን፣ ቢሮው በሚያወጣው መመርያ

www.abyssinialaw.com



የብሉን፡፡

መ. ዝርዝር ግልጋሎትን ኣቕሓን ምስ ብርክታት ዓዲ ውሽጢ ዝጠዓዓም ኮይኑ ብዝተኽኣለ መጠን ብብርክታት ዓለም ለኸ ወይ ኣብ ዓለም ለኸ ንግዲ ብሰፊሑ ዝስርሐሉ ብርኪ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ፣

ረ. ሕፁያት ተወዳደርቲ መጫረቲ ዋግኦምን ከምኡ'ውን ዘቕረብዎ ዝኾነ ሰነድ ውሕስናን ብብር ኢትዮጵያ ወይ ድማ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ብዝተመልከተ ኣብ ዓለም ለኸ ንግዲ ብስፍሓት ብዝሰረሓሉ ዓይነት ገንዘብ ንኸቕርቡ ክፍቀድ ኣለዎ፣

ሰ. ብሓፈሻውን ፍሉይ ቃላት ውዕልን ኩነታትን ኣብ ዓለም ለኸ ንግዲ ዝሰርሓሎም ክኾኑ ኣለዎም፣

## ክፍሊ ዓሰርተ ሓደ

## ፍሉይ ዕደጋ

### 52. ዓበይቲ ዕደጋታትን ምውጋድ ንብረትን

1. ክልላዊ ረብሓ ዘለዎም ዓበይቲ ዕደጋታት፣ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾኑ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዝድለ ቀረብ ዕደጋታትን መሸጣ ዝውገዱ ንብረትን ዝፍፀም ከከምኣድላይነቱ በቲ ቢሮ ዝጣየሽ ይኸውን፣

2. ቢሮ ክልላዊ ረብሓ ዘለዎም ብምኳኑ ምኽንያት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተደንገገ መሰረት ዝጣየሽ ኣካል ዝፍፀሙ ዓይነታት ዕደጋ ይውሰን፡፡

### 53. ኣፈፃፅማ ሓባር ስምምዕነት

1. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዘለዎም ተመሳሳሊ ድሌት ዕደጋ ወይ ሓደ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብ ዝተወሰነ ግዘ ውሽጢ ብተደጋጋሚ ንዝህልዎ ድሌት ዕደጋ ዕደጋ ብናይ ሓባር

ከሚወሰነው ጊዜ ማነስ የለበትም፣

መ. የዕቃና የአገልግሎት ዝርዝር ከአገር ውስጥ ደረጃዎች ጋር የሚጣጣም ሆኖ እስከተቻለ ድረስ በዓለም ዐቀፍ ደረጃዎች ወይም በዓለም አቀፍ ንግድ በስፋት የሚሰራበትን ደረጃ መሰረት ያደረገ መሆን አለበት፣

ረ. ዕጩ ተወዳዳሪዎች የመጫረቻ ዋጋቸውን እንዲሁም የሚያቀርቡትን ማናቸውንም የዋስትና ሰነድ በኢትዮጵያ ብር ወይም በጨረታ ሰነዱ በተመለከተው እና በዓለም ዐቀፍ ንግድ በስፋት በሚሰራበት የገንዘብ ዓይነት እንዲያቀርቡ መፍቀድ አለበት፣

ሰ. አጠቃላይ እና ልዩ የውል ቃሎችና ሁኔታዎች በዓለም ዐቀፍ ንግድ የሚሰራባቸው መሆን ይኖርባቸዋል፣

## ክፍል አስራ አንድ

## ልዩ ግዥ

### 52. ከፍተኛ ግዥዎች እና ንብረት አወጋገድ

1. ክልላዊ ጠቀሜታ ያላቸውን ከፍተኛ ግዥዎች፣ ከአንድ በላይ በሆኑ ግዥ ፈፃሚ አካላት የሚፈለጉ አቅርቦቶችን ግዥ እንዲሁም የሚወገዱ ንብረቶችን ሽያጭ የሚፈፅም እንደየአስፈላጊነቱ በቢሮው የሚቋቋም ይሆናል፣

2. ቢሮው ክልላዊ ጠቀሜታ ያላቸው በመሆኑ ምክንያት በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 በተደነገገው መሰረት በሚቋቋመው አካል የሚፈፀሙ የግዥዎች ዓይነት ይወሰናል፣

### 53. የማዕቀፍ ስምምነት አፈፃፀም

1. ግዥ ፈፃሚ አካላት ላላቸው ተመሳሳይ የግዥ ፍላጎት ወይም አንድ ግዥ ፈፃሚ አካል በተወሰነ ግዜ ውስጥ በተደጋጋሚ ለሚኖረው የግዥ ፍላጎት ግዥን

www.abyssinialaw.com



ስምምዕነት ምፍፃም ይከኣል እዩ፣

2. ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾኑ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብ ዝተወሰነ ግዘ ውሽጢ ንዝፍፀሙ ተመሳሰልቲ ቐረባት ብዝስዕብ ናይ ሓባር ስምምዕነት ኩነታት ይፍፀም፣

   ሀ. ቢሮ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዝህልውዎም ተመሳሰልቲ ድሌታት ብምፅናዕ ዝርዝር ኣቑሑትን ግልጋሎትን የውፅእ፣ በቢግዚኡ እቲ ዝርዝር የሕልብት፣

   ለ. ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2(ሀ) ካብ ዝተሓበሩ ዝርዝር ውሽጢ ዘለው ኣቑሑትን ግልጋሎትን ዝህልዎም ድልየት ትልሚ ዕደጋ ኣዳልዮም ዕደጋ ንክፍፅም ስልጣን ንዝተውሃቦ ኣካል የፍልጡ፣

   ሐ. ብዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ዝተፈረመ ናይ ሓባር ስምምዕነት መሰረት ብምግባር ኣቅሓ ወይ ግልጋሎት ኣብ ዝተዳለየ ግዘ ትእዛዝ ዕደጋ ብምቕራብ ዕደገኦም ይፍፅሙ፣

   መ. ዕደጋ ፈፀመቲ ኣካላት ናብ መቕረባይ ብሓባር ስምምዕነት ትእዛዝ ዕደጋ ዘመሓላልፉ ናይ ሓባር ስምምዕነት ካብ ዝተፈፀመሉ ዋጋ፣ ምስ ክፍሊትን ካልኦት ኩነታት ኣፈፃፅማን ብዝተጠዓዓመ መንገዲ ይኸውን፣

3. ናይ ሓባር ስምምዕነት ዝፍፀም ብሜላ ግልፂ ጨረታ ኮይኑ፣ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ፀኒዑ ክፀንሕ ይኽእል፣

4. ሓደ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብተደጋጋሚ ንዝህልውዎ ድሌታት ዕደጋ ብሓባር ስምምዕነት ክፍፅም ዝኽእል ቢሮ ኣብ ዘውፅኦ መምርሒ ዝተሓበረ ዋጋ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ዝውሰነሉ ግልፂ መለክዒ መሰረት ብምግባር ይኸውን፡፡

በማዕቀፍ ስምምነት መፈፀም ይቻላል፣

2. ከአንድ በላይ በሆኑ ግዥ ፈፃሚ አካላት በተወሰነ ግዜ ውስጥ ለሚከናወኑ ተመሳሳይ አቅርቦቶች የማዕቀፍ ስምምነት በሚከተለው ሁኔታ ይፈፀማል፣

   ሀ. ቢሮ ግዥ ፈፃሚ አካላት የሚኖራቸውን ተመሳሳይ ፍላጎት በማጥናት የዕቃና አገልግሎቶች ዝርዝር ያወጣል፣ በየግዜው ዝርዝሩን ያዳብራል፣

   ለ. ግዥ ፈፃሚ አካላት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2(ሀ) በተመለከተው ዝርዝር ውስጥ ለተካተቱት ዕቃና አገልግሎቶች የሚኖራቸውን ፍላጎት እቅድ አዘጋጅተው ግዥውን እንዲከናወን ስልጣን ለተሰጠው አካል ያሳውቃሉ፣

   ሐ. ግዥ ፈፃሚ አካላት የተፈረመውን የማዕቀፍ ስምምነት መሰረት በማድረግ ዕቃው ወይም አገልግሎቱ በተፈለገ ግዜ የግዥ ትእዛዝ በማቅረብ ግዥያቸውን ይፈፅማሉ፣

   መ. ግዥ ፈፃሚ አካላት ለማዕቀፍ ስምምነት አቅራቢው የግዥ ትእዛዝ የሚያስተላልፉት የማዕቀፍ ስምምነቱ ከተፈፀመበት ዋጋ፣ የክፍያ እና ሌሎች የአፈፃፀም ሁኔታዎች ጋር በተጣጣመ ሁኔታ ይሆናል፣

3. የማዕቀፍ ስምምነት የሚፈፀመው በግልፅ ጨረታ የግዥ ዘዴ ሆኖ፣ እስከ ሶስት ዓመታት ድረስ ፀንቶ ሊቆይ ይችላል፣

4. አንድ ግዥ ፈፃሚ አካል በተደጋጋሚ ለሚኖረው የግዥ ፍላጎት ግዥን በማዕቀፍ ስምምነት ሊፈፀም የሚችለው ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ የተመለከተውን ዕቃ ወይም የአገልግሎት ዋጋ የሚወሰንበትን ግልፅ መስፈርት መሰረት በማድረግ ይሆናል፡፡

www.abyssinialaw.com



## ክፍሊ ዓሰርተ ክልተ

## ምምሕዳር ንብረት መንግስቲ

### 54. ሓፈሻዊ

ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ሕድሕድ ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንብረት መንግስቲ ብስርዓት ምሓዝን ምጥቃምን፣ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ድማ ስራሕቲ ምውጋድ ምፍፃሙ ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡

### 55. ብዛዕባ ንብረት ምሓዝ

1. ዝኾነ ይኹን ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንብረት መንግስቲ ብበዓልዋናነት ናይ ምሓዝ ብሕታዊ ዕላማ ንዝፀደቁ ፕሮግራማት ቤት ዕዮኡ ንምፍፃምን ግልጋሎት ብምቅልጣፍ ውፅኢታውን ብቁዑን ንምግባር ክኸውን ኣለዎ፣
2. ቢሮ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ቤት ዕዮ ክልል መንግስቲ ዘይኮኑ ንብረት ክልል መንግስቲ ዝኾነ ብመንግስታዊ ንብረትነት ይሕዝ፣ የመሓድር፣ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ንክውገድ ይገብር፡፡

### 56. ኣጠቓቕማን ፅገናን

1. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝኾነ ንብረት መንግስቲ ሓላፈነት ቤት ዕዮኡ ውፅኢታዊ ብዝገብር መልክዕ ኣብ ግልጋሎት ምውዓሉ ከረጋግፅ ኣለዎ፣
2. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ንብረት መንግስቲ ቁጣባውን ውፅኢታውን ብዝኾነ መንገዲ ግልጋሎት ንክህብ ኣድላይ ስርዓት ፅገናን ክንክንን ክዝርግሕ ኣለዎ፡፡

### 57. ምምሕዳር ንብረት መንግስቲ

1. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንብረት መንግስቲ ንምምሕዳር ስርዓት ሂወት ዘመን ይኸተል፣

## ክፍል አስራ ሁለት

## የመንግስት ንብረት አስተዳደር

### 54. አጠቃላይ

ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት እያንዳንዱ የመንግስት መስሪያቤት የበላይ ኃላፊ የመንግስት ንብረት በአግባቡ የመያዝ እና የመጠቀም፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝም የማስወገድ ተግባር መከናወኑን ማረጋጋጥ አለበት፡፡

### 55. ንብረት ስለመያዝ

1. ማናቸውም የምንግስት መስርያቤት የመንግስት ንብረት በባለቤትነት የመያዝ ብቸኛ ዓላማ የፀደቁትን የመስርያቤቱ ፕሮግራሞች ለመፈፀም እና አገልግሎቱን ለማፋጠን ውጤታማና ብቁ ለማድረግ መሆን አለበት፣
2. ቢሮ በማናቸውም የክልሉ መንግስት መስርያቤት ስር ያልሆኑትን የክልሉ መንግስት "ንብረቶች በመንግስት ንብረትነት ይይዛል፣ ያስተዳድራል፣ ተገቢ ሆኖ ሲገኝም እንዲወገዱ ያደርጋል፡፡

### 56.አጠቃቀም እና ጥገና

1. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ ማናቸውም የመንግስት ንብረት የመስሪያቤቱን ኃላፊነት ውጤታማ በሚያደርግ መልኩ አገልግሎት ላይ መዋሉን ማረጋገጥ አለበት፣
2. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት የመንግስት ንብረት ኢኮኖሚያዊና ውጤታማ በሆነ መንገድ አገልግሎት እንዲሰጥ ተገቢ የጥገና እና እንክብካቤ ስርዓት መዘርጋት አለበት፡፡

### 57. የመንግስት ንብረት አስተዳደር

1. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ የመንግስት ንብረት ለማስተዳደር የሂወት ዘመን ሥርዓትን ይከተላል፣

www.abyssinialaw.com



2. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንብረት መንግስቲ ካብ ዝተትሓዘሉ ክሳብ ካብ ግልጋሎት ወፃኢ ዝኾነሉ ዕለት እቲ ንብረት ግልጋሎት ዘቐረፀሉ ግዘ፣ ዓይነት ንብረት፣ በዝሕን ዘሰዓቦ ወፃእን ዘርኢ ብዝርዝር ተመዝጊቡ ዝተሓዝ ምዃኑ ክረጋግፅ ኣለዎ፣

3. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝኾነ ቀዋሚ ንብረት ቤት ፅይሑ ሓላፍነት ምሕላው ብቀዳማይ ደረጃ እቲ ንብረት ንኽግልገልሉ ሓላፍነት ንዝተውሃቦም ሓላፍቲ ወይ ኪኢላታት ምውሃቡን ኣብ መዝገብ ቀዋሚ ንብረት ዝርዝር ሓለውቱን ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ባዕሉ ዘለዉ ቀወምቲ ንብረታት ዝርከብሉ ቦታ ምቕማጦም ክረጋግፅ ኣለዎ፣

4. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ሸውንሸው ኣብ ጥቅሚ ዘይውዕሉ ሃለቅቲ ኣቁሑት ኣብ ቤት ዕዮ ንዝምልከቶ ክይዲ ስራሕ ምምሕዳር ንብረት ቀሪቡ ኣብ ውሽጢ መዝገብ ዝርዝር ኣቕሓ ምሕዋሶም ክረጋግፅ ኣለዎ፣

5. ዝኾነ ይኹን ንብረት መንግስቲ እንተነኣሰ ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ ቆፀራ ክካየድ ኣለዎ፣

6. ንብረት መንግስቲ ትክክለኛ ዋግኡ ምውሳን እንተዘይተኻኢሉ ግምቱ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ዝውሰን ይኸውን፣

7. ቢሮ ብዘውፅኦ ዝርዝር መምርሒ መሰረት ዝፍፀም ኮይኑ ኣብ ቀዋሚ ንብረት ቅነሳ እርጋን ይስላሕ፡፡

## 58. <u>ምውጋድ</u>

1. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ቢሮ ብዘውፅኦ ዝርዝር መምርሒ ዝውሰን ኮይኑ፣ ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ግልጋሎት ዘይህቡ ንብረታት ምውጋዶም ክረጋግፅ ኣለዎ፣

2. ዝተወገደ ንብረት መንግስቲ ዝርዝር መግለፅን ካብ ምውጋድ ንብረት ዝተረኸበ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ፀብፃብ

2. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ የመንግስት ንብረት ከተያዘበት፣ ከአገልግሎት ውጪ እስከ ሆነበት ቀን ድረስ ንብረቱ አገልግሎት ያቋረጠበትን ጊዜ፣ የንብረቱን ዓይነት፣ ብዛቱን እና ያስከተለውን ወጪ የሚያሳይ ዝርዝር ተመዝግቦ መያዙን ማረጋገጥ አለበት፣

3. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ የመስርያቤቱን ማናቸውንም ቀዋሚ ንብረት የመጠበቅ ኃላፊነት በመጀመርያ ደረጃ ንብረቱን እንዲገለገሉበት ኃላፊነት ለተሰጣቸው ኃላፊዎች ወይም ባለሙያዎች መሰጠቱን እና በቀዋሚ ንብረት መዝገብ የጠባቂዎቹ ዝርዝር እና በእነርሱ ጥበቃ ስር ያሉት ቋሚ ንብረቶች የሚገኙበት ቦታ መስፈሩን ማረጋገጥ አለበት፣

4. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ ወዲያውኑ ጥቅም ላይ የማይውሉ አላቂ ዕቃዎች በመስሪያ ቤቱ የሚመለከተው የንብረት ሥራ ክፍል በዕቃ ዝርዝር መዝገብ ውስጥ መካተታቸውን ማረጋገጥ አለበት፣

5. ማናቸውንም የመንግስት ንብረት ብያንስ በዓመት አንድ ጊዜ መቆጠር አለበት፣

6. የመንግስት ንብረት ትክክለኛ ዋጋ ለመወሰን ሳይቻል ሲቀር ግምቱ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ይወሰናል፣

7. ቢሮ በሚያወጣው ዝርዝር መመሪያ መሰረት የሚፈፀም ሆኖ በመንግስት ቀዋሚ ንብረት ላይ የእርጅና ቅናሽ ይሰላል፣

## 58. <u>ማስወገድ</u>

1. ዝርዝር አፈፃፀሙ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ የሚወሰን ሆኖ የመንግስት መስርያ ቤት የበላይ ኃላፊ አገልግሎት የማይሰጡ ንብረቶች መወገዳቸውን ማረጋገጥ አለበት፣

2. የተወገደ የመንግስት ንብረት ዝርዝር መግለጫና ንብረቱን በማስወገድ የተገኘው ገንዘብ በመንግስት

www.abyssinialaw.com



ሒሳብ መንግስቲ ክጠቓለል ኣለዎ፣

3. ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ከምዘሎ ኮይኑ፣ ንብረት መንግስቲ ካብ ምውጋድ ዝተረኽበ ኣታዊ ንማእኸላይ ግምጃ ቤት ኣታዊ ክግበር ኣለዎም፡፡

## 59. ካብ መዝገብ ምስራዝ

1. ንብረት መንግስቲ ኣብ ዘለዎ ቤት ፅዮ ወይ ንኻልእ መንግስታዊ ቤትፅዮ ዘይጠቅምን ዋጋ ዘየውፅእን ምዃኑ እንትረጋገፅ ቢሮ ብዘውፅኦ ዝርዝር መምርሒ መሰረት ይስረዝ፣

2. መንግስቲ ንብረት መንግስቲ እንትበላሸው፣ ካብ ጥቅሚ ወፃኢ እንትኸውን፣ እንትስረቕ ወይ ብዝኾነ ካሊእ ተመሳሳሊ ምኽንያት እንትጎድል ወይ እንትጠፍእ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ካብ ንብረት መዝገብ ይስረዝ፣

3. ዝኾነ ይኹን ንብረት መንግስቲ እንትስረዝ መግለፂኡን ናይቲ ንብረት መዝገብ ዋጋን ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ኣብ ውሽጢ ፀብፃብ ሒሳብ መንግስቲ ተጠቓሊሉ ክረኣ ኣለዎ፡፡

## 60. ምትሕልላፍ

ንሓደ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ግልጋሎት ዘይህቡ ኣቑሑት ንኻልእ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ምትሕልላፍ ዝከኣለሉ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውስን፡፡

## ክፍሊ ዓሰርተ ሰለስተ
## ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማ ዕደጋን ምውጋድ ንብረትን መንግስቲ ብዛዕባ ዝቐርብ ጥርዓን

## 61. ሓፈሻዊ

1. ድንጋገታት እዚ ክፍሊ ዝተሓለዉ ኮይኖም ዕደጋ ኣብ ዝፍፀሙ ወይ ንብረት ኣብ ዘወግድ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተፈፀመ ወይ ከይተፈፀመ ዝተረፈ ተግባር እዚ ኣዋጅን ኣፈፃፅማ መምርሕን ይጣሓስ ኣሎ ኢሉ



ሒሳብ ሪፓርት ውስጥ መጠቃለል አለበት፣

3. ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ የሚወሰነው እንደተጠበቀ ሆኖ፣ የመንግስትን ንብረት በማስወገድ የተገኘ ገቢ ለማዕከላዊ ግምጃ ቤት ገቢ መደረግ አለበት፡፡

## 59. ከመዝገብ መሰረዝ

1. የመንግስት ንብረት ለሚገኝበት የመንግስት መሥሪቤት ወይም ለሌላ የመንግስት መስሪያቤት የማይጠቅምና ዋጋ የማያወጣ መሆኑ ሲረጋገጥ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ይሰረዛል፣

2. የመንግስት ንብረት ሲበላሽ ከጥቅም ውጪ ሲሆን፣ ሲሰረቅ ወይም በማናቸውም ሌላ ተመሳሳይ ምክንያት ሲጎድል ወይም ሲጠፋ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ከንብረት መዝገብ ይሰረዛል፣

3. ማናቸውም የመንግስት ንብረት ሲሰረዝ መግለጫውና የንብረቱ የመዝገብ ዋጋ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት በመንግስት ሒሳብ ሪፓርት ውስጥ ተጠቃልሎ መታየት አለበት፡፡

## 60. ማስተላለፍ

ለአንድ ግዥ ፈፃሚ አካል አገልግሎት የማይሰጡ ዕቃዎች ለሌላ ግዥ ፈፃሚ አካል ማስተላለፍ የሚቻልበትን ቢሮ በሚያወጣው መመርያ ይወሰናል፣

## ክፍል አስራ ሶስት
## በመንግስት ግዥ አፈፃፀም እና ንብረት አወጋገድ ሂደት ስለሚቀርብ አቤቱታ

## 61. ጠቅላላ

1. የዚህ ክፍል ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው፣ ግዥውን በሚፈፅሙ ወይም ንብረቱን በሚያስወግደው የመንግስት መስርያቤት የተከናወነው ወይም ሳይከናወን የቀረው ተግባር

www.abyssinialaw.com



ዝኣምን ሕፁይ ተወዳዳሪ ናብ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ላዕለዋይ ሓላፊ ወይ ብደረጅኡ ናብ ቢሮ ጥርዓኑ ከቕርብ ይኽእል'ዩ፣

2. ካብዚ ንታሕቲ ኣብ ዝተዘርዘሩ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተደንገገ መሰረት ጥርዓን ክቐርበሎም ኣይኽእልን፡-
   ሀ. ብክፍሊ ሰለስተ መሰረት ዝፍፀም መረፃ ሜላታት ዕደጋ፣
   ለ. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 21 መሰረት ጨረታ፣ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ወይ መቕረቢ ዋጋን ውድቕ ብምግባር፣
   ሐ. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ንብረት ንምውጋድ ዝመረፆ ሜላ ምውጋድ፣
3. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብ ጨረታ ሰዓራይ ምስዝኾነ ተወዳዳራይ ውዕሊ ዕደጋ ድሕሪ ምፍራሙ፣ እቲ ከይዲ ኣብዚ ደረጃ ክሳብ ዝበፅሕ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ብዝተሰርሐ ወይ ከይተሰርሐ ኣብ ዝተረፉ ስራሕቲ ምኽንያት ገይሮም ኣብ ዝቐርቡ ጥርዓት ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ወይ ብቢሮ ክረኣ ኣይኽእሉን፣
4. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተደንገገ ተፈፃሚ ዝኾውን እዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንትማልኡ እዩ፡-
   ሀ. ቢሮ ኣብዘውፅኦ መምርሒ ዝተቐመጠ ገደብ ግዘ ውሽጢ ናብ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ጥርዓን ከይቀረበ ውዕሊ ዕደጋ ዝተፈረመ እንትኾውን፣
   ለ. ጥርዓን ቀሪቡ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ምላሽ ዝተውሃበሉን ቢሮ ኣብ ዘውፅኦ መምርሒ ሰዓራይ ድሕሪ ምግላፅ ውዕሊ ንምፍራም ዝተቐመጠ ገደብ ግዘ ምስ ተወደአ ውዕሊ ዝተፈረመ እንትኾውን፣
5. ኣብ ዕደጋን ምውጋድ ንብረት መንግስትን ብዛዕባ ንዝቐረበ ጥርዓን ዝርዝር ኣፈፃፅምኡን ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣

ይህንን አዋጅ እና የአፈፃፀም መመሪያዎቹን ይጥሳል ብሎ የሚያምን ዕጩ ተወዳዳሪ ለመስሪያቤቱ የበላይ ኃላፊ ወይም በደረጃው ለቢሮ አቤቱታ ሊያቀርብ ይችላል፣

2. ከዚህ በታች የተዘረዘሩት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 በተደነገገው መሰረት አቤቱታ ሊቀርብባቸው አይችልም፡-
   ሀ. በክፍል ሶስት መሰረት የሚከናወን የግዥ ዘዴዎች ምርጫ፣
   ለ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 21 መሰረት ጨረታን፣ የመወዳደሪያ ሀሳብን ወይም የዋጋ ማቅረቢያን ውድቅ ማድረግ፣
   ሐ. ግዥ ፈፃሚ አካል ንብረቱን ለማስወገድ በመረጠው የማስወገጃ ዘዴ፣
3. ግዥ ፈፃሚ አካል በጨረታው አሸናፊ ከሆነው ተወዳዳሪ ጋር የግዥ ውል ከፈረመ በኋላ፣ ሂደቱ እዚህ ደረጃ እስከሚደርስ ድረስ በግዥ ፈፃሚው አካል በተከናወኑ ወይም ሳይከናወኑ በቀሩ ተግባራት ምክንያት የሚቀርቡ አቤቱታዎች በግዥ ፈፃሚው አካል ወይም በቢሮው ሊታዩ አይችሉም፣
4. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 የተደነገገው ተፈፃሚ የሚሆነው የሚከተሉት ሁኔታዎች ሲሟሉ ነው፡-
   ሀ. ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ላይ በሚቀመጠው ጊዜ ገደብ ውስጥ ለግዥ ፈፃሚው አካል አቤቱታ ሳይቀርብ ውል የተፈረመ ከሆነ፣
   ለ. አቤቱታ ቀርቦ በግዥ ፈፃሚው አካል ምላሽ የተሰጠ እና ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ላይ አሸናፊው ከተገለፀ በኋላ ውል ለመፈረም የተቀመጠው ጊዜ ገደብ ከተጠናቀቀ በሃላ ውል የተፈረመ ከሆነ፣
5. በመንግስት ግዥና ንብረት ማስወገድ ላይ ስለሚቀርቡ አቤቱታ እና ዝርዝር አፈፃፀም ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል፣

www.abyssinialaw.com



62. ናብ ላዕለወት ሓለፍቲ ዕደጋ ፈፀምቲ ኣካላት ብዛዕባ ዝቐርቡ ጥርዓናት

1. ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተፈፀመ ወይ ከይተፈፀመ ዝተረፈ ስራሕ ምኽንያት ዝቐርብ ጥርዓን ብቀዳማይ ደረጃ ክቐርብ ዝግብኦ ናብ ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ይኸውን፣
2. ሕፁይ ተወዳዳሪ ጥርዓኑ ክቕርብ ዝኽእል ንጥርዓን መንቀሊ ዝኾነ ውሳነ ካብ ዝፈለጠሉ ወይ ክፈልጦ ይግባእ ካብ ዝነበረ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኸውን፣
3. ዝቐረበ ጥርዓን ብኽልቲኦም ወገናት ብዝግበር ስምምዕነት እንተዘይተፈቲሑ ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል መንግስቲ ናይቲ ዕደጋ ወይ ከይዲ ምውጋድ ንብረት ምእጋድን ጥራዕ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ 3 ናይ ስራሕ መዓልትታት ግዜ ውሽጢ ውሳነ ዝተውሃበሉ ምኽንያት ወይ እቲ ጥራዕ ተቐባልነት ዝረኸበ እንተኾይኑ ዝተወሰደ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ብፅሑፍ ውሳነ ክህብ ኣለዎ፣
4. ላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ኣብዝተወሰነ ግዜ ውሽጢ ውሳነ እንተዘይተዋሂቡ ወይ መቕረባይ ብላዕለዋይ ሓላፊ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተውሃበ ውሳነ ዘይዓገበ እንተኾይኑ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝሃቦ ውሳነ ክግለፀሉ ካብ ዝነበረ ናይ መወዳእታ ግዘ ወይ ውሳነ ዝተውሃበ እንተኾይኑ እውን ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ዝቖፀር ኣብ 3 ናይ ስራሕ መዓልትታት ጥርዓኑ ናብ ቢሮ ክቕርብ ይኽእል፡፡

63. ናብ ቢሮ ብዛዕባ ዝቐርብ ጥርዓን

1. ኣብ ዕደጋን ምምሕዳርን ንብረትን መንግስቲ ፌዴራል ኣዋጅ ቁፅሪ 649/2001 ዓንቀፅ 77 ብመሰረት ዝተቐመጠ ዝስዕቡ ቅፅዓታት በዚ ኣዋጅ ተፈፀምቲ እዮም፡፡ ቢሮ ጥርዓን እንተቐርበሉ ኸው ንኸው ኣገባብ ንዘለዎ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ጥርዓን ዝቐረበ ምዃኑ

62. ለግዥ ፈፃሚ አካላት የበላይ ኃላፊዎች ስለሚቀርቡ አቤቱታዎች

1. በግዥ ፈፃሚ አካል በተከናወነ ወይም ሳይከናወን በቀረ ተግባር ምክንያት የሚቀርብ አቤቱታ በመጀመሪያ ደረጃ መቅረብ ያለበት ለግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ ይሆናል
2. ዕጩ ተወዳዳሪው አቤቱታውን ሊያቀርብ የሚችለው ለአቤቱታው መሰረት የሆነውን ውሳኔ ካወቀበት ወይም ማወቅ ይገባው ከነበረበት ቀን ጀምሮ በሰወስት የስራ ቀን ጊዜ ውስጥ ይሆናል፣
3. አቤቱታው በሁለቱም ወገኖች መካከል በሚደረግ ስምምነት ካልተፈታ በስተቀር የመንግስት መስሪያ ቤቱ የበላይ ኃላፊ የግዥውን ወይም የንብረት ማስወገዱ ሒደት ማገድ እና አቤቱታው ከቀረበበት ቀን አንስቶ 3 የስራ ቀናት ጊዜ ውስጥ፣ ውሳኔው የተሰጠበትን ምክንያት ወይም አቤቱታው ተቀባይነት ያገኘ ከሆነ የሚወሰደውን የማስተካከያ እርምጃ በመጥቀስ የፅሑፍ ውሳኔ መስጠት አለበት፣
4. የግዥ ፈፃሚ አካል የበላይ ኃላፊ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 በተወሰነው ጊዜ ውስጥ ውሳኔ ካልሰጠ ወይም ተወዳዳሪ በግዥ ፈፃሚው አካል የበላይ ኃላፊ ውሳኔ ያልረካ እንደሆነ የመስሪያቤቱ ውሳኔ ለአቤቶታ አቅራቢው መገለፅ ከነበረበት የመጨረሻ ቀን ወይም ውሳኔ የሰጠ ከሆነም ውሳኔው ከተገለፀበት ቀን አንስቶ በሚቆጠር 3 የስራ ቀን ጊዜ ውስጥ ለቢሮው አቤቶታ ሊያቀርብ ይችላል፡፡

63. ለቢሮው ስለሚቀርብ አቤቱታ

1. በፌዴራል መንግስቲ ግዥና ንብረት አስተዳደር አዋጅ ቁጥር 649/2001 አንቀፅ 77 መሰረት የተቀመጡት ቅጣቶች በዚህ አዋጅ ተፈፃሚ ናቸው፡፡ ቢሮ አቤቱታ ሲቀርብለት ወድያውኑ አግባብ ካለው ግዥ ፈፃሚ አካል አቤቱታ የቀረበ

www.abyssinialaw.com



ዝገልፅ ምልክታ ይልእኽ፡፡ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል እቲ ቢሮ ኣብቲ ጉዳይ ውሳነ ክሳብ ዝህብ ዝኾነ ቀፃሊ ምንቅስቓስ ሽዑ ንሽዑ ጠጠው ክብል ኣለዎ፣

2. ቢሮ ካብ ሕፁይ ተወዳዳሪ ዝቐረበ ጥርዓን እንተተቐቢልዎ፡-

ሀ. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ሕጊ ዘይሓለወ ተግባር ንከይፍፅምን ውሳነ ከይህብን ክእግድ፣

ለ. ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝፈፀሞ ተግባር ወይ ዝሃቦ ውሳነ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብክፋል ንክተርፍ ውሳነ ክህብ ይኽእል፣

3. ቢሮ ንዝቐረበሉ ጥርዓን ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ብዛዕባ እቲ ጥርዓን ክፈልጥዎ ዝግብኦም ኣካላት ምፍላጥ፣ ካብ እዞም ኣካላት ዝቐርብ መረዳእታን መከራኸሪ ሓሳብን እንተሃልዩ ንኡ ክምርምር ኣለዎ፣

4. ቢሮ ጥርዓን ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 ስራሕ መዓልታት ነቲ ውሳነ መሰረት ዝኾኑ ምኽንያታትን ዝተወሰዱ ስጉምተታት መፍትሒ ብምጥቃስ ውሳነ ክህብ ኣለዎ፣

5. ቢሮ ዝቐረበሉ ጥርዓን ንምምርማርን ውሳነ ንምሃብን ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላት ፀዊዑ ክዘራርብ ወይ መረዳእታ ምሕታትን ምርካብን ከምኡ እውን ካብ ዝኾነ ይኹን ኣካል ናይ ሙያ ድጋፍ ምሕታትን ምርካብን ይኽእል'ዩ፣

6. ብመሰረት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ቢሮ ዝህቦ ውሳነ ካብ ዝስዕቡ ሓዲኡ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡-

ሀ. ጥፍኣተኛ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕፁይ ተወዳዳሪ (መቕረባይ) ወይ ዕደጋ ዝውገድ ንብረት ኣብ ዝኾነ ግዝኢትን ከይዲ ምውጋድ ንብረት መንግስቲ ንዝተወሰነ ወይ ንዘይተወሰነ ግዘ ንከይሳተፍ ክእግድ ይኽእል፣

ለ. ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ይህብ፣



መሆኑን የሚገልፅ ማስታወቅያ ይልካል፡፡ የአቤቱታ ማስታወቅያ እንደተላከ ግዥ ፈፃሚው አካል ቢሮ በጉዳዩ ላይ ውሳኔ እስከሚሰጥ ድረስ ማናቸውም ቀጣይ እንቅስቃሴ ወዲያውኑ ማቆም አለበት፣

2. ቢሮ በዕጩ ተወዳዳሪውን የቀረበው አቤቱታ ከተቀበለው፡-

ሀ. ግዥ ፈፃሚው አካል ሕጉን ያልጠበቀ ተግባር እንዳያከናውን እና ውሳኔ እንዳይሰጥ ሊያግድ፣

ለ. የግዥ ፈፃሚው አካል ከሕግ ውጪ ያከናወነው ተግባር ወይም የሰጠው ውሳኔ በሙሉ ወይም በከፊል ቀሪ እንዲሆን ውሳኔ ሊሰጥ ይችላል፣

3. ቢሮ በአቤቱታ ላይ ውሳኔ ከመሰጠቱ በፊት ስለአቤቶታው ማወቅ ለሚገባቸው አካላት ማሳወቅ፣ ከነዚህ አካላት የቀረበ መረጃ እና መከራከሪያ ሐሳብ ካለ ይህንኑ መመርመር አለበት፣

4. ቢሮ አቤቱታው ከቀረበለት ቀን አንስቶ በ5 የስራ ቀናት ውስጥ ለውሳኔው መሰረት የሆኑትን ምክንያቶች እና የተወሰዱትን የመፍትሔ እርምጃዎች በመጥቀስ ውሳኔ መስጠት አለበት፣

5. ቢሮ አቤቱታውን ለመመርመር እና ውሳኔ ለመስጠት ተገቢ ሆኖ ሲያገኘው ጉዳዩ የሚመለከታቸውን አካላት ጠርቶ የማነጋገር ወይ መረጃ የመጠየቅ እና ማግኘት እንዲሁም ከማንኛውም አካል የሙያ ድጋፍ መጠየቅ እና ማግኘት ይችላል፣

6. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 4 መሰረት ቢሮው የሚሰጠው ውሳኔ ከሚከተሉት አንዱን ሊሆን ይችላል፡-

ሀ. ጥፋተኛ ሆኖ የተገኘውን ዕጩ ተወዳዳሪ ወይም አቅራቢ ወይም የሚወገድ ንብረት ግዥ ማንኛውንም የመንግስት ግዥና ንብረት አወጋገድ ሂደት ለተወሰነ ወይም ላልተወሰነ ጊዜ እንዳይሳተፉ የማገድ፣

ለ. የፅሑፍ ማስጠንቀቅያ ይሰጣል፣

www.abyssinialaw.com



ሐ. ዝቐርብ ጥርዓን ውድቚ ይገብር፣

7. ቢሮ ካብ ዕዳጋ ፈፀምቲ ኣካላትን መቕረብትን ዝቐርብሉ ጥርዓናት ዝምርምረሉን ውሳነ ዝህበሉን ኣሰራርሓ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፡፡

## ክፍሊ ዓሰርተ ኣርባዕተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

### 64. ጥፍኣትን ቅፅዓትን

1. ኣብ ገበን ሕጊ ኢትዮጵያ ብዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኮይኑ ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ኣብዝኾነ ዕዳጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተሸመ ወይ ዘተመደበ ሰብ፡-

ሀ. ብሕጊ መሰረት ክኽፍሎ ካብ ዝግባእ ወፃኢ ዝተመደቦ ስራሕ ብምፍፃሙ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት እንተተቐቢሉ፣

ለ. መንግስታዊ ዕዳጋ ፈፃሚ ኣካልን ምስ ኣሰራርሓ ዕደጋን ምውጋድን ንብረት ዝተተሓሓዘ ምጭብርባር ዝፈፀመ ወይ ካልእ ሰብ ንክጭበርብር ኩነታት ብምምችቻው ዝተሓባበረ፣ ወይ ዝኣደመ

ሐ. ሕጊ ዝጣሓሰ ወይ ብኻሊእ ዝኾነ ይኹን ሰብ ሕጊ ንኽጠሓስ ኮነኢሉ ዝፈቐደ፣

መ. ብፍቓደኝነት ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣብ ናይ ሓሶት ሰነድ ዝፈረመ ወይ ዝመዝገበ፣ ናይ ሓሶት ምስክር ወረቐት ዝሃበ ካብ ብር 25000 ዘይነኣሰ ካብ 35000 ዘይበልፅን ቅፅዓት ገንዘብን ካብ 10 ዓመት ዘይነኣሰን ካብ 15 ዓመት ዘይበለፀን ፅኑዕ እስራት ይቕፃዕ፣

2. ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዝተቆፀረ ዝኾነ ይኹን ዕዳጋ በዓል ሞያ ኣብዚ ኣዋጅ ግልፂ ክኸውን ካብ ዝተኣዘዘ ዓይነት መረዳእታ ወፃኢ፡-



ሐ. የቀረበውን አቤቱታ ውድቅ ያደርጋል፣

7. እቲ ቢሮ በግዥ ፈፃሚ አካላት እና አቅራቢዎች የሚቀርቡለትን አቤቱታዎች የሚመረምርበትን እና ውሳኔ የሚሰጥበትን አሰራር በሚወጣው መመሪያ ይወሰናል፡፡

## ክፍል አስራ አራት

## ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

### 64. ጥፋቶችና ቅጣቶች

1. በኢትዮጵያ የወንጀል ህግ የበለጠ የሚያስቀጣ ካልሆነ በስተቀር ይህንን አዋጅ ለመፈፀም በማናቸውም የመንግስት መስሪያቤት የተሸመ ወይም የተመደበ ሰው፣

ሀ. በሕግ መሰረት ሊከፈለው ከሚገባ በስተቀር የተመደበበትን ስራ በማከናወኑ ማናቸውንም ክፍያ ከተቀበለ፣

ለ. የመንግስት ግዥ የሚፈፀም አካል ከግዥ አሰራር እና ንብረት አወጋገድ ጋር የተያያዘ የማጭበርበር ተግባር የፈፀመ ወይም ሌላ ሰው እንዲያጭበረብር ሁኔታዎችን በማመቻቸት የተባበረ ወይም ያሰረ፣

ሐ. ሕጉን የጣሰ ወይም በሌላ ማንኛውም ሰው ሕጉ እንዲጣስ ሆንብሎ የፈቀደ፣

መ. በፈቃደኛነት በማናቸውም መንገድ ሀሰተኛ ሰነድ ላይ የፈረመ ወይም የመዘገበ ወይም ሀሰተኛ የምስክር ወረቀት የሰጠ፣ ከብር 25,000 (ከሃያ አምስት ሺ ብር) የማያንስ ከ35000 በማይበልጥ የገንዘብ መቀጫና ከ10 ዓመት በማያንስ ከ15 ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት ይቀጣል፡፡

2. የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎችን ለማስፈፀም የተቀጠረ ማናቸውም የግዥ ባለሞያ በዚህ አዋጅ ይፋ እንዲሆን ከታዘዘው ዓይነት መረጃ በስተቀር፡-

www.abyssinialaw.com





ሀ. ዕደጋ ንምፍፃም ብዘለዎ ስልጣን ወይ ሓላፍነት ምኽንያት ዝፈለጦ ዝኾነ ይኹን መረዳእታ ካልእ ሰብ ንዝኾነ ይኹን ካልእ ሰብ ወይ ናይዚ ሰብ ወኪል ንዝኾነ ሰብ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣

ለ. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝተውሃቦ ሓላፍነት ንምፍፃም ወይ ግቡእ ስርሑ ንምውፃእ ክኽእል ኣብ በዓል በጀት ቤት ዕዮ ዝርከብ ዝኾነ ይኹን መረዳእታ ብቤት ፍርዲ ወይ ስልጣን ብዝተውሃቦ ኣካል ካብ ትእዛዝ ወፃኢ ንኻልእ ሳልሳይ ወገን ኣሕሊፉ ዝሃበ እንተ ኾይኑ፣ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብቤት ፍርዲ እንትረጋገፅ ካብ ብር 10000 ዘይነኣሰ ቅፅዓት ገንዘብን ካብ 2 ዓመት ዘይነኣሰን ካብ 5 ዓመት ዘይበለፀን እስራት ይቕፃዕ፣

3. ናይዚ ኣዋጅ ድንጋጌታት ኣብ ስራሕ ንምውዓል ዕደጋ ብዝፍፅም ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝተቆፀረ ሰራሕተኛ፡-

ሀ. ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ናይ ገንዘብ ወይ ካልእ ዓይነት ክፍሊት ወይ ውህብቶ ንክግበረሉ ዝሓተተ ወይ ዝተቐበለ ወይ ነቲ ክፍሊትወይ ውህብቶ ተስፋ ወይ መትሓዚ ዝሓተተ ወይ ዝተቐበለ፣

ለ. ኣብ ስራሕቲ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ምጭብርባር ወይ ምስ እዚ ኣዋጅ ድንጋገታት ወይ ካብ ዝተውሃበ ሓላፍነት ምስ ሰናይ ምምሕዳር ዝፃባእ ተግባር ንምፍፃም፣ ክገብሮ ካብ ዝግባእ ንምዕቃብ፣ ኣድላይ ዘይኮነ ነገር ንምፍቃድ፣ ኣብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን ዝፍፀም ተግባር ምጭብርባር ንምሕባእ፣ ወይ ብምሽጥር ንምስራሕ ውዕሊ ዝኣተወ ወይ ኣብ ዝኣተዎ ውዕሊ ውሽጢ ብከምዚ ዓይነት ተግባር ምትሕብባሩ ዘርኢ ስምምዕነት ዝሃበ፡፡ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብፍርድ ቤት እንትረጋገፅ ካብ ብር 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ብር) ዘይበለፅ ናይ ገንዘብ ቅፅዓት ካብ 10 ዓመት ብዘይ

ሀ. ግዥውን በማስፈፀም ረገድ ባለው ስልጣን ወይም ኃላፊነት ምክንያት ያወቀውን የሌላ ሰው ማናቸውንም መረጃ ለማንኛውም ሌላ ሰው ወይም የዚህ ወኪል ለሆነ ሰው አሳልፎ የሰጠ፣

ለ. በዚህ አዋጅ መሰረት የተሰጠውን ስልጣን ለመፈፀም ወይም የስራ ግዴታውን ለመወጣት እንዲያስችል በባለ በጀት መስርያቤቱ ዘንድ የሚገኘውን ማናቸውንም መረጃ በፍርድ ቤት ወይም ሰልጣን ባለው አካል ትእዛዝ ካልሆነ በስተቀር ለሶስተኛ ወገን አሳልፎ የሰጠ እንደሆነ ጥፋተኛ መሆኑ በፍርድ ቤት ሲረጋገጥ ከብር 10,000 በማያንስ የገንዘብ መቀጫ እና ዓመት በማያንስ ከ5(አምስት) ዓመት በማይበልጥ እሥራት ይቀጣል፣

3. የዚህን አዋጅ ድንጋጌዎች ስራ ላይ ለማዋል ግዥውን በሚፈፅመው የግዥ ፈፃሚ አካል የተቀጠረ ሰራተኛ፡-

ሀ. በቀጥታ ወይም ቀጥተኛ ባልሆነ መንገድ የገንዘብ ወይም ሌላ ዓይነት ክፍያ ወይም ስጦታ እንዲደረግለት የጠየቀ ወይም የተቀበለ ለክፍያው ወይም ለስጦታው ተስፋ ወይም መያዥ የጠየቀ ወይም የተቀበለ፣

ለ. በግዥ እና ንብረት አስተዳደር ተግባር ላይ ማጭበርበር ወይም ከዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች ጋር ወይ ከተሰጠው ኃላፊነት መልካም አስተዳደር ጋር የሚቃረን ተግባር መፈፀም ለመታቀብ፣ ተገቢ ያልሆነን ነገር ለመፍቀድ፣ በግዥና ንብረት አስተዳደር ላይ የሚፈፀምን የማጭበርበር ተግባር ለመደበቅ፣ ወይም በሚስጥር ለመተግበር ውል የገባ ወይም በሚገባው ውል ውስጥ በዚህ ተግባር መተባበሩን የሚያሳይ ስምምነት የሰጠ ጥፋተኛ መሆኑ በፍርድ ቤት ሲረጋገጥ ከብር 50,000(ሃምሳ ሺ. ብር) የማይበልጥ የገንዘብ

www.abyssinialaw.com



ነኣሰ ካብ 20 ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ እስራትን ይቕፃዕ፣

4. ኣብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ዝተሸመ ወይ ዝተመደበ ዝኾነ ሰብ፡-

ሀ. ዝቐረበሉ ውሳነ ኣብ ምፅባይ ዘሎ ጉዳይ ወይ ብምኽንያት ስራሕ ሓላፍነቱ ክቐርበሉ ኣብ ዝኽእል ጉዳይ ዝህቦ ውሳነ ወይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ንምዝባዕ ወይ፣

ለ. ኣብ ዕደጋን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ስራሕቲ ምጭብርባር ንኽፍፀም ወይ እቲ ስራሕ እንተትፍፀም ንክሕግዝ ወይ ንክትግበር ወይ እቲ ተግባር ንምፍፃም ኩነታት ንከመቻቹ ንክስማማዕ፣ ንክመሻጠር፣ ንክፈቅድ ንምግባር ብምሕሳብ ጉቦ ንምሃብ ቃል እንተኣትዩ፣ እንተቕሪቡ ወይ እንተሂብዎ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብቤት ፍርዲ እንትረጋገፅ ካብ ብር 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ብር) ዘይነኣሰ መቕፃዕቲ ገንዘብን ካብ 10 ዓመት ዘይነኣሰን ካብ 20 ዓመት ዘይበልፅን ፅኑዕ እስራት ይቕፃዕ፣

5. ዝኾነ ሕፁይ ተወዳዳሪ ኣድላይ ዘይኮነ ረብሓ ክረክብ ብምሕሳብ ናይ ሓሶት መረዳእታ እንተቕሪቡ ወይ ክገልፆ ዝግባእ ዝነበረ መረዳእታ እንተሓቢኡ ወይ ምስ ካልእ ሕፁይ ተወዳዳሪ ብምሽጥር ናይ ሓሶት ውድድር ምግባሩ እንተተፈሊጡ ጥፍኣተኛ ምዃኑ እንትረጋገፅ ካብ ብር 20,000(ኢስራ ሽሕ ብር) ዘይነኣሰ ቅፅዓት ገንዘብን ካብ 5 ዓመት ዘይነእስን ካብ 10 ዓመት ዘይበልፅን ፅኑዕ እስራት ይቅፃዕ፡፡

## 65. ስልጣን ምውፃእ ደንብን መምርሕን

1. ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ እዚ ኣዋጅ ብዝተማልአ ንምፍፃም ዘኽእል ደንቢ የውፅእ፣

2. ቢሮ ትልምን ፋይናንስ ነዚ ኣዋጅን ደንብን መፈፀሚ

መቀጫ እና ከ10 ዓመት በማያንስ ከ20 ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት ይቀጣል፡፡

4. ማንኛውም ሰው በመንግስት ግዥ እና ንብረት አስተዳደር ላይ የተሾመ ወይም የተመደበ ሰው፡-

ሀ. የቀረበለትን ውሳኔ በመጠበቅ ላይ ያለውን ጉዳይ ወይም በስራ ኃላፊነቱ ምክንያት ሊቀርብለት የሚችል ጉዳይ ላይ የሚሰጠውን ውሳኔ ወይም የሚወሰደውን እርምጃ ለማዛባት ወይም፣

ለ. በመንግስት ግዥ ላይ የማጭበርበር ድርጊት እንዲፈፀም ወይም እንዲተባበር ወይም ለድርጊቱ መፈፀም ሁኔታዎችን ለማመቻቸት እንዲፈቀድ ለማድረግ በማሰብ ጉቦ ለመስጠት ቃል ከገባለት፣ ከቀረበለት ወይም ከሰጠው ጥፋተኛ ሆኖ መገኘቱ በፍርድ ቤት ሲረጋገጥ ከብር 50,000(ሃምሳ ሺ. ብር) ያላነሰ የገንዘብ መቀጮ እና ከ10 ዓመት በማያንስ እና ከ20 ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት ይቀጣል፡፡

5. ማንኛውም ዕጩ ተወዳዳሪ ተገቢ ያልሆነ ጥቅም ለማግኘት በማሰብ የሐሰት ማስረጃ ካቀረበ ወይም መገለፅ የነበረበትን መረጃ ከደበቀ ወይም ከሌላ ዕጩ ተወዳዳሪ ጋር በመመሳጠር የሐሰት ውድድር ማድረጉ ከታወቀ ጥፋተኛ ሆኖ መገኘቱ ሲረጋገጥ ከብር 20,000(ሃያ ሺ. ብር) የገንዘብ መቀጮ እና ከ5 ዓመት የማያንስ እና ከ10 ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት ይቀጣል፡፡

## 65. ደንብና መመሪያ የማውጣት ስልጣን

1. የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ይህንን አዋጅ በተሟላ ለማስፈፀም የሚያስችል ደንብ ያወጣል፣

2. የፕላንና ፋይናንስ ቢሮ አዋጅና ደንቡ ማስፈፀምያ

www.abyssinialaw.com





ዝኾን መምርሒ የውፅእ፣

3. መምርሒ ዕደጋ ዘፈር ኮንስትራክሽን ዝምልከት ብቢሮ ኮንስትራክሽንን መንገድ ትራንስፖርትን ተዳልዩ ብቢሮ ትልምን ፋይናንስን ይፀድቕ፣

4. ደቀቕትን ኣናእሽትን ትካላት ዝምልከት መምርሒ ዕደጋ ብቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዳስትርን ይዳሎ፣ ብቢሮ ትልምን ፋይናንስ ይፀድቕ፡፡

## 66. ውዕልታት ዝኸበርሉ ሕግታት

ፍሉይ ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ዝተሓለዉ ኮይኖም ኣፈፃፅማ ዕደጋ መንግስቲ ብፍታብሔር ሕጊ ምምሕዳር ክፍሊ ኣብያተ ዕዮ ብዛዕባ ዝገብርኦ ውዕላት ብዝተደንገገ መሰረት ዝምራሕ ይኸውን፡፡

## 67. ዝተሰዓሩን ተፈፃምነት ዘይብሎምን ሕግታት

1. ስርዓት ዕደጋ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 123/1999 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ፣

2. ምስ እዚ ኣዋጅ ዝጋነፅ ዝኾነ ኣዋጅ፣ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ ንዝተሸፈኑ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን፡፡

## 68. መሰጋገሪ ድንጋገ

እዚ ኣዋጅ ቅድሚ ምውፅኡ ኣብ ከይዲ ዘለዉን ውዕል ዝተኣሰረሎምን ዕደጋታት ኣብ ስራሕ ብዘሎ መተግበሪ ማንዋል፣ መምርሒ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን መሰረት ተፈፀምቲ ይኾኑ፡፡

## 69. እዚ ኣዋጅ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ

እዚ ኣዋጅ ካብ 20 መጋቢት /2002 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዕ ይኸውን፡፡

ፀጋይ በርሀ

ፕረዚዳንት ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስቲ ትግራይ

የሚሆን መመሪያ ያወጣል፣

3. የግንባታ ዘርፍ ግዥ መመርያ በቢሮ ኮንስትራክሽንና መንገድ እና ትራንስፖርት ተዘጋጅቶ በፕላንና ፋይናንስ ቢሮ ይፀድቃል፣

4. ጥቃቅንና አነስተኛ ተቋማት የሚመለከት የግዢ መመሪያ በከተማ ልማት፣ ንግድና ኢንዳስትሪ ቢሮ ይዘጋጃል፣ በፕላንና ፋይናንስ ቢሮ ይፀድቃል፡፡

## 66. ውሎች የሚመሩባቸው ሕጎች

የዚህ አዋጅ ልዩ ድንጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው የመንግስት ግዥ አፈፃፀም በፍታብሔር ሕግ አስተዳደር ክፍል መስሪያቤቶች በሚያደርጉዋቸው ውሎች በተደነገገው መሰረት የሚመራ ይሆናል፡፡

## 67. የተሻሩና ተፈፃሚ የማይሆኑ ሕጎች

1. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የግዥ ስርዓት ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 123/1999 በዚህ አዋጅ ተሽረዋል፣

2. ይህን አዋጅ የሚቃረን ማንኛውም አዋጅ፣ ደንብ ወይም የአሰራር ልምድ በዚህ አዋጅ በተሸፈኑ ጉዳዮች ላይ ተፈፃሚነት አይኖራቸውም፡፡

## 68. የመሸጋገርያ ድንጋጌ

ይህ አዋጅ ከመውጣቱ በፊት በሂደት ላይ ያሉና ውል የታሰረባቸው ግዥዎች በሥራ ላይ ባለው የትግበራ ማንዋል፣ የግዥ እና ንብረት አስተዳደር መመሪያ መሰረት ተፈፃሚ ይሆናሉ፡፡

## 69. አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከመጋቢት 20/2002 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል፡፡

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ

መንግስት ፕረዝዳንት

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቑ. 18 መቐለ 175/2002 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ. 18 መቐለ 175/2002 ዓ/ም


## ኣዋጅ ቁፅሪ 175/2002

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ምምሕዳርን ኣመራርሓን ጥዕና ኣዋጅ ቁፅሪ 103/1998 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ምምሕዳርን ኣመራርሓን ጥዕና ብኣግባቡ ንምፍፃም ግልፅን ዝርዝርን ሕጊ ምግባር ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡን እቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ኣዋጅ ምምሕያሽ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡን፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 49/3(ሀ) እዚ መማሓየሺ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ፡፡

### ሓፈሻዊ

1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ምምሕዳርን ኣመራርሓን ጥዕና ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 175/2002 ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል፡፡

## አዋጅ ቁጥር 175/2002

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የጤና አገልግሎት አሰጣጥ፣ አስተዳደር አመራር አዋጅ ቁጥር 103/1998 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ

የጤና አገልግሎት አሰጣጥ፣ አስተዳደርና አመራር በአግባቡ ለመፈፀም ግልፅና ዝርዝር ሕግ እንዲኖር ማድረግ አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱና በስራ ላይ የቆየው አዋጅ ማሻሻል አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49/3 (ሀ) መሰረት ይህ ማሻሻያ አዋጅ አውጥቷል፡፡

### አጠቃላይ

1. አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የጤና አገልግሎት አሰጣጥ፣ አስተዳደርና አመራር ለማሻሻል የወጣ አዋጅ ቁጥር 175/2002 ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል፡፡


| | |
|---|---|
| ናይ ሓደ ዋጋ<br>ያንዱ ዋጋ | ብር 0.90 |

| | |
|---|---|
| ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ<br>ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ | 291 |

2. መመሓየሺ

1. ኣዋጅ ቁፅሪ 103/1998 ዓንቀፅ 22(1) (ሐ) ተሰሪዙ ግልጋሎት ቅድመ ወሊድ፣ ሕርስን ድሕሪ ወሊድን ኣብ ኩሉ ብርኪ ትካል ጥዕና ብዝብል ተተኪኡ ኣሎ፡፡
2. ናይቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22(1) (መ) ሙሉእ ብሙሉእ ተሰሪዙ ኣሎ፣
3. ናይቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22(1) (ረ) ተሰሪዙ ዝኾነ ይኹን ክታበት ኣዴታትን ህፃናትን ብዝብል ተተኪኡ ኣሎ፣
4. ናይቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22(1) (ሰ) ተሰሪዙ ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል ኤች ኣይቪ ኤድስ ከይመሓለፍ ዝግበር ምርመራን ሙሉእ ሕክምና ኤች ኣይቪ ኤድስን ተበለፅቲ ሕማማትን ንኹሉ ዜጋ ብዝብል ተተኪኡ ኣሎ፣

2. ማሻሻያ

1. ኣዋጅ ቁጥር 103/1998 አንቀፅ 22(1) (ሐ) ተሰርዞ የቅድመ ወሊድ፣ የወሊድና የድህረ ወሊድ አገልግሎት በሁሉም የጤና ተቋም ደረጃ በሚል ተተክቷል፣
2. የአዋጁ አንቀፅ 22(1) (መ) ሙሉ በሙሉ ተሰርዟል፣
3. የአዋጁ አንቀፅ 22(1) (ረ) ተሰርዞ ማንኛውም አይነት የእናቶችና የህፃናት ክትባት በሚል ተተክቷል፣
4. የአዋጁ አንቀፅ 22(1) (ሰ) ተሰርዞ ከእናት ወደ ፅንስ ኤች ኣይቪ ኤድስ እንዳይተላለፍ የሚደረግ ምርመራና ሕክምና ለኤች ኣይቪ ኤድስና ተጓዳኝ በሽታዎች የሚደረግ ምርመራና የተሟላ ህክምና ለሁሉም ዜጋ በሚል ተተክቷል፣

3. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ

እዚ ኣዋጅ ካብ መጋቢት 19/2002 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን

ፀጋይ በርሀ
ፕረዝዳንት ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስቲ ትግራይ

3. ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከመጋቢት 19/2002 ዓ.ም ጀምሮ የፀና ይሆናል

ፀጋይ በርሀ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ
መንግስት ፕሬዝደንት

www.abyssinialaw.com

ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቐ. 20 መቐለ
20 መጋቢት 176/2002 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ. 20 መቀሌ
መጋቢት 20 176//2002 ዓ/ም

## ኣዋጅ ቑፅሪ 176/2002 ዓ.ም

## ኣዋጅ ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ኣዋጅ ቑፅሪ 150/2000 ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምፍፃም ዝወፀ ኣዋጅ ተፈፃምነቱ ክሳብ ወርሓዊ መጋቢት 25/2002 ዓ/ም ንክልተ ዓመታት ጥራሕ ብምኳኑን ኣብያተ ፅዮ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ በቲ መፅናዕቲ ዝተመሓየሹ ድንጋገታት ሕጊ ብመልክዕ ኣዋጅ ክሳብ ዝፀድቁ እቲ ኣዋጅ ምንዋሕ ኣደላዩ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49(3) (ሀ) እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ፡፡

## ኣዋጅ ቁጥር 176/2002 ዓ.ም

## በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መሠረታዊ የሥራ ሂደት ለውጥ ጥናት አዋጅ ለማሻሻል የወጣ አዋጅ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መሠረታዊ የሥራ ሂደት ለውጥ ጥናት ውጤት ለማስፈጸም የወጣ አዋጅ ቁጥር 150/2000 ተፈፃሚ የሚሆነው እስከ መጋቢት ወር 25/2002 ዓ/ም ለሁለት ዓመታት ብቻ በመሆኑ እና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መሥሪያ ቤቶች በጥናቱ የተሻሻሉ የህግ ድንጋጌዎች በአዋጅ መልክ እስኪፀድቁ አዋጁ ማራዘም አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክርቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ህገ መንግስት አንቀጽ 49(3) (ሀ) የሚከተለው ኣዋጅ ኣውጥቷል፡

1. **ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "መማሓየሺ ኣዋጅ ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ 176/2002" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል፡፡

2. **ወሰን ተፈፃምነት**

ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምፍፃም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 150/2000 ዓንቀፅ-6 ከምዝስዕብ ተመሓይሹ ኣሎ፡፡

6. **እዚ ኣዋጅ ኣብ ስራሕ ዝፀንሓሉ እዋን**

" እዚ ኣዋጅ ኣብ ስራሕ ዝፀንሕ ካብ ወርሒ መጋቢት 26/2002 ዓ/ም ጀሚሩ ንሽዱሽተ ተኸታተልቲ ኣዋርሕ ጥራሕ ይኸውን፡፡"

3. **እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ግዘ**

እዚ ኣዋጅ ካብ 26 መጋቢት /2002 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡

**ፀጋይ በርሀ**

**ፕረዚደንት ብሄራዊ ክልላዊ**

**መንግስቲ ትግራይ**

1. **አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መሠረታዊ የሥራ ሂደት ለውጥ ጥናት ውጤት ማሻሻያ አዋጅ ቁጥር 176/2002" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል፡፡

2. **የተፈፃሚነት ወሰን**

በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መሠረታዊ የሥራ ሂደት ለውጥ ጥናት ውጤት ለማስፈጸም የወጣ አዋጅ ቁጥር 150/2000 አንቀጽ -6 እንደሚከተለው ተሻሽሏል፡፡

6. **አዋጅ በሥራ ላይ የሚቆይበት ጊዜ**

"ይህ አዋጅ በሥራ ላይ የሚቆይበት ጊዜ ከመጋቢት ወር 26/2002 ዓ.ም ጀሚሮ ለስድስት ተከታታይ ወራት ብቻ ይሆናል፡፡"

3. **አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ ከመጋቢት 26/2002 ዓ.ም ጀሚሮ የፀና ይሆናል፡፡

**ፀጋይ በርሀ**

**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት**

**ፕረዚዳንት**

www.abyssinialaw.com

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቑ 20 መቐለ
መጋቢት 21 177/2002 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ 20 መቐለ
መጋቢት 21 177/2002 ዓ/ም

## ኣዋጅ ቁፅሪ 177/2002
## ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓ፣ ስነ ምግባር ኣባላትን ስነ ስርዓት ኣኼባን ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 113/1998 ዓ.ም ንምስዓር ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 53/2/ ቤት ምኽሪ ውሽጣዊ ኣሰራርሓኡን ስነ ስርዓቱን ብዝምልከት ዝርዝር ደንቢ ከውፅእ ስልጣን ዝተውሃቦ ብምዃኑ ኣሰራርሕኡ ብዝርዝር ኣብ ደንቢ ከውፅእ ስለዘለዎ ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓ፣ ስነ-ምገባር ኣባላትን ስነ-ስርዓትን ኣኼባን ቤት ምኽሪ ንምምሕያሽ ወፂኡ ዝነበረ ኣዋጅ ቁፅሪ 113/1998 ምስዓር ኣገዳሲ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመሓይሹ ብዝወፀ ሕገ-መነግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/(ሀ) መሰረት ዝስዕብ_ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ፡፡

### 1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ኣዋጅ " ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓ፣ ስነ-ምግባር ኣባላትን ስነ-ስርዓት ኣኼባን ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 113/1998 ዓ.ም ንምስዓር ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 177 /2002 ዓ.ም" ተባሂሉክጥቀስ ይኽእል፡፡

## ኣዋጅ ቁጥር 177 /2002
## የትግራይ ክልል ምክር ቤት የአደረጃጀት የአሰራር፣ የአባላት ስነ-ምግባር የስብሰባ ስነ-ስርዓት አዋጅ ቁጥር 113/1998 ዓ.ም ለመሻር የወጣ አዋጅ

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ-መንግስት ዓንቐፅ 53(2) ምክር ቤቱ የውስጥ አሰራሩና ስነ-ስርአቱ ዝርዝር ደንብ ሊያወጣ እንደሚችል ስልጣን የተሰጠው በመሆኑ ዝርዝር አሰራሩ በደንብ ማውጣት ስላለበት የምክር ቤቱ የአደረጃጀት፣ የአሰራር፣ የአባላት ስነ ምግባርና የስብሰባ ስነ-ስርአት ለማሻሻል ወጥቶ የነበረው አዋጅ ቁጥር 113/1998 ዓ.ም መሻር አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በተሻሻለው ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49(3)(ሀ) መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥተዋል

### 1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ አዋጅ "የትግራይ ክልል ምክር ቤት የአደረጃጀት፣ የአሰራር፣ የአባላት ስነ-ምግባር እና የስብሰባ ስነ-ስርአት አዋጅ ቁጥር 113/1998 ዓ.ም ለመሻር የወጣ አዋጅ ቁጥር 177 /2002 ዓ.ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል

www.abyssinialaw.com

## 2. ምስዓር

ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓ፣ ስነ-ምግባር ኣባላትን ስነ-ምግባር ኣኼባን ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 113/1998 ዓ.ም ሙሉእ ብሙሉእ በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ፡፡

## 2. ስለመሻር

የትግራይ ክልል ምክር ቤት የአደረጃጀት፣ የአሰራር፣ የአባላት ስነ-ምግባር እና የስብሰባ ስነ-ስርአት ለማሻሻል የወጣው አዋጅ ቁጥር 113/1998 ዓ.ም በዚሁ አዋጅ ሙሉ በሙሉ ተሽረዋል

## 3. ተፈፃሚነት ዘይብሎም ሕግታት

ነዚ ኣዋጅ ዝጻረሰ ኣዋጅ፣ ደንብን ልሙድ ኣሰራርሓን ተፈፃሚነት ኣይህልዎን

## 3. ተፈፃምነት የሌላቸው ሕጎች

ማንኛውም ከዚሁ አዋጅ ጋር የሚቃረን አዋጅ፣ ደንብ፣ ወይም ልማዳዊ አሰራር ተፈፃሚነት የለውም

## 4. እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ

እዚ ኣዋጅ ካብ መጋቢት 20/2002 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን

ፀጋይ በርሀ

ፕረዚዳንት

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## 4. አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከመጋቢት 20/2002 ዓ.ም ጀምሮ የፀና ይሆናል

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ፕሬዚዳንት

www.abyssinialaw.com

www.abyssinialaw.com


# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17 ዓመት ቑ.21 መቐለ
መጋቢት 21 178/2002 ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ. 21 መቐለ
መጋቢት 21 178/2002 ዓ/ም


## ኣዋጅ ቑፅሪ 178/2002

### ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ን2002 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ 2002 በጀት ዓመት ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝፍፀሙ መንግስታዊ ስራሕቲን ግልጋሎታትን ዝውዕል ተወሳኺ በጀት ብምዕዳቕ ኣብ ስራሕ ክውዕል ምግባር ኣድላይ ብምኳኑ፣

ብመሰረት ተማሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 45/1994 ዓንቀፅ 49 (3) (ቸ) ን2002 በጀት ዓመት ዝስዕብ ተወሳኺ በጀት ተኣዊጁ ኣሎ::

**1) ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ «ናይ 2002 በጀት ዓመት ተወሳኺ በጀት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 178/2002» ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል::

## አዋጅ ቁጥር 178/2002

### የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የ2002 በጀት ዓመት ተጨማሪ በጀት ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በ2002 በጀት ዓመት በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ለሚሰሩ የልማት ስራዎችና አገልግሎቶች ማስፈፀሚያ የሚውል ተጨማሪ በጀት ፀድቆ ስራላይ እንዲውል ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት አዋጅ ቁጥር 45/1994 አንቀፅ 49(3) (ቸ) መሰረት ለ2002 በጀት ዓመት የሚከተለው ተጨማሪ በጀት ታውጇዋል::

**1) አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ «የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የ2002 በጀት ዓመት ተጨማሪ በጀት ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 178/2002» ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል::

www.abyssinialaw.com



2) ፍልፍል በጀት

1. ካብ ሓምለ 1/2001ክሳብ ሰነ 30/ 2002 ዓ.ም ኣብ ዘሎ በጀት እዋን ክእከብ ካብ ዝተታሓዘ ናይ እቶት ትልሚ ንላዕሊ ክእከብ ዝተመሓየሸ ትልሚ ብምጥቃም ምስዚ ኣዋጅ ተታሒዞም ዘለው ቅጥዒታት ንዝተቐመጡ ሰራሕትን ግልጋሎትን ዝውዕል ፍልፍል በጀት እዩ፡፡
2. ኣብ 2002 በጀት ዓመት ክእከብ ካብ ዝተኣወጀ ትልሚ እቶት ተወሳኺ ንምእካብ ዝተታሓዘ ትልሚ ብር 58,130,387 (ሓምሳን ሸሞንተን ሚልዮን ሓደ ሚኢትን ሰላሳን ሽሕን ሰለስተ ሚኢትን ሰማንያን ሸውዓተን ብር) እዩ፡፡

3. DLDL bjT

ብክልል ንዝስርሑ ስራሕቲን ግልጋሎትን ዝውዕል ተወሳኺ በጀት

1. ንካፒታል በጀት 35,130,387 (ሰላሳን ሓሙሽተን ሚሌየንን ሓደ ሚእትን ሰላሳን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሰማንያን ሸውዓተን)
2. ንከተማ መቐለ ምምሕዳር ናይ ኣስፋልት ፕሮጀክት ድጋፍ ካፒታል በጀት 22,000,000 (ዒስራን ክልተን ሚልዮን)
3. ንምስፍሕፋሕ ባዮጋዝ 1,000,000 (ሓደ ሚልየን)

4) እቲ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ ካብ መጋቢት 20/2002 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀነዐ ይኸውን።

ፀጋይ በርሀ

ፕረዚዳንት

Bÿ‰ê KL§ê mNGስቲ ትግራይ

2) የበጀት ምንጭ

1. ከሓምሌ 1/2001 እስከ ሰኔ 30/2002 ላለው በጀት ዓመት ባለው ጊዜ ሊሰበሰብ ከታሰበ ገቢ እቅድ በላይ ሊሰበሰብ የተሻሻለ እቅድ በመጠቀም እና ከዚህ አዋጅ ተያይዘው በቀረቡት ቅፃች የተቀመጡ ስራዎችና አገልግሎቶች የሚውል የበጀት ምንጭ ነው፡፡
2. በ2002 በጀት ዓመት ይሰበሰባል ተብሎ ከታወጀ የገቢ እቅድ በላይ ተጨማሪ ገቢ ይገኛል ተብሎ የታቀደ ገቢ ብር 58,130,387 (ኣምሳ ስምንት ሚልዮን አንድ መቶ ሰላሳ ሺ ሶስት መቶ ሰማንያ ሰባት ብር ) ነው፡፡

3. ybjT DLDL

በክልል ለሚሰሩ ስራዎችና ኣገልግሎቶች የሚውል ተጨማሪ በጀት

1. ለካፒታል በጀት35,130,387 (ሳላሳ አምስት ሚልዮን አንድ መቶ ሰላሳ ሺ ሶስት መቶ ሰማንያ ሰባት ብር)
2. ለመቀለ ከተማ ኣስተዳደር የኣስፋልት ፕሮጀክት የበጀት ድጋፍ 22,000,000(ሃያ ሁለት ሚልዮን ብር)
3. ለባዮጋዝ ማስፋፋት 1,000,000 (አንድ ሚልዮን)

4) አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ መጋቢት 20/2002 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል ።

ፀጋይ በርሀ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ፕረዝዴንት

www.abyssinialaw.com

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

### ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

### የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 17ዓመት ቑ.22
መቐለ 30 ሐምለ/2002ዓ/ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

17ኛ ዓመት ቁ.22
መቀሌ ሓምሌ 30/2002 ዓ/ም

**<u>ኣዋጅ ቁፅሪ 179/2002 ዓ/ም</u>**

**<u>ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ንምሕጋግ ዝወፀ ኣዋጅ</u>**

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ልዕሊ ሂወት ሰብን ንብረትን እንዳበፅሐ ዝርከብ ሓደጋ ትራፊክ ቀንዲ መንቀሊኡ ስርዓት ኣወሃህባ ፍቓድ መዘወሪ ኣሽከርካሪ ጉደለት ዘለዎ ብምዃኑ እቲ ዝፀንሐ ኣሰራርሓ ብምልዋጥ ብቕዓት ዘለዎም ዘወርቲ ተሽከርካሪ ምፍራይ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ምስቲ ብደረጃ ሃገር ዘሎ ስርዓት ኣወሃህባ ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ዝተጠዓዓመ፣ ደረጅኡ ዝሓለወን ውፅኢታውን ክኸውን ንምግባር ሕጊ ምውፃእ ኣድላይ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሂራዊ ክላላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49 ንኡስ ዓንቀፅ 3/ሀ/ ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣፂኡ ኣሎ

**<u>ክፍሊ ሓደ</u>**

**<u>ሓፈሻዊ</u>**

1. **<u>ሓፂር ርእሲ</u>**

እዚ ኣዋጅ "ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ቁፅሪ ኣወጅ 179/2002" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል።

2. **<u>ትርጉም</u>**

**ኣብዚ ኣዋጅ**

1. ፍቓድ ብቕዓ መረጋገፂ ዘወርቲ ተሽከርካሪ"

**<u>አዋጅ ቁጥር 179/2002 ዓ/ም</u>**

**<u>የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ለመደንገግ የወጣ አዋጅ</u>**

በአሁኑ ወቅት በሰው ህይወትና ንብረት ላይ በመድረስ ላይ ያለው የመንገድ ትራፊክ አደጋ ዋነኛው መንስኤ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፍቃድ አሰጣጥ ስርዓት ጉድለት ያለው በመሆኑ የቆየው አሰራር በመለወጥ ብቃት ያላቸውን አሽከርካሪዎች ማፍራት አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

በአገር አቀፍ ደረጃ ካለው የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋጋጫ ፈቃድ አሰጣጥ ስርዓት የተጣጣመ ፣ ደረጃውን የጠበቀ እና ውጤታማ እንዲሆን ለማድረግ ሕግ ማውጣት አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት፣

ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49 ንኡስ አንቀፅ 3/ሀ/ መሰረት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት የሚከተለሕው አዋጅ አውጥቷል።

**<u>ክፍል አንድ</u>**

**<u>ጠቅላላ</u>**

1. **<u>አጭር ርእስ</u>**

ይህ አዋጅ "የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ አዋጅ ቁጥር 179/2002" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **<u>ትርጓሜ</u>**

በዚህ አዋጅ፡-

1. "የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ" ማለት

ናይ ሓደ ዋጋ / ያንዱ ዋጋ — ብር 6.65

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ / ነጋሪት ጋዜጣ ፖ.ሳ.ቁ — 291

ማለት ብመሰረት እዚ ኣወዋጅ ብዓል ሞተርን ሞተር ኣባልን ተሽከርከርቲ ንምዝዋር ዝውሃብ ፍቓድ እዩ።

2. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

3. "ቢሮ" ማለት ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣ መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ እዩ።

4. "ፍቓድ መዘወሪ ተሽከርካሪ ወፃኢ ሃገር" ማለት ብፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዩጵያ ኣፍልጦ ዘለዎ ብመንግስቲ ወፃኢ ሃገር ዝተውሃበ ፍቓድ መዘወሪ እዩ።

5. "ትካል ጥዕና" ማለት ግልጋሎት ጥዕና ንምሃብ ብዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል ፍቓድ ዝተውሃቦ ትካል ጥዕና እዩ።

6. "ዓለም ለኸ ፍቓድ መዘወሪ ተሽከርካሪ" ማለት 9 መስከረም 1942 ኣ/ፈረንጂ ኣብ ሃገረ ስዊዝ ጀኔቫ ዝተፈረመ ብመሰረት ስምምዕነት ትራፊክ መንገዲ ሕቡራት መንግስታት ዝተውሃበ መዘወሪ ፍቓድ እዩ።

7. "ቀሊል ተሰሓቢ ተሽከርካሪ" ማለት ምስ ፅዕነቱ ዝለዓለ ክብደቱ ካብ 750 ኪሎ ግራም ዘይበልፅ ተ ስሓቢ እዩ።

8. "ተቖፃፃሪ ትራንስፖርት" ማለት ደንቢ ትራፊክ ንምኽባር ዝተመደበ ሰራሕተኛ ድሕንነት ትራፊክ መንገዲ እዩ።

9. "ማእኸል መሰልጠኒ ዘወርቲ ተሽከርካሪ" ማለት ብሕጊ ኣፍልጦ ዘለዎ መንግስታዊ ወይ ውልቀ መሰልጠኒ ትካል ዘወርቲ ተሽከርካሪ እዩ።

10. "መንገዲ" ማለት ንተመሓላለፍቲ ክፍቲ ካብ ዘይኮነ መንገዲ ውልቀ ወፃኢ ተሽከርከርቲ ብልማድ ዝጥቀማሉ ጎደና፣ መንገዲ ከተማ ፣ ኣውራ ጎደና ፣ መንገዲ ገፀር ወይ መተሓላለፊ እዩ፣

11. "ብዓል ሞተር ተሽከርካሪ" ማለት ብመካኒካል ወይ ብሓይሊ ኤሌክትሪክ እንዳተንቀሳቐሰ ኣብ መንገዲ ብመንኮራዅር ዝኸይድ ዝኾነ ዓይነት ተሽከርካሪ እዩ፣

በዚህ አዋጅ መሰረት ባለሞተር እና ሞተር አልባ ተሽከርካሪዎችን ለማሽከርከር የሚሰጥ ፍቃድ ነው፣

2. "ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፣

3. "ቢሮ" ማለት የትግራይ ክልል ኮንስትራክሽን፣መንገድና ትራንስፖርት ቢሮ ነው፣

4. "የውጭ አገር ተሽከርካሪ መንጃ ፈቃድ" ማለት በኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ እውቅና ያለው የውጭ ሃገር መንግስት የሰጠው መንጃ ፍቃድ ነው፣

5. "የሕክምና ተቋም" ማለት የሕክምና አገልግሎት ለመስጠት በሚመለከተው የመንግስት አካል ፈቃድ የተሰጠው የሕክምና ተቋም ነው፣

6. "ዓለም አቀፍ ተሽከርካሪ መንጃ ፈቃድ" ማለት መስከረም 9 ቀን 1942 የፈ/አቆጣጠር ስዊስ ሃገር ጀኔቫ ላይ በተፈረመው የተባበሩት መንግስታት መንገድ ትራፊክ ስምምነት መሰረት የተሰጠ መንጃ ፈቃድ ነው፣

7. "የተሽከርካሪ ቀላል ተሳቢ" ማለት ከፍተኛ ክብደቱ ከነጭነቱ ከ750 ኪሎ ግራም የማይበልጥ ተሳቢ ነው፣

8. "የትራንስፖርት ተቆጣጣሪ" ማለት የትራፊክ ደንብን ለማስከበር የተመደበ የመንገድ ትራፊክ ደህንነት ሰራተኛው ነው

9. "የማሰልጠኛ ተቋም" ማለት በሕግ እውቅና ያለው መንግስታዊ ወይም የግል የአሽከርካሪ ማሰልጠኛ ተቋም ነው፣

10. "መንገድ" ማለት ለተላላፊዎች ክፍት ካልሆነ የግል መንገድ በስተቀር ተሽከርካሪዎች በተለምዶ የሚጠቀሙበት ጎደና፣ የከተማ መንገዲ፣አውራ ጎደና ፣ የገጠር መንገድ ወይም መተላለፊያ ነው፣

11. "ባለ ሞተር ተሽከርካሪ" ማለት በሜካኒካል ወይም በኤሌክትሪክ ሃይል እየተንቀሳቀሰ በመንገድ ላይ በመንኮራኩር የሚሄድ ማንኛውም ዓይነት ተሽከርካሪ ነው፣

12. "ፍቓድ ወሃቢ ኣካል" ማለት ብቕዓቱ ዝተረጋገፀሉ ፍቓድ መረጋገፂ ዘወርቲ ተሽከርካሪ ዝህብ ቢሮ ኮንስትራክሽን፣መንገድን ትራንስፖርትን በቢ ብርኩ ዝርከቡ መሓውራቱን እዮም፣

13. "መራሒ ስራሕ" ማለት መራሒ ስራሕ ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣ መንገድን ትራንስፖርትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣

14. "ፍቓድ መዘወሪ ጋሪ" ማለት ብእንስሳ ንዝጉተት ተሽከርካሪ ንምዝዋር ዝውሃብ ፍቓድ እዩ፣

15. "ፍሉይ ተንቀሳቓሲ መሳርሒ" ማለት ሰብ ወይ ኣቕሓ ኣብ መንገዲ ንኽመላልስ ዝተሰርሐ ተሽከርካሪ ዘይኮነስ ንኣትክልቲ ፣ ንምርባሕ ከፍቲ ፣ ንመንገዲ፣ ንህንፃ፣ ንኳዕቲ ወይ ንዝኾነ ካሊእ ተመሳሳሊ ስራሕ ዝተሰርሓ ወይ ነዚ ተግባር ንኽውዕል ዝተገበረ ብዓል ሞተር ተሽከርካሪ እዩ፣

16. "ዘዋሪ ተሽከርካሪ" ማለት መዘወሪ ፍቓድ ተሽከርካቲ ዝተውሃቦ ተፈጥራዊ ሰብ እዩ፣

17. "ሞተር ኣልቦ ተሽከርካሪ" ማለት ኣብ መንገዲ ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብስክሌትን ጋሪን ሓዊሱ ብሰብ ወይ እንስሳ ጉልበት እናተሰሓበ ወይ እናተደፍአ ወይ እናተዘወረ ዝንቀስቀስ ትኪ ኣልቦ ተሽከርካሪኪ እዩ።

### 3. ዕላማ

ዕላማ እዚ ኣዋጅ፡-

1. ዘወርቲ ተሽከርካሪ ብቑዕ ክእለት ሃልይዎም ድሕንነቱ ብዘተሓለወ ኩነታት ተሽከርካሪ ዝገንሑ ምኻኖም ምርግጋፅ፣

2. ደረጅኡ ዝሓለወ መፀቀኒ ብቕዓት ምሽክርካር ምውሳን ፣ ካብ ምትላል ፣ ካብ ግዕዝይናን ካብ ዝተዛበዐ ኣሰራርሓ ነፃ ዝኾነ ስርዓት ብቕዓት መረጋገፂ ዘወርቲ ተሽከርካሪ ምፍጣር።

12. "ፍቃድ ሰጪ አካል" ማለት ብቃቱ የተረጋገጠለት የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ የሚሰጥ የኮስትራክሽን ፣ መንገድና ትራንስፖርት ቢሮ እና በየደረጃው የሚገኙ መዋቅሮቹ ናቸው፣

13. "የስራ መሪ" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የኮንስትራክሽን ፣ መንገድን ትራንስፖርት ቢሮ የስራ መሪ ነው፣

14. "የጋሪ መንጃ ፍቓድ" ማለት በእንስሳ ለሚጎተት ተሽከርካሪ ለማሽከርከር የሚሰጥ ፍቓድ ነው፣

15. "ልዩ ተንቀሳቃሽ መሳሪያ" ማለት ሰውም ወይም እቃን በመንገድ ላይ እንዲያመላልስ ሆኖ የተሰራ ተሽከርካሪ ሳይሆን ለእትክልት ፣ ለከብት እርባታ፣ለመንገድ፣ ለህንፃ ፣ ለቁፋሮ ወይም ለማናቸውም ተመሳሳይ ሊላ ስራ የተሰራ ወይም ለዚሁ ጉዳይ እንዲውል የተደረገ ባለሞተር ተሽከርካሪ ነው፣

16. "አሽከርካሪ" ማለት የተሽከርካሪ መንጃ ፍቃድ የተሰጠው የተፈጥሮ ሰው ነው፣

17. "ሞተር አለባ ተሽከርካሪ" ማለት በመንገድ ላይ ወይም በማንኛውም ቦታ ብስክሌትና ጋሪን ጨምሮ በሰው ወይም በእንስሳት ጉልበት እየተሰባ ወይም እየተገፋ ወይም እየተነዳ የሚንቀሳቀስ ጪስ አልባ ተሽከርካሪ ነው።

### 3. አላማ

የአዋጅ አላማ፡-

1. አሽከርካሪዎች በቂ ችሎታ ኖሯቸው ድህንነቱ በተጠበቀ ሁኔታ ተሽከርካሪ የሚያሽከርክሩ መኖናቸውን ማረጋገጥ፣

2. ደረጃውን የጠበቀ የማሽከርከር ብቃ መስፈርት መወሰን፣ ከማጨበርበር ፣ ከሙስና እና ከተንዛዛ አሰራር ነፃ የሆነ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ስርዓት መፍጠር፣

3. ፍሰት ትራፊክ መንገዲ ትራንስፖርትን ብቕዓት ምዝዋርን ዝምልከቱ ክልቲኣውን ዓለም ለኻውን ስምምዕነት ኣብ ዝኾነ መንገድታት ትግራይ ብኣሽከርከርቲ ምኽባሮም ምርግጋፅ ይኸውን፣

4. **<u>ወሰን ተፈፃምነት፡-</u>**

ድንጋገታት እዚ ኣዋጅ ኣብ ዘኾኑ መንገድታት ክልል ትግራይ ብዓል ሞተርን ሞተር ኣልባን ተሽከርከርቲ ንዝገንሑ ዘወርቲ ተሽከርካሪ ፍቓድ ብቕዓት መረጋገፂ ኣብ ዝወሃቡ ተፈፃምነት ይህልዎም፣

5. **<u>ኣገላልፃ ፆታ</u>**

ኣብዚ ኣዋጅ ንወዲ ተባዕታይ ዝተገለፀ ኩሉ ንጓል ኣንስተይቲ እውን ይገልፅ።

## <u>ክፍሊ ክልተ</u>

## <u>ተግባርን ሓላፍነትን</u>

6. **<u>ተግባርን ሓላፍነትን እቲ ቢሮ፡-</u>**

እቲ ቢሮ ብሕጊ ዝተውሃቦ ሓፍላነት ከም ዘሎ ኮይኑ ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልውዎ፡-

1. ብፍቓድ ውሃባይ ኣካል ክማልኡ ዝግብኦም ዝርዝር መዐቀንታት የውፅእ፣

2. እቲ ቢሮ ብመንግስቲ ፌዴራል ምስ ዝወፁ መዐቀንታት ብዝጣዓዓም መልክዑ ዝርዝር መዐቀኒ ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት የውፅእ፣

3. ስልጠና ብቕዓት ዘዋሪ ተሽከርካሪ ንዝህቡ ትካላት ዘድሊ ምድላው ስርዓት ትምህርቲ ምስ ብዓል መዚ ትራንስፖርት ሓቢርካ ምድላው፣

4. ብፌደራል ዝወፅአ ዕሬት ፣ ትሕዝቶን ቅርፅን ደፍተር ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ የተግብር፣

5. ዝርዝር ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ዝወሰዱን ጥፍኣትን ዝፍፀሙን ዘወርቲ ተሽከርካሪ ብደረጃ ክልል ምሓዝ፣

3. የመንገድ ትራንስፖርት የትራፊክ ፍሰትንና የማሽከርከር ብቃትን የሚመለከቱ የሁለትዩሽና አለም አቀፍ ስምምነቶች በማናቸውም የኢትዮጵያ መንገዶች ላይ በአሽከርካሪዎች መከበራቸውን ማረጋገጥ ይሆናል።

4. **<u>የተፈፃምነት ወሰን</u>**

የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች በማኖቸውም የትግራይ ክልል መንገዶች ላይ ባለሞተር እና ሞተር አልባ ተሽከርካሪዎችን ለሚያሽከረከሩ አሽከርካሪዎች በሚሰጡ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃዶች ላይ ተፈፃሚነት ይኖራቸዋል፣

5. **<u>የፆታ አገላለፅ</u>**

በዚህ አዋጅ በወንዱ ፆታ የተገለፀው ሁሉ ለሴት ፆታም ይገልፃል።

## <u>ክፍል ሁለት</u>

## <u>ተግባርና ሃላፊነት</u>

6. **<u>የቢሮው ተግባርና ሃላፊነት</u>**

ቢሮው በህግ የተሰጠው ስልጣን እንደተጨበቀ ሆኖ የሚከተሉት ተግባርና ሃላፊነት ይኖሩታል፣

1. በፈቃድ ሰጪው አካል መሟላት የሚገባቸው ዝርዝር መስፈርቶች ማውጣት፣

2. ቢሮው በፌዴራል መንግስት ከሚወጡ መስፈርቶች ጋር በሚጣጣም መልኩ ዝርዝር የብቃት ማረጋገጫ ፍቃድ መስፍርት ያወጣል፣

3. የአሽከርካሪ ብቃት ስልጠና ለሚሰጡ ተቋማ የሚያስፈልገውን የስርኣተ ትምህርት ዝግጅት ከትራንስፖርት ባለስልጣን ጋር በጋራ ማዘጋጀት፣

4. በፌዴራል የሚወጣው የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ደብተርን ጥራት ፣ ይዘትና ቅርፅ መተግበር፣

5. የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ የወሰዱ እና ጥፋት የፈፀሙ አሽከርካሪዎችን ዝርዝር በክልል ደረጃ መያዝ፣

6. ድንጋታት እዚ ኣዋጅ ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ምክትታል።

7. ኣሰራርሓታትን ሕግታትን ኣወሃህባ ፍቓድ ብቕዓት መረጋገጺ ብኣግባቡ ኣብ ስራሕ ይውዕል ምህላው ይከታተል ፣ ይቆፃፀር

## ክፍሊ ሰለስተ

## ሓበራዊ ግቡኣት

### 7. መዐቀኒ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ:-

1. ዝኾነ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ በዓል ሞተር ተሽከርካሪ እንትዋሃብ ኣብ ቁፅሪ ኣዋጅ 600/2000 ብቕዓት ፍቓድ መረጋገጺ ኣሽከርከርቲ ፌዴራል ዝተሓገጉ መዐቀኒታት ዘማልአ ክኸውን ኣለዎ፣

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ኣሽከርከርቲ ናይዚ ኣዋጅ ድንጋገ ብዝፃረር መልክዑ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ተዋሂቡ እንተተረኺቡ እቲ ቢሮ ነቲ ፍቓድ ክእግድ ወይ ክስርዝ ይኽእል።

### 8. ምድብ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ

1. ኣመዳድባ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ብመሰረት ምስዚ ኣዋጅ ዝተተሓሓዘ ኣብ ሰደቓ "ሀ" ብዝተዘርዘረ ይኸውን፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ ዝተተሓሓዘ ኣብ ሰደቓ"ሀ" ዝተቐመጠ ከም ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ሓደ ምድብ ውሽጢ እቲ ዝለዓለ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ዝሓዘ ዘዋሪ ተሽከርካሪ በታ ምድብ ብኣናእሽተይ ፍቓድ መረጋገጺ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ምዝዋር ይኽእል።

6. የዚህ አዋጅ ድንጋጌዎች በስራ ላይ መዋላቸውን መከታተል።

7. ብቃት መረጋገጫ ፍቃድ አሰጣጥ አሰራርና ሕግ በአገባቡ ስራ ላይ እየዋለ መሆኑ ይከታተላል ፣ይቆጣጠራል

## ክፍል ሶስት

## የውል ግዴታዎች

### 7. የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ መስፈርት

1. ማቸውም የሞተር ተሽከርካሪ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋጫ ፈቃድ ሲሰጥ በአዋጅ ቁጥር 600/2000 የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፍቃድ ፌዴራል የተደነገጉትን መስፈርቶች የሚያሟላ መሆን አለበት፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ የዚህን አዋጅ ድንጋጌዎች በሚቃረን መልኩ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ተሰጥቶ ቢገኝ ቢሮው ፈቃዱን ማገድ ወይም መሰረዝ ይችላል።

### 8. የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ምድቦች፣

1. የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ አመዳደብ ከዚህ አዋጅ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ /ሀ/ በተዘረዘረው መሰረት ይሆናል፣

2. በዚህ አዋጅ በተያያዘው ሰንጠረዥ /ሀ/ ላይ የተመለከተው እንደተጠበቀው ሆኖ አንድ ምድብ ውስጥ ከፍተኛውን የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ የያዘ አሽከርካሪ በዚያው ምድብ በአነስተኛ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ የሚነዳ ማንኛውም ተሽከርካሪ ማሽከርከር ይችላል።

3. ኣብ ሓደ ምድብ ካብ ዝተሓተ ናብ ዝለዓለ ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ዝቕይር ዘዋሪ ተሽከርካሪ ስልጠናን ፈተናን ክውሰድ ኣለዎ፣

4. ዝኾነ ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘዋሪ ተሽከርካሪ ዝሓዘ ዘዋሪ ተሽከርካሪ ናይ ካሊእ ምድብ ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘዋሪ ተሽከርካሪ ክውፅእ እንተደልዩ ነቲ ምድብ ዝወሃብ ፍሉይ ፈተና ፣ ስልጣናን ክልስ ሓሳብን ተግባርን ክውሰድ ኣለዎ

## 9. ስልጠናን ፈተና ክእለትን ዘዋሪ ተሽከርካሪ

ዝኾነ ሰብ ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘወርቲ ተሽከርካሪ ንምርካብ፣

1. ብመሰረት እቲ ቢሮ ዘውፅኦ ስርዓተ ትምህርቲ ክልስ ሓሳብን ተግባርን ዘዋሃሃደ ስልጠና ምውሳዱን፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ስልጠና ምስወደአ ዝተውሃቦ መረጋገፂ ክእለት ፈተና ዝሓለፈ ክኸውን ኣለዎ፣

## 10. ግቡኣት መሰልጠኒ ማእኸል

ዝኾነ ትካል መሰልጠኒ፡-

1. እቲ ቢሮ ዘውፅኦ መዐቀኒ ምምላእን ከም ኣግባቡ ብቢሮ ወይ ብፍቓድ ውሃቢ ኣካል ዝተውሃበ ወረቐት ምስክርን ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዝተውሃበ ፍቓድ ንግዲ ስራሕ ምሓዝ፣

2. ስልጠና ኣብ ዝህበሉ ግዘ ደንብታት ድሕንነት ትራፊክ ብዝግበእ ምኽባሮም ምርግጋፅ፣

3. እቲ ስልጠና ብመሰረት ቢሮ ዘዳለዎ መዐቀኒ ምክያድን፣

4. መረዳእታ ስልጠና ምሓዝን በበግዚኡ ንፍቓድ ውሃቢ ኣካል ፀብፃብ ከቕርብ ኣለዎ።

3. በአንድ ምድብ ውስጥ ከዝቅተኛ ወደ ከፍተኛ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጭ ፈቃድ የሚቀይር አሽከርካሪ ስልጠናና መውሰድ አለበት፣

4. ማንኛውም የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ የያዘ አሽከርካሪ የሌላ ምድብ የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ማግኘት ከፈለገ ለምድቡ የሚሰጠውን ልዩ የንድፍ የሃሳብና የተግባር ስልጠና እና ፈተና መውሰድ አለበት።

## 9. የአሽከርካሪ ስልጠናና የችሎት ፈተና

ማናቸውም ሰው የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ለማግኘት፡-

1. ቢሮው በሚያወጣው ስርዓተ ትምህርት መሰረት ንድፈ ሃሳብንና ተግባርን ያዋሃደ ስልጠና መውሰድእና፣

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተመለከተውን ስልጠና እንዳጠናቀቀ የተሰጠውን የችሎታ ማረጋገጫ ፈተና ያለፈ መሆን አለበት።

## 10. የማሰልጠኛ ተቋም ግዴታዎች

ማንኛውም የማሰልጠኛው ተቋም፡-

1. ቢሮው የሚያወጣውን መስፈርት ማሟላትና እንደአግባቡ በባለስልጣኑ ወይም በፈቃድ ሰጭው አካል የተሰጠ የምስክር ወረቀትና አግባብ ባለው አካል የተሰጠ የንግድ ስራ ፈቃድ መያዝ፣

2. ስልጠና በሚሰጥበት ጊዜ የትራፊክ ድህንነት ደንቦች በሚገባ መከባራቸውን ማረጋገጥ፣

3. ስልጣናውን ቢሮው ባዘጋጀው መስፈርት መሰረት ማካሄድ እና፣

4. የስልጣና መረጃ መያዝና በየጊዜው ለፈቃድ ሰጪው አካል ሪፖርት ማቅረብ አለበት።

## 11. ኩነታት ኣዘዋውራ መምሃሪ ተሽከርካሪ

1. መምሃሪ ተሽከርካሪ ክግናሕ ዝኽእል ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል እንትፍቀድን ንዕኡ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ቦታ ወይ ትሑት ምንቅስቓስ ትራፊክ ኣብ ዘለዎ መንገዲ ኮይኑ፡-
   ሀ. ኣብ ቅድሚትን ድሕሪትን እቲ ተሽከርካሪ ክሳብ 50 ሜትር ርሒቐት ፊት ንፊት ንዘሎ ወይ ብድሕሪት ንዘሎ ዘዋሪ ተሽከርካሪ ብግልፂ ዝረአ ተለማማዲ ዝብል ምልክት ዝጠቐዐ ምኳኑ፣
   ለ. ተሽከርካሪ ኣብ ስራሕ እናሃለወ ኣሰልጣኒ ኣብ ጎኒ እቲ ተለማማዲ ኮፍ ክብል ኣለዎ፣

2. ብዓል ክልተ ወይ ብዓል ሰለስት እግሪ ሞተር ሳይክል መምሃሪ ተሽከርካሪ ኣብ ዘኾነሉ ግዜ፡-

   ሀ. "ተለማማዲ" ዝብል ምልክት ኣብ ድሕሪት እታ ሞተር ሳይክል ተለጢፉ ኣብ 50 ሚትሮ ርሒቐት ንተኸታሊ ዘዋሪ ተሽከርካሪ ብግልፂ ዝረአ ምኳኑ፡-

   ለ. ብድሕሪ ተለማማዲ ኣብ ኮርቻ ሞተር ሳይክል ዝቕመጥ ኣሰልጣኒ ምህላው፣

   ሐ. ተለማማድን ኣሰልጣኒን ቆቢዕ ሓደጋ መከላኸሊ ዝጥቀሙ ክኾኑ ኣለዎም።

## 12. ፈተና ምዝዋር

ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 11 ዝተደንገገ ከም ዘሎ ኮይኑ ተለማማዲ ኣብ እዋን ፈተና በይኑ ዓርሱ ኪኡሉ ክገንሕ ኣለዎ።

## 13. ተደላይ ዕድመን ትምህርትን፣

ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ዘዋሪ ተሽከርካሪ ንምርካብ ዘመልክት ዝኾነ ሰብ፡-

1. ፍቓድ መረጋገፂ ሞተር ሳይክል ወይ ብቕዓት ምዝዋር ኣውቶሞቢል እንተኾኑ፣ እንተነኣሰ 4ይ ክፍሊ ትምህርቲ ዝወደአን ዕድምኡ ካብ 18 ዓመት ዘይነኣሰን፣

## 11. የማስተማሪያ ተሽከርካሪ አነዳድ ሁኔታዎች

1. የማስተማሪያ ተሽከርካሪ ሊነዳ የሚችለው አግባብ ባለው አካል ሲፈቀድ ለዚሁ ተብሎ በተዘጋጀ ቦታ ወይም አነስተኛ የትራፊክ እንቅስቃሴ በሚኖርበት መንገድ ላይ ሆኖ፣
   ሀ. ከተሽከርካሪው ፊትና በስተኋላ ተለዋጭ እስከ 50 ሜትሮ ርቀት ከፊት ለፊቱ ወይም በኋላ ላለ አሽከርካሪ በግልፅ የሚታይ "ለማጅ" የሚል ምልክት የተለጠፈ መሆኑን፣
   ለ. ተሽከርካሪው ስራ ላይ ባለበት ጊዜ ለማጁ ጎን አሰልጣኝ መቀመጥ አለበት፣

2. የማስተማሪያ ተሽከርካሪ ባለ ሁለት ወይም ባለ ሶስት እግር ሞተር ሳይክል ሲሆን፡-

ሀ. "ለማጅ" የሚል ምልክት ከሞተር ሳይክሉ በስተኋላ ተለጥፎ ከ50 ሜትር ርቀት ለተከታይ አሽከርካሪ በግልፅ የሚታይ መሆኑ

ለ. ከለማጁ በስተኋላ ከሞተር ሳይክሉ ኮርቻ የሚቀመጥ አሰልጣኝ መኖር እና፣

ሐ. ለማጅና አሰልጣኙ የአደጋ መከላከያ ቆብ የሚጠቀሙ መሆን አለበት።

## 12. የማሽከርከር ፈተና

በዚህ አዋጅ አንቀፅ 11 የተደነገገው ቢኖርም ለፈተና ሲሆን ለማጁ ብቻውን ራሱን ችሎ ማሽከርከር አለበት።

## 13. ተፈላጊ ዕድሜና ትምህርት

የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ለማግኘት የሚያመለክት ማናቸውም ሰው፣

1. ለሞተር ሳይክል ወይም ለአውቶምቢል የአሽከርካሪ ብቃት ማረጋገጫ ፈቃድ ሲሆን ፣ ቢያንስ የአራተኛ ክፍል ትምህርት ያጠናቀቃ እድሜው ከ18 ዓመት ያላነሰ፣

2. ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ምዝዋር ታክሲ ፣ፈሳሲ ወይ መመላለሲ ህዝቢ እንተኾይኑ፣እንተነኣሰ 8ይ ክፍሊ ትምህርቲ ዝወደኣን ዕድምኡ ካብ 24 ዓመት ዘይንእስን

3. ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት ምዝዋር ደረቕ ፅዕነት ተሽከርከርቲ ወይ ፍሉይ ተንቀሳቓሲ መሳርሒ ዘዋሪ ተሽከርካሪ እንተኾይኑ እንተነኣሰ 8ይ ክፍሊ ትምህርቲ ዝወደአን ዕድመኡ ካብ 20 ዓመት ዘይንእስን ክኸውን ኣለዎ

14. <u>**ኩነታት ጥዕና**</u>

1. ፍቓድ መረጋገፂ ብቕዓት መዘወሪ ንምርካብ ዝደሊ ዝኾነ ሰብ ተሽከርካሪ ብዝግባእ ምንቅስቓስ ካብ ዝህውኽ ዝኾነ ዓይነት ጉደኣት ኣካል ወይ ምህዋኽ ጥዕና ነፃ ክኸውን ኣለዎ፣

